
ሕርሻ እንስሶ

ብጆርጅ ኦርወል

ትርጉም
ተዚአ ተስፋይ



ሕርሻ እንስሳ

ሕርሻ እንስሳ

ብጆርጅ አርወል
እተጸርሰ

ብተኪአ ተስፋይ
እተተርጕመ

Asmara
Ethiopian Studies Centre
1993

Copyright Tekie Tesfai, 1993

George Orwell's **Animal Farm**

A Tigrinya Translation by
Tekie Tesfai

Published by the
Ethiopian Studies Centre
P. O. Box 868
Asmara, Eritrea.

መ እ ተ ዊ

ቅድሚ ሰለስተ ዓመት፡ ሓንቲ ንቑልዑ ኢለ ዝተርጕምክዋ መጽሓፍ ንምሕታማ ኻብ ክፍሊ ሳንሱር ፍቓድ ብዝሓተትኩ፡ እቲ ዘኸረብክዎ ጥያቐ ተቐባልነት ከም ዝረኸብን ዘይረኸብን ንምፍላጥ ጥራይ ልዕሊ ሽዱሽተ ወርሒ ናብቲ ቤት-ጽሕፈት ተመላሊሰ። ብ፲ ይካ'ዚ፡ እቲ መጽሓፍ ንኽይሕተም ዚወሃብ ዝነበረ ምኽኒታት ጸብጸብካ ኣይ ውዳእን።

ድሒ ግን፡ ሳላ'ቶም ድኻምን ጽምእን ኣስሓይታን ተጻዊሮም፡ ክቡር ኣካላቶም ሰንኪሱም፡ ልዕል-ዅሉ ድማ መተካእታ ዘይርከባ ህይወቶም ብጅዮም ናጽነት ዘልበሱና ጀጋኑና ሰላም ሰፊኑስ፡ እሞ'ኳ፡ ነቲ ቕድሚ ሰለስተ ዓመት፡ እንኳይዶ ተርጕምካ ናብ ሳንሱር ከተቕርቦስ፡ ኣብ ገዛኻ ንምሓዙ ዘጠራጥር ዝነበረ መጽሓፍ፡ ፍቓድ ሕትመት ንምርካብ ናይ ሓንቲ መዓልት'ውን "ደኅ ጽንዓት" ኣየድለየንን። ኣብ ክንድኡስ፡ ኣዝዩ ብዜተባብዕ ኣገባብ፡ ሽዱሽተ ደቂቕ ዘይወስድ ቅጥዒ ጥራይ መሊእ ብዝተዓዓልኩ ዓሚቕ ስምዒት ኣሕዲሩለይ። እዚ ንደራስያን ኩነ ንተርጕምቲ ኣዝዩ ኸቡር ህያብ እዩ። ስለዚ፡ እቶም ክሳዕ ሕጂ ብርዕና ኻብ ምልዓል ተቐጢብና ዝጸናሕና፡ "እንሆ ፈረስ፡ እንሆ ሜዳ!" ንበሃል ኣሎና'ሞ ነቲ ኣመና ተዳኺሙ ዘሎ ስነ-ጽሑፋትና ንምድንፋዕ ንቀዳደም።

ቀንዲ ትሕዝቶ ናይቲ ጽዋ፡ ብዛዕባ ኣብ ጨፍላቒ ስርዓት ዚኸስት ባህርያት፡ ኣመጻጽኣኡ፡ ኣብ መስርሕ ኣፈጣጥራኡ ስልጣን ንምጭባጥ ዚግበር ቕርቕስን ሽሕጣንን፡ ቀጺሉ ጥቕሙ ንምርግጋጽ ነቲ ኣተላዕለሉ ቕንዲ ዕላማታት በብኞሩብ እተፈላለዩ ምስምሳት እናቕረበ ኸም ዜፍርሶ፡ ኣብ መወዳኢታ ኸኣ ፍጹም ተጻዩ ዅይኑ ኸም ዚርከብን የብርሀ። ጆርጅ ኦርወል፡ ኣብ መንን ሰብን ንሱ ዚውንኖም እንስሳ-ዘቤትን ንዝጸንሐ ዘይፍትሓዊ ዝምድና ኸም መበገሲ ገይሩ፡ ብሓደ ወገን እናዘናግዐ፡ በቲ ኻልእ ዘይትጽበዮ ኣጋጣሚታት እናምጽኣ፡ ዜሰንብድን ዜጕህን ግን ከኣ ሓቂ ዝኾነ ናይ ጨፍላቕነት ባህሪ የቃልዕ።

መብዛሕትኡ ኣብቲ መበቈላዊ ጽሑፍ ዚርከብ እንግሊዛዊ ኣሽማት ብኣጸዋውዓ ትግርኛ ተለዊጡ ኣሎ። እዚ ዝተገብረ፡ ሳዛ ንኸ ህልም፡ ሓደው ከኣ መልእኽቲ ናይቲ ጽሑፍ ንኸይዘናበል ተመሳሳሲ ባህሉት ወይ ኣደማምጻ ንምሃብ ጥራይ ከም ዝኾነ፡ ስለዚ ኸኣ ንዋላ

ሓደ ሰብ ብስመ - ተመሳሳልነት ክም ዘይምልከቶ ብትሕትና ክፍልጥ እፈቱ ።

ከቡር አንባቢ ፣ እዛ ሓጺር ግን ክሳ ቑም - ነገር ዝሓዘት መጽሓፍ ብዙሕ ተዘክሮታት ክም እተምጽአልካ እግምት ። አንቢብካ ሽም እትድሰተላ'ውን አይጠራጠርን ።

አስመራ ፣ ጥሪ 1993

ተኪአ ተስፋይ

ምስጋና

ንሓው ኤሲዮ ቶኒኒ ፣ እዛ መጽሓፍ ንሕትመት ንኽትበቅዕ ክብ ዝበለ ፊናንሲያዊ ሓገዝ ስለ ዘበርከቱለይን ዘተባብውንን ካብ ልቢ ዝፈልፈለ ምስጋናይ እቕርብ ። ከምኡ'ውን ፣ ንምምሕዳርን ሰራሕተኛ ታትን ቤት ማሕተም ፍራንቸስካና ፣ ስለቲ ስሉጥን ውሕስልን ስራሕም ሞሳይን ናእላይን እገልጽ ። አብ መወጸእታ ፣ አብ መስርሕ ትርጉም ናይዛ መጽሓፍ አብ ምእራምን ምስላጥን ናይቲ ዕዮ ፣ ወትሩ ኻብ ጐነይ ከይተፈልየት ዝሓገዘትንን አብ መጠረሽታ ንኽብጽሖ ድማ ዘተባብዓትንን በዓልቲ ቤተይ ፍረወይኒ ኪዳነ ኽየመስገንክዋ ኽሓልፍ አይደልን ።

ተኪአ ተስፋይ ።

ጆርጅ ኦርወል

ኤሪክ አርተር ብለየር (ጆርጅ ኦርወል) ፣ ብ1903 አብ ሞቲሃሪ እትበሃል ከተማ ፣ አብ ሀንዲ እተወልዱ እንግሊዛዊ ደራሲ ነበረ ። ኦርወል ዚብል ሽም ፣ ካብቲ አብ ምብራቕ አንግልያ (ሃገር እንግሊዝ) ዚርከብ ፣ ፈለግ ኦርወል እተ ባህለ ዝተለትሐ ሽም'ዩ ። በዚ ኽም'ዚ እናተፈልጠ ብዙሕ ስነ - ጽሑፍ ስለ ዘበርከተ ፣ በብቕሩብ ምስ ዕለታዊ ናብራኡ እናተዛመደ ብምኻዱ ፣ ብዘይካ'ቶም ሓደት መቕርቡን ገለ አሕሉቑን ፣ በቲ ናይ ሓቂ ሽሙ ፣ ማለት ብ " ብለየር " ዚፈልጦ ዳርጋ አይነበረን ።

ወለዱ ናብ ሃገር እንግሊዝ ብዝተመልሱ ኽአ ፣ ብ1917 ፣ አብ ኢትን እትበሃል ኮለጅ አትዩ ክሳዕ 1921 ተማህረ ። አብኡ ፣ በብእዋኑ አብቲ ናይቲ ኮለጅ መጽሔታት እተፈላለዩ ጽሑፋት አቕረበ ። ብ1922 ፣ በቲ አብ ሀንዲ ዝነበረ " ሃጸያዊ ፖሊስ " ዚስመ አካል ሰራዊት እንግሊዝ ተመልሚሉ ፣ አብ በርማ ንአስታት ሓሙሽተ ዓመት አገልገለ ። ብ1927 ፣ ኦርወል ንዓመታዊ ዕረፍቲ ካብ በርማ ብዝተመልሰ ፣ ካብቲ ሃጸያዊ ፖሊስ ተሰናበተ ። ብድሕሪ'ዚ አብ ሕማኞ ዂነት ወደቐ ። አብ ላንድንን ከባቢኣን ፣ ምስ ለመንትን ሰብ ውዕ ለትን አብቲ ዝሓሰረ መሕደሪታት እናደቀሰ ፣ አብ ግራውቲ እናሽቀለ ፣ ከምኡ'ውን አብ ፓሪስ ፣ አብቲ እተ ጨቓጨቐን ጽርየት ዝጐደሉን አባይቲ እናነበረ ፣ አብ ሆተላትን ራስቶ ራንተታትን ብያቲ እናሓጸበ ፣ አብ ማእከል'ቶም ዝደኸዩኹን አዝዮም እተናዕቁን አህዛበ - ኤውሮጳ መሪር ህይወት ኣሕ ለፈ ። እዚ ተመክሮ'ዚ ክም መጠን ደራሲ ንባህራኡ ፍሉይ ትርጸ ኼትሕዞ ኽአለ ።

ብ1936 ፣ ኦርወል ፣ አብቲ አብ ስጳኛ እተወልዐ በር ጌሳዊ ዂናት ፣ ምስቶም ሪፓብሊካዊ ሚሊሽያ ተጸምቢሩ አብ ክልተ ግንባራት አገልገለ ። አብ ቱሩል እተባህለ ግንባር ክሳ ጕረርኡ ተወጊኡ ብብርቱዕ ቁሰለ ። ብ1937 ፣ አንጻር እቶም ንተጅወምቶም ንምጭፍላኞ ዚህንደዱ ዝነበሩ ኮሚ ዩኒስታውያን ድሕሪ ምግጣም ፣ እቲ ዂነት ንህይወቱ ስለ ዘስግእ ካብ ስጳኛ ሃዲሙ ወጸ ። እዚ ፣ እቲ ኦርወል ካብኡ ንደሓር ምሉእ ህይወቱ ኻብ እእምሮኡ ኺሓኽኮ ዘይክእለ ፣ አብ ኮምዩኒዝም ጽልእን ራዕድን ኪሕድረሉ ኽአለ ።

ካብ 1940 ንደሓር ፡ ኦርወል ፡ ፈለማ ኣብ እዋን ካል ኣይ ኩናት ዓለም ኣብ ህንዲ ኽም ሓላፊ ምብራቕዊ ኣገል ግሎት ናይ ቢ.ቢ.ሲ ፡ ቀጺሉ ፡ " ትራብዩን " ናይ እተባህለ ጸጋማይ ክንፊ ጋዜጣ ፡ ከም ስነ - ጽሑፋውን ፖለቲካውን ሓተታ ኣቕራቢ ፡ ብድሕሪኡውን ኣብ ካልኦት ጋዜጣታት ከም ኣመሓላላፊ ጸብጻባት ውግእ ኮይኑ ዓየየ ።

ኣብ ዘመነ - ህይወቱ ፡ ኦርወል ውሑድ ዘይበሃል መጻ ሓፍቲ ደረሰ ። " ዳውን ኣንድ ኣውት ኢን ፓሪስ ኣንድ ላንድን " (ህውተታ ኣብ ፓሪስን ላንድንን) ፡ ሓንቲ ድሕ ር'ቲ መሪር ተመክሮኡ (1933) ኣብዘን ከተማታት ዝጸ ሓፋ እያ ። ከምኡ'ውን ብ1938 ዝጸሓፋ ፡ " ኣኽብሮት ንካ ታሎንያ " ዘርእስታ ፡ ሓንቲ ኻብቶን ዝበለጸ ዕዮኡ ተባሂላ ትጥቀስ ። እታ ንፈለማ እዋን ህቡብነት ዘምጽኣትሉን ዘር ብሓቶን ግን ፡ እዛ ሕጂ ናብ ትግርኛ ተተርጕማ እትወጽእ ዘላ " ሕርሻ - እንስሳ " (ኣኒምል ፋርም) ዘርእስታ መጽ ሓፍ'ያ ። ብዙሓት ነቓፍያን ፡ ካብቶን ኦርወል ዘበርከቶን ፡ ምናልባት'ውን እታ ዝበለጸት ፡ ዓላን ፋንታዝያን ዝመልኣ ፡ ብዚነአድ ኣገባብ ድማ እተጻሕፈት እናበሉ ርእይቶኦም ይህ ቡላ ። ብድሕሪኡ'ውን እታ ብ1949 ዝጸሓፋ ፡ ዳግም ዝበለጸ ዝና ዘልበሰቶ " ዓስርተው ትሽዓተን ሰማንያን ኣርባዕተን " (1984) ዘርእስታ ፡ ትንግርታዊት እትብሃል ፡ ድሕሪ ብዙሕ ምስትንታን ዘበርከታ መጽሓፉ እያ ።

ጆርጅ ኦርወል ፡ ብ21 ጥሪ ፡ 1950 ፡ ብሰንከ'ቲ ንሓያሉ ዓመታት ዘሳቐዮ ሕማም ዓባይ ሰዓል ፡ ኣብ 46 ዓመቱ ኣብ ላንድን ኣብ ሆስፒታል ዓረፈ ።

፩

ምድሪ ምስ መሰየ ፡ ኣይተ ሃንስ ወናኒ " ሕርሻ ርስትኻ " ንቲ ስፍራ ደራሁ ዓጸጸዎ ። ምሒር ሰትዩ ስለ ዝነበረ ግን ፡ ንቲ ዘጸልቋሉ ነኺላት ረሲዕዎ ኣይከደኖን ። ካብታ እንጠ ልጢልዋ ዝነበረት ፋኖሱ ዝወጸ ባና ብርሃን የማነ ጸጋም እና ላኸዐ ፡ ሰንደልደል እናበለ በቲ መረባ ሰንጢቹ ኸደ ። ንቲ ወድይዎ ዝወዓለ ቡት - ሳእኑ ብድሕሪ ገዛ ሰንድዩ ፡ ካብቲ ኣብ ክሽነ ዚርከብ በርሚል ክእ ንመሕደሪቱ ሓንቲ ብር ጭቆ ቢራ ሰትዩ ናብ መደቀሲኡ ኣቢሉ ተጓዕዘ ። ኣብቲ እዋን'ቲ ፡ በዓልት - ቤቲ ወይዘሮ ሃንስ ዛጊት ኣብ ዓራታ ኾይና ትሕመንኽ ነበረት ።

መብራህቲ ቤት መደቀሲ ጥፍኣ ብዝበለ ፡ ኣብ ኵሉ'ቲ ስፍራታት ሕርሻ ፡ ሓፈትፈትን ገርፈጥፈጥን ኪስማዕ ጀመረ ። እያ መፍሉሳ እተባህለ ፡ ኣብ ውድድር እንስሳታት ብልጫ እተሸለመ ጸዕዳ ሓሰማ ፡ ኣብታ ኾድሚኣ ለይቲ ሓደ መስ ተንክር ገኾነ ሕልሚ ስለ ዝረኣየ ፡ ብዛዕባኡ ነቶም እንስ ሳታት ኪዘንትወሎም ከም ዝደለየ ብቐትሩ ወረ ተዘርጊሑ ውዒሉ ነበረ ። ስለዚ ድማ ፡ ኵሎም እቶም እንስሳታት ፡ ኣይተ ሃንስ ካብቲ ስፍራ ኣዐርዩ ምስ ረሓቐ ፡ ኣብቲ ሓሰር ዚኸዘነሉ ዓቢ ሪቕ ንኺእከቡ ተሰማሚያም ነበሩ ። እያ መፍ ሉሳ ፡ ኣብቲ ሕርሻ ኣዝዩ ኽቡር ስሙ ድማ ማኑን ነበረ'ሞ ፡ ነፍስ - ወከፍ እንስሳ ነቲ ዘረባኡ ንምስማዕ ካብ ድቃሱ ሓንቲ ሰዓት ንምውሓይ ድልዊ እዩ ዝነበረ ።

መፍሉሳ እቐድም ቢሉ ፡ ኣብ ሓደ ስቱር ኵርናዕ ናይቲ ሪቕ ፡ ኣብ ብርኽ ዝበለ መድረኽ መሰል ስፍራ ፡ ሓሰር እተ ጸፍጸፎ መኻን ሓዙ ኺጽበ ጸንሐ ። ብልዕሊኡ ኣብ ጕንዲ ተኣሲራ እተንጠልጠለት ፋኑስ ነበረት ። ዕድሚኡ ዓስር ተው ክልተ ዓመት ኣቢሉ ይኸውን ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ ሸምጊሉን ፈርዚውን ነበረ ። ምስ'ዚ ኹሉ ግን ፡ ግርማኡ ዘይ ተቐንጠጠ ውቁብ ሓሰማ'ዩ ዝነበረ ። እተን ንግዳም ዝተ ቐልቀላ ዘይጐረፋ ጉጩ'ውን ፡ ንቲ ለባምን ሕያዋይን ትር ኢቱ ኪኸውልኦ እይከኣላን ። ነዊሕ ከይጸንሑ ፡ እቶም ካል እት እንስሳታት በብተራ እናመጹ ከከምቲ ዚጥዕሞም ገይሮም

መኻናም ኪሕዙ ጀመሩ ። ፈለማ ፡ ሰለስተ አኽላባት ፡ ሓጎ ሳን ለገሳን ጎፋርን እተባህሉ መጹ ፡ ብድሕሪኦም ሓሰማታት ተኽተሉ ፡ አብ ቅድሚ'ቲ መድረኽ ዘርከብ ሓሰር ፡ አብ ማእ ከሉ አትዮም ድማ ተቐመጡ ። ደራሁ ዘበላ አብቲ ልዳት መሳኹቲ ሰፈራ ፡ ረጋቢት አብቲ ናይ ናሕሲ አግማል ዓለባ ፡ አባጊዕን ላሕምታትን ድማ ብድሕር'ቶም ሓሰማታት ሚመን ውራይ መጉስዐን ኪገብራ ጀመሩ ። መጋልን ራህዋን እተ ባህሉ ፡ ዓረብያ ዚጓትቱ ኽልተ አፍራስ ፡ ህድእ ኢሎም እና ሰጕሙ ፡ አብ ማእከል'ቲ ሓሰር እተኽወለ ደቂኞ እንስሳ ኽይህሉ ብምስካፍ'ውን ፡ ብዓቢ ጥንቃቐ በቲ ጨንር ሸኾ ናታቶም እናረገጹ ብሓባር አተዉ ። ራህዋ ፍርዝዕ ዝበለት ፡ ዕድሚእ ኽተፋርኞ ዝቐረበት አዝያ ሕያወይቲ ባዝራ እያ ። ድሕር'ቲ ራብዓይ ውላዳ ፡ እቲ ጽቡቕ መሸከላ ምስ ተበላ ሸወ ፡ ከም ቀደሙ ኺምለስ አይከአለን ። መጋል ቀሙቱ ሸዱ ሽተ እመት አቢሉ ይኽውን ፡ ሓይሉ ድማ ክንዲ ኽልተ ተራ አፍራስ ዚመጣጠን ጠገለ ዘይብሉ ገዚፍ እንስሳ እዩ ዝነበረ ። ሓንቲ በፍንጫኡ አቢላ ዘወረደት አሸዓል ዕንጅል ዝበለ መልክዕ ሂባቶ ትርአ ነበረት ። ብሓቂ'ውን ፡ ክንድ'ቲ ዚነአድ ምስትውዓልሲ አይነበሮን ። ግዳ ፡ በቲ ጽኑዕ ጠባ ዩን ሕሉፍ ጸዕራን ዙላቶም የኽብርዎ ነበሩ ። ድሕር'ቶም አፍራስ ፡ ፈገስ እታ ጤልን ፡ ጸዕዱ እቲ አድማን መጹ ። ጸዕዱ አብቲ ሕርሻ ብዕድመ ዝሸምገለ ፡ ጠባዩ ድማ ዝኽ ፍአ ነበረ ። ሳሕቲ'ዩ ዚዛረብ ፡ ገለ እተን ተንብሀ'ውን ቋር ታን ዝሓዘለ ርእይቶ ጥራይ እዩ ። ንኣብነት ፡ እግዚኣብሄር ቁራ ዝዓደሎ ጽንጽያ ሰስ ኪብለሉ ኢሉ እንተኾነ'ኳ ፡ ከምቲ ናቱ ምርጫስ ፡ ቁራ ዘይብሉ እንተ ዚፍጠር ፡ ጽን ጽያ ድማ እንተ ዘይህልዉ ምሓሸ በሃላይ እዩ ዝነበረ ። ካብ ቶም አብቲ ሕርሻ ዚነበሩ እንስሳታት ስሒቹ ዘይፈልጥ በይኑ ንሱ ጥራይ እዩ ። ንምንታይ ከምኡ ኽም ዝኾነ ምስ ዚሕተት ድማ ፡ " ዚስሕች ነገር አይረእኹን ፡ " ኢሉ ይም ልሽ ነበረ ። ዝኾነ ኾይኑ ፡ አየግሃዶን ደእ'ምበር ፡ አብ መጋል ምሒር ፍቕሪ ነበሮ ። ክልቲኦም እዚአቶም ፡ መብዛሕትኡ እዋን ሰንበት ሰንበት ፡ አብቲ ኽንዮ ስፍራ አታኽልቲ ዚር ከብ ሕጣቲ ብሓባር ሳዕሪ እናማእረሩ የሕልፍዎ ነበሩ ።

እቶም ክልተ አፍራስ ብዝዓሙ ፡ ብኡብኡ አዲኦም ዝጠ ፍኡቶም ጨቓዊት ደርሆማይ ብተርታ አትዮም ፡ ብድኹም

ድምጺ ጩቕ-ጩቕ እናበሉ ፡ ዘይገጹሉ መኻን እንተሉ ኽናድዩ ድማ የማነ - ጸጋም ሃለው ምባል ጀመሩ ። ራህዋ በቲ ገዘፍቲ ቐዳማይ መሓውራ ገይራ ሓጸረትሎም'ሞ ፡ እቶም ጨቓዊት አብ ማእከሉ ሰፈሩ ፡ ብቕጽበት ከኣ ድቃስ ጠለ ሞም ። አብ መወዳእታ ፡ ሙሉ እተባህለት ፡ መዛወሪት - ካሮሳ ናይ አይተ ሃንስ እትስሕብ ጸዕዳ ባዝራ ፡ እናተስወንወንትን ሓለዋት እናሓየኽትን አተወት ። ሙሉ ምልክዕቲ ኽንሳ ዓሻ'ያ ዝነበረት ። አብቲ ጥቓ ኞድሚት ተቐሚጣ ድማ ፡ ነቲ ብቐይሕ ጋማ እተሸለመ ጕንጕንኣ መታን ኪረአየላ ነስነስ ከተበሎ ጀመረት ። ድሕሪ ኹሳቶም ድሙ መጸት ፡ ከምታ አመላ ፡ ምውኞቲ ቦታ አናድያ ፡ አብ መንጎ መጋልን ራህዋን ተቐርቂራ አተወት ። አብኡ ኾይና ደስ ኢልዋ ፋር እናበለት ነቲ ኹሱ መደረ ናይ አያ መፍሱሳ ገለ ኽየኞለበ ትሉ አሕለፈቶ ።

ብዘይካ'ቲ ብድሕሪ ገዛ ፡ አብ ልዕሊ ሓንቲ መዕለቢት ተታኽሱ ዝነበረ ሙሴ እተባህለ ለማዳ ኳኹ ፡ ሙሎም እቶም እንስሳታት ናብቲ አኼባ መጹ ። መፍሱሳ ኹሳቶም ጥጡሕ ስፍራ ኽም ዝሓዙ ፡ ዘረብኡ ንኪሰምዑ ኽኣ ናብኡ ኽም ዘደሃቡ ብዝረአየ ፡ እሕሕ ብምባል ከምዚ ኺብል መደረኡ ጀመረ ።

" ብጾት ፡ ብዛዕባ'ቲ አብ ዝሓለፈ ለይቲ ዝረአኽዎ ዜገርም ሕልሚ ዛጊት ሰሚዕኩም ኢኹም ። እዚ ሕልሚ'ዚ ግን ዳሕራይ ተመሊሰ ኽዛረበሉ'የ ። ቅድሚኡ ኽልእ ክብሉ ዝደሊ ነገር አሎ ። ብጾት ፡ ምሳኻትኩም ደጊም ክንደየ ናይ ከይጸንሕ ፡ ስለዚ ኽእ ፡ ቅድሚ ሙማተይ እቲ ዝረ ኽብክዎ ልቦና ናባኻትኩም ከመሓላልፎ መዘይ ኮይኑ ይስ ምዓኒ ። እነ ነዊሕ ዕድመ ጸኒሐ'የ ፡ አብ መዓይሞይ ተገም ሲሰ ንብሕተይ ኮይነ ንኽስተንትን ዚእክል ግዜ ረኺበ እየ ። እቲ አብዛ ምድሪ'ዚኣ ዘሎ ኹነታት ናብራ ፡ ከምቲ ንዝ ኾነ ህያው እንስሳ ዚርድኦ ይርደእኒ'የ ኽብል ዝኽእል'ውን ይመስለኒ ። ብዛዕባ'ዚ ኽእ'የ ፡ ክዛረበኩም ዝደሊ ።

እምበኣርከስ ብጾት ፡ ናብራና ኽመይ ይመስል ። እግ ሂድና'ስክ ንዘትየሉ ። ህይወትና ሓሳረ መከራ ዝመልእ ፡ ብዙሕ ጻዕሪ ዘለዋ ፡ ከምኡ'ውን ሓጸር እያ ። ንውለድ ፡ ንመሓለው ትንፋስ ተባሂሉ ዕቁን ምግቢ ይወሃበና ፡ እቶም

ዓቕሚ ዘሎና ዘበልና ኽእ ሓይልና ኽሳዕ ዚጽንቀኞ ብማዲ ንሰርሕ ። አገልግሎትና አብ ዜቋርጸሉ እዋን ድማ ብኞጽ በት ብዜስካሕክሕ ጭካነ ንሕረድ ። አብ ሃገር እንግሊዝ ፡ ካብ ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኡ እንሰሳ ፡ ትርጉም ታሕጓስን ቅሳነትን ይፈልጥ ማለት ዘበት'ዩ ። አብ ሃገር እንግሊዝ ናጻ ዚበሃል እንስሳ የልቦን ። ናብራ ሓደ እንስሳ መከራን ባርነትን እዩ ። እዚ'ዩ እቲ ሕብእምብእ ዘየድልዮ ሓቂ ።

እንተኾነ ግን እዝስ ፡ ሓደ ኽፋል ካብ ሕጋጋት ተፈጥሮ ጥራይዶ ኺበሃል ይክእል ? እዛ መሬትና ፡ ካብ ምሒር ድኽነት እተላዕለ ፡ ነዞም ተቕማጦኣ ዝኾንና ጽፉፍ ናብራ ንኽነሕልፍ ዓቕሚ ስለ ዝሰአነት ደኾን ይኽውን ? ኣይኮነን ብጾት ! ብፍጹም ኣይኮነን ! ዓዲ'ንግሊዝ መሬታ ፍር ያም እዩ ፡ ካብዞም ሕጂ እንነብረላ ዘሎና እንስሳታት እዝዮም ዚዛይዱ ኣጽጊባ ኽትምግብ ክእለት ኣለዋ ። እዛ ሕር ሻና'ኳ ብዓኞማ ፡ ሓደ ደርዘን ኣፍራስ ፡ ዕስራ ላሕምታት ፡ በማኢት ዘቕኣራ ኣባጊዕ ክትዕንግል ምኽኣለት — እዚኦም ኵላቶም ከኣ ፡ ንኽንግሙቱ ብዜጸግም ምኞትን ክብርን ኪነ ብሩላ ምኽኣሉ ። አብዘ ኽጋር ዝመልእ ዅነት እንርከበሉ ዘሎና ምኽንያት ደኣ እንታይ'ዩ ? እቲ ምኽንያትሲ ፡ ብጸዕርና እተረኽበ ፍረ ፡ ዳርጋ ብምሉኡ ብደቅ - ሰብ ይስረኞ ስለ ዘሎ'ዩ ። እዚ ድማ'ዩ ብጾት ፡ ናይ'ዚ ዅሉ ጸገማትና ቑንዲ መበገሲ ። ብሓንቲ ቓል ከኣ ኽድምደም ይክኣል ፡ — ሰብ ። ሰብ ጥራይ እዩ ናይ ሓቂ ጸላኢና ። ሰብ የልማስ'ሞ ኸው እቲ ቑንዲ መበቈል ጥሜትን ሃለኽለኽን ድማ ንሓዋሩ ኽውግድ'ዩ ።

ከየፍረየ ዚበልዕ ፍጡር ፡ ሰብ ጥራይ እዩ ። ጸባ ኣይ ሕለብ ፡ እንቋቕሓ ኣየውድኞ ፡ ማሕረሻ ኽይጓትት ፡ ዓኞሙ ኣዝዩ ድኹም ፡ ማንቲለ ጐይዩ ኽይሕዝ ድማ ብቑዕ ፍጥነት የብሉን ። ምስናይዚ ግን ፡ ጎይታ ዅሉም እንስሳታት ንሱ እዩ ። ንሱ ናብ ስራሕ የዋፍሮም ፡ ካብ ጥምየት ንማለቱ ዚዕንግል ኣዝዩ ሒደት መ ቑኑን ይተኹበሎም ፡ ዝተረፈ ኽእ ዅሉ ንርእሱ ይወስዶ ። መሬት ብጸዕርና ይሕረስ ፡ ብዒባና ይድኳዕ ፡ እዚ ኾይኑ ግን ፡ ካባታትና ሓደ'ኳ ፡ ብዘይካ'ታ ምስኡ ዝጠበቐት ቁርበቱ ፡ ካልእ ዘጣየሶ ነገር የብሉን ። እዘን ኣብ ቅድመይ ዘሎኽን ላሕምታት ፡ ኣብዛ ዝ

ሓለፈት ዓመት ክንደይ ኽሕ ገረወይና ጸባ ኢኽን ተሓሊብክ ን። እቲ ኽንደይ ንጉዓት ምራኹት ኪዕቢ ዚግብኡ ዝነበረ ጸባኽ ኣብ ምንታይ ወዓለ ? ኵሉ ፡ ንጣብ ትኹን'ኳ ኽይተረፈት ጕረሮ ጸላእትና'ዩ ዘተርከሰ ። ኣትን ደራሁኽ ፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ኽንደይ እንቋቕሓ ኢኽን ዘውደኞክን ? ክንደይ ይክ'ዩ ኻብዚ ጨቓዊት ንኺኽውን ዝሓቜፍክንኦ ? ዝተረፈ ግን ፡ ሃንስን ሸታሎኡን ገንዘብ መታን ኪእትዉ ናብ ዕዳጋ ኣውሪዶም ሸያጠምዎ ። ንስኺ ራህዋኽ ፡ እቶም ኣብ እዋን እርጋንኪ ደገፍትኽን ሓበንክን ኪኾኑ ዚግብኦም ዝ ነበሩ ዝወለድክዮም ኣርባዕተ ሚሂራት ኣበየ'ለዉ ? ኵላቶም ዓመት ከይመልኡ ተሸይጦም — ደጊም ካባታቶም ንሓዲኦም'ኳ ኣይክትርእይን ኢኺ ። ኣርባዕተ ኽንዲ ዝተገላገልክን ፡ ኣብ ግራውቲ ሃለኽለኽ ክንዲ ዝበልክን ብዘይካ ሒደት መቑኑንን ሓንቲ ጋጽን እንታይ ረኺብኪ ትፈልጢ ?

ነዚ ብሽጋር እንሕልፎ ህይወት እንተኾነ'ውን ፡ ተፈጥሮ ዚልግሶ ዕድመ ኽንጸግበሉ ኣይፍቀደልናን'ዩ ። እነ ንጣእ ርእሰይ ፡ ሓደ ኻብቶም ዕድለኛታት ስለ ዝኾንኩ ዘጉረምርመሉ ኣብነት የብለይን ። ዕድመይ ዓሰርተው ክልተ ዓመት'ዩ ። ካብ ኣርባዕተ ሚእቲ ንላዕሊ ዝኾኑ ውሉዳተይ ድማ ርእየ'የ ። ዕምሪ ሓደ ሓሰማ ብባህራኽ ኽምዚ ኪኽውን ምተገብአ ። እንተኾነ ግን አብ መወዳእታስ ፡ ካብቲ ጨካን ካራ ዜምልጥ እንስሳ ሓደ'ኳ የልቦን ። እዞም አብ ቅድመይ ተቕሚጥኩም ዘለኽም መንእሰያት ሓሰማ ፡ ለብ ዘበን እናእወኹም ትንፋስኩም በብሓደ አብ ማሕረዲ ኽትሓ ሓልፍ'ያ ። ላሕምታት ፡ ሓሰማታት ፡ ደራሁ ፡ አባጊዕ — ኮታስ ኵላትና ፡ እዚ ዜባህርር ዅነት የማዲ ዘይተርፈና እዩ ። እፍራስን ኣኽላባትን እንተኾኑ'ውን ፡ ዝሓሸ ጽሕፍቶ የብሎምን ። ንስኻ መጋል ፡ እዚ ገዘፍቲ ጭዋዳታትካ አብ ዚደኽመሉ ዕለት ፡ ሃንስ ናብ ሓደ ሓራድ - ፈረስ ኪሸጠካ'ዩ ፡ ንሱ ድማ ምግቢ ኣኽላባት - ሃድን ክትከውን ሓራዱ ኺጥጥቕካ'ዩ ። እንተ ንኽላባት'ሞ ፡ ኣስናኖም ወዲኦም ብዝቜንቄኑ ፡ ሃንስ ባዕሉ አብ ክሳውዶም ሕጠብ ኣሲሩ አብ ዝቕረበሉ ዕያግ'ዩ ዜጥሕሎም ።

በሉ'ስክ ብጾት ፡ እዚ ዅሉ አብ ናብራና ዚርእ ዘሎ በደላት ፡ ካብ ጭቈና ደቅ - ሰብ ክም ዝፈልፈለስ ብሩህዩ'ይኮ

ነን ? ንሰብ ጥራይ ነባርሮ'ምበር ፡ ኵሉ ፍረ ጸዕርና ናትና ኺኸውን'ዩ ። ጻርጋ ብሓንቲ ለይቲ ድማ ምበልጸግና ፡ ሓራ እውን ምወጻእና ። እሞኸ እንታይ ክንገብር ይግበአና ? ኤእ ፡ ለይትን መዓልትን ብምሉእ ዓቕምናን መንፈስናን ንዓሌታት ደቅ - ሰብ ከነባርር ምግዳል'ዩ ዘሎና'ምበር ! ብጾት ፡ ንሱ ኸእ'ዩ እቲ ኸመሓላልፎ ዝደሊ መልእኽተይ ፡ ዕልወት'ዩ ዘዋጽአና ! እዚ ዕልወት'ዚ መእስ ከም ዚኸውን አይፈልጥን ። ድሕሪ ሰሙን ወይ ድማ ድሕሪ ሚእቲ ዓመት ይፍጸም ይኸውን ። ውዲኡ ሓዲሩ ፍትሒ አብ ተግባር ከም ዚውዕል ግን ብዘይ ውልውል አርጊጸ እፈልጥ'የ ። ብጾት ፡ አብ ዘን ተሪፈናኹም ዘለዋ ሓጸርቲ ዕምሪ ናብዚ ጉዳይ'ዚ ደአ አድህቡ ! ልዕሊ ዅሉ ድማ እቲ ዚመጽእ ወለዶ ነዚ ቓልሲ ኸሳዕ ዓወት መታን ኪቕጽሎ ነዚ መልእኽተይ አመሓላልፉሉ ።

ከምኡ'ውን ብጾት ፡ ዘሕለፍኩምዎ ውሳነ ላንግላንጋ ኺተርፍ ከም ዘይግባእ ዘክሩ ። ዝኾነ ይኹን ዘረባ ኼጋግ የኩም አይግባእን ። ሰብን እንስሳን እተአሳሰረ ረብሓ አለ ዎም ፡ ንሱ ምስ ዚርህዎ እቲ ኻልእ'ውን ይርህዎ እንተ በሉኹም አይትእመኑ ። ኵሉ'ዚ ሓሶት'ዩ ። ሰብ ብጀካ ናይ ገዛእ ርእሱ ረብሓ ናይ ካልእ ፍጡር አይዓጅቦን'ዩ ። አብ መንነና አብ መንነ እንስሳታት ድማ አብ ቃልስና ፍጹም ሓድነት ፡ ፍጹም ምሕዝነት ይሃሉ ። ኵሎም ደቅ - ሰብ ጸላ እቲ'ዮም ። ኵሎም እንስሳታት ብጾት እዮም ።

አብዚ ግዜ'ዚ ብርቱዕ ጭራሕምራሕ ተሰምዐ ። ለከስ አብቲ መፍለሳ ዚዛረበሉ ዝነበረ እዋን ፡ አርባዕተ ገዘፍቲ አናጹ ፡ ካብ ጉድጓደን ሰላሕ ኢለን ወጺእን ኮፍ ኢለን ይሰ ምዓ ነይረን እየን ። እቶም አኸላባት'ዮም ብኢጋጣሚ ርእዮ ምወን ፡ ብቕጽበት ናብ ጉዳጉደን እንተ ዘይሽረባ ነይረን ድማ ህይወተን ኪድሕና አይምኸአላን ። መፍለሳ ኺሃድኡሉ መሓውሩ አልዓለ ።

"ብጾት ፡ " በሎም ፡ "ሓዱ ኺዕረ ዚግባእ ነጥቢ እነሆ ። ከም በዓል አንጭዋ ፡ ማንቲለ ዝእመሰሉ አራዊት ፍጥረ ታት---ፈተውቲዶ ንበሎም ጸላእቲ ? እስከ ብምርጫ ንወስን ። እምበአርከስ ፡ እዚ ዚስዕብ ሓሳብ ናብዚ ጉባኤ አቕርብ ፡ አናጹስ ብጾት ድየን ? "

እቲ ምርጫ ብኡንብኡ ተገብረ ፡ አናጹ ብጾት ንኺበ ሃላ ኽአ ብዓብላለ. ድምጺ. ሓለፈ ። አርባዕተ ተቓወምቲ ጥራይ ተረኽቡ ፡ ማለት ፡ እቶም ሰለስተ አኸላባትን እታ ድሙን ። እታ ድሙስ'ኳ ፡ አብ ክልቲኡ ወገን ድምጺ ኽም ዝሃበት ደሓርሲ ተፈሊጣ'ያ ። መፍለሳ ዘረባኡ ቐጸለ ።

" ቑሩብ ወሲኽ ዝብሎ አሎኒ ። ደጊመ ኸላበወኩም ፡ ሰብን ባህርያቱ ዘበለን ምጽላእ መዝኹም ከም ዝኾነ ወር ትማ ዘክሩ ። ዝኾነ ፡ ብኽልተ እግሪ ዚንቀሳቐስ ጸላኢ እዩ ። ዝኾነ ፡ በርባዕተ እግሪ ዚንቀሳቐስ ወይ ድማ አኸናፍ ዘለዎ ፈታዊ እዩ ። ከምኡ'ውን ምስ ሰብ አብ እንታለሰሉ እዋን ንዕኡ ኽንመስል ከም ዘይግባእ አይትረስው ። ምስ አሰነፍ ኩምዎ እንተኾነ'ውን ፡ እቲ ኽፉእ ባህርያቱ አይትውረሱ ። ዝኾነ እንስሳ ፡ አብ ዝኾነ ይኹን እዋን ፡ አብ ቤት ኪነብር ፡ ወይ ድማ አብ ዓራት ኪድቅስ ፡ ክዳን ኪኽደን ፡ መስተ ኺሰቲ ፡ ትምባኾ ኼትክኽ ፡ ገንዘብ ኪትንክፍ ወይ ድማ ኢዱ አብ ንግድ ኪእቱ አይግባእን ። ኵሉ ልማድ ሰብ ዘበለ ኽፉእ'ዩ ። ልዕሊ ዅሉ ድማ ፡ ዝኾነ እንተኾነ ፡ ሓደ እን ስሳ አብ ልዕሊ ብጫዩ ግፍዒ ኺፍጽም አይግባእን ። ሓያል ይኹን ድኹም ፡ ጐራሕ ይኹን ገርሂ ዅላትና አሕዋት ኢና ። ዝኾነ እንተ ኾነ ፡ ሓደ እንስሳ ንኻልእ እንስሳ ኺቐትል አይግ ባእን ፡ ኵሎም እንስሳታት ማዕረ እዮም ።

ሕጂ'ምበአር ብጾት ፡ ብሳዕባ'ቲ አብ ዝሓለፈ ለይቲ ዘረአኹዎ ሕልሚ ኸዘንትወልኩም'የ ። እቲ ሕልሚ'ቲ ኸገ ልጸልኩም አይክእልን ። ድሕሪ ምጽናት ሰብ ፡ ምድሪ ኸመይ ከም እትኸውን ዜርኢ ሕልሚ'ዩ ዝነበረ ። ግዳስ ንሓያሎ እዋን ረሲዐዮ ዝጸናሕኩ ነገራት አዘኻኺሩኒ ። ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ፡ ንእሽቶ ሓሰማ ኸለኹ ፡ አደይን ካልእት መሓ ዙታ ዝኾና ሓሰማታትን ፡ ሓንቲ ዜማእን ፡ ካብቲ ግጥም ታታ ድማ እተን ናይ መጀመርታ ሰለስተ ቓላት ጥራይ ዜጽንዓኣ መዝሙር ኪዝምርኣ ትዝ ይብለኒ ። ብሕጸንይ ከለ ኹ'ኳ ዜማኣ እልፈጦ ነይረ ፡ ድሕሪኡ ግን ፡ ካብ ዝርስዓ ሓያሎ እዋን ኮይኑ ። ዝሓለፈ ለይቲ ግዳ አብ ሕልመይ ተዘ ኪራትኒ ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነስ ፡ ግጥሚ ናይታ መዝሙር ከይተረፈ'ውን ዘኪረዮ---እዚ ግጥሚ'ዚ ፡ ርግጸኛ'የ ፡ ብዙሕ ዓመታት አቢሉ ይገብር ብእንስሳታት ዚዝመር ዝነበረ ፡

ይሓር ግን ካብ ውሉድ ወለዶ እናተረስዐ ዝኸደ እዩ ። ብጾት፡ ሕጂ እታ መዝሙር ከዝምረልኩም'የ ። እነ ይጊም አሪገ'የ ፡ ድምጸደ'ውን ላሕታት'ዩ ፡ ግናኸ ዚማእ ምስ መሃርኩኹም ባዕልኻትኩም ካብቲ ናተይ አብሊጽኩም ከትዝምርዋ ትኽእሉ እኹም ። አርእስታ ፡ ' እንስሳታት ዓዲንግሊዝ ' ይብል ። ''

እያ መፍለሳ እሕሕ በለ'ሞ ኪዝምራ ጀመረ ። ከሞቲ ዝበሎ ድምጹ ላሕታት'ዩ ዝነበረ ፡ ግን ግርም ገይሩ ዘመራ ። ዚማእ ኽእ ፡ ከም ሓውሲ እተን ፡ ''ከለመንታይን'' ከምኡውን '' ላ ኩኩራቹ '' ዘርእስተን መ ዛሙራት ኮይና ልቢ እትም ስጥ ነበረት ። እቲ ግጥሚ ኽምዚ ዚስዕብ ነበረ ፡

እንስሳታት ዓዲንግሊዝ ፡ አይርላንድ ብሓበራ
እንስሳታት መላእ ምድሪ ምስ አየራ ፡
ስምዕም መልእኽተይ ዝሓዘ ብስራት ፡
ብዛዕባ'ቲ መጻኢ ወርቃዊ እዋናት ።

ይውዓል ይሕደር አሎ መዓልቲ ፡
ዚባረሩሉ ደቅ - ሰብ ጨቂንቲ ፡
ለምለም ጕላጕል ዓዲንግሊዝ ብሃገሩ ፡
እንስሳታት አብኡ በይኖም ኪዕንድሩ ።

ሳንቀ ኽዉገድ ካበፍንጫና ፡
ናውቲ መጽዓን'ውን ካብ ዝባንና ፡
ንሓዋሩ ኽምርት ልጓምን መይሃርን ፡
ጨካን ጭጕራፍ'ውን አይኪነጕድን ።

አእምሮ ኽሰፍሮ ዘይክእል ሃብቲ ፡
ስርናይ ፡ ስገም ፡ ሰዓዕ ፡ ሰቲ ፡
ድርቂ ፡ ባልደንጓ ከምኡ'ውን አሕምልቲ ፡
ኪኾኑ'ዮም ናትና ሸዓኣ መዓልቲ ።

ጕላጕል ዓዲንግሊዝ ኪጽሕዩ ፡
ማያታ'ውን አዝዮም ኪጸርዩ ፡
ኪነፍሱ ንፋሳታ ብሀድእት ፡
አብታ ናጻ እንኾነላ ሰዓት ።

ምእንቲ'ታ መዓልቲ'ቲኣ ኽንደክም አሎና
ቅድሚ ምምጽአ'ኣ መወትቲ እንተኾንና

ላሕምታት ፡ አፍራስ ፡ ደራሁ ፡ ምስ ታኪናት ፡
ኵሉ ንናጽነት ይስራሕ ይጽዓት ።

እንስሳታት ዓዲንግሊዝ ፡ አይርላንድ ብሓበራ ።
እንስሳታት መላእ ምድሪ ምስ አየራ ፡
ስምዕም መልእኽተይ ዝሓዘ ብስራት ፡
ብዛዕባ'ቲ መጻኢ ወርቃዊ እዋናት ።

እዚ መዝሙር'ዚ ብዝተዘመረ ፡ እቶም እንስሳታት ነብሶም ምቑጽጻር ከሳዕ ዚስእኑ ስምዒቶም ተደረኽ ። መፍለሳ ዳርጋ ኽድሚ ምውዳኡ ፡ መብዛሕትኦም ባዕላቶም ኪዝምርዋ ጀመሩ ። እቲ ደንቆሮ እተባህለ'ኳ ፡ ዛጊት ዚማእን ፡ ካብቲ ግጥሚ ድማ ገለ ቓላትን ኪሕዝ ከአለ ። ከም ኒ ሓሰማን ከልብን ዝአመሰሉ መስተውዓልቲ ዝኾኑ'ሞ ኽእ ፡ አብ ውሽጢ ሓደት ደቓይቕ ነታ መዝሙር ብኹሉ ብቓሉም አጽንዕዋ ። ቀጺሉ ፡ ድሕሪ ቕሩብ ልምድ ፡ እታ ሕርሻ ብምልእታ ፡ '' እንስሳታት ዓዲንግሊዝ ፡'' ብዚ ብል ደሃይ አድለቕለቐት ። ላሕምታት ነቀውኣ ፡ አኽላባት ነብሕዋ ፡ አባጊዕ ገዓርኣ ፡ አፍራስ ሓምሓምዋ ፡ ደራሁ ቀቐውኣ ። እታ መዝሙር አዝያ ስለ እተፈተወቶም ፡ ከየ ቋረጹ ሓሙሽተ ሳዕ ደጋጊሞም ዘመርዋ ። ዚኣልፎም እንተ ዘይነብርሲ ፡ ምልእቲ ለይቲ'ውን ምሓደሩላ ።

ባህ አይበል ፡ አይተ ሃንስ በቲ ጭራሕምራሕ ተበራበረ ። ወኻርያ አብ ደምበኡ ዝአተወት መሲልዎ ፡ ካብ ዓራቱ ነጢሩ ወረደ ። ነታ ዅሉ ግዜ አብ ጸግዒ ዓራቱ ዚን ብራ ግንጽል አልዒሉ ፡ ናብቲ ጸልማት አቢሉ ሓንሳእ አባረቐ ። እቲ ዓረራት አብቲ መንደኞ እንዳ ሓሰር ዓለበ ፡ እቲ እኼባ ኽእ ብኞጽበት ተበተነ ። ነፍስ ወከፍ እንስሳ ነናብ መደቀሲኡ ሃደመ ። እተን አዕዋፍ አብ መመሕደሪ አን ሰፈራ ፡ እቶም ከብቲ አብኡ ኽለዉ አብቲ ሓሰር ተገምሰሱ ፡ ብኡንብኡ ድማ ምልእቲ ሕርሻ አብ ድቃስ ተዋሕጠት ።

፪

አብ ሳልስቱ ፡ አያ መፍሉሳ አብ ድቃሱ ኽሎ ብሰላም ዓረፈ ። ፌሳኡ አብ እግር'ቲ ስፍራ አታኽልቲ ተቐብረ ።

እዚ አብ ፈለማ መጋቢት'ዩ ዝኾነ ። አብተን ዝሰዓባ ሰለስተ አዋርሕ ብዙሕ ምስጢራዊ ምንቅስቓሳት ተገብረ ። እቶም መስተውዓልቲ ዘበሉ እንስሳታት ፡ በቲ ናይ መፍሉሳ መያረ ተያረኾም ፡ ንህያወት ፈጺሙ ሓድሽ ዝኾነ ትርጉም ኪህብሞ ጀመሩ ። እቲ መፍሉሳ አተንበዮ ዕልወት መአስ ከም ዚኽውን አይፈለጡን ። አብ ውሽጢ ናይ ዕድሚአም ዘመን ኪፍጸም ከቶ ትጽቢት አይነበርምን ። ነቲ እሞ ን'ቲ ድሉዋት ኲንካ ምጽናሕ ከም ዚድሊ ግን አዐርዩ ተረዲኦምም ነበረ ። ካብቶም ኵሎም አብቲ ሕርሻ ዚኾመጡ እንስሳታት ፡ ሓሰግታት ብሓፈሻኡ ዝያዳ መስተውዓልቲ ተባሂሎም ይግመቱ ነበሩ ። ስለዚ ኽኣ እቲ ናይ ምምሃርን ምውዳብን ዋኒን ግድነት አብ ኢዶም ወደቐ ። ካብቶም ሓሰግታት ጸብለል ዝበሉ ፡ ውርጮን ናፖለዮንን እተባህሉ አይተ ሃንስ ንመሽማ ዘፋረዮም ክልተ አርሓታት ነበሩ ። ናፖለዮን ፡ ገዚፍ ፡ ቕጡዕ ዝትርኢቱ ፡ በርክሻየር ካብ እተባህለ ወረዳ ዝመጸ ሓሰማ'ዩ ዝነበረ ። አብቲ ሕርሻ ፡ ንሱ ጥራይ'ዩ ካብ በርክሻየር ዝመጸ ። ብዙሕ ዘረባ ዘይፈቱ ኽነሱ ፡ ዘንቀደሱ ነገር ንምፍጻም ግን ክልካሊ ኽም ዘይነበር'ዩ ዚውረየሉ ። ውርጮ ኻብ ናፖለዮን ዝነጠፈ አብ ዘረባ ዝረጠበ ፡ ብኽእለት ምህሥ'ውን ዝነፍዐ እንተነበረ'ኳ ፡ ክንድ'ቲ ናቱ ዚመዓራረ ዓሚቕ ባህሪ ኽም ዘይብሉ ይግመት ነበረ ። እቶም ዝተረፉ ተባዕትዮ ሓሰግታት ንኽብ ልዑ እተፋረዩ እዮም ። ካብዚኦቶም ፡ ነፈኽ እተባህለ ንእ ኽቶ ስዙሕ ሓሰማ አዝዩ ውሩይ ነበረ ። መዓጉርቱ ኽም ኮዕሶ ዝምኽባበን ፡ አዒንቱ ዚውራሕርሓ ፡ ኪንቀሳቐስ ከሎ ፈጣን ፡ ኪድሂ ኽሎ ድማ መጫጪ ነበረ ። ሃብሮም ተዛራቢ'ዩ ዝነበረ ። ኪካታዕ ከሎ ብርትዕ ዝበለ ነጥቢ ምስ ዘጓንፎ ፡ የማ ነ ጸጋም እናተሰራሰረ ሞራሉ ናይ ምንስልሳል አመል ነበሮ ። እዚ አመል'ዚ ድማ'ዩ ንኺእመን ዚሕግዞ ዝነበረ ዚመስል ። ነፈኽ ፡ ንጸለም ጸዕዳ ዚብል'ዩ ፡ እናተባህለ በቶም ካልኦት እንስሳታት ዚሕመ ነበረ ።

እዞም ሰለስቱ ፡ ነቲ ናይ አያ መፍሉሳ አስተምህሮ ምሉእ ስነ - ሓሳብ ክሳዕ ዚኽውን አስፋሕፍሕዎ ፡ "እንስሳነት" ዚብል ሽም ኪኣ ሃብዎ ። ዝበዝሐ መዓረታት አብ ሰሙን ፡ ምሽት አቶ ሃንስ ድሕሪ ምድቃሱ ፡ ኣብቲ ሪቕ ሕቡእ አኼባ እና ገበሩ ፡ ብዛዕባ መትከላት እንስሳነት ነቶም ካልኦት የረድ እምም ነበሩ ። አብ ፈለማ ፡ እቲ አኼባ ጉድለት ስምዒትን ምሕር ድንቑርናን ዝሰፈኖ ነበረ ። ካብቶም እንስሳታት ሓድሕደ ፡ ንእይቲ ሃንስ "ጉይታና" እናበሉ ብምርዳሕ ፡ እሙናት ኪኾኑ ኽም ዚግብኦም ኪፍልጡ ኽለጢ ፡ ገሊኦም ድማ ፡ "ቀላቢና አይቲ ሃንስ'ዩ ፡ ንሱ እንተ ዘየልዩ ብጥሜት ክንልሕስ እና ፡" ዚብል ዘያረብሕ ዘረባታት አስምዑ ። ካልኦት ከኣ ፡ "ንሕና ምስ ሞትና ፡ ዝኾነ እንተኾነ እንታይ ይዓብሰልና ?" ወይ ድማ ፡ "እዚ ዕልወት'ዚ ብዝኾነ መገዲ ምምጻኡ ዘይተርፍ እንተ ደኣ ኾይኑ ፡ ምእንትኡ ኽን ብል ድኺምና አይደኺምና እንታይ መለሳ'ለም ?" ዚብል ሕቶታት አቕረቡ ። እቶም ሓሰግታት ከኣ ፡ ከምዚ ዝአመ ሰለ አተ-ሓሳስባ ንመንፈስ እንስሳነት ዘጸረር ከም ዝኾነ ኼረድኡዎም ብዙሕ ጸገም አጓነፎም ። ካብ ኵላቶም እቲ ዝደንቂረ ሕቶ ዘቕረበት ግን ፡ ሙሉ እታ ጸዕዳ ባዝራ እያ ። ንውርጮ ዘቕረበትሉ ቐዳማይ ሕቶ ድማ ፡ "ድሕር'ቲ ዕል ወትከ ፡ ክምዚ ናይ ሕጂ ሓለዋት ኪህሉ ድዩ ?" ዚብል ነበረ ።

"እይፋልን" በለ ውርጮ አትራሩ ፡ "እብዚ ሕርሻ መስርሐ ሓለዋት የብልናን ። ደሓር ድማ ሓለዋት እይኪድ ልየክን'ዩ ፡ ዚአክል ድርቂን ሰዓዶን ክትረኽቢ እኺ ።"

"ሽዑኽ ፡ አብ ጉንጕኖይ ጋማ ኽአስር ኪፍቀደለይ ድዩ ?" ኢላ ሙሉ ደጊማ ሓተተት ።

"ብጸይቲ" በለ ውርጮ ፡ "እዚ ቐልብኽን ሃምኽን ሰሊብዎ ዘሎ ጨርቂ ፡ ምልክት ባርነት'ዩ ። ናጽነት ካብ ጋማ ኽም ዚኽብርሲ ኪርደአኪዶ አይክእልን ?"

ሙሉ ነቲ ዘረባ ተቐበለቶ ፡ እንተኾነ ግዳ ክሳዕ ክንድ ቲ ዝእመነትሉ መሲላስ አይተራእየትን ።

ብዘይካ'ዚ እቶም ሓሰግታት ፡ እቲ ሙሴ እተባህለ ለማዳ ኳኹ ዘውርዮ ዝነበረ ሓሶታት ንምዕጋቱ ዝበርትዐ

ቻልሲ አጓነፎም ። ሙሴ ብአይተ ሃንስ አዝዩ እተፈትወ ፡ ሰላይን ዕላለኛን ጥራይ ዘይኮነስ መስተውዓሊ ተዛራቢ'ውን እዩ ዝነበረ ። ሓደ ጥዑም - እምባ እተባህለ ምስጢራዊ ሃገር ምህላዉ ኽም ዘፈልጥ ከአ የውሪ ነበረ ። ኮሎም እንስሳ ታት ድሕሪ ሞቶም ናብቲ ስፍራ'ቲ እዮም ዚኽዱ ። እቲ ቦታ ፡ ክንዮ ደበናታት ሓሊፍካ ፡ አብ ላዕሊ ፡ አብ ገሊኡ ሸነኽ ናይ ሰማይ'ዩ ዚርከብ ። አብ ጥዑም - እምባ ዕለት ዕለት ይበዓል ፤ ዓመት መመላእታ አቑጽልትን ሳዕርን ይጉ ልዕን ይጭብጭብን ፡ ሓለዋትን ቅጫ እንጣጢዕን ከአ አበየ ደንል በቕሉ ይርአ ፡ እናበለ ሙሴ የዘንትወሎም ነበረ ። እቶም እንስሳታት ንሙሴ እንትርፎ ዕላል ዕዮ ስለ ዘይዓዩ ይጸልእዎ ነበሩ ። ገለ ኻባታቶም ግዳ ፡ ነቲ ብዛዕባ ጥዑም - እምባ ዚውረ ዝነበረስ ተቐበልዎ ደኣ ። ስለዚ ድማ እቶም ሓሰግታት ፡ ከምኡ ዝአመሰለ ቦታ ኽም ዘየልቦ ንኹእምኑ አበርቲዖም ምምጻት ነይርዎም ።

ካብቶም አዝዮም እሙናት ደቀ መዛሙሮም ፡ እቶም መጋልን ራህዋን እተባህሉ ዓረብያ ዚስሕቡ አፍራስ ነበሩ ። እዞም ከልተ ፡ ዝኾነ ነገር ባዕላቶም ሓሲቦም ኪርድኡ ሽግር እንተ ነበሮም'ኳ ፡ ነቶም ሓሰግታት ሓንሳእ ከም መምህራ ኖም ስለ ዝረአይዎም ፡ ኮሉ'ቲ ንሳቶም ዝመሃርዎም ዘበለ አኹምሲያም ፡ ብቕልል ዝበለ መረዳእታ ናብቶም ካልእት እንስሳታት የመሓላልፍዎ ነበሩ ። ካብቲ አብቲ ሪቕ ዚግበር ዝነበረ ሕቡእ ዋዕላ አብኩሮም አይፈልጡን ። ከምቲ ልሙድ ፡ አብ መደምደምታ አኼባ እንስሳታት ዓዲንግሊዝ ክትዝመር ከላ ኽአ ፡ ነቲ ዜማ ዚመርሑ ንሳቶም ነበሩ ።

እንሆ ድማ ወዮ'ቲ እተባህለ ዕልወት ፡ ማንም ብዘይተ ጸበዮ ፡ ብዝቐልጠፈን ዝቐለለን አገባብ አብ ተግባር ወዓለ ። ቀደም አይተ ሃንስ ጨቋኒ ደአ ይኹን'ምበር ፡ ህርኩት ሓረ ስታይ እዩ ዝነበረ ። ደሓር ግን ሕማቕ ግዜ አርከቦ ። አብ ሓደ መጕተ ተረቲዑ ገንዘብ ካብ ዚኽስር እትሓዙ ሕል ናኡ ስለ ዘዕረበ ፡ ካብ ዓኞሙ ንላዕሊ ናብ ምስታይ አዘ ንቢሉ ነበረ ። ሓድሓደ እዋን ፡ አብቲ አብ ክሽነኡ ዚር ከብ ዓቢ ኼርሲ ረፈጥ ኢሉ ፡ ጋዜጣ እናንበበ ፡ እናሰተየ ፡ ሳሕቲ ድማ ብቢራ ዝተርከሰ ርፍራፍ ባኒ ንሙሴ እናመገበ ምሉእ መዓልቲ የሕልፎ ነበረ ። ሸቃሎኡ ሃካያትን መጠፋ

ፋእትን ነበሩ ። ግራውቲ ብጸሀያይ እተወርረ ፡ ህንጻታቱ ናሕሲ ዘይብሉ ፡ ሓጹራቱ ዘይተዓራረየ ነበረ ፡ እቶም ማሉ ድማ ካብ ሕሱም ጥሜት ኩኩሮም ነበሩ ።

ሰነ ብዝበሓተ ፡ እቲ ድርቂ ነቒጹ ዳርጋ ንዓጸድ አኽለ ። ቀዳም ድሮ በዓለ - መንፈኽ ፡ አይተ ሃንስ ናብ ከተማ ዊል ንድን ወረዱ ፡ አብ "ባር ቀይሕ አንበሳ" ብዙሕ ሰትዩ ስለ ዝሰኽረ ፡ ክሳዕ ሰንበት ፍርቅ መዓልቲ ናብ ገዝኡ አይ ተመልሰን ። እቶም ሽቃሎ ነቲን ላሕምታት ጋሕጋሕ ምድሪ ምስ ሓለቡወን ፡ ነቶም ዝተረፉ እንስሳታት ገለ ነገር ከይፈ ቐድዎም ማንቲለታት ኪሃድኑ ናብ መሮር ተዓዝሩ ። አይተ ሃንስ ብዝተመልሰ ድማ ተቐዳዲሙ ፡ ገጹ "ዚና ዓሰም" ብዘርእስቱ ጋዜጣ ተሸፈኑ ፡ አብቲ አብ ቤት አጋይሽ ዚር ከብ ሶፋኡ ስለ እተታኽሰ እቶም እንስሳታት ክሳዕ ምሸት ምግቢ ዚበሃል አይለኽፉን ። አማስያኡ ግን ኪጽመሙ አይ ከአሉን ። ሓንቲ ኻብተን ላሕሚ ፡ ነቲ ማዕጾ ማዕኽን ብቐ ርና ሰበረቶ ፡ ኮሎም እቶም እንስሳታት ከአ አትዮም ካብቲ ቐፎታት ብኢድ - ወነኖም ኪበልዑ ጀመሩ ። ልክዕ አብዚ እዋን'ዚ ድማ'ዩ አይተ ሃንስ ዝተበራበረ ። ብኡንብኡ ፡ ንሱን ሸቃሎኡን ሓለንግታት ሒዞም ፡ አብቲ ማዕኽን መጹ አም ከቢቦም ጀለጡዎም ።

እቶም ብጥሜት እተላሕሱ እንስሳታት ነዚ ኼጸርዎ አይ ከአሉን ። ኮሳቶም ፡ ቅድሚ ሽዑ ዘይሓሰብዎን ዘይመደብ ዎን እንተ ነበረ'ኳ ፡ ነቶም ሳቐይቶም ብሓባር ጠኒኖም አተ ውዎም ። ሃንስን ሸቃሎኡን ዘይተጸበይዎ ብኹሉ ጉኖም ቅል ዒትን መንዳሕትን ወረዶም ። እቲ ኹነት ኪመልክዎ ዘይከ አል ኮነ ። ከምዚ ጠባይ'ዚ ዘለዎም እንስሳታት ዘይሸዑ አይረአዩን ። ከምዚ ዝመሰለ ሃንደበታዊ ናዕቢ ፡ እሞ ኽአ ኻብቶም ከም ድላዮም ዚድክርዎምን ዚከላብትዎምን ዝነበሩ ፍጥረታት ብምኽኑ ፡ ቀልቦም ክሳዕ ዜጥፍኡ አጃጀዎም ። ሓንሳእ ወይ ክልተ ሳዕ ዚኽውን ኪከላኽሉ ድሕሪ ምፍታን ድማ ከም ዘይዕሞም ርእዮም እግረይ አውጽእኒ በሉ ። ብኡብኡ ሓሙሽቲአም ፡ እቶም እንስሳታት እግር እግሮም እናጓየዩዎም ፡ ነቲ ናብ ቀንዲ ጽርግያ ዚመርሕ መገዲ ሰረ ገላ ሒዞም ብህድማ ተጸርገፉ ።

ወይዘሮ ሃንስ በቲ ቤት መይቀሲኣ ተቐልቂላ ፡ ኮሎ'ቲ

ዚግበር ዝነበረ ብዝረአየት ፡ ዝርካበን ጋዕ ገልጠማ ብታህዋ ኸ አብ ሓደ ዓቢ ባልጃ መሊእ ፡ ካብቲ ሕርሻ ብኻልእ መገዲ ጸሊጃ ወጸት ። ሙሴ ካብታ መዕለቢቱ ዘሊሉ ብዓውታ እናጨርሐ ተኽቲልዋ ነፈረ ። እዚ እናኾነ ኸሎ ፡ እቶም እንስሳታት ንሃንስን ሽታሎኡን እናሰዓቡ ፡ ክሳዕ'ቲ ቐንዲ ጽርግያ አባሪሮምዎም ነበሩ ። ነቲ ሓሙሽተ ዝመሸ ጉሩ በሪ ኸእ ብድሕሪኦም ረገጡሎም ። እነሆ'ምበአር ፡ እቲ ዚኸውን ዝነበረ ኸይተሰቂሮም እቲ ዕልወት ብዓወት ተዛዘመ ። ሃንስ ተሰጕጉ ሕርሻ - ርስትኛ ናታቶም ኮነት ።

አብቲን መጀመርታ ሒደት ደቓይኹ ፡ እቶም እንስሳታት እቲ ዘጓነሮም ጽቡቕ ዕድል ንምእማኑ ሸገሮም ። ቅድም ቀዳድም ከኣ ፡ ገለ ዝተሓብአ ሰብ ከይሀሉ ኢሎም ግዲ ኾይኖም ፡ ዚፍትሹ ኺመስሉ ፡ ዶብዶብ ናይቲ ሕርሻ ሒዞም ብጉጅለ ጋለቡ ። ብድሕር'ዚ ፡ እቲ ጽሉእ መግዛእቲ ሃንስ አሰሩ ኸም ዘይተርፍ ኪጸራርግዎ ናብቲ ሀንጻታት ሕርሻ ብጉያ ተመልሱ ። እቲ ምስቲ ጋጻት ብነጸላ መንደኞ እተፈልየ ፡ ስርዓት ፈረስ ዚኞመጠሉ ጓሮ ተሰቢሩ ተኸፍተ ። አብኡ ዝጸንሐ ርኻባት ፡ ሳንቀታት ፡ ሰንሰለት ከልቢ ፡ አይተ ሃንስ ንመስለብ ሓሰማታትን ዕያውትን ዘዘውትሮ ዝነበረ ግናያት ካራሩ ብሙሉኡ አብቲ ዒላ ተሰንደወ ። ለኮታት ፡ መውረ ርያ ፡ ልጓማት ፡ መኸወል ዓይኒ ፡ እቲ ምልክት ውርደት ዝኾነ አፍራስ ቡቕቡቕ ዚበልዑሉ መኹላት ከይተረፈ ፡ አብቲ አብ መረባ ሓዊ ተአጉዱሉ ዝነበረ ጕሓፍ ተደርበየ ። እቲ ጭጕራፋት'ውን ከምኡ ። እቲ ጭጕራፍ ቃልቃል እናበለ ኺነድድ ብዝረአዩ እቶም እንስሳታት ሁላቶም ብታሕጓስ ተሰራሰሩ ። ከምኡ'ውን ውርጮ ፡ ነቲ መብዛሕትኡ ብመዓልቲ ዕዳጋ ንመሰለም ጉንጕነን ጭራን አፍራስ ዚውዕል ዝነበረ ጋማታት ባዕሉ አብቲ ሓዊ አእተዎ ።

" ጋማ ኸም ክዳን ኪቕጸር አለዎ ፡ ክዳን ድማ ምልክት ወድ - ሰብ'ዩ ። ሁሉም እንስሳታት ጥራዮም ኪኾኑ ይግባእ ፡ " በለ ።

መጋል እዚ ብዝስምዐ ፡ ነታ ብእዋን ሓጋይ አእዛኑ ኻብ ጽንጽያ ንምክልኻል ዚወድያ ዝነበረት ብላኻ እተሰር ሐት ንእሽቶ ቕብዕ አምጺኡ ፡ ከምቲ ኻልእ ክትነድድ አብቲ ሃልሃልታ ደርበያ ።

ነዊሕ ከይጸንሑ ፡ እቶም እንስሳታት ፡ ሁሉ'ቲ ንአይተ ሃንስ ዘዘኻኽሮም ዘበለ ነገራት አጥፍእዎ ። ብድሕር'ዚ ናፖለዮን ንኹሉቶም መሪሑዎም ናብቲ ማዕኸን ተመልሰ ። ንነፍስ ወከፍ አዕጽፊ መቕኑን ስርናይ ፡ ነቶም አኽላባት ድማ ከክልተ ቢስኮቲ ዓደሎም ። ቀጺሎም እናጕየዩ ነታ " እንስሳታት ዓዲንግሊዝ " ካብ መጀመርታ ኸሳዕ መወዳእታ ሸውዓተ ሳዕ ደጋጊሞም ዘመርዋ ። ድሕር'ዚ ስለ ዝመሰየ አብ ሰሰፈርም ብምግምሳስ ጥዒሞሞ ዘያፈልጡ ድቃስ ደቀሱ ።

እንተኾነ ግዳ ፡ ከም ወትሩ ብጊሓት ተበራበሩ ። ነቲ ዓወት ዝመልእ ኸዉን ነገራት ብሃንደበት ዘኪሮም ድማ ፡ ሁላቶም ናብቲ መገሃጫ ገጸም ጕየዩ ። ካብቲ መገሃጫ ውርድ ኢልካ ፡ ንመብዛሕትኡ እቲ ኸባቢ ሕርሻ ኸተማዕድወላ እት ኸእል ብርኸ ዝበለት ሁጅት ነበረት ። እቶም እንስሳታት ናብቲ ዝባን ደይቦም ፡ ንኹሉ'ቲ ዙርያኦም በቲ ጽሩይ ብር ሃን ወጋሕታ ተዓዘብዎ ። እወ ፡ ደጊሞሲ ናታቶም ኮይኑ'ዩ ፡ ሁሉ'ቲ ዚረአዮም ዘበለ ናታቶም ኮይኑ'ዩ ! ካብዚ ሓሳብ'ዚ ብዝመንጨወ ፍስሃ እናዓንደሩ ደጋጊሞም ዞሩ ፡ ብታሕጓስ ካብ ምፍንጫሕ እተላዕለ'ውን ንላዕሊ እናተወርወሩ ጋለቡ ። አብቲ አውሊ አንገርገሩ ፡ ካብቲ ምቁር ሳዕሪ ኸረምቲ አፎም ከሳዕ ዚመልእ መና ጨቱ ፡ ነቲ ጸብሪ ዋላኻ ብሸኾናኦም እናቕልዑ ኸእ ነቲ ዕሙር መአዝኡ አጫነውዎ ። ብድሕር'ዚ ውዲታዊ ምብጻሕ ብምግባር ነታ ምልእቲ ሕርሻ ኹለልዎ ። እቲ እተጸግእ መሬት ፡ እቲ ድርቂ ዝበቖሎ ጉልኃል ፡ እቲ ፍረታት እተተኸሎ ገደና ፡ እቲ ራህያ ፡ እቲ አግራብ እተ ጨኸ ጨኾ ንእሽቶ መናፈሻ ፡ ሁሉ ብዓቢ ምግራም ሀጥም ኢሎም ተመልከትዎ ። ቅድሚ ሽዑ ርእዮምዎ ዘያፈልጡ ኾይኑ ተሰምያም ። ሕጂ'ውን ፡ ሁሉ ጥራቶም ሓላሎም ከም ዝኾነ ኪእምኑ አይከእሉን ።

ብድሕር'ዚ ተመራራሑም ናብቲ ሀንጻታት ሕርሻ ተመልሱ ፡ አብቲ አፈፈት አዳራሽ ብዝበጽሑ ኸእ ተዓኒዶም ደው በሉ ። ንሱ'ውን ናታቶም'ዩ ነይሩ ፡ ንኺእትውዎ ግን ፈርሁ ። ጽንሕ ኢሎም ግዳ ፡ ውርጮን ናፖለዮንን ነቲ ማዕጾ ብመንኩቦም ደፈኦም ከፈትዎ ፡ እቶም እንስሳታት ከኣ ገለ ነገር ከየበላሽዉ ተጠንቂቖም እናረገጹ ብተርታ አተዉ ።

ካብ ሓደ ኽፍሲ ናብቲ ኻልእ ኪዘዋውሩ ኽለዉ ብጫፍ እግሮም እናሰጕሙ ፡ ኪዘራረቡ ኽለዉ ብፍርሂ እናሕሸኹ ሸኹ ፡ ነቲ መስተንክር ዝኾነ መጋየጺ አቕሑ ፡ ነቲ ፍርናሽ ክንቲት እተነጽፎ ዓራት ፡ ዓበይቲ መርእይ መልክዕ መስ ትያታት ፡ ካብ ጸጉሪ ፈረስ እተኣልመ ሶፋ ፡ ናይ ብራስ ልስ ስያጻ ፡ አብ ቤት ኣጋይሽ ፡ አብ ልዕል'ቲ መጋርያ ዚር ከብ ስራጋላ እተቐመጠ ሕታም - ስእሊ ንግስቲ ቪክቶርያ ብሓ ውሲ ዓሚቕ አኽብሮት ተመልከትዎ ። በቲ መደያይቦ ኺወ ርዱ ብዝጀመሩ ፡ ሙሉ ምስኦቶም ከም ዘይነበረት አስተብ ሃሉላ ። ተመሊሶም እንተ ረእዩ ፡ ካብኦቶም ተራፋ አብቲ ዝጸ በቐ ቤት መደቀሲ ረኽብዋ ። ካብቲ ናይ ወይዘሮ ሃንስ ሰደቓ-መለባበሲ ቕሩጽ ሰማያዊ ጋማ አውጺአ ፡ አብ ዝባና ገይራ ዓንጀልጀል እናበለት ፡ መልክዓ አብቲ መስትያት ክትዕዘብ ጸንሓቶም ። ንሳቶም ከአ ከሳዕ ዚአኽላ ገሲጾምዋ ንግዳም ወጹ ። አብቲ ኽሽነ ሒደት ስጋ ሓሰማ ተንጠልጢሉ ስለ እተረኽበ ፡ ኪቕበር ተወስደ ። አብቲ መኽዘን ዝነበረ ቢራ ዝመልአ በርሚል ከአ መጋል ብሸኾናኡ ረጊሑ ሓማሸሾ ። ብዝተረፈ ፡ አብቲ ገዛ ኻልእ አቕሓ አይተተንከየን ። እቲ አዳራሽ ሕርሻ ፡ ከም መጠን ሙዘዮ ኾይኑ ኺነብር ፡ ሽዑ አብኡ ኽለዉ ብምሉእ ድምጺ ጸደቑ ። ዝኾነ እንስሳ አብ ውሽጡ ፈጺሙ ኽይቅመጥ ከአ ኵላቶም ተሰማምዑ ።

ሕጂ እቶም እንስሳታት ፡ አብተን ዝሓለፉ ሰለስተ አዋ ርሕ ፡ ሓደ ናይ ደቂ አይተ ሃንስ ዝነበረ ፡ አብ ጕሓፍ እተ ደርበየ ብላይ መጽሓፍ ፊደል ገይሮም ባዕላቶም ንባብን ጽሕ ፈትን ከም እተማህሩ እፍለጡ ። ናፖለዮን ጸዕዳን ጸሊምን ቦያ ዝሓዘ ታኂካታት ኪምጽኡ ለእኸ ፡ ናብቲ ናብ ቀንዲ ጽርግያ ዚውጽእ ሓሙሽተ ዝመሸጕሩ በሪ መሪሕዎም ድማ ኽደ ። ብድሕር'ዚ ውርጮ በቲ ጕምቦ መሓውሩ መልከዪ ቀርቂሩ (ብለወጻድቓ ጽሕፈት ንውርጮ ዚርከብ አይነበረን) ነቲ " ሕርሻ - ርስተኛ " ዚብል ብቦያ ደምሲሱ አብ ከን ድኡ " ሕርሻ - እንስሳ " ዚብል ጸሓፈሉ ። ካብ ሕጂ ንደ ሓር እቲ ሕርሻ መጸውዲኡ ንሱ ምኺኑ'ዩ ። ድሕር'ዚ ናብቲ ሀንጻታት ሕርሻ ተመልሱ ፡ አብኡ ውርጮን ናፖለዮንን መሳ ልል ልኢኾም አምጽኡ'ሞ አብቲ መንደቕ ናይቲ ዓቢ ሪቕ ከም ዚጽጋዕ ገበሩ ። እቶም ሓሰማታት ፡ በቲ ናይ ሰለስተ

ወርሒ መጽናዕቶም ፡ ንኹሉ'ቲ መትከላት እንስሳነት ፡ ናብ ሸውዓተ ትእዛዛት ንምሕጻሩ ኽም እተዓወቱ ገለጹሎም ። እዘን ሸውዓተ ትእዛዛት ከአ'ዮን ሕጂ አብቲ መንደቕ ኪጸ ሓፋ ዝነበረን ። ንሳተን ዘይልወጣ ሕጊ ኾይነን ፡ ኵሎም አብ ሕርሻ - እንስሳ ዚቕመጡ ዝነበሩ እንስሳታት ብአእተን ንሓዋሩ ኺመላለሱ ተባሂለን ዝቕማ እየን ። ውርጮ እናተጸ ገመ ንሳዕሲ ደይቡ (ንሓደ ሓሰማ አብ መሳልል ኪቕውም ቀሊል ስለ ዘይኮነ) ፡ ነፈኽ ድማ ሒደት መራግጸ ኻብኡ ውርድ ኢሉ ቦያ ሒዙሉ ስርሑ ጀመረ ። እተን ትእዛዛት ፡ ካብ ሰላሳ ሜትሮ ኽም ዚንበባ ኾይነን ፡ አብቲ ብቕጥራን እተለቕለቐ መንደቕ ብፍሩይ ጸዕዳ ፊደላት ተጸሕፋ ። ትሕ ዝቶኣን ድማ ኽምዚ ዚስዕብ ነበረ ።

ሸውዓተ ትእዛዛት

1- ዝኾነ ብኽልተ እግሪ ዚኸይድ ጸላኢ እዩ ።
2- ዝኾነ በርባዕተ እግሪ ዚኸይድ ወይ ድማ አኽናፍ ዘለዎ ፈታዊ እዩ ።
3- ዝኾነ እንስሳ ኽጻን አይከደን ።
4- ዝኾነ እንስሳ አብ ዓራት አይደቅስ ።
5- ዝኾነ እንስሳ መስተ አይስተ ።
6- ዝኾነ እንስሳ ንካልእ እንስሳ አይቕትል ።
7- ኵሎም እንስሳታት ማዕረ እዮም ።

ብዘይካ ሓድሓደ ንእሽቶ ጌጋታት ፊደልን ቃላትን ፡ እቲ አጸሓሕፋ ድሙቕ ፡ አሰኒኹዓ ቓላት ድማ ብሙሉኡ ቕኑዕ ነበረ ። ውርጮ እቶም ካልኦት ምእንቲ ኺፈልጥዎ ዓው ኢሉ አንበቦ ። እቶም እንስሳታት ፍጹም ከም እተሰማምዑሉ ኼፍልጡ ርእሶም ነቕነቑ ። እቶም ትኩራት ዘበሉ ኽአ ነተን ትእዛዛት ሽውንሽዉ ኼጽንዑወን ጀመሩ ።

" በሉ'ምበአር ብጸት ፡ " በለ ውርጮ ነቲ መልከይ ቦያ ናብ ታሕቲ እናደርበየ ፡ " ሃየ ናብቲ ግራት ድርቂ ! መታን ከይንዋረድ ፡ ካብቲ ንሃንስን ሽታሎኡን ዚወስደሎም ዝነበረ ብዝሓጸረ እዋን'ስከ እቶትና ኽም እንእክብ ንግበር ። "

እንተኾነ ግን አብዚ ግዜ'ዚ ፡ ንገለ እዋን ቀጨውጨው ኪብለን ዝጸንሓ ላሕምታት ዓው ኢለን ኪግዕራ ጀመራ ።

ንዕስራን አርባዕተን ሰዓታት ስለ ዘይተሓልባ ጕለአን መሊኡ ኪንትዕ ቀሪቡ ነበረ ። ድሕሪ ቕሩብ ምሕሳብ ፡ እቶም ሓሰ ማታት ሰንኪሎታት አምጺእም ፡ በቲ ነዚ ዕዮ'ዚ ዚምሽዋ መሓውሮም ገይሮም ብጽቡቕ አገባብ ሓለቡወን ። ብኡብኡ ፡ ሓሙሽተ ሰንኪሎ ዓፍዓፍ ዚብል ምስ ላህሙቱ ጸባ መልእ ፡ መብዛሕትኦም ካብቶም እንስሳታት ከኣ ነዚ ኹሉ ውራይና ኢሎም ይዕዘብዎ ነበሩ ።

" እዚ ኹሉ ጸባ አብ ምንታይ ኪውዕል'ዩ ? " ኪብል ሓደ ሓተተ ።

"ሓድሓደ እዋንሲ ፡ ሃንስ ሒደት ካብኡ አብ ዙርዙሮና አብዒጡ ይህበና ነይሩ ፡ " በለት ሓንቲ ኻብተን ደራው ።

" ብጸት ! ብዛዕባ'ዚ ጸባ እየ ጨንኾኩም " ፡ ኢሉ ጨደረ ናፖለዮን አብ ቅድም'ቲ ሰንኪሎታት ተገቲሩ ፡"ሓለ ይቲ'ለዉም ። አመት እቶትና ደኣ ንግበር ፡ ካብኡ ዚዓቢ ነገር የልቦን ። ብጸይ ውርጮ ነቲ ቦታ ኽርእየኩም መሪሑ ኩም ኪኸይድ'ዩ ። አነ ቕሩብ ደቓይኹ ደንጉየ ኽርክበ ኩም'የ ። ሃየ ብጸት ! እቲ ድርቂ ንዓኻትኩም'ዩ ዚጽበ ዘሎ።"

እቶም እንስሳታት ዓጸድ ኪጅምሩ ደርገፍ እናበሉ ብሓ ባር ናብቲ ግራት ድርቂ ወረዱ ። ንምሽቱ ምስ ተመልሱ ግዳ ፡ እቲ ጸባ መእተዊኡ ኽይተፈልጠ ተወሲዱ ጸንሐም ።

፫

ነቲ ድርቂ ኽእክቡ ኽንደይክ ዘይደኽሙን ዘይረሃጹን ! ግዳ ፍረ ጸማእምሲ ኣይሰኣኑን ፡ ከመይሲ ፡ እቲ እቶት ካብቲ ዝተጸበይዎ ንላዕሲ ኾይኑሎም ነበረ ።

ሓሓሊፉ እቲ ዕዮ ብርቱዕ ነበረ ። እቲ መሳርሒ ንደት ሰብ ደእ'ምበር ንእንስሳታት ተባሂሉ ኣይተዋደደን ። ብ ዳሕረዎት መሓውር ቋምካ ዚዕየየሉ ናውታት ኪዘውትር ዚኽእል እንስሳ ስለ ዘይነበረ ድማ ብዙሕ ተገድው ። እቶም ሓሰማታት ኣዝዮም በላሕቲ ብምንባሮም ግና ፡ ንዝ ኾነ ጸገም ሚላ ኣይሰኣኑን ። እንተ'ቶም እፍራስ ፡ ንኹሉ እቲ ግራውቲ ስድራ ብስድራ'ዮም ዚፈልጥዎ ነይሮም ። ናይ ዓጺድን ጕልዓልን ዋኒን'ሞ ኽእ ሃንስን ሽቃሎኡን'ኳ ምሳ ታቶም እያዳረጉን ። እቶም ሓሰማታት ዚድክም ዕዮ ዓይዮም ኪብሃል ኣይከኣልን ፡ ግን ነቶም ካልኦት ብምም ራሕ ኮነ ብምቕናጽጻር ኣገልግሎት ኣበርኪቶም'ዮም ። ምስቲ ጸብለል ዝበለ ፍልጠቶም መራሕነት ምጭባጠም ዚደንቕ ኣይነበረን ። ንኣብነት'ኳ ፡ መጋልን ራህዋን ነቲ መዕጸዲ ሓደው መጕልጕሊ ናውቲ ንባዕላቶም ቕሪኖም (አብዚ ግዜ'ዚ ልዓም ኮነ ቆቦንቶ ዚበሃል ከም ዘይነበረ ደጊም ፍሉጥ'ዩ) ብዘይ ዕረፍቲ አብቲ ግራት እናተመላለሰ አብ ዚጓትቱሉ እዋን ፡ ካብቶም ሓሰማታት ሓደ ድድሕሪኦም እናሰዓበ ፡ " ሱ ብጸይ ! " ሓደው ድማ ፡ " ነዓ ወሽ ብጸይ!" እናበለ ፡ ከከም ዞንቱ እና ጨርሐ'ዩ ዚኹብሆቦም ዝነበረ ። ነፍስ ወከፍ እንስሳ ኽእ ፡ እቲ ድኹም እተባህለ ኽይተረፈ ነቲ ሳዕሪ ኼንቅጽን ኪእክብን ብዙሕ ጸዓረ ። ደራውን ታኪ ናትን'ኳ ብዓኾመን ፡ ቂቕንጣሮ ዚእኽላ ሓሰር አብ መት ኮበን እናቑቑራ ፡ ምሉእ መዓልቲ በቲ ጸሓይ'ቲ ንየው ነጀው እናበላ ብዙሕ ሰራሕን'የን ። አብ መወዳእታ እቲ እቶት ካብቲ ንሃንስን ሽቃሎኡን ዚወሰዶሎም ዝነበረ ዝሙቱር እዋን ብኽ ልተ መዓልቲ ዚውሕድ አከብዎ ። ንሱ ጥራይ ኪይኮነስ ፡ ከምኡ ዝበለ ብርኩት እቶት አብታ ሕርሻ ተራእዩ እያፈ ልጥን ። እተን ደራውን ደርሆማይን በተን ትኩራት አዒን ተን ተሓጊዘን ሓንቲ ብርዒ እኽለ ኽየትረፋ ለቓቂመን ስለ ዝእከባእ ድማ ንጣር'ኳ ትኹን ብሸለልታ አይተሓድገን ።

ሁላሶ ትኹን'ውን አጠፋፊአ ዝበልዐ እንስሳ አይነበረን ።

በታ ቐውሚ'ቲአ እታ ሕርሻ ዕዮአ ብዘይ ዕንቅፋት ብሰላም ቀጸለ ። እቶም እንስሳታት ከምኡ ኪኽውን ፈጺሙ ግምት ስለ ዘይነበሮም ከአ ደስ በሎም ። ዝረኽብዋ ዅሳሶ ዓሚቕ ታሕንስ ተሐድረሎም ነበረት ፤ ከመይሲ ፡ ሕጂ ባዕላቶም ንዓአቶም ዘፍረይዎ ፡ ናይ ሓቂ ናይ ገዛእ ርእሶም ምግቢ ይእ'ምበር ፡ ካብ ሓደ መዕረምረሚ ጕዩታ ዚድርበየ ሎም ትኳቦ አይነበረን ። እቶም ሃኪያት መገመገዟቲ ደቅ-ሰብ ብምርሓቖም ንዅሳቶም አኽሊ ዚተርፍ ምግቢ'የ ዝነበረ ። ሽሕ'ኳ ናይ ስራሕ ተመክሮ እንተ ዘይነበሮም ዕረፍቶም'ውን ዝያዳ እዩ ዝነበረ ። ብዙሕ ጸገማት ግዳ አንኒፍዎም'የ — ንአ ብነት ፡ አብቲ መጠረሽታ ዓመት እቲ አእካል ምስ ተዓጽደ ፡ አብቲ ሕርሻ መሻቹጥን መዝረውን ስለ ዘይነበረ ፡ ከምቲ ናይ ዘበን እንእኒ ባዕላቶም ኪኽይዶን ብስትንፋሶም ገይሮም ድማ ነቲ በቕዑቕኡ ኪፈልይዎን ተገዲዶም ነይሮም—እንተኾነ ግዳ ፡ እቶም ሓሰግታት ብዋበቦም መጋል ከአ በቲ ማእለያ አልቦ ጕልበቱ እናሓገዙ ካብ ምግዳፅ እናገፍዎም ። መጋል ብኹሉ ላቶም እተናእደ እዩ ዝነበረ ። ብግዚ ሃንስ እንተኾነ እውን ህርኩት ሰራሕተኛ'ዩ ዝነበረ ። ግናኸ ሕጂ ፡ ክንዲ ሓደ ፈረ ስ ጥራይ ዘይኮነስ ፡ ዳርጋ ምስ ሰለስተ አፍራስ ዘዳረግ'የ ዚመ ስል ዝነበረ ። ብመሉኡ እቲ ዕዮ ሕርሻ አብ ዝባኑ ዝወደቐ ዚመ ስለሉ እዋን'ውን ነይሩ'ዩ ። ካብ ብጊሓት ጀሚሩ ኽሳዕ ምሸት ፡ ወርትግ ካብቲ ዝኽበደ ስራሕ ዘለዎ ቦታ ኽይተፈልየ ፡ ኪጓ ትትን ኪደፍእን ይውዕል ነበረ ። ንሓደ ኻብቶም ኩኩናይ ፡ ንግሆ ንግሆ ፍርቂ ሰዓት አቐዲሙ ኼበራብሮ ስለ ዝተላበዎ ፡ ምዴብ ዕለታዊ ስራሕ ቅድሚ ምጅማሩ ፡ ሓድሓደ አድለይቲ ዕዮታት ብፍታዉ የበርክት ነበረ ። ንዝኾነ ግድል ፡ ንዝ ኾነ ዕንቅፋት ፡ " ዝያዳ ኽዓዩ እየ ! " እናበለ ይገጥሞ ነበረ። ነዛ አበሃህላ'ዚአ ኽአ ከም ናይ ብሕትቱ ጭርሖኡ ገይሩ ወሰዳ ።

እዚ ኽበሃል ከሎ ግዳ ነፍስ - ወከፍ ዓቕሙ ዚፍቅዶሉ ዕዮ አበርኪቱ'ዩ ። ንአብነት'ኳ ፡ እተን ይራሁን ደርሆማይን፡ ቀሪም እናቐረማ ሲሶ ኹንታል ዚኽውን እኽሊ ኼዋህልላ ኽኢለን ። ዜጠፋፍኡ ፡ በቲ እተዓይሉ መቕጎን ዚጕረምርም

ሓደ'ኳ አይተረኽበን ። እቲ ቕድም ልሙድ ዝነበረ ቐየቕን ሕሜትን ምንቕኝንትን ዳርጋ ኽም ዘይነበረ ኾነ ። ንዕዮ'ውን ሓደ'ኳ አይሳሕደሮን - - - ዋላ ሓደ'ኳ ዳርጋ ኽ.በሃል ይክ አል ። ርግጽ'ዩ ፡ ሙሉ አንጊሃ አይትበራበርን ነይራ ። ጸጸር አብ ሸኾናይ አትዩኒ ዚብል ምኽኒት እናሃበት ስራሕ ሓዲጋ ምኻድ አመል ኮይንዋ ነበረ ። ናይታ ድሙ ጠባይ'ሞ ኽአ ሕሉፍ'ዩ ። ነዊሕ ከይጸንሐ ፡ እታ ድሙ አብ እዋን ስራሕ ትስወር ከም ዝነበረት ኪስተብህሉላ ጀመሩ ። አብዚ አትያ ኽይተባህለ ንብዙሕ ሰዓታት ተሸሪባ ድሕሪ ምጽናሕ ፡ አብ ግዜ ምሳሕ ወይ ድማ ኢጋ ምሸት ስራሕ ብዘብቅዐ ፡ ከምዛ ገለ ነገር ዘይፈለጠት ክትመስል ትኾልቀል ነበረት ። ግን ወትሩ ግርም ምስምስ ስለ እትኾርበሉምን ፡ ፉር ፉር እናበ ለት ድማ ስለ እትሸሕጦምን ፡ ነቲ ብግርህነት ዝፈጸመቶ በደል ኪሕዙላ ብፍጹም አይክእሉን ። እያ ጸዕዱ እቲ አድጊ ፡ ድሕር'ቲ ዕልወት ጠባዩ ፈጺሙ ዝለወጠ አይመ ስለን ። ከምታ ብግዜ ሃንስ ዝነበራ ኽይለገመ ፡ ዝያዳ ስ ራሕ'ውን ብፍታዉ ኽየበርከተ ፡ ከምታ ቐደሙ ደፋሕ እና በለን እናኽነበን ዕዮኡ ይፍጽም ነበረ ። ብዛዕባ'ቲ ዕልወት ኮነ ሳዕቤኑ ሓንቲ ቓል'ኳ አየተንብሀን ። ሃንስ ብምስንፉ ሕጉስ ምኽኑን ዘይምኽኑን ምስ ዚሕተት ድማ ፡ " አእዱግ ነዊሕ'ዩ ዕምርም ፡ ካባኻትኩም ሓደ'ኳ ዝሞተ አድጊ አይረ አየን " እናበለ ጥራይ ይምልሽ ነበረ ። እቶም እንስሳታት ከአ በዚ ሕልኽላኽ ምላሽ ዓጊቦም ኪጽቅጡ ግዲ ነበረ ።

ሰንበት ስራሕ አይነበረን ። ቕርሲ ኻብቲ ዝሙቱር እዋን ድንጉይ ኢሉ'ዩ ዚቕርብ ። ድሕሪ ቕርሲ ፡ አብ ሰሰ ሙን ዘይተርፍ ሓጺር አኼባ ነበረ ። ሽዑ ፡ መጀመርታ ባን ዴራ ይስቀል ። ውርጮ ፡ አብቲ እንዳ ስርዓት ፈረስ ፡ ሓንቲ ናይ ወይዘሮ ሃንስ ክዳን ሰደቓ ዝነበረት ሓምላይ ዝሕብራ አረጊት ጨርቂ ረኺቡ ነበረ ። ነዚአ አብ ልዕሊአ ብጸዕዳ ቕለም ገይሩ ሸኾናን ቀርንን ሰአለላ ። እዚአ ድማ'ያ ሰን በት ሰንበት አብቲ ስፍራ አታኽልቲ ዘርክብ ሰንደቕ እት ስቀል ዝነበረት ። እቲ ሓምላይ ሕብሪ ናይታ ባንዴራ ምል ክት ለምለም ጕላጕል ዓዲንግሊዝ'ዩ ፡ እቲ ቕርንን ሸኾናን ከአ ሰብ ብዝተባረረ ፡ አብ መወዳእታ ዚቕውም መጻኢ ሪፓ ብሊክ እንስሳታት ማለት'ዩ ፡ ኪብል ውርጮ ገለጸሎም ።

ድሕሪ ምስቃል ባንዴራ ዙሉም እንስሳታት ንሓፈሻዊ ኣኼባ ተሰሪየም ናብቲ ሪቕ ይኸዱ ። እዚ ሓፈሻዊ ኣኼባ'ዚ ፡ " ዋዕላ " እናተባህለ'ዩ ዚፍለጥ ዝነበረ ። ኣብኡ ናይቲ ዚመጽእ ሰሙን ዕዮ ይምደብ ፡ ውሳነታት ይመሓላለፍ ክትዕ ድማ ይግበረሉ ። ውሳነታት ዜኽርቡ ዝነበሩ ዙሉ ግዜ እቶም ሓሰማታት'ዮም ። እቶም ዝተረፉ እንስሳታትስ ፡ እቲ ኣገባብ ምርጫ ያእ'ዩ ዚርድኦም ነይሩ'ምበር ፡ ናይ ባዕላቶም ውሳነ ሓሲቦም ኪኾርቡስ ክእለት ፈጺሙ ኣይነበሮምን ። ኣብቲ ኸትዕ ፡ ውርጮን ናፖለዮንን ዝያዳ ዝነጠፉ ነበሩ ። እንተኾነ ግዳ ፡ ክልቲኦም ከም ዘይታደዉ ዳርጋ ብግህዶ ዚርእ ነበረ ። ሓዲኦም ዝኾነ ሓሳብ ምስ ዜኾርብ እቲ ኻልኢ ብዝኾነ ኸም ዚጸረፎ እተፈልጠ ነበረ ። እቲ ድሕሪ ስፍራ ኣታኸልቲ ዝነበረ ሕዛኢቲ ፡ ነቶም ዓዲ ውሳኔል እንስሳታት ንኺ ኸውን ምስ ጸደቑ ኸይተረፈ — ነዚ ዚታወምስ'ኳ ኣይነበረን — ንነፍስ ወከፍ እንስሳ በብኸፍሉ ዚጥወረሉ ዕድመ ንምውሳን ፡ ብርቱዕ ሰሓቦን ጓትቶን እዩ እተፈጥረ ። እቲ ዋዕላ ወርትግ በታ " እንስሳታት ዓዲንግሊዝ " እትብል መዝሙር ተደምዲሙ ድሕሪ ቕትሪ ንዕላልን ምዝናደን ይምደብ ነበረ ።

እቶም ሓሰማታት እቲ እንዳ ስርዓት ፈረስ ከም መጠን ዋና ቤት ጽሕፈቶም ኪኸውን ፈልዮም ወሰድዎ ። ኣብኡ ፡ ምሸት ምሸት ፡ በቲ ኻብቲ ኣዳራሽ ዘምጽእዎ መጻሕፍቲ ገይሮም ማሕጐዳን ጽርበትን ካልእ ኣድለይቲ ኢደ - ጥበባትን ኪመሃሩ ኸኣሉ ። ውርጮ ብወገኑ ፡ ነቶም ካልኦት እንስሳታት እናኣኻኸበ ፡ " ናይ እንስሳታት ፡ ኮሚቶ " ዚበሃል ማሕበራት ኪምስርት ሃርኮትኮት በለ ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገራት ፈጺሙ ኣይሕለልን ነበረ ። ብዘይካ ቤት ትምህርቲ ንባብን ጽሕፈትን ፡ ነተን ደራሁ ፡ ኮሚቶ ማእቶት እንቋቕሑ ፡ ነተን ላሕምታት ፡ ማሕበር ንጽህና ጭራ ፡ ተሃድሶ ኣራዊታውያን ብጾት (ዕላማኡ ንኸም በዓል ማንቲለን እናጹን ዝኣመሰላ ለማጻታት ንምግባር ዝሓሰነ) ፡ ነተን ኣባጊዕ ፡ ምንቅስቓስ ዝጸዕደወ ጸምሪ ዚበሃል ፡ ከምኡ'ውን ካልኦት እተፈላለየን ደኴነሎም ። እዚ ዅትምታት'ዚ ብሓፈሻኡ ዓወት ኣይረ ኸበን ። ንኣብነት'ኳ ፡ እቲ ነቶም ኣራዊታውያን ፍጥረታት ንምርዓም እተገብረ ህቀና ብኡንብኡ'ዩ እተበታተነ ። እቲ ናይ ቀደም ጠባያቶም ጸርጋ ኣይሓደግምን ። ብሕያውነት

ኣለይመለይ ዚብሎም ምስ ዚረኽቡ ድማ ኸየናሕሰዩ ይብለ ጹሉ ነበሩ ። እታ ድሙ ፡ ኣብቲ ኮሚተ ዳግመ ትምህርቲ እትያ ንገለ መዓልትታት ላዕልን ታሕትን ክትወናጨፍ ጀሚራ ነይራ ። ሓደ መዓልት'ኳ ንኣብነት ፡ ኣብ ልዕሊ ናሕሲ ተኾዲማ ፡ ካብኣ ፍንትት ኢለን ርሒቐን ምስ ዝነበራ ጭራ - ገበላ ኸተዕልለን ክላ ተራእያ ። ዙሎም እንስሳታት ደገም ብጾታት ከም ዝኾኑ ፡ ስለዚ ድማ ዝኾነት ጭራ - ገበላ ፡ ፍታዋ እንተደኣ ኸይኑ ፡ መጺኣ ኣብ ማናዓ ኸትዓልብ ከም እትኸእል ትነግረን ነበረት ። እቲን ኣዕዋፍ ግን ኣይቀረብ ኣን ።

እቲ ትምህርቲ ንባብን ጽሕፈትን ግዳ ዓቢ ዓወት ረኽበ ። ኣብ ጽድያ ፡ ብመጠኑ እንተኾነ'ውን ፡ ነፍስ ወከፍ እንስሳ ካብ መሃይምነት ተናጊፉ ነበረ ።

እንተ'ቶም ሓሰማታት ፡ ኣወርዮም ኪንብቡን ኪጽሕፉን ክኢሎም ነበሩ ። እቶም ኣኸላባት ደሓን የንብቡ ነይሮም ፡ እንተኾነ ፡ ብዘይካ'ተን ሸውዓተ ትእዛዛት ካልኦ ንምንባብ ኣይተገደሱን ። ፈገስ እታ ጨል ፡ ካብቶም ኣኸላባት ዳርጋ ዝሓሸ ተንብቢ ነይራ ። ሓድሓደ እዋን ድማ ፡ ኣብቲ ጉሓፍ ዝረኽቡቶ ተረፍ ጋዜጣታት እናምጽኣት ፡ ምሸት ምሸት ነቶም ካልኦት ካብኡ ተንብቢሎም ነበረት ። ጸዕዱ ማዕረ'ቶም ሓሰማታት ኪንብብ ምኽኣለ ፡ እንተኾነ ግን ነዚ ተውህብኡ ኣብ ግብሪ ኣየውዓሉን ። ብናቱ ኣተሓሳስባ ፡ ዚጠቅም ንባብ የልቦን ፡ በሃላይ እዩ ነይሩ ። ራህዋ ንዅሉ'ቲ ፈደላት ኣጽኒዓቶ ነይራ ፡ ታላት ምስራዕ ግን ኣይከኣለትን ። መጋል ካብ ፈደል መ ኺሓልፍ ኣይኮነሉን ። ኣብቲ ሓመድ ሀ ለ ሐ መ ዚብል ፈደላት በቲ ዓቢ ሸኾንኡ ይሕንጥጥ'ሞ ፡ እዝኑ ንድሕሪት ኣሚቱ ፡ ነተን ፈደላት ብቑዕታ እናጠመተ ፡ ጸጸኒሑ እውን ሞንግዓቱ እናነጽነጸ ነተን ዚስዕባ ፈደላት ኪዝክር ብዘሎ ዓቕሙ ይጽዕር ነበረ ። ግን እይተዓወተን ። ርግጽ'ዩ ንፈደላት ረ ሰ ሸ ቀ ዘጽንዓሉ እዋን'ውን ነይሩ'ዩ ፡ ግናኸ ነዚእን ምስ ሓዘ ንፈደላት ሀ ለ ሐ ከምኡ'ውን መ ረሲዑ ወን ይረክብ ። ኣማስያኡ ፡ በተን ኣርባዕተ ቑዳሞት ፈደላት ጥራይ ኪዓግብ መደበ ። ነዚእን መታን ከይርስዐን ፡ ኣብ መዓልቲ ሓንሳእ ወይ ክልተሳዕ ኣዘውቲሩ ይሕንጽጸን ነበረ ። ሙሉ ብዘይካ'ተን ኣብ ሽማ ዚርከባ ፈደላት ካልኦ ክትፈ

ልጥ አይደለየትን ። ነዚአን ካብ ጥሙዕ ጨንፈር አሰጋጊባ ምስ ስርዓትን ፡ ብሓደ ወይ ክልተ ዕምባባታት ሰላሊማ አብ ዙርያአን እናሦረት ብእድንኾት ትዕዘበን ነበረት ።

ካብቶም ዝተረፉ እንስሳታት ካብ ሀ ዝሓለፈ ሓደ'ኳ አይተረኽበን ። ብዘይካ'ዚ ፡ ከምኒ ደርሆ ፡ ታኪን ዝእመሰሉ ድንቁር ዝበሉ እንስሳታት ነተን ሸውዓተ ትእዛዛት ብቓሎም ኬጽንዑወን ከም ዘይክእሉ ተፈሊጡ ነበረ ። ድሕሪ ብዙሕ ምሕሳብ ፡ ውርጮ ፡ እተን ሸውዓተ ትእዛዛት ብሓንቲ ጥቕሲ ፡ ማለት ፡ " አርባዕተ እግሪ ጽቡቕ ፡ ክልተ እግሪ ኽፉእ ፡ " ብእትብል ኪትክእ ኽም ዚኽእላ ነገሮም ። እዛ ጥቕሲ'ዚኣ ፡ እቲ መሰረታዊ መትከል እንስሳውነት ዝሓቒፈት'ያ ፡ ንዓኣ ኣጽኒው ዝሓዘ ፡ ካብ ጽልዋታት ወድ - ሰብ ይድሕን እዩ ፡ በሎም ። መጀመርታ እተን ኣዕዋፍ ነዚ ተቓወማእ ፡ ከመይሲ ንሳተን'ውን ክልተ ዝእግረን ስለ ዝመሰለን ። ውርጮ ግን እቲ ነገር ከምኡ ኽም ዘይኮነ ኣረጋገጸለን ።

" ብጾት ፡ " ኢሉ ነገረን ፡ " ክንፊ ንጉዕዞ ደኣ'ምበር ንተግባር ዘገልግል ኣካል ኣይኮነን ። ስለዚ ፡ ከም እግሪ ኽቕንጸር ይግባእ ። ንሰብ ፍሉይ ምልክቱ ' ኢዱ ' እዩ ፡ እቲ እከይ ዘበለ ዚፍጽመሉ መሳርያ ኽኣ ንሱ'ዩ ። "

እተን ኣዕዋፍ እዚ ናይ ውርጮ ነዊሕ ቃላት ኣይተረድእንን ፡ ነቲ ዝሃበን መግለጺ ግዳ ተቐበልእ ። እቶም ለጠኞ ዝበሉ እንስሳታት ከኣ ነዛ ሓዳሽ ጥቕሲ ብቓሎም ኬጽንዑዋ ሃርኮትኮት ምባል ጀመሩ ። " ኣርባዕተ እግሪ ጽቡቕ ፡ ክልተ እግሪ ኽፉእ ፡ " ዚብል ጽሑፍ፡ ኣብ መን ደኞ ናይቲ ሪኞ፡ ኣብ ልዕል'ተን ሸውዓተ ትእዛዛት ብፍርይ ዝበለ ፊደላት ተጻሕፈ ። እተን ኣባጊዕ ነታ ጥቕሲ ብዘጽንዕኣ ኬፈትውኣ ጀመራ ። መብዛሕትኡ እዋን ኣብቲ ጕል ጕል ዒመን ከለዋ፡ ሙለን ብሓባር ፡ " ኣርባዕተ እግሪ ጽቡቕ ፡ ክልተ እግሪ ኽፉእ ፡ " እናበላ ብምግዳር፡ ከይተመነወን ንሓ ያሎ ሰዓታት ይኞጽልኣ ነበራ ።

ናፖለዮን ኣብቲ ናይ ውርጮ ኮሚተታት ግዲ ኣይገበረን ። ካብ ንዕድሚኡም ዘሕለፉ ኽተመሓይሽ ምግዳል ፡ ኣመት ትምህርቲ ናይ ነእሽቱ ምግባር ይበልጽ እዩ ዚብል ዝነበረ ። ኣጋጣሚ ኽይኑ ፡ ድሕር'ቲ ዓጺድ ድርቂ ፡ ሓጕሳን ለገሳን ብሓንሳእ ትሽዓተ ድልዱላት ኰራዙር ተገላገላ ። ጡብ ኪሓድጉ ብዝጀመሩ ፡ ንፖለዮን ባዕለይ ከምሀርም'የ ኢሉ ካብ ሕኞፉ ኣደታቶም ወሰዶም ። ናብቲ ኣብ ልዕሊ ናሕሲ ዚርከብ ፡ ብመሳልል ጥራይ ዚድየብ በሪኽ ስፍራ ወሲዱ ኣንበሮም ። ኣብሒቱ ስለ ዝዓበዮም ከኣ እቶም ዝተረፉ ተቕማጦ ሕርሻ ኣብኡ ኽም ዘለዉ ቕልጢፎም ረስዑዎም ።

ነዊሕ ከይጸንሐ ፡ ወዮ ጸባ ኣበይ ይኣቱ ኽም ዝነበረ ምስጢሩ ተፈልጠ ። ለከስ ፡ ዕለት ዕለት ኣብቲ ኼርከሮ ናይቶም ሓሰግታት'ዩ ዚዳወስ ነይሩ ። ኣብዚ ወርሓት'ዚ ኣቢሉ'ውን ፡ ካብቲ ኣቐዲሙ ዝጐበዐ ፍረ ቱፋሕ ኣወርዩ ስለ ዝበሰለ ብንፋስ እናተዘርወ ነቲ ስፍራ ኣታኽልቲ ምልእ ኣቢሉዎ ነበረ ። እቶም እንስሳታት ፡ እዚ ብዘይ ውልውል ብግዕረ ዚግቕልዎ'ዩ መሲልዎም ነይሩ ። ሓደ መዓልቲ ግዳ ፡ ሙሉ'ቲ ብንፋስ እተዘርወ ፍረታት ተኣርዩ ፡ ነቶም ሓሰግታት መታን ኪኸውን ከኣ ናብቲ እንዳ ስርዓት ፈረስ ንኺውሰድ ትእዛዝ ተመሓላለፈ ። በዚ ዚእክል ሓድሓደ እንስሳታት ኪጕረም ርሙ ጀመሩ ፤ ዚሰምዖም ግን አይረኽቡን ። ምኽንያቱ ፡ እቲ ውሳነ ሙሉም ሓሰግታት እተሰግምዑሉ ስለ ዝነበረ ። ውርጮን ናፖለዮንን ከይተረፉ ። ነፈኽ ብዛዕባ'ዚ ነቶም ካልኦት መብርሂ መታን ኪህብ ተላእከ ።

" ብጾት ! " ኢሉ ጨርሐ ፡ " እዚ ነገር'ዚ ንሕና ሓሰግታት ብስስዐ ወይ ድማ ሓለፋ ብምድላይ እንገብሮ ዘሎና ኽይመስለኩም ተስፋ እገብር ። ሓቂ ንምዝራብ ፡ መብዛሕትና ጸባን ቱፋሕን ንጸልእ ኢና ። እነ ንገዛእ ርእሰይ አይ ፈቱን'የ ። ነዚ ነገር'ዚ ንኽንወስድ ዘለዓዓለና ምኽንያት ፡ ጥዕናና ንምሕላዉ ጥራይ ተባሂሉ'የ ። ጸባን ቱፋሕን (እዚ ኽእ ብሳየንስ እተረጋገጸ'የ ብጾት ፡) ንጥዕና ሓሰግ ግድን አድለይቲ ዝኾኑ ነገራት አለዉዎም ። ከም እትፈልጥዎ ፡ ንሕና ናይ አእምሮ ሰራሕተኛታት ኢና ። ሙሉ ምምሕዳርን ምውዳብን ናይዚ ሕርሻ ኣባና እተመርኩሰ እዩ ። ለይትን መዓልትን ሓልዮትና ንዓኻትኩም'የ ። ስለዚ ' ምእንታኻ ትኩም ' ክንብል እቲ ጸባ ንሰትዮ ፡ እቲ ቱፋሕ ድማ ንበልዖ'ሉና ። ንሕና ሓሰግታት ኣብ መዝና ዕንቅፋት ምስ ዘጓንፈናኽ እንታይ ክም ዚስዕብ ትፈልጡዶ ? ሃንስ'የ ተመ

ሊሱ ዚመጽእ ! እወ ፡ ሃንስ'ዩ ተመሊሱ ዚመጽእ ! ርግጸኛ'የ ድማ ብጾት ፡ ” ኢሉ ጨርሐ ነፈኽ ፡ ብሓውሲ ልመና የማነ ጸጋም እናተሰራሰረን ጭራኡ ድማ እናንሰልሰለን ፤ “ ርግጸኛ'የ፡ ሓደ'ኳ ኻባኻትኩም ንሃንስ ተመሊሱ ኺመጽእ ዚደሊ የልቦን ፤ ሓቀይ ድየ ሓስየ ? ! ”

እቶም እንስሳታት ሃንስ ተመሊሱ ኺመጽእ ኩቶ ዘይ ደልይዎ ነገር'ዩ ዝነበረ ። እቲ ዅነታት በዚ አገባብ'ዚ ብዝ ተነጸረሎም ከኣ ዚካትዕ አብነት አይነበሮምን ። ጥዕና እቶም ሓሰማታት ምሕላው እዝዩ አድላዪ ምኽኑ ዚከራኸር አይነ በረን ። ስለዚ ፡ እቲ ጸባን እቲ ብንፋስ ዝረገፈ ቱፋሕን (እቲ ድሕሪ ምብሳሉ ዚኾንጠብ ከይተረፈ'ውን) ነቶም ሓሰማ ታት ተባሂሉ ጥራይ ከም ዚዕቁር ብዘይ ከርከባ ተሰማምዑ ።

፬

አብ ኣጋ መወዳእታ ኸረምቲ ፡ እቲ አብ ሕርሻ እንስሳ እተፈጸመ ዅነታት ወረኡ አብ ፍርቅ'ታ ሃገር ተዘርግሐ ። ዕለት ዕለት ውርጮን ናፖለዮንን ዕስለታት ረጋቢት ናብ ተን ጉረባብቲ ሕርሻ ይሰዱ ነበሩ ። ተልእኾአን ድማ ፡ አብ ማእከል'ቶም እንስሳታት ምጽንባር ፡ ብዛዕባ'ቲ እተገ ብረ ዕልወት ምዝንታው ፡ ከምኡ'ውን ዜማ' እንስሳታት ዓዲ ንግሊዝ ' ምምሃር ነበረ ።

መብዛሕትኡ አብዚ እዋን'ዚ ፡ አይተ ሃንስ አብቲ አብ ከተማ ዊልንድን ዚርከብ “ ቀይሕ አንበሳ ” እተባህለ ቤት መስተ አብ ሓንቲ ነቢት ዚኾድሓላ ውሻጠ ኾፍ ኢሉ ፡ ብዛዕባ'ቶም ካብ ርስቱ ሰጕሳም አብ ልዕሊኡ አራዊታዊ ግፍዒ ዝፈጸሙ ዘይረብሑ ጭፍራ እንስሳታት ፡ እሂንታ ንዝ ሃብዎ ኺዕዘምዝመሎም ይውዕል ነበረ ። እቶም ካልኦት ሓረ ስቶት ከኣ ፡ ሽሕ'ኳ ብመሰረቱ እንተ ደንገጹሉ ፡ ፈለማስ ከንድ'ቲ ሓገዝ አይወፈዩሉን ። ነፍስ - ወከፎም ብልቡ ፡ እቲ ናብ ሃንስ ዝወረደ መከራ ፡ ከም ገለ ናብ ገዛእ ር እሱ ጥቕሚ ዘውዕለሉ መገዲ እንተሎ ደኣ የናዲ ነበረ ። ብዕድ ል ፡ እተን ንሕርሻ እንስሳ ዚጕራበትኣ ኽልተ ሕርሻታት ዋናታ ተን ካብ ቅድም አትሐዘም ዘይታደዉ ነበሩ ። ኻብኡተን እታ ሓንቲ ፡ “ መዓንደር - ወኻርያ ” ተባሂላ እትጽዋዕ ፡ ቅጥዒ ዘይብሉ አእዋም ዝበቕላ ፡ ሽኻታታ እተበላሸወ ፡ ሓ ጹራታ አስሩ ኽሳዕ ዚጠፍእ እተበታተነ ፡ አመና ገፋሕ ፡ ክንክን ዝጐደላ ዘይተመሓየሸት ሕርሻ ነበረት ። ዋንኣ አይተ ብኽንቱ እተባህለ ሃብታም ሰብኣይ ፡ ብዙሕ ዘይጭነኾ ንሽሙ ሓረስታይ ነበረ ። ከከም ወርሓቱ ፡ ዚበዝሕ ግዚኡ ዓሳ አብ ምግፋፍ ወይ ድማ አብ ሃድን ዜሕልፍ ነበረ ። እታ ኻልኣ ይቲ ፡ “ ግራት - ነጨበ ” እተባህለት ንእስ ዝበለት ክነሳ ፡ ጽቡኞ ክንክን ዝነበራ እያ ። ዋንኣ አይተ ፍረ - ደረኞ ዝሽሙ ብርቱዕ ጕራሕ ሰብኣይ ፡ ግዚኡ አብ መጕተን ነገ ርን ዜሕልፍ ፡ ብዋጋ ዕዳጋ ዝመጸ ድማ ሕንዳ ዘይብሉ ብም ኽኑ ፍሉጥ ነበረ ። እዞም ክልተ ሰባት'ዚኣቶም ፡ አብ ሓድ ሕዶም ሕሱም ጽልኢ ስለ ዝነበሮም ፡ ንገዛእ ርእሶም ረብሓ እንተኾነ'ውን ፈጺሞም ዘይሳነዩ ነበሩ ።

ከምዚ ኸነሶም ግዳ ፡ ክልቲኦም በቲ አብ ሕርሻ እን ስሳ እተፈጸመ ዕልወት ምሒር ሰንቢዶም ነበሩ ። እቶም ዚው ንንዎም እንስሳታት ብዛዕብኡ ኸይፈልጡ'ውን አዝየም ተሻ ቐሉ ። ፈለማ ንኼምስሉ ፡ " እንስሳታትሲ ያኢ ሕርሻ ዚአ ክል ባዕላቶም ኪመሓድሩ ! ? ካብ ክልተ ቕን ንላዕሊ እንተ ጸኒሑስ ንርኢ ፡ " እናበሉ ሰሓቑን አሽካዕለሉን ። አብ ሕርሻ - ርስተኛ ዚቕመጡ እንስሳታት (ሕርሻ - እንስሳ ዚብል ሽም ቅጭ የምጽአሎም ስለ ዝነበረ ፡ ንባህ አይበል " ሕርሻ ርስተኛ " እናበሉ ምርቋሕ አየቋረጹን) አብ መንጎእም ወር ትግ ባእሲ ኸም ዝነበረ ፡ ቀልጢፎም ከአ ብጥሜት ይለሓሱ ኸም ዝነበሩ ዚእምት እተጋነነ ሕሜታት ዘርግሑ ። ገለ እዋን ምስ ሓለፈ ፡ እቶም እንስሳታት ድማ ብጥሜት ከም ዘይተኼስተሩ ብዝረአዩ ግን ፍረደረቕን ብኸንቱን መልሓ ሶም ለወጡ ። ብዛዕባ'ቲ አብ ሕርሻ - እንስሳ ዚምዕብል ዝነበረ ዜስካሕክሕ ክፍኣትን ነውርን ከአ ብዕሲ ምውራይ ጀመሩ ። እቶም እንስሳታት ንሓድሕዶም ከም ዚባልዑ ፡ ሓደ ነቲ ኻልአ ብዝጐሃረ ሓጺን ገይሩ ኸም ዚሳኾዮ ፡ እንስቶም እውን ብሓባር ከም ዚረሳተዩወን ዚሕብር ጽዋታት ተነገሐ። " ንሕጊ ተፈጥሮ ምጽራር እዚ'ዩ ትርፉ ፡ " በሉ ፍረደረቕን ብኸንቱን ።

ዝኾነ ኾይኑ ፡ እዚ ዛንታታት'ዚ ዅሉ አይተቐበሎን ። እንስሳታት ንደቅ - ሰብ ሰጕጎም ዝሓዝዎ ድንቂ ሕርሻ ኸም ዝነበረ ፡ አብኡ ድማ ሑሉ ዋኒኖም ባዕላቶም ከም ዜካ ይዱ ዜመልክት ፡ ዘይንዱርን እተሓባለቕን ወረ ምምሕልላፍ ቀጸለ ። አብታ ዓመት አቲአ ኸአ ፡ አብ ሑሉ'ቲ ገጠራት ፡ ናይ ዓላዊነት መንፈስ ከም ማዕበል እናተኸታተለ ተዘርግሐ። ቀደም ብቐሊሉ ዚኾብኹቡ ዝነበሩ ዝራብዓት ብሃንደበት ናብ አራዊት ተለወጡ ። አባጊዕ ሓጹር ግራት ዋሒስን ነቲ ዘ ራእቲ ለቕመጸአ ፡ ላሕምታት ነቲ ጸባ ዚሕለበሉ ጓጉድ ብእግረን እናቐልዓ ደንከላአ ። አፍራስ ሃደን ከይጋልቡ ብም ሕንጋድ ፡ ነቶም እተወጥሑዎም ጐይቶቶም ብኸንዮ ሓጹር ሰንደዉዎም ። ዝገደደ ድማ ፡ ' እንስሳታት ዓዲንግሊዝ ' ዜማእ ፡ ከምኡ'ውን ግጥማ ኸይተረፈ አብ ፈቐዶኡ ይስማዕ ነበረ ። ብዜስደምም ፍጥነት ተነገሐት ። እቶም ደቅ - ሰብ ንኼስምሉ እን'ናሸውዋ'ኳ ፡ ምስ ሰምዕዋስ ሕርቃናም ኪዓ

ግቱ አይከአሉን ። ሽሕ'ውን እንስሳታት እንተ ኾኑ ፡ ከም'ቲአ ዝበለት እተናዕቀት ጐሓፍ ምዝማሮም ንምርድኡ ዜሸግር'ዩ ፡ በሉ ። ዝኾነ ንዓአ ኺዝምር እተረኽበ እንስሳ ፡ ብኡንብኡ አብታ እተታሕዘላ ቦታ ይግረፍ ነበረ ። ከምዚ ኸነሱ ግን እታ መዝሙር ተጸዊጣ አይተረፈትን ። ዋሪ አብ ደኃል ኮይ ነን ፋጸያአ ፡ ኳትራ አብ ዳዕሮ ኾይነን ሓንሓንአ ፡ አብቲ ጭልጭልታ ሓጓይን ደወል ቤተክርስትያንን ከይተረፈ ተዳ ህየት ። እቶም ደቅ - ሰብ ድማ ንዓአ ምስ ዚስምዑ ፡ ትንግ ርቲ ውድቀቶም ብምኻና ብውሽጦም ይርዕዱ ነበሩ ።

አብ ፈለማ ጥቅምቲ ፡ አእካል ተዓጺዱ ብዝተጐንኹ ገሊኡ ድማ ብዝተኼደ ፡ ሓደ ዕስለ ዚኾና ረጋቢት እናዘ ምበያ መጺአን ብዓቢ ምዕልባዋ አብቲ ቐጽሪ ሕርሻ - እን ስሳ ዓለባ ። ለከስ ፡ ሃንስን ሽታሎኡን ፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ሽዱሽት ካብ መዓንደር - ወኻርያን ግራት - ነ ጨበን እተአ ኻኸቡ ፡ ነቲ ሓሙሽተ ዝመሸጐሩ በሪ ጥሒሶም ፡ በቲ ናብቲ ሕርሻ ዚመርሕ መገዲ ሰረገላ አኾኒያም ይመጹ ነይ ሮም'ዮም ። ብዘይካ ሃንስ ፡ ካልኦት ዅሉቶም አባትር ሒዞም ነበሩ ። ንሱ ግን ግንጽል ዓቲሩ ቀቅድሚኦም ይግስግስ ነበረ። ነታ ሕርሻ ተመሊሶም ኪሕዝዋ ይህቅኑ ኸም ዝነበሩ ደጊም ፍሉጥ'ዩ ።

እዚ ኻብ ቀደም ዚጽበዩዎ ዝነበረ'ዩ ፡ አድላዪ ዘበለ ምድላዋት ድማ ተገይሩሉ ነበረ ። ናይ ምክልኻል መዚ እተ ዋህቦ ውርጮ ፡ ብዛዕባ መፍርታት - ውግእ ቁሳር ዩልዩስ ዚው ስእ ጥንታዊ መጽሓፍ አንቢቡ አጽኒው ነበረ ። ትእዛዛቱ ብቕልጡፍ ብዘመሓላለፈ ኸአ ፡ ነፍስ - ወከፍ እንስሳ አብ ውሽጢ ኸልተ ደቓይቓ በቦታኡ ሓዘ ።

እቶም ሰባት ናብቲ አባይቲ ሕርሻ አቢሎም ብዝተጸ ግው ፡ ውርጮ ቐዳሞት ወረርቲ ለእኸ ። ዅለን እተን ሳላ ሳን ሓሙሽተን ዚኾና ረጋቢት ንየው ነጀው እናተወና ጨፋ አብ ልዕል'ቶም ሰባት ዘምበያ ። እቶም ሰባት ናባታቶን እናቕለቡ ኸለዉ ድማ ፡ ብድሕር'ቲ ሓጹር አደብየን ዝጸ ንሓ ደርሆማይ ፡ ብፍጥነት ወጺአን ፡ አረርኪበን ብዘይ ንሕ ስያ ዳናጉአም ተኼባአም ። እዚ'ኳ ፡ ንምድንጋር ተባሂሉ እተዋደደ ፡ ቅልል ዝበለ ስልታዊ ግጥም ስለ ዝነበረ ፡ እቶም ሰባት ብዘይ ጸገም ነቶን ደርሆማይ በባትሮም ሰጕጉወን ።

አብዚ ግዚ'ዚ ውርጮ ፡ ካልኣይ መስመር ወረርቲ ፈነወሎም ። ፈገስ ፡ ጻዕዱ ፡ ኮለን እተን አባጊዕን ኮይኖም ብውርጮ እና ተመርሑ ጠኒኖም እትዮም ጐነጽዎምን ወግኡዎምን ። ጻዕዱ ኽእ በተን ነአሽቱ ሸኾናታቱ ገይሩ በኹድር ረግሖም ። ግናኽ ሕጂ'ውን ፡ እቶም ሰባት ምስቲ ሒዞምዎ ዝነበሩ አባ ትርን ዝወደይዎ ሓዲን እተረቅዖ ጫማታትን አዝዮም በርት ዕዎም ። አብ መንን'ዚ ብሃንደበት ፡ ውርጮ ሓንሳእ አበ ርቲዑ ወጨጨ ፡ ህደሙ ዚብል ምልክት ስለ ዝነበረ ኽእ ፡ ኮሎም'ቶም እንስሳታት እንግድዓእም ሂቦም በቲ ማዕጾ ሰሊ ኾም አብቲ መረባ አተዉ ።

እቶም ሰባት ናይ ዓወት ጭራሒ አስምዑ ። ጸላእቶም ዝሃደሙሉም መሲሉዎም ድማ በብውልቂ እግር እግሮም ተኽተልዎም ። ውርጮ ዚደልዮ ዝነበረ'ውን እዚ'ዩ ። አብቲ መረባ አወርዮም ብዝአተዉ ፡ ብኡብኡ ፡ እቶም አብቲ ደምቡላም አዝጊቦም ዝጸንሑ ሰለስተ አፍራስን ሰለስተ ላሕምታትን ዝተረፉ ሓሰማታትን ፡ ዘይተሓስበ ብድሕሪኦም አኳ ሊሞም ዓገትዎም ። አብዚ እዋን'ዚ ውርጮ ፡ ኪገጥምዎም ምልክት ሃበ ። ንሱ ንባዕሉ ንሃንስ ጠኒኑ አተዎ ። ሃንስ ናብኡ'ቢሉ ኺመጽእ ብዝረእዮ ግንጽሉ አኾንዐ'ሞ ተኩሰሉ ። እቲ ዓረራት ንውርጮ ዝባኑ ልሒጹ አድመዮ ፡ ንሓ ንቲ ብድሕሪኡ ዝጸንሐት በጊዕ ከእ ወጊኡ ቕተላ ። ውርጮ ኽምህ ከይበለ ፡ ምስቲ ኹንታል ዚኽውን ክብደቱ ንኾድ ሚት ተወርዊሩ አብ እግሪ ሃንስ ተላግዐ ። ሃንስ ተሰንዲዱ አብ ሓደ እተኾመረ ዕነ ተሸምመ ፡ ግንጽሉ ኽእ ካብ ኢዱ ተመንዚዓ ኽደት ። ካብ ኩላቶም እዝዩ ዚሰንብድ ትርኢት ዘርእየ ግን መጋል'ዩ ። ከም ገልገል ነተን ዳሕረዎት መሓ ውሩ ፍንጭራዕ እናበለ ፡ በቲ ሓዲን ዝወደየ ሸኾናታቱ ተራ ግሐ ። ቅድም ቀዳድም ፡ ንሓደ ኻብ መዓንደር ወኻርያ ዝመጸ ንሳ ፡ ውኖኡ ኽሳዕ ዚጥፍእ ቅርቅርቱ ዘቢጡ አብ ጭቃ ዘር ጋሕ አበሎ ። ነዚ ብዝረእዩ ፡ ብዙሓት ካብቶም ሰባት አባ ትሮም ደርብዮም ኪሃድሙ ሃቀኑ ። ፍርሂ ወረሶም ፡ ነዊሕ ከይጸንሑ ፡ ኩሎም እቶም እንስሳታት ብሓባር ፡ አብቲ መረባ ሸንኩለል እናበሉ ኼጓይይዎም ጀመሩ ። አረርኪቦም ከእ ወግእዎም ፡ ነኽስዎም ፡ ረገጽዎም ። ከከም ዚምሽዎ አገባብ ገይሩ አብ ልዕሊኦም ዘይተበቀለ ናይቲ ሕርሻ እንስሳ አይነ

በረን ። እታ ድሙ'ኳ ብዓኾማ ፡ አዳህሊላ ኻብ ሓደ ናሕሲ ብምዝላል ፡ አብ ዝባን ሓደ ኻብቶም ጓሶት ዓሊባ አጽፋራ አብ ክሳዱ ተኽለትሉ ፡ ክፉእ አውያት ከም ዘእዊ ድማ ገበረቶ ። መጽለ ቕሑ ብዝረኽቡ ኽእ ፡ እቶም ሰባት ብታሕ ጓስ ካብቲ መረባ እናተጸቓቐጡ ወጹ'ሞ በቲ ጽርግያ ገጾም ነፈጹ ። እንሆ'ምበእር ፡ እቲ ወረራእም ሓሙሽተ ደቓይኞ ከይመልእ ፡ ብዚሕፍር ሁነት ፡ በታ ዝመጹላ አቢሎም አብ ምህዳም ነበሩ ። ዕስለ ደርሆማይ አስአሰርም ጭጭ እናበላን ዳናቱእም እናተኹባን ድማ ክሳዕ መጠረሽታ አሳጉጓእም ።

ብዘይካ ሓደ ፡ ኩሎም እቶም ሰባት ተጸርገፉ ። አብቲ ደምበ ፡ መጋል ነቲ ገጹ ንቕልቁል ተደፊኡ እተዘርግሐ ጓሳ ብሸኾናኡ ኺግልብጦ ይፍትን ነበረ ። እቲ ወዲ ግን ፍኒሕ አይበለን ።

" ሞይቱ ፡ " በለ መጋል ብጓሂ ፡ " ከምዚ ኽንብር ድልየተይ አይነበረን ። ጫማ ፈረስ ከም ዝወደኹ ረሲዐዮ ። እዝስ ብዘይ ፍላጥ ከም ዝገበርክዎ መን ይእመነኒ ? "

" ርሕራሐ አየድልን'ዩ ብጻይ ! " በለ ውርጮ ፡ እቲ እተወግኦ ጌና ደም እናንጠብጠበ ፡ " ውግእ ውግእ'ዩ ። ንሰብ ድማ ኽእ ኽትጉህየሉ ! "

" ትንፋስ ከሕልፍ አይደልን'የ ፡ ትንፋስ ሰብ እንተ ኾነ' ውን ፡ " በለ መጋል አዒንቱ ቕጽርጽር እናበለ ።

" ሙሉኽ አበየላ ? " ኪብል ፡ ሓደ ኻብኡቶም ልቢ ዚመልሕ ሕቶ አቕረበ ።

ሓቂ'ውን ፡ ሙሉ ምሳታቶም አይነበረትን ። ንእዋኑ ብር ቱዕ ስንባደ ተፈጥረ ። እቶም ሰባት ከም ገለ ሃስዮምዋ ሓደው ጨውዮምዋ ኽይኮኑ'ውን ተፈርሀ ። አብ መወጻእታ ግዳ ፡ አብቲ ጋጻ ፡ ርእሳ አብ ውሽጢ መብልዕ ሓሰር ቀቢራ ተሓ ቢኣ ተረኽበት ። ፈለማ ድምጺ ጠበንጃ ብዘድሃየ ምስ ሃደ መት'ያ ። እቶም ካልእት ንእኣ ረኺቦምዋ ብዝተመልሱ ኽእ ፡ ወዮ ሞይቱ እተባህለ ጓሳ ዓዊሉ ጥራይ ስለ ዝነበረ ፡ ቀልቡ ፈሊጡስ ዛጊት ተጸርጊፉ ጸንሖም ።

ብድሕር'ዚ እቶም እንስሳታት ፡ ካብ ሕሉፍ ታሕንስ፡ ነፍስ ወከፎም ጐረፎኡ ኽሳዕ ዚስንጠኞ ፡ ብዛዕባ አብቲ ውግእ

ዘርአይም ጅግንነት እናዘንተዉ ተአኻኸቡ ። ብሎብኡ ነቲ ዓወት ተባሂሉ ዘይሕሰብ በዓል ተዳለወ ። እታ ባንዴራ ተሰ ኞለት ፡ ‘እንስሳታት ዓዲንግሊዝ’ ተደጋጊማ ተዘመረት ። እታ አብቲ ውግእ እተቐትለት በጊዕ ብዓቢ ዓጀብ ተቐብረት ፡ አብ ልዕሊ መቓብራ ድማ ጽጌረዳ ተተኽለላ ። ውርጮ አብ ጐን’ቲ መቓብር ቂይሙ ፡ አድላዪ ምስ ዚኸውን ፡ ነሉም እንስሳታት ህያወቶም ንሕርሻ እንስሳ ኺብጅዉ ወትሩ ድሉዋት ኪኾኑ ኸም ዚግባእ ሓጺር መደረ አስምዐ ።

እቶም እንስሳታት “ ጅግና እንስሳ ቐዳማይ መዓርግ ” ዚበሃል ወተሃደራዊ ሽልማት ኪዳሎ ብሓደ ቓል አጽዲቖም ፡ ሽው ንሽው ፡ አብሉ ኸለዉ ንውርጮን መጋልን ሸለምዎም ። እዚ ድማ ፡ ካብ አስራዚ እተሰርሐ ፡ ብእዋን ሰንበትን በዓላትን ዚንጥልጠል መዳልያታት’ዩ ዝነበረ (ናይ ሓቂ ግን ፡ አብቲ እንዳ ስርዓት ፈረስ ዝረኽብም ናይ ቅድም ዝነበረ አስራዝ ታት ፈረስ’ዩ) ። ብዘይካ’ዚ እውን ፡ “ ጅግና እንስሳ ኻል አይ መዓርግ ” ዚበሃል ተዳለወ ፡ ንሱ ኸአ ነታ እተሰውአት በጊዕ ተዋህበ ።

እቲ እተገብረ ውግእ እንታይ ተባሂሉ ኺጽዋዕ ከም ዘግ ባእ ብዙሕ ክትዕ ተፈጥረ ። አብ መወዳእታ ግዳ ፡ እቲ ንጸላ እቶም ሓደጋ ዝወደቑሉ ስፍራ አብቲ ደምበ - ላም ስለ ዝኾነ ፡ “ ውግእ ደምበ - ላም ” ተባሂሉ ተጸውዐ ።

አይተ ሃንስ ግንጽሉ አብቲ ጨፈቃ ወዲቑ ተረኽበት ። ከምኡ’ውን ፡ አብቲ አዳራሽ ሕርሻ እተዓጭረ ጠያይት ከም ዘሎ ድሮ ተፈሊጡ ነበረ ። ስለዚ እታ ግንጽል ከም መጠን መድፍዕ አብ ትሕት’ታ ሰንደቕ ክትትከል ፡ አብ ዓመት ክልተ ሳዕ — ማለት ፡ ሓንሳእ አብ 12 ጥቅምቲ ፡ ውግእ ደምበ - ላም ዝወዓለሉ ፡ ሓንሳእ ኸአ አብ በዓለ - መንፈቕ ፡ እቲ ዕልዋ እተፈጸመሉ ዓውደ - ዓመት ክትትኩስ ተመደበ ።

፭

ሓጋይ እናኣተወ ብዝኽደ ሙሉ እናሓደረት ህውከተኛ ኾነት ። ንግሆ ንግሆ ድቃስ ከም ዝጠለማ እናመሳመሰት አብ ስራሕ ምድንጓይ ፡ ሽውሃታ ግርም ክነሱ’ውን ተኸሲእ እናበለት ምዕዝምዛም እመል ገበረቶ ። ብዝኾነ ሰበብ ስራሕ እናቋረጸት ናብቲ ጋብላ ትኽይድ ፡ አብኡ ድማ አብቲ ማይ መልክዓ ኽትርኢ ተዓኒዳ ትውዕል ነበረት ። ንሱ ጥራይ ኣይኮነን ፡ ካልኢ ዝያዳ ዜተሓሳስብ ትሒምታ’ውን ነይሩዋ ። ሓንቲ መዓልቲ ሙሉ ፡ ነሳሶ ድርቂ እናኹምስዐት ፡ እቲ ነዊሕ ጭራኣ ነስነስ እናበለት ተፈሲውዋ ናብቲ መረባ እናኣ ተወት ከላ ራህዋ ፈልያ ወሰደታ ።

“ ሙሉ ፡ ” በለታ ፡ “ ሓደ ኽዛረበኪ ዝደሊ ኣዝዩ ዜተሓሳስብ ጉዳይ አሎ ። ሎም - ንግሆ ፡ አብቲ ንሕርሻ እንስ ሳን መዓንደር - ወኻርያን ዚፈላሊ ሓጹር ተጸኒዕኪ ርእየኪ ። ሓደ ኻብቶም ሰራሕተኛታት ናይ አይተ ብኽንቱ ብኽንዮ እቲ ሓጹር አብ ጥቓኺ ነይሩ ። ጌጋ ደኣ ይኽልኣለይ’ምበር ፡ የዘራርበኪ’ውን ነይሩ ፡ አፍንጫኺ ኺደራርዘኪ ኽሎ ኽኣ አይተቓወምክዮን ። እዝስ እንታይ ማለት ኮን ይኽውን ሙሉ?”

“ አይቀረበንን ! ሓሶት ! አብኡ’ኳ ዘይነበርኩ ! ” ጨርሐት ሙሉ ፡ ፈንጠራዕ እናበለት ከኣ ነቲ መሬት ክት ድጕድጎ ጀመረት ።

“ሙሉ ፡ እስኪ ናባይ ጠምቲ ። እቲ ሰብኣይ አፍንጫኺ ኽም ዘይደረራዘኪ ምመሓልክለይዶ ? ”

“ ሓሶት ! ” ክትብል ደገመት ሙሉ ፡ ንራህዋ ኽትጥ ምታ ግን አይደፈረትን ። ብድሕር’ዚ እናጋለበት ናብቲ ጐል ጐል ገጻ ተጸርገፈት ።

ሓደ ሓሳብ ንራህዋ ጠብላሕ በላ ። ንኻልኦት ገለ ኽየ ውስኦት ፡ ናብቲ ሙሉ እትቕመጠሉ ጋጽ ከደት ። ነቲ ሓሰር ከኣ ብሸኾናኣ ጋልሃቶ ። አብቲ ትሕቲ ሓሰር ፡ ሙምራ ሓለዋትን ፡ በበይኑ ዝሕብሩ ጋማታትን ተሓቢኡ ረኽበት ።

አብ ሳልስቱ ሙሉ ተሰወረት ። ንገለ ሰሙናት አበይ ከም ዝኣተወት አይተፈልጠን ። ድሕር’ዚ እተን ረጋቢት ፡ በቲ

ኽንየዋይ ሸነኽ ናይ ከተማ ዊልንድን ከም ዝረአይኡ አመ ልክታ ። ሓንቲ ቐይሕን ጸሊምን እተለኽየት ጽብቕቲ ንእ ሽቶ ሰረገላ ተጀሪናታ ፣ አብ አፈፊት ሓደ እንዳ - መስተ ቐይማ ነይራ ። ሓደ ገጹ በርበረ ዚመስል ከራሽ ሰብኣይ ፣ ዋና'ቲ እንዳ - መስተ ኽይኮነ አይተርፍን ፣ ዕሮርዋይ ዝሕ ብሩ ኽሳዕ ብርኪ ዚበጽሕ ጸቢብ ስረ - ፈረስኛን ነዊሕ ጋም ባለን ዝወደየ ፣ አፍንጫእ እናደራረዘ ሓለዋት የብልዓ ነይሩ ። ጸጉራ ሓድሽ ተቐምቂሙ ፣ አብ ሞንማዓታ ኽእ ሓደ ውዕ ዉዕ ቀይሕ ጋማ ተኣሲሩላ ነይሩ ። አዝያ ዝቐሰነት'ያ እት መስል ፣ ኪብላ እተን ረጋቢት አዘንተዋሎም ። ብድሕር'ዚ ፣ ካብቶም እንስሳታት ሓደ'ኳ ንሙሉ ደጊሙ ሽማ አየልዓለን ።

አብ ጥሪ አዝዩ ብርቱዕ ቕሪ ተላዕለ ። መሬት ከም ሓጺን ከትከት ሰለ ዝበለ አብ ግዳም ዕዮ ኺዕየ አይተኻእ ለን ። አብቲ ሪኾ ብዙሕ ዋዕላታት ይግበር ነበረ ፣ እቶም ሓሰማታት ከኣ ግዚእም ነቲ ዚመጽእ ወርሓት ዚኽ ውን ስራሕ አብ ምውጣን አሕለፍዎ ። ካብቶም ካልኦት እንስሳታት ብግልጺ ዝነፍው እቶም ሓሰማታት'ዮም ዝነ በሩ ። በዚ ዚእክል ፣ ንኹሉ'ቲ ዕላማታት እታ ሕርሻ ዚም ልከት ጕዳያት ገበርትን ሓደግትን ምኽኖም እናተለምደ ኸደ ። እዚ ኺበሃል ከሎ ግን ውሳነታቶም ብድምጺ ምጽ ዳኞ ነበሮ ። እዚ አገባብ'ዚ አብ መንጎ ውርጮን ናፖለዮ ንን ዘይምቅዳው እንተ ዘይነብር ግርም ምስርሐ ። እዞም ክልተ ፣ አብ ዝኾነ ዚካትዕ ነጥብታት ዘይሰማምው ነበሩ ። ሓዲእም ዝበዝሐ መሬት ስገም ይዘራእ ኢሉ ሓሳብ ምስ ዜቕርብ ፣ እቲ ኻልእ ፣ ዝበዝሐ መሬት ሰዓዕ እንተ ዘይተዘርእ ኢሉ ኽም ዚጠልብ ዜጠራጥር እይነበረን ። ሓዲእም ፣ ከምዝን ከምዝን ዝኣመሰለ ግራት ነሕምልቲ'ዩ ዚሰማማዕ ምስ ዚብል ፣ እቲ ኻልእ ፣ አይፋልን ንድንሽን ሰራውርን ጥራይ'ዩ ዚኽ ውን ይማጕት ነበረ ። ነፍስ ወከፎም ሰዓብቲ ነበር ምሄ ፣ ሳሕቲ ኽእ ብርቱዕ ቴየኞ ምፍጣሩ አይተረፈን ። ዚበዝሐ ግዚ አብቲ አኼባ ውርጮ በቲ በሊሕ መያርኡ ዳርጋ ንኹሳቶም ኪምስጠም ከሎ ፣ ናፖለዮን ግን ሓሓሊፉ ደገፍቲ አብ ምጥራይ ዝሓሸ ኽእለት ነበሮ ። ብሕልፍ'ኳ አብተን አባኒዕ ሀቡብ ነበረ ። አብዚ ዳሕራይ እዋን ፣ እተን አባኒዕ ፣ " አርባዕተ እግሪ ጽቡኞ ፣ ክልተ እግሪ ኽፉእ ፣ "

እናበላ ወግሐ ጸብሐ ምግባር አመል ኮይኑወን ነበረ ። በዝን ወድዝን ድማ ነቲ አኼባ ብዙሕ ግዜ የኳልፉኡ ነበራ ። ብፍ ላይ'ኳ ውርጮ ቐም - ነገር አብ ዚዛረበሉ ህሞት ፣ " አር ባዕተ እግሪ ጽቡኞ ፣ ክልተ እግሪ ኽፉእ ፣ " ምባል ከም ዚጅምራ ማንም ዘስተብሃለሉ ጕዳይ ነበረ ። ውርጮ አብቲ አዳራሽ ዝረኽቦ ፣ እዋኑ ዘሕለፈ ፣ " ሓረስታይን እፍራይ ከብ ትን " ዘርእስቱ መጽሔት ብምንባብ ደቂኞ መጽናዕቲ ገይሩ ነበረ ። ስለዚ ንምህዞን ምምሕያሽን ብዙሕ ውጥናት አዳ ልዩ ነበረ ። ብዛዕባ ንመስኖ ዚኽውን መትረባት ፣ ብዛዕባ መዕቈር ፍሩስካ ሪኞት ፣ ብዛዕባ መሰረታዊ ማሕጕዳ ፍል ጠት ብዘለዎ አገባብ አስተምህሮ ሃበ ። ከምኡ'ውን ሁሉም እንስሳታት ዒባእምን ፋንድያታቶምን አብ በበይኑ ወገን ናይቲ ግራት ኼንጥቡሉ ዚኽእሉ እተሓላለኽ ሜላታት ብም ምሃዝ ፣ ነቲ ብዓረብያ ኺጓርቱ ዜጥፍእዎ ዝነበሩ ድኻም ዚቃልል መደባት አውጽኡሎም ። ናፖለዮን ናይ ገዛእ ርእሱ መደባት እየኞረበን ፣ ግናኽ ውርጮ ግዚኡ ንብላሽ የጥፍእ ከም ዝነበረን ፣ ገለ ቐም - ነገር ድማ ኽም ዘይገብርን ብር ግኡት ሓሳባቱ ገለጸ ። ትርኢቱ ምቕእ ግዜ ዚጽበ እዩ ዚመስል ዝነበረ ። ካብቲ ኹሉ ጽርዶም ግን ፣ ከምታ ጠሓ ኒት - ንፋስ ዘተሃናኹተቶም እይነበረን ።

ካብቲ ገዛውቲ ሕርሻ አዝያ ዘይረሓቕት ፣ አብቲ ለጥ ዝበለ መገሃጫ ፣ ሓንቲ ኻብቲ ኽባቢ ብርኽ ዝበለት ንእሽቶ ኹጀት ነበረት ። ውርጮ ነቲ ቦታ ኼሊሉ ድሕሪ ምዕዛብ ፣ አብኡ ጠሓኒት - ንፋስ ምትካል ከም ዘዋጽእ ፣ በዚ ድማ ዲናሞ ኽም ዚዘውር ተገይሩ ፣ ነታ ሕርሻ ዚእክል ሓይሊ ኤለትሪክ ምፍልፋል ከም ዚከኣል አረጋገጸ ። እዚ ፣ አብቲ ጋጻት መብራህቲ ንምእታው ፣ ብእዋን ቕሪ ድማ ንኼማም ቐም ፣ ከምኡ'ውን ፣ መጋዝ ፣ መዕጸድ ሓሰር ፣ መቐርደድ ኣሕምልቲ ፣ ብኤለትሪክ እትዓዩ መሕለቢትን ንምንቅስቓስ ከም ዚውዕል ነገሮም ። ውርጮ ፣ እተፈላለየ ዜስተንክር ኣሳ እል ሞተረታት እናርእየ ፣ ዳሕራይ መዓልቲ ኽመይ'ኡ ሰር ሖም ብኡኡ ኽም ዚሰልጥ ፣ ንሳቶም ድማ ፣ አብቲ ግዜ'ቲ እንተ ደለዩ ናብቲ ጕልጎል ከይዶም ሳዕሪ እናማእረሩ ኼዕ ርፉ ፣ ሓደው ከኣ ፣ ፍልጠቶም መታን ኪመሓይሹ ፣ ኪን ብቡን ኪመያየጡን ከም ዚውዕሉ ገለጸሎም ። እቶም እንስ

ሳታት እዚ ነገር'ዚ ዘይሽው ርእዮምዎን ሰሚያምዎን ስለ ዘይፈልጡ (እቲ ሕርሻ ድሑርን መሳርሒታቱ ድማ እዋኑ ዘሕለፈ ስለ ዝነበረ) ብብዙሕ ምግራም አዳመጽዎ ።

እቲ ውርጮ ዘዳለዎ ንድፍታት ጠሓኒት - ንፋስ ብሒ ደት ሰሙናት ተሰሪሑ ተውድአ ። መብዛሕትኡ እቲ መካኒ ካዊ ስርዒታት ፡ ካብተን ናይ አይተ ሃንስ ዝነበራ ሰለስተ መጻሕፍቲ " ሓደ ሽሕ አብ ገዛ ዚሰርሑ ነገራት " ፡ " ንፍስ ወከፍ ባዕሉ ይንደኞ " ፡ " ሓይሊ ኤለትሪክ ንጀመርቲ " ዘርእስተን እተወስደ ነበረ ። ውርጮ ፡ ቀደም መሕቂፍ እን ቋቑሑ ዝነበረ ፡ ባይታኡ ንምስእል ብዚምችእ ልሙጽ ሉሕ እተኸደነ ጓሮ ከም ቤት - መጽናዕቱ ተጠቕመሉ ። ሓድሓደ እዋን አብ ውሽጡ ንሓያሉ ሰዓታት ተዓጽዩ ይውዕል ነበረ ። ነቲ እተገንጸለ መጽሓፉ ብእምኒ ጕዝጕዙ ፡ ቍራጽ ሙርሽ አብ ጕምቦ መሓውሩ ቀቺሩ ፡ መስመር አብ ልዕሊ መስመር እናሓንጸጸ ፡ ብታሕንስ እናስቈምቈመ የሽበድብድ ነበረ ። በብቑሩብ ፡ እቲ ንድፍታት ብዙሕ እተሓላለኸ ዘንግታትን ተወሳሳቢ መዘወራትን ተእኻኺቡ ፡ እናዓበየን እናሰፍሐን ነቲ ባይታ ኻብ ፍርቂ ንላዕሊ ሸፈኖ ። እዚ ፡ እቶም ካልኦት እን ስሳታት ፡ ሽሕ'ኳ ኢደ እግሩ እንተ ዘይተረድኦም ፡ አዝዩ ዜመ ስዮ ኮይኑ ረኸብዎ ። ሙላቶም ነዚ ናይ ውርጮ ንድፊ ንም ርአይ እንተወሓደ አብ መዓልቲ ሓንሳእ ይመጹ ነበሩ ። እተን ደራውን ታኪናትን ከይተረፋ'ኳ መጺእን ፡ ነቲ ብሙ ርሽ እተሓናጸጸ ምልክታት ከይረግጽኦ'ውን ብዙሕ ተሰኪፈ ን ። አብዚ ፡ ናፖለዮን ጥራይ'ዩ ዘይተጸምበረ ። ካብ ፈለማ እት ሒዙ ነታ ጠሓኒት - ንፋስ ከም ዘጸረራ አፍሊጡ ነይሩ'ዩ ። ሓደ መዓልቲ ዝኾነ ኾይኑ ፡ ነቲ ንድፍታት ኪርኢ ዘይተ ሓስበ ደበኽ በለ ። አብቲ ጓሮ ተታዕኒኑ እናዘረ ፡ ነቲ ደቀ ቕቲ ስርዓት ናይቲ ንድፍታት ሓደ ብሓደ ቑሪቡ ድሕሪ ምዕዛብ ፡ ሓንሳእ ወይ ክልተ ሳዕ ዚኸውን አሸተቶ'ሞ ንሒደት ይቓይቕ ጠጠው ኢሉ ብጎቦ ዓይኑ እናጠመተ እስ ተንተነሉ ። ብድሕር'ዚ ፡ ብሃንደበት እግሩ ጢል አቢሉ አብ ልዕሊ'ቲ ንድፉት ሸነ ፡ ገለ ቓል ከየውስእ ድማ ንግ ዳም ወጸ ።

ምልእቲ ሕርሻ ብሰንክ'ታ ጠሓኒት ንፋስ አዝያ ተኸፋ ፈላ ነበረት ። ውርጮ ፡ ንዓእ ምህናጽ ብርቱዕ ጕዳይ ከም

ዚኸውን አይሓብአን ። አእማን ፍሒርካ መንደኞ ምንኞዳ ፡ ብድሕሪኡ ጋንጽላ ምግታር ፡ ቀጺሉ ዲናሞን ገመድ - ኮረ ንትን የድሊ ነበረ (እዚ ዅሉ ኻበይ ከም ዚርከብ ግን ውርጮ አይገለጾን) ፡ ግዳ ፡ ዅላ ብዓመት ከም እትውዳእ አረጋገጸሎም ። ካብኡ ንይሓር ብዙሕ ስራሕ ስለ ዚሳለጥ እቶም እንስሳታት አብ ሰሙን ሰለስተ መዓልቲ ጥራይ ከም ዚዓይዩ አፍሰጠ ። ናፖለዮን ብወገኑ ፡ አብቲ እዋን'ቲ ፡ እቲ አዝዩ ዜድሊ ፡ ማእቶት ምግቢ ምብዛሕ ደአ'ምበር ፡ ግዚ እም ናብ ጠሓኒት - ንፋስ እንተ ደኣ አጥፊኦም ብጥሜት ከም ዚለሓሱ ተማጕቱ ። እቶም እንስሳታት "ናፖለዮንን ምሉእ ዘይ ጕዱል መብልዕ ማልን ንምረጽ !" ፡ "ውርጮን አብ ሰሙን ሰለስተ መዓልቲ ዕዮን ንምረጽ!" አብ ትሕቲ ዚብላ ሞርሐታት ብምስላፍ አብ ክልተ ጋንታ ተኸፍሉ ። ምስ ሓዲኡ ዘየሻ ረወ አያ ጸዕዱ ጥራይ ነበረ ። ምግቢ ዝያዳ ኼብርክት መይ ድማ ጠሓኒት - ንፋስ ዕዮኦም ከተሳልጠሎም ዚበሃል ነገራት ምእማን አበየ ። ጠሓኒት - ንፋስ ትሃሉ አይትሃሉ ፡ ህይወት ከም ወትሩ — ማለት ብሕማኞ ሁነት — ኪቕጽል'ዩ ፡ በለ ።

ብዘይካ በታ ጠሓኒት - ንፋስ እተሳዕለ ኼርከር ፡ ነታ ሕርሻ ብኸመይ መገዲ ኸም ዚከላኸሉላ ዚምልከት ሕቶ'ውን ነበረ ። ደት - ሰብ ፡ ሽሕ'ኳ አብ ውግእ ደምበ - ላም እንተ ተሳዕሩ ፡ ነታ ሕርሻ ኸም ብሓድሽ አብ ኢዶም ንምእታው ብዝሓሸ ሓቦ ኸም ዚህቅኑ ፡ ንእይተ ሃንስ ናብ ቦታኡ ኸም ዚመልስዎ ኸእ ብሩህ'ዩ ነይሩ ። ነዚ ስጉምት'ዚ ንምውሳድ ብቑዕ ምኽንያት ነይርዎም ፡ ንሱ ድማ ፡ ወረ ስዕረቶም አብ ሁሉ'ቲ ጕደቦታት ብምውጃው ፡ ነቶም አብ ጕረባብቲ ሕርሻ ዚርከቡ እንስሳታት ከእ ካብ ቀደም ብዝያዳ ንኺኽንቡ ስለ ዘደፋፈፎም'ዩ ። ከም ወትሩ ውርጮን ናፖለዮንን አይተሰ ማምዑን ። ናፖለዮን እቶም እንስሳታት ጠበናጺ ዓዲኦም ባዕላቶም ተዓሊሞም አብ መዓላ ኼውዕልዎ'ዩ ድልየቱ ዝነ በረ ። ውርጮ ድማ ፡ ብዙሓት ረጋቢት እናለእኹ ፡ አብ መንነ'ቶም አብ ካልኢ ሕርሻ ዚርከቡ እንስሳታት ናዕቢ ምልዕዓል'ዩ አተናኡ ዝነበረ ። እቲ ቕዳማይ ፡ ንገዛእ ርእሶም ኪከላኸሉ እንተ ደኣ ዘይክኢሎም አብ መወዳኣታ ኸም ዚስ ዓሩ ኼምጕት ከሎ ፡ እቲ ኻልኣይ ፡ አብ ሁሉ ቦታታት ናዕቢ እንተ ደኣ ተለዓዒሉ ንገዛእ ርእሶም ምክልኻል ከም

ዘየድልዮም ይካታዕ ነበረ ። እቶም እንስሳታት ቅድም ንናፖለዮን አዳመጽዎ ፣ ብድሕሪኡ ንውርጮ ፤ መናም ቅኑዕ ከም ዝነበረ ንምውሳን ከኣ ሓሳባቶም አብ ሓደ ምርጋእ አገሞም ። ብሓቂ'ውን ፣ ከይተፈለጦም ፣ መብዛሕትኡ እዋን ምስቲ በታ ሽዓ ህሞት ዚዛረብ ዝነበረ ይሰማምዑ ነበሩ ።

አብ መወዳእታ እቲ ናይ ውርጮ ንድፍታት እተዛዘመሉ ዕለት መጸ ። እታ ጠሓኒት - ንፋስ ዕዮኣ ይጀመር ወይ አይጀመር ንዚብል ፣ አብቲ ንሰንበቱ ዚግበር አኼባ ብም ርጫ ኺውሰን ተመደበ ። እቶም እንስሳታት አብቲ ሪቕ ብዝ ተአከቡ ውርጮ ብድድ በለ ። ሽሕ'ኳ እተን አባጊዕ ጸጸኒ ሐን ብምግባር እንተ'ኳለፋኣ ፣ ስለምንታይ እታ ጠሓኒት - ንፋስ ንኽትስራሕ ከም እተማገሙ ምኽንያቱ አቕረበ ። ብድሕር'ዚ ናፖለዮን ኪምልሽ ተንስኣ ። ሀድእ ኢሉ ድማ ፣ እታ ጠሓኒት - ንፋስ ቁም - ነገር ከም ዘይብላ ፣ ስለዚ ፣ ሓደ'ኳ ንዓኣ ብምድጋፍ ከይመርጽ መኺሩ ብቕልጡፍ ተመ ሊሱ ኾፍ በለ ። ካብ ሳላሳ ኻልኢት ዚበዝሐ ኣይተዛረበን ፣ ይስምዕዎ ኣይስምዕዎ ፣ ክንድ'ቲ ዝዓጀቦ ኣይመስልን ነበረ ። እዚ ብዝሰምዐ ፣ ውርጮ ብቕጽበት ብድድ በለ ፣ ነተን ኪግ ዕራ ዝጀመራ አባጊዕ ገኒሑ ኽኣ ብዚመስዋ አዘራርባ፡ እታ ጠሓኒት - ንፋስ ንኽትስራሕ ምሕጽንታኡ አቕረበ ። እቶም እንስሳታት ክሳዕ ሕጂ ዳርጋ ብማዕረ ተኽፋሎም'ዮም ደገፍዎ ዚርእዩ ዝነበሩ ፣ ነዊሕ ከይጸንሑ ግን በቲ ናይ ውርጮ መደረ ልቦም ተሰልበ ። እቲ ሓፍ ዘይብል ዕዮ ኻብ ዝባን እቶም እንስሳታት ምስ ወረደ ሕርሻ - እንስሳ ኽመይ ከም እትመሓየሽ ከም ስእሊ ኽሳዕ ዚረአዮም ብንጹር ቃላት ገለጸሎም ። ሕልናኡ፡ መዕጸድ ሓሰርን መቑርደድ ኣሕምል ትን ብምንቅስቓስ ጥራይ እተወሰነ አይነበረን ። ኤለክትሪክ ፡ ብዘይካ'ቲ ንነፍስ - ወከፍ ጋጽ ዚህቦ መብራህቲ፡ ውዑይን ዝሑልን ግይ ፡ መስሓኒ መጋርያ ፡ መሻ ቹጢ ፡ መሕረሲ ፡ መጫኼራ ፡ መጽመቕ ፡ መዕጸዲ ፡ መጥመሪ ናውትታት ኪን ቀሳቕስ ከም ዚኽእል ነገሮም ። ዘረባኡ ብዝወደአ ፡ እቲ ምርጫ ናብ መኖም ከም ዘዘንብል ዜጠራጥር አይነበረን ። እንተኾነ ግን ፡ ልክዕ አብዚ ግዜ'ዚ ፡ ናፖለዮን ሓፍ በለ'ሞ ፡ ንውርጮ ብፍሉይ አገባብ ዓይኑ ሰሪቑ እናጠመተ ፡ ቅድሚ ሽዑ ሓደ'ኳ ሰሚዑዎ ዘይፈልጥ ናይ ምስቕ'ምቕ'ም ድምጺ ገይሩ ወጨጨ ።

አብዚ ግዜ'ዚ ፡ ዜሰንብድ ሕኒንታ ብግዳም ተሰምዐ ። ትሽዓተ ገዘፍቲ አኽላባት ፡ አብ ክሳውዶም ብአስራዚ እተ ለጕመ መእሰሪ ዝወደዩ እናዘለሉ ናብቲ ሪቕ አተዉ ። ትኽ ኢሎም ናብ ውርጮ ገጾም ተወርወሩ ፡ ንሱ ኽአ ካብታ ዝነበራ በተግ ኢሉ ፡ ካብቲ ተናኻሲ ምንጋጋእም ንዋራ አም ለጠ ። ብኡብኡ ንግዳም ወጸ ፡ ንሳቶም ድማ አሰአሰሩ ሰዓቡ ። እቶም ኑሎም እንስሳታት ከይዛረቡ አዝዩ ደንጽዩዎምን ፈሪሆምን ፡ ነቶም ዚጓየዩ ዝነበሩ ኽዕዘቡ በቲ እፍ - ደገ እናተጸቓቐጡ ተቕልቀሉ ። ውርጮ ፡ ናብቲ ጽርግያ ዚመ ርሕ ነዊሕ ሸኻ እናቋረጸ ጐየየ ። ናይ ሓይሊ'ቦኡ ይጕዪ ነበረ ፡ እቶም አኽላባት ግን እግር - እግሩ ተኽተልዎ ። አብ መንጎ'ዚ ብሃንደበት ሸታሕ ኢሉ ወደቐ ፡ ብዘይ ውልውል አርኪቦም ዝጐበጥዎ መሲሉ ኽአ ተራእየ ። ከም ብሓድሽ ተንሲኡ ግዳ ካብ ቅድም ዚዛይድ ጐየየ ፡ መሊሶም'ውን እቶም አኽላባት ኪርክብዎ ቕሩብ ተረፎም ። ካባታቶም ሓደ ምንጋጋኡ ኽፊቱ ፡ ነታ ሞርኡ ኪቕንጥባ ኢሉ ነኽሰ ፡ ውርጮ ግን ብቕጽበት ዓጺሩ ብምስሓብ ንስክላ አድሓና ። ድሕር'ዚ ዝያዳ ናህሪ ወሰኽ ፡ ሓደት ስድርታት ብምቕ ዳም ከኣ በቲ ናይቲ ሓጹር ነኂል ጸለቕ ወጸ ። ብድሕር'ዚ አይተራእየን ።

እቶም እንስሳታት ብድህለትን ራዕድን ሰላሕ ኢሎም እናድሓርሓሩ ናብቲ ሪቕ አተዉ ። ወዮም አኽላባት ብኡ ንብኡ እናተናጠሩ ተመልሱ ። ፈለማ እዞም ፍጥረታት እዚኦቶም ካበይ ከም ዚመጹ ሓደ'ኳ ኺግምት አይከኣለን ። ብዙሕ ከይጸንሑ ግዳ ተፈልጠ ደኣ ። ለከ ንሳቶምሲ ፡ እቶም ናፖለዮን ካብ ሕኹፈ አደታቶም ወሲዱ ንበይኖም ፈልዩ ዘዕበዮም ኩራዙር'ዮም ነይሮም ። ዕድሚኦም ንእሽቱ ኽነሶምሲ ፡ ትርኢቶም ከም ተኺሉ ዜፍርሁ ገዘፍቲ አኽ ላባት ኮይኖም ነበሩ ። አብ ጥቓ ናፖለዮን ከኣ ተጸግዑ ። ከምቲ ኻልእት አኽላባት ንኣይተ ሃንስ ዚገብሩሉ ዝነበሩ ፡ እዚኦቶም'ውን ንዕኡ ሞራኦም ኪንሰልስሉ ተራእዩ ።

ናፖለዮን እቶም አኽላባት እናተኽተልዎ ፡ አብቲ ቐደም መፍሉሳ ኺምድር ከሎ ዝቐመሉ ብርኽ ዝበለ መድረኽ መሰል ባይታ ደየበ ። ካብ ሕጂ ንንየው እቲ ናይ ሰንበት

ንግሆ ዋዕላ ኽም ዘይህሉ አፍለጠ ። ዘየድልን መጥፍኢ ግዜን'ዩ ፡ በሎም ። ንዚመጽእ እዋን ፡ ነታ ሕርሻ ዚምልከት ዘበለ ጕዳያት ፡ ንሱ ብዚመርሖ ፍሉይ ናይ ሓሰግታት ኮሚተ ኺፍጸም ተመደበ ። እዚኣቶም ፡ አብ ብሕቲ ድሕሪ ምርኻብ ፡ ውሳነታቶም ናብቶም ካልኦት የመሓላልፉ ። እቶም እንስሳታት ከም ቀደሞም ነታ ባንዴራ ሰላምታ ኺህቡ ፡ 'እንስሳታት ዓዲንግሊዝ' ኪዝምሩ ፡ ትእዛዝ ሳምንቲ ንም ኾባል ድማ ሰንበት ሰንበት ንግሆ ኺእከቡ ፍቑድ ነበረ ። ድሕሪ ደጊም ዘተ ዚበሃል ከይግበር ግን ተኸልከለ ።

እቶም እንስሳታት በቲ ምስጓጉ ናይ ውርጮ ተዳሂሎም እኳ እንተ ነበሩ ፡ በዚ ሕጂ እተነግሮም አይተሓጉሱን ። ቅኑዕ መማጕቲ ይኣ ስኢኖም'ምበር ፡ ብዙሓት ካባታቶም ምተቓወሙ ። መጋል ከይተረፈ ፡ ቕሩብ ቅር በሎ ። እእዛኑ ንድሕሪት ዓጺፉ ጭንግፉቱ ብዙሕ ሳዕ ነቓነቐ ፡ ሓሳባቱ ኺጥርንፍ ከኣ ፈተነ ። አብ መወዳእታ ግን ዚብሎ ጠፍኦ ። ንባዕላቶም ካብቶም ሓሰግታት ግዳ ፡ ሓድሓደ አትሪሮም ተቓወሙ ። አብቲ ቕድሚት መስርዕ ካብ ዝነበሩ አርባዕተ ኩተት ሓሰግታት ከም ዘይተሰግምዑሉ ኼፍልጡ ዓው ኢሎም ወጨጩ ። እንተኾነ ግን እቶም ንናፖለዮን ዙርያኡ ዓጂቦም ተኼዲሞም ዝነበሩ አኽላባት ፡ ብሃንደበት ብርቱዕን ዚርዕድን ሕኒታ አስምዑሞ ፡ እቶም ሓሰግታት ሀዋም ኢሎም አጽቀጡ ፡ ተመሊሶም ከኣ ኾፍ በሉ ። ሽዑ እተን አባጊዕ ፡ " አርባዕተ እግሪ ጽቡቕ ፡ ክልተ እግሪ ኽፉእ ፡ " እናበላ ንርብዒ ሰዓት ዚኽውን ብዘይ ዕረፍቲ ገዓራ ፡ ነቲ ዝነበረ ዝኾነ ይኹን ናይ ዘተ ዕድል ድማ አኳለፋኦ ።

ጸኒሑ ነፈኽ ፡ ብዛዕባ'ዚ ሓድሽ መደብ ነቶም ካልኦት ኬረድእ አብቲ ሕርሻ ኺዘውር ተላእከ ።

" ብጾት ፡ " በለ ፡ " እዚ ብጾይ ናፖለዮን ዝያዳ ዕዮ ብምቕባል ዚውፍዮ ዘሎ መስዋእቲ ፡ ነሱ አብዚ ዚርከብ እንስሳ ኽም ዚሕጕሰሉ እኣምን'የ ። ብጾት ፡ መሪሕነት ጥውም አይምሰልኩም ! እኳ ደኣ ፡ ብርቱዕን ከቢድን ሓሳፍ ነት'ዩ ። ዅሎም እንስሳታት ማዕረ ኽም ዝኾኑ ፡ ካብ ብጾይ ናፖለዮን አብሊጹ ዚእምን የልቦን ። ባዕልኻትኩም ንዛእ ርእስኹም ክትሓልዩ ፡ ክንደይ'ኳ ምፈተው ። ግንከ ብጾት ፡ ሓድሓደ እዋን አብ ጌጋ ኽትወድቁ ትኽእሉ ኢኹም ። ሽዑኽ እንታይ ክም ዚወርደና ትፈልጡዶ ? ንውርጮን ነቲ ብዛ ዕባ ጠሓኒት - ንፋስ ዘሀተፍተፎ ሃተው ቀጠው ክትስዕብዎ መዲብኩም ኔርኩም እንተ ትኾኑኽ ፡ ! ውርጮ ደጊም ፡ ካብ ሓደ ጕሒላ ኽም ዘይሓይሽ ፈሊጥናዮዶ'ይኮንናን ፡ ! "

" አብ ውግእ ደምበ - ላም ብጅግንነት ተዋጊኡ'ዩ ፡ " በለ ሓደ ኻብቶም እንስሳታት ።

" ጅግንነት አኻሊ'ይኮነን ፡ " በለ ነፈኽ ፡ " ተአማንነትን ምእዙዝነትን'ዩ ብዝያዳ ዚድለ ። እንተ ብዛዕባ ውግእ ደምበ - ላም ፡ እቲ ውርጮ አብኡ ዘበርክቶ ግደ አዝዩ እተጋነነ ኽም ዝኾነ እንፈልጠሉ መዓልቲ አሎ ኢለ'የ ዝአምን ። ስነ ስርዓት ብጾት ፡ ከም ሓጺን ዝምትራሩ ስነ ስርዓት ! እዚ'ዩ ናይዚ እዋንዚ ሞርሐና ። ካብ መግድና ቕሩብ ሰተት ምስ እንብል ጸላእትና ብቕጽበት ኪጕብጡ ና'የም ። ብርግጽ ብጾት ፡ ሃንስ ኪምለስ አይትደልዩንዶ አይኮንኩምን ! ? "

ሕጂ'ውን እዛ መጕተ'ዚኣ መርትዖ አይነበራን ። ብሓቂ እውን ፡ እቶም እንስሳታት ሃንስ ኪምለስ ድልየቶም አይነበረን ። እቲ ሰንበት ንግሆ ዚግበር ዘተ ንዕኡ ንምምላስ ዚኽእሎ ነይሩ እንተ ኾይኑ ኽኣ ፡ እቲ ዘተ ኺተርፍ ናይ ግድን'ዩ ። መጋል አብዚ እዋን'ዚ ሓሳባቱ ንምጥርናፍ እኹል ግዜ ስለ ዝረኸበ ፡ "ብጾይ ናፖለዮን ዝበሎ እንተ ደኣ ኾይኑ ፡ ቅኑዕ ኪኸውን አለዎ ፡ " ብምባል ፡ ናይ ዙላቶም ስምዒት ዜጠቓልል ዘረባ አውስአ ። ካብ ሽዑ ንደሓር ድማ ብዘይካ'ታ " አበርቲዐ ኽዓዪ'የ ፡ " እትብል ናይ ብሕቱ ዝነበረት ጥቕሲ ፡ " ብጾይ ናፖለዮን ወርትግ ቅኑዕ'ዩ ፡ " እትብል'ውን ወሰኽላ ።

አብዚ ቕንያት'ዚ እቲ ቄራሪ ንፋስ አቋረጸ ፡ ናይ ጽድያ ጽግኢ ኽኣ ተጀመረ ። እቲ ውርጮ ንድፍታት ዝሰአለሉ ጓሮ ተዓጽወ ፡ እቲ ንድፍታት'ውን ካብቲ ምድሪ - ቤት ተደ ምሲሉ ይኽውን ዚብል ግምት ነበረ ። ሰንበት መጸ ፡ ንግሆ ሰዓት ዓሰርተ ፡ እቶም እንስሳታት ትእዛዝ ሳምንቲ ንምኾ ባል አብቲ ሪኾ ይእከቡ ነበሩ ። እቲ ናይ መፍለሳ ቕረን ቀራ ፡ ደጊም ስጋኡ ሓመድ በሊዕዎ ስለ ዝጸረየ ፡ ካብቲ ስፍራ አታኽልቲ ተፋሒሩ ወጸ ፡ አብ እግር'ታ ሰንደኾ

ዕላማ ፡ አብ ጥቆታ ግንጽል እትርከብ ንእሽቶ ጉርማጽ ድማ ተነብረ ። ድሕሪ ምስቃል ባንዴራ ፡ እቶም እንስሳታት ናብቲ ሪኾ ቅድሚ ምእታዎም ፡ ብመስርዕ ተሰሊፎም ፡ ክብሪ ብዝመልእ አገባብ ብጥቆቲ ቐረንቀራ ምሕላፍ ነበሮም ። አብዚ እዋን'ዚ ፡ ክሞቲ ቐደም ፡ ኩላቶም ብሓባር አይኮንን ኮፍ ዚብሉ ዝነበሩ ። ናፖለዮንን ነፈኽን ፡ ክምኡ እውን ምኂኑ እተባህለ መዛሙራትን ግጥምታትን ምድራስ ተውህቦ ዝነበሮ ኻልኣ ሓሰግን ፡ በቶም ትሸዓተ ሽዳናት እኽ ላባት ብፍርቂ ኽቢ ተዓጂቦም ፡ አብቲ ብርኽ ዝበለ መድ ረኽ አብ ቅድሚት ፡ እቶም ካልኦት ሓሰግታት ክእ አብ ድሕሪት ኮይኖም'የውም ኮፍ ዚብሉ ዝነበሩ ። እቶም ዝተረፋ እንስሳታት ናባታቶም እናጠመቱ ፡ አብቲ ማእከል ባይታ ናይቲ ሪኾ ኮፍ ይብሉ ነበሩ ። ሽው ናፖለዮን ብተራር ወተሃ ደራዊ አገባብ ናይቲ ዚመጽእ ሳምንቲ ትእዛዝ የንብበሎም ፡ እንስሳታት ዓዲንግሊዝ ሓንሳእ ብዝተዘመረት ድማ እቶም እንስሳታት ይፍነዉ ነበሩ ።

አብታ ሳልሰይቲ ሰንበት ድሕሪ ምስንጉ ውርጮ ፡ ድሕር'ቲ ዅሉ ነገራት ፡ ናፖለዮን እታ ጠሓኒት - ንፋስ ክትስራሕ'ያ ኢሉ ብዝተዛረበ እቶም ፡ እንስሳታት ዳርጋ ኽየ ስደመሞም አይተረፈን ። ሓሳባቱ ዝለወጠሉ ምኽንያት አይ ነገረን ፡ እንተኾነ ግን እዚ ዝያዳ ዕማም'ዚ ኽቢድ ዕዮ ኽም ዚሓትት ፡ አድላዪ ኾይኑ ምስ ዚርከብ'ውን መቕነኖም ክም ዚንክ ጥራይ አሰምዐ ። እቲ ንድፍታት ግዳ ፡ ገለ ነገር ክይ ተረፈ ፡ ዅሉ ተወዲኡ ተዳልዩ ነበረ ። ሓደ ፍሉይ ኮሚተ ሓሰግታት ፡ አብተን ዝሓለፋ ሰለስተ ኾነ ንዕኡ ኺዓዩ ቐንዮም ነበሩ ። ነታ ጠሓኒት - ንፋስ ንምስራሕ ፡ ካልእ እተፈላለየ ምምሕያሻት ተደሚሩ ፡ ክልተ ዓመት ክም ዚወ ስድ ትጽቢት ተገይርሉ ነበረ ።

ንምሽቱ ነፈኽ ፡ ነቶም ካልኦት እንስሳታት አብ ብሕ ቶም ፡ " ናፖለዮን እታ ጠሓኒት - ንፋስ ንኽትስራሕ ብሓቂ አይተቖወመን ። ብአንጻሩስ ፡ ንሱ እኳ ደአ'የ አብ ፈለማ ምእንትኡ ኺብል እተኽራኽረ ። እቲ ውርጮ አብቲ እንዳ ጨቖቲት ዝሰአሎ ንድፍታት'ውን ካብ ናይ ናፖለዮን መረ ቖቕቲ ተሰራቒ እተወስደ'የ ። አረ'ውን ፡ እታ ጠሓኒት - ንፋ ስሲ ናፖለዮን ዝመሃሃ'ያ ፡ " ኺብል ገለጸሎም ። ስለ ምንታይ

ደኣ ኣሕሚሙ አንጻራ እተዛረበ ? ኢሉ ሓደ ኻብቶም እን ስሳታት ሓተተ ። ነፈኽ ሕጂ ፡ ሓደ ምስጢር ከም ዚፈ ልጥ ኺመስል ገጹ አዝዩ ተለወጠ ። እቲ ነገር'ቲ ፡ ብጸይ ናፖለዮን ብጉርሑ ዝገበሮ'የ ። ውርጮ ሓደገኛን መደናገርን ዝባህራኡ ብምኻኑ ፡ ንእኡ ንምብራር መታን ኪጥዕም ኢሉ'የ ' ንኹምስል ' ነታ ጠሓኒት - ንፋስ እተቖወማ ። ሕጂ ግን ፡ ውርጮ ኻብ ተባረረ ፡ እቲ ንድፋት ንሱ ኢዱ ኽየእተወሰ ኪቕጽል ይኽእል'የ ፡ በሎም ። " እዚ ነገር'ዚ ድማ ስልቲ ይበሃል ፡ " በለ ነፈኽ ። ንየው ነጀው እናተሰራሰረን ፡ ጭራኡ እናንሰልሰለን ብሕጉስ ሰሓቕ ፡ " ስልቲ ብጾት ፡ ስልቲ ! " እናበለ ብዙሕ ሳዕ ደጋገመሎም ። እቶም እንስሳታት ፡ እታ ቖል ባህለታ እንታይ ከም ዝኾነ ርግጸኛታት አይነበሩን ። እንተኾነ ግን ነፈኽ አዝዩ ብዚእምን አገባብ ብምዝራቡ ፡ ከምኡ'ውን እቶም ብኢጋጣሚ አብ ጥቆኡ ዝጸንሑ ሰለስተ አኽላባት ምሒር ብምጉብዕባዕ ሕኒንታአም ስለ ዘስምዑ ፡ ነቲ ዝሃቦም መግለጺ ብዘይ ገለ ሕቶ ተቐበልዎ ።

፮

እታ ዓመት'ቲአ ብምልእታ ፡ እቶም እንስሳታት ከም ጊልያታ'ዮም ሰራሖም ። ብስራሖም ግዳ ሕጉሳት ነበሩ ። ሙሉ'ቲ ዚገብርዎ ዝነበሩ ፡ ንዓእቶምን ነቶም ዚስዕቡ ወለ ዶአምን ረብሓ ደአ'ምበር ፡ ንሒደት ሃካያትን መጠፋፋእትን ደቅ - ሰብ ከም ዘይኮነ አጸቢቹ ስለ እተረድኦም ካብ ድኻም ኮነ መስዋእቲ አየድሓርሓሩን ።

ምሉእ ጽድያን ክረምትን ፡ አብ ሰሙን ስሳ ሰዓት እና ዓየዩ'ዮም አሕሊፎምዎ ። ነሓሰ ብዝእተወ ኽእ ፡ ናፖለዮን ፡ ሰንበት ድሕሪ ቐትሪ ኽይተረፈ'ውን ስራሕ ከም ዚህሉ አፍለጠ ። እዚ ስራሕ'ዚ ብወለንታ ጥራይ ዚፍጸም ነበረ ፡ ግን ዝኾነ እንስሳ ኻብኡ ምስ ዜብኵር ፡ ካብቲ ዚዕ ደሎ መቕሎን ፍርቲ ዜነክየሉ ነበረ ። ከምዚ ኽነሱ'ውን ፡ ሓድሓደ ዕማማት ከይተፈጸመ ኺተርፍ ግዲ ኾነ ። እቲ እቶት ካብታ ዝሓለፈት ዓመት ቕሩብ ጉዲሉ ነበረ ። አብ ፈለማ ኽረምቲ ሰራውር ኪዝራእ ዚግብኡ ዝነበረ ኽልተ ግራውቲ ፡ ብእዋኑ ስለ ዘይተጸግአ ፡ ከይተዘርአ ተራፉ ነበረ ። እቲ ዚመጽእ ሓጋይ አዝዩ ኽም ዚጽንክር ንምግማት አየ ሸገረን ።

ወያ ጠሓኒት ዘይተሓስበ ጸገማት ፈጠረት ። አብቲ ሕርሻ ግርም ዝኾነ እምኒ ዚፈሓረሉ ስፍራ ነበረ ። ከምኡ እውን አብ ሓንቲ ጎሮ ብዙሕ ስሚንቶን ሑጻን ስለ እተ ረኽበ ፡ ሙሉ'ቲ ንምንዳኞ ዜድሊ ነገራት ድልዊ እዩ ነይሩ ። እንተኾነ ግን ነቶም እንስሳታት ፈለማ ጸገም ዝኾኖም ፡ ከመይ ገይሮም ነቲ አእማን ከከምቲ ዚድለ መጠን ከም ዚሰብርዎ'ዩ ዝነበረ ። እዚ ንምግባር ፡ ብእፍራዛን መልቀን ምዕያይ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ መገዲ አይነበረን ። እዚ ድማ ፡ ዝኾነ እንስሳ ኼዘውትሮ አይከአለን ፡ ምኽንያቱ ፡ ብዳሕረ ዋይ መሓውሩ ጠጠው ኪብል ዚኽእል እንስሳ ስለ ዘይ ነበረ ። ድሕሪ ሰሙናት ዝወሰደ ኽንቱ ድኻም ከአ'ዩ ፡ ሓደ ኻባታቶም ኪጣበበሉ ዝኽእለ — ንሱ ድማ ሓይሊ ስሕበት ብምጥቃም ነበረ ። አብ እግር'ቲ እምኒ ዚፈሓረሉ ጎቦ ፡ ጠገለ ዘይብሉ ብምኻኑ አብ ጥቕሚ ንምውዓል ዘይተኻእለ

ገዘፍቲ ደንጐላታት ተበታቲኑ መሊኡ ነበረ ። እቶም እንስ ሳታት አብ ዙርያኡ ገመድ ጠምጢሞም ፡ ላሕምታት ፡ አፍ ራስ ፡ አባጊዕ ፡ ኮታስ ገመድ ኪስሕብ ዚኽእል ዘበለ — አብ ጽንኩር ኑኃትስ ሓሰማታት'ውን ከይተረፉ — ብሓባር ሕጊድ እናበሉ ፡ በብቕሩብ ናብቲ እምኒ ዚፈሓረሉ ጎቦ ብምጕታት የውጽእዎ ፡ ካብኡ መታን ኪስበር ፡ ካብቲ ጫፍ ናብ ታሕቲ የውድቕዎ ነበሩ ። እቲ ደንጎላ ሓንሳእ ምስ ተሰብረ ንምጕራቱ ቐሊል'ዩ ዝነበረ ። እቶም አፍራስ አብ ሰረገላ እናጸዓኑ ወሰ ድዎ ፡ እተን አባጊዕ ድማ ሓሓንቲ መአዝን እምኒ እናን ተታ አማዓዛ ። ፈገስን ጸዕዱን'ኳ ብግዲአም ፡ ሓንቲ ናይ ቄል ዑ መምህር እተዘውትራ ዝነበረት ሰረገላ ባዕላ ቶም ተጀረናም እእጀሞም አበርከቱ ። አብ ኢጋ መወዳእታ ኽረምቲ ፡ ዚአክል ዙምራ አእማን ተኣከበ ፡ ድሕር'ዚ እቲ ዕዮ ምንዳኞ በቶም ሓሰማታት እናተአልየ ኺካየድ ጀመረ ።

እንተኾነ ግዳ ፡ ዝሑልን አድካምን መስርሕ'ዩ ዝነበረ ። መብዛሕትኡ እዋን ፡ ንሓደ ደንጎላ ናብ ርእሲ'ቲ እምኒ ዚፈሓረሉ ጎቦ ኽጓትቱ ፡ ሓይሎም ክሳዕ ዚጽንቀኞ መዓልቲ ምሉእ ይወስደሎም ነበረ ፡ ሓድሓደ ግዜ ኽእ ፡ ካብቲ ጫፍ ምስ ዘውድኞዎ ምስባር ይአቢ ነበረ ። እቲ ሓይሉ ኽንዲ ኼሎም እቶም ዝተረፉ እንስሳታት ዚዳረግ ዚመስል ዝነበረ መጋል እንተ ዘይነብርሲ ፡ ገለ ነገር ኪፍጸም አይ ምተኻእለን ። እቲ ደንጎላ ሰተት እናበለ ኼስዕሮም ምስ ዚጅምር ፡ እሞ'ቶም እንስሳታት ድማ ሐዝዎም ንቕሩልቁል ከይዕዘር ተስፋ ብምቕራጽ አብ ዚግዕሩሉ እዋን ፡ መጋል'ዩ ወርትግ ነቲ ገመድ ከይለቐቐ ወጢሩ ብምሓዝ ነቲ ደንጎላ ጠጠው ዚብለሎም ዝነበረ ። እቲ ሰፈሕ ጐኑ ብረሃጽ ታህ ታህ ክሳዕ ዚብል ገበታ እናስተንፈሰ ፡ ነቲ መሬት ብጫፍ ሸኾናኡ እናባሕቁቐ በብስድራ በቲ ዓቕብ ኪድይብ ፡ ሃለ ኽለኽ ኪብል ከሎ ምርእዩ ፡ አብ ልቢ ነፍሲ ወከፍ አድ ንቕት ዜሕድር'ዩ ዝነበረ ። ሓድሓደ እዋን ራህዋ ሰብነቱ ምሓር ከይጐድእ ትምዕዶ ነበረት ። መጋል ግን ኪሰምዓ አይደለየን ። እተን ፡ " አበርቲዐ ኽዓዪ'የ " ፡ " ናፖለዮን ወርትግ ቅኑዕ'የ " ዚብላ ኽልተ ሞርሐኡ ንኹሉ'ቲ ገጸ ማት እኹል ፍታሕ መሲለን ተሰምዕእ ። ነቲ ኩኩናይ ፡ አብ ክንዲ ፍርቂ ሰዓት ፡ ሰለስተ ርብዒ ሰዓት አቐዲሙ ኼባራ

ብሮ ተላበዎ ። በተን አብዚ እዋን'ዚ አዝየን ውሑዳት ዝነ በራ ትርፊ ግዚኡ ድማ ናብቲ እምኒ ዚፈሓረሱ ቦቲ እና ኽደ ፣ ብዘይ ሓጋዚ ሓደ ጽዕነት እተሰብረ ደንጐላ አኪቡ ናብቲ እታ ጠሓኒት - ንፋስ እተመስረተትሱ የግዕዝ ነበረ ።

እታ ኽረምቲ'ቲአ ብምልእታ እቶም እንስሳታት ዕዮ አም ደአ ይኽበድ'ምበር ክንድትስ አይከፍእምን ። ካብቲ ናይ ዘበነ ሃንስ ዘይበዝሕ ምግቢ ይንበሮም'ምበር ፣ ውሑዱ እንተ ተባህለስ ካብ ሽውኡ ዘይንእስ ይዕደሎም ነበረ ። ብዘ ይካ ንገዛእ ርእሶም ምምጋብ ብተወሳኺ ንሓሙሽተ ነዛ ዋት ደቅ - ሰብ ዚዕንግልሉ አብነት አይነበሮምን'ሞ ፣ እዚ ምስቲ ዝነበረ ጕድለታት ኪነጻጸር ከሎ ፣ ረብሓኦም አዝዩ ብዙሕ ነበረ ። ብብዙሕ መገዲ ኽእ ፣ አተገባብራ ስራሕ ናይቶም እንስሳታት ዝጸፈፈን ዝሰለጠን ነበረ ። ከም ጸህ ያይ ዝአመሰለ ዕዮ ንአብነት ፣ ደቅ - ሰብ ብዘይክእልዎ አገ ባብ ሓደ ነገር ከይተረፈ ይፍጸም ነበረ ። ብዘይካ'ዚ ፣ ሕጂ ዚሰርቕ እንስሳ ስለ ዘይነበረ ፣ ነቲ ሕዛእትን ግራው ትን ዚፈላሊ ሓጹር አየድለየን ። እዚ ድማ ፣ ንሓጹራትን መዓጹን ምትዕርራይ ዜጥፍእዎ ዝነበረ ጕልበት ቁጠበሎም ። ምስ'ዚ ዅሉ ግዳ ፣ ክረምቲ እናሓለፈ ብዝኽደስ ዘይተጸበ ይዎ እተፈላለየ ዋሕድታት ኪርእ ደአ ጀመረ ። አብቲ ሕርሻ ኺፈራ ዘይክእል ነገራት ከምኒ ፣ ላምባ ፣ መስማር ፣ ፈትሊ ፣ ቢስኮቲ - ኽልቢ ፣ ጫማ - ፈረስ አድላዪ ነበረ ። ጸኒሑ'ውን ፣ ብዘይካ'ቲ ንእተፈላለየ ዕዮ ዚውዕል ናውቲ ፣ አዝርእትን መስብሕ መሬትን ፣ አብ መወዳእታ ድማ ነታ ጠሓኒት ንፋስ ዚኽውን ማኪናዊ አቕሑ ምንዳይ ዘይተርፍ ነበረ ። እዚ ዅሉ ኻበይ ከም ዚመጽእ ሓደ'ኳ አፋፍኖት ዘለዎ አይነበረን ።

ሓደ ሰንበት ንግሆ ፣ እቶም እንስሳታት ትእዛዝ ኪቕበሉ ብዝተኣከቡ ፣ ናፖለዮን ሓድሽ መምርሒ ኽም ዘውጽእ አፍለጠ ። ካብ ሕጂ ንደሓር ሕርሻ - እንስሳ ምስ ጕረባብቲ ሕርሻታት ንግድ ከተካይድ እያ ። እዚ ድማ ንመኽሰብ ተባ ሂሉ ዘይኮነስ ፣ ሓድሓደ ብሀጹጽ ዘድልዩ አቕሑ ንምርካብ ተባሂሉ'ዩ ። ነታ ጠሓኒት - ንፋስ ዚኽውን ነገራት ልዕሊ ዅሉ ቕዳምነት ኪወሃቦ ይግባእ ፣ በሎም ። ስለዚ ድማ ሓደ ዅምራ ሓሰርን ፣ ካብቲ ሽው ዓመት እተረኽበ እቶት

ስርናይ ከአ ሓደ ኽፋልን ኪሸይጥ አብ ምልዛብ ከም ዝነ በረ ነገሮም ። ብድሕር'ዚ ዝያዳ ገንዘብ እንተ'ድለየ ፣ አብ ከተማ ዊልንድን ወትሩ ዕዳጋ እንቋቑሑ ስለ ዝነበረ ፣ ካብቲ መሸጣኡ ኽም ዚሽፈን ገለጸሎም ። ናፖለዮን ነቲን ደራዩ ፣ ነዚ መስዋእት'ዚ ንዕዮ ጠሓኒት - ንፋስ ፍሉይ ወፈያ ኽም ዘበርክታ ቑጺረን ሓንሳፋይ ኢለን ኪቕበላኦ ኽም ዚግብ እን አዘኻኽረን ።

ሕጂ'ውን እንተኾነ ፣ እቶም እንስሳታት ሓደ ነገር ስለ እተፈለጦም ስኽፍክፍ በሎም ። ዝኾነ ውዕል ምስ ደቅ ሰብ ከይገበር ፣ ንግድ ከይካየድ ፣ ገንዘብ ፈጺሙ ኽይዝው ተር — ካብቲ ድሕሪ ምስንጉ ሃንስ ፣ አብቲ ብዓወት እተባ ዘመ ቐዳማይ ዋዕላ እተመሓላለፈ ውሳነታት ሓደ እዚኦ ኽይነበረ ? ዅሎም እቶም እንስሳታት ፣ ከምዚ ዝአመሰለ ውሳ ነታት ከም ዘሕለፉ ትገ በሎም ፣ ወይ ድማ እንተ ወሓደ ኽምኡ ዚመስል ዘሕለፉ ኾይኑ ተሰምየም ። እቶም ናፖለ ዮን ነቲ ዋዕላ ብዝወገዱ እተቓወሙ አርባዕተ ዅተት ሓሰ ማታት ነግፈረግ እናበሉ ኼዕዘምዝሙ ጀመሩ ። እንተኾነ ግን በቲ ብርቱዕ ሕኒታ ናይቶም አኽላባት ብቕጽበት አፎም ሓዙ ። ብድሕር'ዚ እተን አባጊዕ ከም አመለን ፣ " አርባዕተ እግሪ ጽቡቕ ፣ ክልተ እግሪ ኽፉእ ፣ " እናበላ ገዳረን ፈነዋ ፣ እቲ ንእዋኑ ሰፊኑ ዝነበረ ዘይቅዱው ዙነ ታት ድማ ብሕ'ቢሉ ተረሳስዐ ። አብ መወዳእታ ናፖለ ዮን ፣ ህድኣት ኪግበር መሓውሩ አልዓለ ፣ ዙሉ'ቲ ውዕል ድሮ ኽም እተፈጸመ ድማ አፍለጦም ። ካብቶም እንስሳታት ሓደ'ኳ ምስ ደቅ - ሰብ ርክብ ዚገብረሉ አብነት አይነበ ረን ፣ ከመይሲ ፣ እዚ ብሓቂ ዘይድገፍ ነገር ከም ዝኾነ ብሩህ'ዩ ። በዚ ምኽንያት'ዚ ፣ ዙሉ'ቲ ሓሳፍነት ባዕሉ ኽጾሮ መዲቡዎ ነበረ ። ሓደ እይተ ዊምፐር እተባህለ አብ ከተማ ዊልንድን ዚቕመጥ መዳእ - ነገር ፣ አብ መንጎ ሕርሻ እንስሳን ግዳምን ከም መጠን አራኻቢ ኾይኑ ኽ.ዓዩ ፣ ሰኑይ ሰኑይ ናብቲ ሕርሻ እናመጸ ድማ ትእዛዙ ኪቕበል ተላ ዚቡ ነበረ ። ናፖለዮን ከም ወትሩ አብ መደምደምታ መደ ረኡ ፣ " ዕድመ ንሕርሻ እንስሳ ፣ " ኢሉ ጨደረ ። እንስ ሳታት - ዓዲንግሊዝ ድሕሪ ምዝማር ድማ እቶም እንስሳ ታት ኪሰናበቱ ተፈቕደሎም ።

ጸኒሑ ነፈኸ ፡ አብቲ ሕርሻ በብሓደ እናዞረ በጽሐ ፡ አእምሮ'ቶም እንስሳታት ክም ዚቐስን'ውን ገበረ ። ብዛዕባ ንግድ ምክያድ ኮነ ፡ ገንዘብ ምዝውታር ዚጸረር ውሳነታት ፈጺሙ ኸም ዘይተመሓላለፈ ወይ'ውን ክም ዘይተጠቕሰ አረ ጋገጸሎም ። እዚ ነገር'ዚ ካብ አእምሮኦም ዝፈልፈለ ሓሳባት ጥራይ ክም ዝኾነ ፡ መበቁሉ ድማ ምናልባት እቲ ውርጮ ዚዝርግሑ ዝነበረ ሓሶት ኪኸውን ክም ዚኽእል ገለጸሎም ። ሕጂ'ውን ሓደ ኸልተ እንስሳታት ቕሩብ ምው ልዋሎም አይተረፈን ። ነፈኸ ግን ጉርሒ ብዝመልእ እገ ባብ ፡ " ብጾት ፡ እዝስ ዝሓለምኩምዎ ነገር ክም ዘይኮነ ርግጸኛታት ዲኹም ? ክምዚ ዝእመሰለ ውሳነ ፡ እተመዝገ በኸ አሎኩምዶ ? አብ ዝኾነ ይኹን እተጸሕፈኸ አሎዶ ? " ኢሉ ሓተቶም ። ብሓቂ'ውን ፡ ክምኡ ዝእመሰለ ነገር ብጽ ሑፍ ስለ ዘይነበረ ድማ እቶም እንስሳታት ጌጋእም አሚ ኖም ተቐበሉ ።

ክምቲ እተወዓልዎ ፡ አይተ ዊምፐር ሰኑይ ሰኑይ ናብቲ ሕርሻ ኺመጽእ ጀመረ ። ትርኢቱ ተንኰለኛ ዚመ ስል ፡ ቕንጹብ ፡ አብ ላዕለይ ከንፈሩ ንኑኒ እተወጠማ ጭሕሚ ነበራኦ ። ስርሑ ንእስ ዝበለ ናይ ንግድ ወጻእ - ነገር ክነሱ ፡ ሕርሻ - እንስሳ ደላላይ ክም ዚድልያ ፡ እቲ ኻብኡ ዚርከብ ረብሓ ድማ አዐርዩ ኸም ዘዋጽኦ ቅድሚ ዅሉ ሰብ ዘስ ተብሃለ በሊሕ ፍጥረት ነበረ ። እቶም እንስሳታት ፡ እቲ እትው ውጽኢ ምባሉ ሓውሲ ስግኣት ኣሕደረሎም ፡ ብዝ ተኻእለ መጠን ድማ ካብ ጥቕኡ ይርሕቁ ነበሩ ። ዝኾነ ኾይኑ ግዳ ፡ እቲ በርባዕተ መሓውሩ ዚቐውም ናፖለዮን ፡ ነቲ ብኸልተ እግሩ ደው ዚብል አይተ ዊምፐር ትእዛዝ ኪህቦ ብምርእዮም ሓበን ተሰምያም ፡ ብመጠኑ ኸኣ ነዚ ሓድሽ ውዕል ንኺለምድም አደፋፈሮም ። አብ'ዚ ግዜ'ዚ ዝምድና እም ምስ ደቅ - ሰብ ክምቲ ቐደም አይነበረን ። ሕርሻ - እን ስሳ እናግዕበለት ብምኻዳ እቶም ደቅ - ሰብ ጽልእም ነክ ዮም ግለት አይኮነን ፡ ካብ ዝኾነ እዋን'ኳ ደአ ይጸልእዋ ነበሩ ። ነፍስ - ወከፍ ወድ - ሰብ ፡ እታ ሕርሻ ውዒላ ሓዲራ ኸም እትኸሰር ፡ ልዕል - ዅሉ ድማ ፡ እታ ጠሓኒት - ንፋስ አሳልጦ ኸም ዘይትረክብ ጽኑዕ እምነት ነበሮ ። አብቲ አብ ያተ መስተ እናተአኻኸቡ ፡ እታ ጠሓኒት - ንፋስ ክም እት

ፈርስ ፡ እንተ ዘይፈረስት'ውን ፈጺማ ኸም ዘይትንቀሳቐስ አሳእል እናሓናጸጹ ንሓድሕዶም ኪረዳድኡ ይውዕሉ ነበሩ ። ክምኡ ኸነሱ ግን ፡ ዋላ'ኳ እንተ ዘይፈተዉ ፡ እቲ ጽቑጥ አካይዳ ዋኒን ናይቶም እንስሳታት አብ ልቦም ናእዳ ኸየሕ ደረሎም አይተረፈን ። ሓደ ናይዚ መርአያ ፡ እቲ ንሕርሻ እንስሳ ንህልኸ " ሕርሻ - ርስተኛ " እናበሉ ዚረኾሕዋ ዝነ በሩ ሓዲጎም ፡ በቲ ግቡእ ሽማ ኺጽውዕዋ ምጅማሮም ነበረ ። እቲ ንዓወት ሃንስ ተባሂሉ ዚውፈ ዝነበረ ሓገዝ እውን ኣቋሪጾምዎ ነበሩ ። ንሱ'ውን ሕርሽኡ ኸም ዘይት ምለሰሉ ርእዩ ብዝቐበጸ ፡ ናብ ካልእ ወገን ናይቲ ዓዲ ኺቕመጥ ከደ ። ክሳዕ ሕጂ ፡ አብ መንጎ ሕርሻ እንስሳን ግዳምን እተገብረ ርክብ ብዊምፐር አቢሉ ጥራይ'ዩ ዚፍ ጸም ዝነበረ ። ግናኸ ናፖለዮን ፡ ምስ አይተ ብኸንቱ ዋና መዓንደር - ወኻርያ ፡ ሓደው ድማ ምስ አይተ ፍረ - ደረቕ ዋና ግራት - ነጨበ ቕዋሚ ናይ ንግድ ውዕል ንምፍርራም ይሸባሸብ አሎ ዚብል ዘየቋርጽ ትሑምታ ነበረ ። ውዕል ኪግበር ክሎ ኸኣ ፡ አብ ነንበይኖም ገይሩ ደአ'ምበር ብሓደ እዋንሲ ኩቶ ኸም ዘይደሊ እተፈልጠ ነገር'ዩ ዝነበረ ።

አብዚ ኞንያት'ዚ ድማ'ዩ እቶም ሓሰግታት ዘይተሓ ስበ ናብቲ አዳራሽ ሕርሻ ግዒዞም አብኡ ምኞማጥ ዝጀመሩ ። ሕጂ'ውን እቶም እንስሳታት ፡ አብቲ ዝሓለፈ ግዚያት ነዚ ዚቃወም ውሳነ ዘጽደቑ ኾይኑ ተሰምያም ። ሕጂ'ውን ነፈኸ እቲ ነገር ክምኡ ኸም ዘይኮነ ኪእምኖም ክአለ ። ሓሰግታት ናይቲ ሕርሻ ፈላጣት ስለ ዝኾኑ ፡ ዚዓይዩሉ ስፍራ ኸህል ዎም አዝዩ አድላዪ ነገር'ዩ ። ንኸብሪ እቲ መራሒ እንተኾነ 'ውን (አብዚ ዳሕራይ እዋን ፡ ንናፖለዮን መራሒ ብዚ ብል መዓርግ ኬልዕሎ ጀሚሩ ነይሩ'ዩ) ካብ አብ ዘይረ ብሕ ጸቢብ ደምበ ፡ አብ ገዛ ምንባር'ዩ ዚምሕረሉ ፡ በሎም ። ክምዚ ኸነሱ ግን ፡ ገለ ኻብቶም እንስሳታት ፡ እቶም ሓሰ ግታት ምግቦም አብቲ ክሽነ ምብላዕ ፡ አብቲ መቐበል አጋይሽ ድማ ምዝንጋዕ ጥራይ ከይኣኽሎም ፡ አብ ዓራት እውን ክም ዚድቅሱ ብዝሰምዑ ምርባሾም አይተረፈን ። መጋል ክም አመሉ ፡ " ናፖለዮን ወርትግ ቅኑዕ'ዩ ! " ኢሉ ብሸለልታ ሓለፎ ። ራህዋ ግን ፡ አብ ዓራት ምድቃስ ዚው ግዝ ንጹር ሕጊ እተሓገገ ኾይኑ ስለ ዝተሰምዓ ፡ ናብቲ ወሰን

ሪኞ ከደት ፣ ነቲ አብኡ ተጻሒፉ ዝነበረ ሸውዓተ ትእዛዛት ከአ ክትመምዮ ፈተነት ። ነተን ፈደሳት ሓደ ብሓደ ኼተ ለልየን ጥራይ እንተ ዘይኮይኑ ምንባብ ዘይትኽእል ስለ ዝነበረት ንፈገስ ጸውዓታ ።

“ ፈገስ ፣ ” በለታ ፣ “ እታ ራብዓይቲ ትእዛዝ’ስክ አን ብብለይ ። አብ ዓራት ምድቃስ ኩልኩል’ዩ ትብልዶ’ይኮነ ትን ? ”

ፈገስ እናተጸገመት በብሓደ አንበበቶ ። አብ መወዳእታ ድማ ፣

“ ‘ዝኾነ እንስሳ አብ ዓራት አይደቅስ ፣ እንተ ደቀሰ ድማ ብዘይ አንሶላ ’ እዩ ዚብል ዘሎ ፣ ” ክትብል ነገረታ ።

ዜገርም’ዩ ፣ ራህዋ እታ ራብዓይቲ ትእዛዝ ብዛዕባ አን ሶላ ኼም እትጠቅስ ትዝ ኪብላ አይከአለን ። ግን ፣ አብቲ መንደኞ ካብ ተጻሕፈ ግድነት ነይሩ ማለት’ዩ ። ነፈኽ ኼአ ፣ አብቲ እዋን’ቲ ብኣጋጣሚ ብኽልተ ሰለስተ አኼላ ባት ተዓጂቡ ይሓልፍ ነበረ’ሞ ፣ ን ኹሉ’ቲ ነገር አብ ለል ዓቱ ኼእትዎ ኽአለ ።

“ ብጾት ፣ ” በሎም ፣ “ ንሕና ሓሰግታት አብቲ ናይ አዳራሽ ዓራት ንድቅስ ከም ዘሎና’ምበአር ሰሚዕኩም ኢኹም! እሂ’ሞ ? አብ ‘ዓራት’ ምድቃስ ዚኽልክል ሕጊ ፣ ብሓቂ’ሉ ኢልኩም ሓሲብኩም ዶአ ኽይትኾኑ ? ! ዓራት ማለት ፣ ብሓ ጺሩ መደቀሲ ማለት’ዩ ። አብ ጋጽ እተጸፍጸፈ ሓሰር ፣ ብግ ቡእ እንተ ዶአ ጠሚትናዮ ዓራት ክንብሎ ንኽእል ። እቲ ሕጊ ፣ ነቲ ሰብ ዝመሃሠ እንሶላ’ዩ ዚቃወም ። ነቲ እንሶላ ኻብቲ ዓራት አዳራሽ አልጊስና ድማ ፣ አብ ማእከል ኮበ ርታታት ንድቅስ አሎና ። ከመይ ዝበልዎ ምሹእ ዓራትከ ይመስለኩም ! ግዳስ ብጾት ፣ ከዞኻኽረኩም ዝደሊ ፣ ምስቲ ኹሉ አብዚ እዋን’ዚ ኽንፍጽሞ ዘሎና ኽቢድ ዕዮ አእምሮ እዚ ምኾት’ዚ ኽንድ’ቲ በዚሑና ኪበሃል አይከአልን ። እቲ ዚግበአና ዕረፍትስ አይትነፍጉናን ትኾኑ ግዲ ፣ ምን ፈግኩምናዶ ብጾት ? ብእምብዛ ድኻም ዕዮና ኽንቋርጽ እት ደልዩ አይመስለንን ። ብርግጽ ፣ ካባኻትኩም ሓደ’ኳ ሃንስ ኪምለስ ዘደሊዶ አሎ’ዩ ? ”

እቶም እንስሳታት ብዛዕባ’ዚ ጥርጣረ ኪህልዎ ኽም ዘይግባእ ብአብኡ ዳግም አረጋገጹሉ ። ብድሕሪኡ ፣ ሓደ’ኳ ብዛዕባ’ቶም ሓሰግታት አብቲ ዓራት አዳራሽ ምድቃሶም አልዒሉ አይፈልዋን ። ሓደት መዓልታት ጸኒሑ ፣ ካብ ሕጂ ንደሓር ሓሰግታት ካብቶም ካልኦት እንስሳታት ሓደ ሰዓት ደንጉዮም ኪትንስኡ’ዮም ምስ ተባህለ’ውን ዘዕዘምዝም አይተረኽበን ።

ቀውዒ ብዝኣተወ ፣ እቶም እንስሳታት ኽሕ’ኳ እንተ ሃለኹ ሕጉሳት ነበሩ ። ተካል ዓመት’የም አሕሲፎም ። ካብቲ ድርቋን ዕፉንን ሒደት ምስ ተሸጠ ፣ ድሕሪኡ ንሓጋይ ተባ ሂሉ እተዓቕረ ምግቢ ብዙሕ አይተረፈን ። እታ ጠሓኒት - ንፋስ ግዳ ከንዲ ኹሉ ኽሓሰቶም ። ደጊምሲ እቲ መንደኞ ናብ ምፍራኞ አቢሉ ነበረ ። ድሕሪ ቐውዒ ፣ ተኽታትሊ ብሩህን ንቑጽን አየር መጸ ። እቶም እንስሳታት ከአ ነቲ መንደኞ ገለ ስድራ ኽብ እንተ’በልዎ ዝሓሸ ኾይኑ ስለ እተሰምዖም ፣ ንየው ነጀው እናተመላለሱ እምኒ ብምጉራት ካብ ዝኾነ ይኹን እዋን አበርቲያም ዓየዩ ። ብሕልፊ’ኳ መጋል ፣ ምሸት ምሸት ንበይኑ እናኽደ ፣ ንሓደ ወይ ክልተ ሰዓት ዚኽውን ፣ ኳዕ ዝበለት ወርሒ ናይ ቀውዒ እናብርሃ ትሉ ይሰርሕ ነበረ ። አብ እዋን ዕረፍቶም እቶም እንስሳ ታት ነታ ተፋሪቓ ዝነበረት ጠሓኒት - ንፋስ እናኹለሉ ፣ ነቲ ጽኑዕን ትኽ ዝበለን መናድኞ ብአድንኞት እናተመልከቱ ፣ ከምአ ዝበለት መስተንክር ብምስራሖም ድማ ይግረሙ ነበሩ ። በታ ጠሓኒት - ንፋስ ዘይተመሰጠ አያ ጸዕዱ ጥራይ ነበረ ። ከም ወትሩ ግዳ ፣ አእዱግ ነዊሕ’ዩ ዕምሮም እትብል መት ሓዚ ዘይብላ ዘረባ እንተ ዘይኮይኑ ፣ ካልአ አየምለቄን ።

ወርሒ ሕዳር ፣ ብመገን ደቡብ - ምዕራብ ዝመጸ ብር ቱዕ ንፋስ ተሰንዩ በሓተ ። ብሰንኪ ብዝሒ ዝናብ ሰሚንቶ ኺበዓጥ ስለ ዘይተኻእለ ኽአ እቲ ናይ ምንዳኞ ስርሓት ግድ ነት አቋረጸ ። መጠረሽታኡ ሓደ ለይቲ ፣ እቲ ህቦብላ ምሒር ብምብርትዑ ፣ እቲ ገዛውቲ ሕርኻ ኻብ መሰረቱ አንቀጥ ቀጠ ፣ ካብቲ ናሕሲ ናይቲ ሪኞ ከአ ሓያሎ ተርኺኽ ፈራ ራሱ ወደቐ ። እተን ደርሁ ብሓባር ፣ አብ ሕልመን ካብ ርሑኞ መድፍዕ እተተኩሰ ኾይኑ ስለ እተሰምዐን ፣ ብብ ህራረ ጭራሕ - ምራሕ እናበላ ተበራበራ ። ንጽብሒቱ ንግሆ እቶም እንስሳታት ከካብ ደምበአም ወጺአም እንተ ረአዩ ፣

እታ ሰንደቕ በቲ ንፋስ ወዲቓ ፡ አብ እግር'ቲ ስፍራ አታኽ ልቲ ዝነበረት ሳግላ ኽእ ከም ድንሽ ካብ ሱራ ተበርቑቓ ረኽብወን ። ነዚ ርእዮም ወድእ ብዘበሉ ፡ ካብ ነፍስ - ወክ እንስሳ ፡ ናይ ተስፋ ምቕራጽ ሞርሐ ተሰምዐ ። አብ ቅድ ሚእም ሓደ ዜሰንብድ ዅነት ተዘርጊሑ ረእዩ ። ወያ ጠሓ ኒት - ንፋስ ዑና ኾይና ጸንሓቶም ።

ዅላቶም ብሓባር ናብቲ ቦታ ተሃንዲዶም ከዱ ። ናፖለ ዮን'ኳ ፡ ብዘይካ ሳሕቲ ጉሰስ ካብ ምባል ዘይሓልፍ ነበረ ፡ ንዅኑ ላቶም ቀዲሙዎም ይኣ ጉየየ ። እወ ፡ እንሆ ድማ አብኡ ፡ እቲ ዅሉ ፍረ ጸዕሮም ክሳዕ መሰረቱ ተጻዕሚኹ ፡ እቲ ብብ ዙሕ ሃለኽለኽ ዝሰበርዎን ዘግዓዝዎን አእማን ከኣ ተበታ ቲኑ ረኽብዎ ። መጀመርታ ፡ ዚብልዎ ስለ ዝጠፍኦም ፡ ነቲ ፋሕ ዝበለ አእማን ብጓሂ እናጠመቱ ተዓንዚዞም ደው በሉ ። ናፖለዮን ገለ ኽየውስእ ፡ ንየው ነጀው እናሰጉመ ሓሓሊፉ ነቲ መሬት የጫንዎ ነበረ ። ሞርኡ ተወጥዊጣ ብፍጥንት ትቁጸጸ ነበረት ። እዚ ድማ አብ ብርቱዕ ሓሳብ ከም እተ ዋሕጠ ዜመልክት ነበረ ። ብሃንደበት ከኣ አብ ሓደ ውሳነ ኽም ዝበጽሐ ኺመስል ደው በለ ።

" ብጾት ፡ " በለ ብህድኣት ፡ " በዚ መን ተሓታቲ ምኻኑ ትፈልጡዶ ? ብለይቲ መጺኡ ጠሓኒት - ንፋስና ዘፍ ረሰ ጸላኢ መን ምኻኑ ትፈልጡዶ ? ውርጮ ! " በለ ነጕዳ ብዚጥዕም ድምጺ ብሃንደበት ብምግማር ፡ " ውርጮ'ዩ እዚ ዝገበረ ! እዚ ኽሕዳ'ዚ ፡ ብዜነውር ዅነታት ስለ እተሰ ጕጕ ፡ ብተንኰል ተላዒሉ ፡ ውጥንና ንድሕሪት ብምምላስ ዚብቀል መሲልዎ ያኢ ፡ ጸልማት ተጕልቢቡ ፡ ነቲ ዳርጋ ዓመት ዝወሰደ ዕዮና ደይመደይ ኢሉ አዕንይዎ'ሉ ። ብጾት ፡ ሕጂ አብዚ ኽሎና ንውርጮ ናይ ሞት ፍርዲ እብይነሉ'ለኹ። ንእኡ ናብ ፍርዲ ዘቕረበ ፡ ' ካልአይ መዓርግ ጅግና እንስሳ ' ከምኡ'ውን ፍርቲ ዘምቢል ቱፋሕ ፡ ብህይወቱ ሒዙ ንዘ ምጽእ ድማ ምሉእ ዘምቢል ቱፋሕ " ።

እቶም እንስሳታት ፡ ውርጮ ኽይተረፈ'ውን አብ ከምዚ ዝአመሰለ ገበን ኢዱ ኺጽንብር ከም ዘኽእል ብዝሰምዑ ብዘይ መጠን ሰንበዱ ። ሽዑ ቕጥዓ ዝመልኦ ታዕታዕ ተፈ ጥረ ፡ ነፍስ - ወከፎም ከኣ ውርጮ ተመሊሱ ምስ ዚቕል ቀል ብኽመይ መገዲ ኽም ዚሕዝዎ ምሕሳብ ጀመሩ ። ብኡ

ብኡ ፡ ካብታ ዅጅት ርሕቕ ኢሉ ፡ አብቲ ሳዕሪ አሰር እግሪ - ሓሰማ ተረኽበ ። ምልክታቱ ንሒደት ሜትሮታት ጥራይ ተራእዩ ፡ ናብ ሓንቲ በቲ ሓጹር ዝነበረት መጽለ ቕኦት አቢሉ ዚመርሕ ይመስል ነበረ ። ናፖለዮን አዕርዩ አሸተቶ ፡ ናይ ውርጮ ምኻኑ ኽእ አረጋገጸ ። ውርጮ ኻብ ሸነኽ መዓንደር ወኻርያ አቢሉ ኽም ዝመጸ'ውን ርእይቶኡ ሃበ ።

" በሉ ብጾት ፡ ጠጠው መጠው አይትበሉ ! " በለ ናፖ ለዮን እቲ አሰር ብዝተመርመረ ፡ " ዚፍጸም ዕዮ'ሉ ። ካብ ሉም - ንግሆ ጀሚርና እዛ ጠሓኒት - ንፋስ ከም ብሓድሽ ክንነድቃ ኢና ፡ ይዝነም ፡ ይጽሐ ምሉእ ከረምቲ ኽንን ድቃ ኢና ። ነዚ ውርደተኛ ኽሕዳ'ዚ ፡ ዕዮና ብቐሊሉ ኺዘ ርጎ ኽም ዘይክእል ትምህርቲ ኽንህቦ ኢና ። ብጾት ፡ አብ ዅትምና ገለ ለውጢ ኽም ዘየልቦ ፍለጡ ፡ ዅሉ ፡ አብቲ ምዱብ ዕለት ኪፍጸም'ዩ ። ንቕድሚት ብጾት ! ዕድመ ንጠ ሓኒት - ንፋስ ! ዕድመ ንሕርሻ - እንስሳ ! "

፯

ቅዝሕዝሕ ዚብል ሓጋይ እዩ ዝነበረ ። ድሕር'ቲ ሃጽፊ ዝበገሱ አዋርሕ ፡ በረድ እተሓወሶ ዝናብን ወርቂን ሰዓበ ፡ ቀጺሉ ኸአ ክሳዕ ለካቲት ዘየቋረጸ ብርቱዕ አስሓይታ ተኸ ተሎ ። እቶም እንስሳታት ዅሉ'ቲ አብ ወጻኢ ዚነብር ከም ዜተነሮሎም ፡ እታ ጠሓኒት ንፋስ አብቲ ምዱብ እዋን እንተ ዘይተጠሪሻ ድማ እቶም ቀንኣት ደቅ - ሰብ ከም ዚድ ሰቱን ብታሕንስ ሞድድ ከም ዚብሉን ይፈልጡ ነበሩ'ሞ ብዘለዎም ዓቕሚ ፡ ከም ብሓድሽ ኪነድቅዋ ፋሕተርተር በሉ ።

እቶም ደቅ - ሰብ ፡ ባህ ንኸየብሉ ፡ ነታ ጠሓኒት - ንፋስ ወርጮ ኸም ዘዕነዋ ኸኣምኑ ዝደልዩ መሲሎም አይተራእዩን ። ዝፈረሰትሉ ምኸንያት'ሲ ፡ እቲ መንደቓ ስለ ዝረቐቐ'ዩ ፡ ይብሉ ነበሩ ። እቶም እንስሳታት ግን እቲ ነገር ከምኡ ኸም ዘይኮነ አይጠፍኦምን ። ከምዚ ኸነሱ ፡ እቲ መንደቓ ፡ ከምቲ ናይ ቅድም ፍርቲ ሜትሮ ዝርጉዱ ኸንዲ ዚኸውን ፡ ሕጂ ሓደ ሜትሮ ኸኀብርዎ ተመደበ ። በዚ ምኸ ንያት'ዚ ፡ ዝያዳ አእማን ምጉራት አድላዪ ኾነ ። እቲ እምኒ ዚፈሓረሱ ቦታ ንሓያሎ እዋን ብዋሕዚ ውርጪ ስለ ዝመልአ ገለ ነገር ኪዕየ አይተኻእለን ። አብቲ ድሕሪኡ ዝሰዓበ አስሓ ይታ ዝበገሐ አየር ቀሩብ ግስጋሰ'ኳ እንተ ተራእየ ፡ እቲ ዕዮ ግን አዝዩ ኸቢድ'ዩ ዝነበረ ። እቶም እንስሳታት እንተኾኑ' ውን ከም ቀደም አብኡ ብዙሕ ተስፋ አይገበሩን ። ወር ትማ ቀሩራት ፡ መብዛሕትኡ እዋን ከአ ጥሙያት'ውን እዮም ዝነበሩ ። ሕልንአም ዘየዕረቡ መጋልን ራህዋን ጥራይ እዮም ። ነፈኸ ፡ ብዛዕባ አብ ምብርካት አገልግሎት ዘሎ ፍስሃን አብ ዕዮ ዚርከብ ክብርን ግርም መደረታት መደረሎም ። እቶም እንስሳታት ግን በቲ ናይ መጋል ጕልበትን በታ ወርትማ ዘይሕለለላ ''አበርቲዐ ኸዓዪ'የ'' እትብል ሞርሖኡን እዮም ዝያዳ መንፈሶም ዚበራበር ዝነበረ ።

አብ ጥሪ ዋሕዲ ምግቢ ኸርአ ጀመረ ። መቕሎን እኸለ. አዝዩ ኸም ዚንክ ተገብረ ፡ ነዚ ንምትካእ ድማ ዝያዳ መ ቕሎን ደንኽ ከም ዚዕደል ተነግረ ። ቀጺሉ'ውን ፡

መብዛሕትኡ ኻብቲ ድንኽ አብቲ እተቐብረሉ ባይታ አዐ ርዩ ስለ ዘይተዓብጠ ፡ ዛሕሊ አትይም ጸንሐ ። እቲ ድንኽ መብዛሕትኡ ስለ ዝመኽመኸን ዝዓመለን ኪብላዕ ዚከአል ሓደት ጥራይ ተረኽበ ፡ ሓድሓደ እዋን እቶም እንስሳታት ንሓያሎ መዓልትታት ብዘይካ ቡቕቡቕሉን ሰራውርን ፡ ዚልከፍ ሓንቲ'ኳ አይነበሮምን ። በዚ ዚአከል ፡ ጥሜት ዓይና አፍ ጠጣ ዝመጸት ኮይና ተሰምዓቶም ።

እዚ ነገር'ዚ አብ ግዳም መታን ከይፍለጥ ምስታሩ አዝዩ አድላዪ ኾነ ። እቶም ደቅ - ሰብ ፡ በቲ ምዕናው ጠሓ ኒት - ንፋስ ተደራረቦም ፡ ብዛዕባ ሕርሻ - እንስሳ ሓድሽ ወረ ታት ምእላም ጀመሩ ። ሕጂ'ውን ከም'ቲ ቐደም ፡ እቶም እን ስሳታት ብሙሉአቶም ብጥምየትን ፈራን ይለሓሱ ኸም ዝነበሩ ፡ አብ መንነእም ቀጸሊ ባእሲ ኸም ዘሎ ፡ ተመሊ ሶም ድማ ናብ ሓድሕድ ምብልላዕን ቅትለተ - ውሉድን ከም ዘዘምበሉ ዚሕብር ወረታት ተነዝሐ ። ናፖለዮን ፡ እቲ ብዛዕባ ዅነታት ምግቢ ዝነበረ ሓቂ እንተደኣ ተሰሚው ዚስ ዕቦ መዘገ አዐርዩ ስለ እተረድኡ ፡ ብአይተ ዊምፐር ገይሩ ንዕኡ ዚጸረር ስምዒት ከም ዚዝርጋሕ ንምግባር መደበ ። ክሳዕ ሕጂ እቶም እንስሳታት ፡ አይተ ዊምፐር አብ ሰሰሙን አብ ዚመላለሰሉ እዋን ምስኡ ክንድ'ቲ ርክብ አይነበሮምን። ሕጂ ዝኾነ ኾይኑ ፡ ሓደት እንስሳታት ፡ ብፍላይ ከአ አባ ጊዕ ብምምራጽ ፡ መቕሎን ከም እተወሰኸ ፡ ንሱ ኸም ዚስምዐን ገይረን ከም ወዝቢ ኺግዕራ መምርሒ ተዋህበን ። ብዘይካ'ዚ ናፖለዮን ፡ እቲ ዳርጋ ባዶ ዝነበረ ቕፎታት ማዕከን ክሳዕ ዓንቀሩ ብሑጻ ኸምላእ ፡ ብልዕሊኡ ኸአ ካብቲ ዝተረፈ እኸልን ሓርጭን ኪሽፈን አዘዘ ። ብኻልእ ኣጋጣሚ ብምምስማስ ድማ ንዊምፐር ብማእከል'ቲ ማዕ ከን ከም ዚሓልፍ ብምግባር ፡ ቄላሕታኡ ኸም ዜውድቕሉ ተገብረ ። ንሱ ኸአ በዚ ተጠቢሩ ፡ አብ ሕርሻ - እንስሳ ፡ ዋሕዲ ምግቢ ዚበሃል ከም ዘየልዮ ነቶም አብ ግዳም ዝነ በሩ ሰባት ምውራይ ቀጸለ ።

አብ መወዳእታ ጥሪ ግዳ ፡ ተወሳኺ እኸለ. ኻብ ገለ ቦታ ምዕዳግ ከም ዘድሊ እናነጸረ ኸደ ። አብዚ ግዜ'ዚ ናፖለዮን ሳሕቲ'ዩ አብ አደባባይ ዚርአ ዝነበረ ። ዚበዝሕ እዋኑስ ፡ አብቲ አፍ ደገታቱ ብጨካን ዝትርኢቶም እኸ

ላባት ዚሕሎ ፡ አብ ውሽጥ'ቲ አዳራሽ ኮይኑ'ዩ ዜሕልፎ ነይሩ ። እንተ ተራእየ'ውን ፡ ከም ሓውሲ ጽንብል ተገይሩ ብሽዱሽተ እኽላባት ተዓጂቡ'ዩ ዚወጽእ ዝነበረ ። እዚኣ ቶም አብ ዙርያኡ ተጸጊያም ብምኽባብ ፡ ዝኾነ እንስሳ ናብኡ አመና ምስ ዚቐርብ የጕረምርሙሉ ነበሩ ። ሰንበት ንግሆ እንተኾነ'ውን አይርእን ነበረ ። ትእዛዛቱ ግን በቶም ካልኦት ሓሰግታት አቢሉ ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ብነፈኽ የመሓላልፍ ነበረ ።

ሓደ ሰንበት ንግሆ ፡ ነፈኽ ነተን ኪቐቕዋ ዝጀመራ ደራሁ ፡ እንቋቕሖኣን ኬስተልማ ኽም ዘለወን ነገረን ። ናፖለዮን ብዊምፐር አቢሉ ፡ አብ ሰሙን አርባዕተ ሚእቲ እንቋቕሖ ንኺሸይጥ ኮንትራት ተወዓዪሉ ነበረ ። እቲ ኻብዚ መሸጣ'ዚ ዘርከብ ገንዘብ ፡ ክረምቲ ኽሳዕ ዚኣቱ ፡ ነኦነታት እውን ክሳዕ ዚመሓየሽ ነታ ሕርሻ ዚእክል እኽልን ሓር ሞን መዐደኒ ምእንቲ ኺኽውን ተሓሲቡ እተገብረ ነበረ ።

እዚ ብዝሰምዓ ፡ እተን ደራሁ ብርቱዕ ሞራሕምራሕ ፈጠራ ። እዚ መስዋእት'ዚ ፡ አድላዪ ኪኽውን ከም ዚኽእል አቐድም ቢሉ ስምዕታ ተዋሂቡወን እንተ ነበረ'ኳ ፡ ብርግጽ ዚትግበር አይመሰለንን ። ንእዋን ጽድያ ኪሓቑፍኡ ዘዳለ ውኡ ጽፋይ ስለ ዝነበረ ፡ ሕጂ ነቲ እንቋቕሖ'ቲ ምውሳድ ከም ቅትለት ዚቖጸር ገበን'ዩ ፡ ኢለን ተቓወማ ። ሃንስ ካብ ዚስጕጕ ንነጀው ፡ ንመጀመርታ እዋን ከም ሓውሲ ዕል ወት ዚመስል ነኦነት ድማ ተፈጥረ ። እተን ደራሁ " ሚኖ ርካ " ብዚበሃላ ሰለስተ ጸለምቲ አርሕቃት ተመራሒን ንድሌት ናፖለዮን ኬፍሽላ ብምሉእ ሓቦ ተላዕላ ። እቲ እተኽ ተልእ ሚላ ድማ ፡ አብቲ አግማል ናሕሲ ተሰቒለን ፡ ካብኡ ናብ ታሕቲ እንቋቕሖኣን ብምውዳቕ ፡ አብቲ ባይታ ኽም ዚሕምሸሽ ምግባር ነበረ ። ናፖለዮን ቅጽበታውን ዘየናሕ ስን ስጕምቲ ወሰደ ። ነተን ደራሁ መቕነን ክይወሃበን አዘዘ ። ዝኾነ እንስሳ ፡ ንዝኾነት ደርሆ ንጣር ስርናይ'ውን ትኹን ኪህብ ምስ ዚርከብ ድማ ብሞት ከም ዚቕጸዕ ደን ገገ ። እቶም አኽላባት እዚ ትእዛዝ'ዚ ንኺትግበር ተቒጸጸርቲ ኾኑ ። እተን ደራሁ ንሓሙሽተ መዓልቲ ተጸመማ ፡ ድሕሪኡ ግን ክይፈተዋ ኢደን ሂበን ናብ ሰፈረን ተመልሳ ። ክሳዕ ሽው ትሽዓተ ደራሁ ሞታ ። ሬሳአን አብቲ ስፍራ

አታኽልቲ ተቐብረ ፡ ብሕማም ፈራ ሞይተን ተባሂሉ ድማ ተወርየለን ። ዊምፐር ብዛዕባ'ዚ ገለ'ኳ አይሰምዐን ፡ እቲ እንቋቕሖ ኽአ ብሓንቲ አብ ሰሰሙን እትመላለስ ዓረብያ ግሮሰሪ ንኺውሰድ ፡ ልክዕ አብቲ ምዱብ ዕለት ተስተለመ ።

እዚ ዅሉ ኪኽውን ከሎ ውርጮ ደሃይ አጥፊኡ ነበረ ። ካብተን ጕረባብቲ ሕርሻ አብ ሓንቲአን ፡ አብ መዓንደር-ወኻርያ ወይ ድማ አብ ግራት - ንጨበ ተሓቢኡ'ሎ ዚብል ጽንጽንታ ነበረ ። አብዚ እዋን'ዚ ናፖለዮን ምስቶም ሓረስቶት ካብ ቀደም ዝሓሸ ስኒት ነበሮ ። ብኢጋጣሚ ፡ ዓሰርተ ዓመት አቢሉ ይገብር ፡ ሓደ ንእስ ዝበለ አግራብ ጽሕዲ ኺበርስ ከሎ እተቒርጸ ጽፍጻፍ ሓርከም አብቲ መረባ ተረቢቡ ነበረ ። እቲ ሓርከም አጸቢቑ ቀሊሑ ስለ ዝነበረ ዊምፐር ንናፖለዮን ኪሸጦ መኾሮ ። ክልቲኦም አይተ ብኽንቱን አይተ ፍረደረኽን ንኺዕድግዎ ሀንጡያት ነበሩ ። ናፖለዮን ካብ ሓዲኡም ንመኖም ከም ዚሸጠሉ ስለ ዝጠፍኡ ይውስውስ ነበረ ። ከም እተስተብሃለሉ ግን ፡ ምስ ፍረ - ደረኽ ኪላዘብ ምስ ዚደሊ ፡ ውርጮ አብ መዓደር - ወኻርያ ተሓቢኡ'ሎ እናተባህለ ይውረ ፡ ናብ ብኽንቱ አቢሉ ምስ ዜዘን ብል ከኣ አብ ግራት - ንጨበ'ሎ ይበሃል ነበረ ።

እንሆ ድማ አብ ፈለማ ጽድያ ሓደ ዘይተሓስበ ዜሰ ንብድ ነገር ተረኽበ ። ለኸስ ውርጮ ፡ ከይተፈልጠ ለይቲ ለይቲ ናብቲ ሕርሻ ይኣቱ ነይሩ'ዩ ! በዚ ዚእክል እቶም እንስሳታት ምሒር ስለ እተሸበሩ አብ ደምበኣም ድቃስ ሰኣኑ ። ምሸተ - ምሸት ጸልማት ተጕልቢቡ ሰሊኹ ኽም ዚኣቱን ፡ በብዓይነቱ ግብረ - እከይ ከም ዚፍጽምን ከኣ ተወርየ ። ነቲ ኣእክል ዝሰረቕ ንሱ ፡ ነቲ ጸባ ዝመልአ ሰንኬ ሎታት ዝደንከሎ ንሱ ፡ ነቲ እንቋቕሖታት ዝሓማሸኾ ንሱ ፡ ነቲ ፈልስታት ዝሓማቱኽ ንሱ ፡ ነቲ አእዋም ፍረ ልሕጽታቱ ዝገሃጸ ንሱ ተባህለ ። ዝኾነ ነገር ምስ ዚበላሾ ንውርጮ ምጥቃን ልሙድ ኮነ ። መስኩት እንተ ተሰብረ ሓደው እቲ ማይ ርስሓት ዚውሕዘሉ ቱቦታት እንተ ተዓ ብሰ ውርጮ ለይቲ መጺኡ ገይርዎ ኽም ዚበሃል ርጥጽ ነበረ ። እቲ ናይ ማዕከን መፍትሕ ብዝጠፍአ ድማ ፡ ውርጮ ናብቲ ዒላ ደርብዩ ኽም ዘእተዎ ብምሉእም ተቐማጦ እታ ሕርሻ አሚኖሙሉ ዝነበረ ነገር'ዩ ። ካብ ኦሉ ዜገርም ፡

እቲ እተሳእነ መፍትሕ አብ ትሕቲ ሓደ ኽሻ ሓርሞ ድሕሪ ምርካቡ ኽይተረፈ'ውን እቲ እምነት'ቲ ምኽጻሎም ነበረ ። እተን ላሕምታት ፡ ውርጮ ለይቲ ሰላሕ እናበለ ናብ ደምበ እን ብምእታው ፡ አብ ድቃሰን ከለዋ ኽም ዝሓለበን ብሓ ባር ጥርዓነን ኣቕረባ ። በቲ ሓጋይ'ቲ መዕገርገርቲ ኾይነን ዝነበራ አናጹ'ውን ምስ ውርጮ ውዲት አለወን ተባሂለን ተሓምያ ።

ናፖለዮን ኩሉ'ቲ ውርጮ ዝፈጸሞ ተግባራት አዐርዩ ንኪምርመር ትእዛዝ አመሓላለፈ ። በኽላባቱ ተዓጂቡ ፡ እቶም ካልእት እንስሳታት ብእኽብሮት ካብኡ ተፈንቲቶም እናተኽ ተልዎ ፡ አብቲ አባይቲ ሕርሻ ናይ ፍተሻ ዐዶት ገበረ ። ናፖለዮን ሓሓሲፉ ድሕሪ ሕደት ስጉምትታት ጠጠው እና በለ ፡ አሰር - እግሪ ውርጮ እንተ ረኽበ ኢሉ ነቲ ባይታ አሸተቶ ። ንውርጮ ፡ ብሽታ አሰር - እግሩ ከለልዮ እኽ እል'የ ፡ በሃላይ እዩ ዝነበረ ። አብ ፈቐዶ ዅናዕ ፡ አብቲ ሪቕ ፡ አብቲ ደምበ - ላም ፡ አብቲ እንዳ ደራው ፡ አብቲ ኣሕምልቲ እተዘርኦ ገደና አሸተተ ፡ ዳርጋ አብ ዙሉ ድማ አሰር ውርጮ ረኽበ ። ነቲ ሶርኖኡ አብ ባይታ አጣቢቹ ደጋጊሙ ንውሽጢ እናሰሓበ አዐርዩ ድሕሪ ምስትንፋስ ፡ " ውርጮ አብዚኣ ነይሩ ! ሽታኡ ግርም ገይረ አለልዮ እየ ! " ኢሉ ብዜፍርህ ደሃይ ይጭርሕ'ሞ ፡ እቶም አኽላባት ከኣ ነታ " ውርጮ " እትብል ብዝሰምዑ ዚቕዝሕ ሕኒ ንታ እናኮረምረሙ ዓቃቢቶኣም የርእዩ ።

እቶም እንስሳታት ብራዕዲ ተዋሕጡ ። ውርጮ ፡ ሓደ አብ ዙሉ'ቲ ዙርያኣም ዝሰፈነ ርኹስ መንፈስ ፡ እተፈላለየ መዓት እናውረደ ኽአ ዚጨንቕም ኮይኑ ተሰምያም ። ንም ሸቱ ነፈኽ ንኹላቶም ጸዊው ኣከቦም ። አብ ገጹ ናይ ስግ አት መልክዕ እናተራእየ ድማ ሓደ አዝዩ ዚተሓሳስብ ዜና ሓዙሉም ከም ዝመጸ ነገሮም ።

" ብጾት ! " ጨርሐ ነፈኽ ፡ ቕሩብ ብምዕልባጥ እናተሰራሰረ ፡ " ሓደ አዝዩ ሕማቕ ነገር ተረኽቡ ። ውር ጮስ በሉ ፡ አብ ፍረ - ደረቕ ዋና ግራት - ነጨበ ተዓሲቡ'ሉ ። ፍረ - ደረቕ ከኣ ፡ ሕጂ'ውን ከይተረፈ ንዓና ወሪሩ ሕር ሻና ንምምንዛዕ ዚጸናቶ ዘሉ'የ ። እቲ ወረራ ምስ ተጀመረ ፡ ውርጮ ኽም ሓባሪኡ ኾይኑ ኺዓዩ እዩ ። አረ እቲ ጉድሲ

እዚ ጥራይ'ውን አይኮነን ! ንሕና ውርጮ ዝሸፈተሉ ምኽን ያት ንዕብየት ርእሱን ንጃህራን ጥራይ ይመስለና ነይሩ ። ግናኽ ፡ ተጋጊና ኑርና ብጾት ። እቲ ቕንዲ ምኽንያት እን ታይ ከም ዝነበረ ትፈልጡዶ ? ውርጮ ኻብ ፈለማ እት ሓዙ ምስ ሃንስ ውዲት ነይርዎ ! እዚ ዅሉ እዋን ፡ ናይ ሃንስ ሰላዩ እዩ ነይሩ ። ዙሉ'ዚ ፡ ካብ'ቲ ሕጂ ሕጂ ዝረኽ ብናዮ ገዲፍዎ ዝኸደ ሰንዳት ተረጋጊጹ'ሉ ። ካብዚ ብዙሕ ነገራት ክንርዳእ ንኽእል ብጾት ። አብ ውግእ ደምበ - ላም ብዕድል አይሰለጠን ደእ'ምበር ፡ ከመይ ገይሩ ኼስዕረናን ኬጥ ፍእናን ከም እተጋደለ ብዓይንናዶ ኽይረእናዮ ? ! "

እቶም እንስሳታት ጋን ኮኑ ። እዚ ናይ ውርጮ ግብረ እከይ'ዝስ ፡ ካብቲ ነታ ጠሓኒት - ንፋስ ንምዕናው ዝሓለና ዝገደደ ዓቢ ዓገብ'ዩ ዝነበረ ። ክሳዕ ዚእምንዎ ግዳ ቕሩብ ግዜ ወሰደሎም ። ዙላቶም ፡ ውርጮ አብ ውግእ ደምበ - ላም ቀቅድሚኣም እናመርሐ ጠኒኑ ኺዋጋእ ከሎ ኽም ዝረአ ይዎ ፡ መታን ከይበታተኑ ኽመይ ገይሩ ይጠራንፎምን የተ ባብየምን ከም ዝነበረ ፡ ዝባኑ ብናይ ሃንስ ዓረር ምስ ቁሰለ እንተኾነ'ውን ንሓንቲ ደቂኽ ከም ዘየዕረፈ ትዝ በሎም ፡ ሓደው ፡ ትዝ ዚብሎም ኮይኑ ተሰምያም ። አብ መጀመርታ ፡ እዚ ነገር'ዝን ፡ እቲ ምስ ሃንስ ዝነበሮ ሻራን ብኽመይ መገዲ ኽም ዚጋጠም ንምርድኡ ሸገሮም ። መጋል'ኳ ፡ ሕቶ ምሕታት ዘይፈቱ ኽነሱ ተደናገሮ ። እተን ቀዳሞት መሓ ውሩ አብ ትሕቲኡ ብምኹርማይ ዓሙ አዒንቱ ሰም አበለ ፡ ድሕሪ ብዙሕ ጸዕሪ ኽአ ሓሳባቱ ኺሰርዕ ከኣለ ።

" እዝስ አይአምንን'የ ። ውርጮ አብ ውግእ ደምበ ላም ብጅግንነት'ዩ ተዋጊኡ ። ብዓይነይ ርእየዮ'የ ። ድሕሪኡ ሽውንሽውዶ ጅግና እንስሳ ቕዳማይ መዓርግ ሽሊምናዮ አይነበርናን ? " በለ ።

" ንሱ'ዩ እቲ ጌጋና ብጸይ ። ከመይሲ (እዚ አብቲ ዝረኽብናዮ ሰንዳት ተጸሒፉ ዘሉ'ዩ) ፡ ብሓቂ ናብ ጥፍኣት ንኽንአቱ ይሓብባለና ኽም ዝነበረ ሕጅስ ፈሊጥናዮ ኢና ። "

" ግንክ ተወጊኡ'ዩ ፡ " በለ መጋል ። " ዙላትና ደም እናንጠብጠብ ኽሎ ርኢናዮ ኢና ። "

" ንሱ ሓደ ኻብቲ እተመሻጠሩሉ'ዩ ! " ጨደረ ነፈኽ ፡

“እቲ ናይ ሃንስ ዓረራት ሸርጢፍዎ ጥራይ’ዩ ዝኸደ። ተን ብብ ኔርካ እንተ ትኸውን እቲ ባዕሉ ዝጸሓፎ መርእኹኻ። ከምቲ ውዲቶም ድማ ውርጮ አብቲ ጽንኩር እዋን ክን ሃድም ምልክት ኪህበና’ሞ፡ እቲ ዓውደ-ውግእ አብ ኢድ ጸላእትና ኸም ዚወድቕ ምግባር’ዩ ዝነበረ። ዳርጋ ተዓዊቱ ኸአ ነይሩ — እቲ ጅግና መራሒና ብጸይ ናፖለዮን እንተ ዘይ ነብርሲ አረ፡ ምተዓወተ’ውን ነይሩ ብሃላይ’የ ብጾት። ሃንስን ሸቃሎኡን አብቲ መረባ ብዝአተዉ፡ ውርጮ ዘይተጸበናዮ ኸመይ’ሉ ኸም ዝሃደመ ብዙሓት እንስሳታት ድማ ኸም ዝተኸተልዎን አይዝከረኩምን? ከምኡ’ውን ኩሉ ፍርሂ ወረስዎ ስዕረት ዘይተርፍ’ዩ ምስ ተባህለ፡ ብጸይ ናፖለዮን ንኽድሚት ብምዝላል፡ “ሞት ንደቅ-ሰብ ዚብል ሞድርታ ዘስምዓሉ፡ አስናኑ ድማ አብ ዳንጋ ሃንስ ዝተኸለሉ እዋን ሽው ኸም ዝነበረ እይዝከረኩምን? እትስ ብርግጽ ትዝክርዎ ኢኹም ብጾት!?” ጨርሐ ነፈኸ የማነ ጸጋም እናተሰራሰረ።

ሕጂ ነፈኸ፡ ንኹሉ’ቲ ኹነታት ከም ስእሊ ገይሩ ብዝገለጸሎም እቶም እንስሳታት ከምኡ ዝረአዩ ኾይኑ ተሰምዮም። ካልእስ ይትረፍ ውርጮ አብቲ ጽንኩር እዋን ውግእ ደምበ-ላም ዝባኑ ሂቡ ኸም ዝሃደመ ትዝ በሎም። መጋል ግን ሕጂ’ውን ተጠራጠረ።

“ውርጮ አብ ፈለማ ኸሓዳ ነይሩ ኢለ አይኣምንን፡” በለ አብ መወዳእታ፡ “ካብኡ ንነጀው ዝገበሮ ንበይኑ’ዩ። አብ ውግእ ደምበ-ላም ግን ንፉዕ ብጸይ ነይሩ ኢለ’የ ዝኣምን።”

“መራሒና ብጸይ ናፖለዮን” ኪብል አፍለጠ ነፈኸ ሃዲኡን ጸኒዑን፡ “ከየማትኣ ኸም እተዛረቦ — ከየማትኣ ብጸይ! — ውርጮ ኻብ መጀመርታ አትሒዙ ናይ ሃንስ ሰላዪ እዩ ዝነበረ — እወ፡ ቀደም እቲ ዕልወት ከይተሓስበ ኸሎ’ኳ ደኣ።

“ኤ! ንሱ ደኣ ንበይኑ’ንድዩ፡” በለ መጋል፡ “ብጸይ ናፖለዮን ዝበሎ እንተ ደኣ ኾይኑስ ግድነት ሓቂ’ዩ።”

“ቅኑዕ መንፈስ ማለት ከምዚ’ዩ ብጸይ!” ጨደረ ነፈኸ። እንተኾነ ግን በቲን ዚውራሕርሓ ደቀኞቲ አዒንቲ ብኸፉኣ አጠማምታ ኪጥምቶ ይፍለጥ ነበረ። እንግድዓኡ ሂቡ ኪኸይድ ተበገሰ’ሞ ደው በለ። አስዕብ ቢሉ ድማ፡ “ነፍስ-ወከፍ አብዚ ሕርሻ ዚነብር እንስሳ ነቒሑ ኪሕሉ አጠንቅኞ አለኹ። አብዚ ሀሞት’ዚ፡ ሓድሓደ ናይ ሃንስ ሰለይቲ አብ መንጎና ኾይኖም ይቃጸዉና ኸም ዘለዉ ዘይን ጥርጥረሉ አብነት የልቦን!” በሎም አትሪሩ።

አርባዕተ መዓልቲ ጸኒሑ፡ ድሕሪ-ቐትሪ ኣጋ ግዘ፡ ናፖለዮን ሑሎም’ቶም እንስሳታት አብቲ መረባ ኪእከቡ አዘዘ። ሑላቶም ብዝመጽኡ፡ ናፖለዮን ክልተ መዳልያታቱ አንጠልጢሉ (አብዚ ቐረባ እዋን ጅግና እንስሳ ቐዳማይ መዓርግን ጅግና እንስሳ ኻልኣይ መዓርግን ባዕሉ ንገዛእ ርእሱ ሸሊሙ ነበረ’ሞ) እቶም ትሸዓት ገዘፍቲ አኽላባቱ አብ ዙርያኡ እናተናጠሩን፡ ሑሎም እቶም እንስሳታት ብራዕዲ ኽሳዕ ዚንቀጥቅጡ ድማ ሕኒን እናበሉን ካብቲ አዳራሽ ሕርሻ ተቐልቀለ። ሑላቶም ሓደ ዚስካሕክሕ ነገር ከም ዘፍጸም እቐደሙ ግዲ ተፈሊጥዎም ኮይኑ ብፍርሂ ተዋሒጦም ብጸጥታ ሰስፍራኦም ሓዙ።

ናፖለዮን ብጠጠዉ ኑቶም ኪሰምዕዎ ዝተኣከቡ በብ ሓደ ብደረጃ አጠማምታ ጠመቶም። ብድሕር’ዚ ብቐጢን ደሃይ ዓው ኢሉ አስቂምቂመ። ብኡብኡ፡ እቶም እኽላባት ንቐድሚት ዘለሎም ካብቶም ሓሰማታት ነርባዕተ በእዛኖም ዓትዒቶም፡ ብቓንዛን ፍርህን እናወጨጩ ኽነሶም፡ ንቲቶም ናብ እግሪ ናፖለዮን አምጽእዎም። እቶም ሓሰማታት አእዛኖም ይደምያ ነበራ። እቶም እኽላባት ደም እስ ተማቒሮም ንግዚኡ ኸም ሓውሲ ዕቡዳት ኮኑ። ካብ ሑሉ ዘገረመ፡ ሰለስተ ኻብኦቶም ንመጋል ኪጐብጥዎ ተወርወሩ። መጋል ኪመጽእዎ ርእዩ እቲ ገዚፍ ሸኾናኡ አልዓለ፡ ኻባታቶም ንሓደ አብ አየር ከሎ ተቐበሎ፡ ምስቲ ባይታ ዝሳዕ ዚጣበኞ ድማ ሸንዲሑ ረገጾ። እቲ ኸልቢ እንተ ነሓፎ ኢሉ ወጨጨ፡ እቶም ክልተ ኻልኦት ከኣ ጭራእም ደጉሎም ሃደሙ። መጋል ነቲ ኸልቢ ሓምሺሹ ኪቐትሎ ሓደው ይኸድ ኪሓድን ንምፍላጥ ናብ ናፖለዮን ጠመተ። ናፖለዮን ገጹ ተለዋወጠ፡ ንመጋል ከኣ ነቲ ኸልቢ ኪለቆ ብነድሪ አዘዞ። መጋል ሸኾናኡ አልዓለ፡ እቲ ኸልቢ ድማ ተለሓጺጹን እናቔዘመን ምሉኞ ኢሉ ኸደ።

ሽዑንሽዑ እቲ ጭራሕምራሕ ዝግ በለ ። እቶም አርባዕተ ሓሰግታት ፣ አብ ገጽ ነፍስ - ወከፎም ናይ ገበን መልክዕ እናተነበ ብራዕዲ ተጸበዩ ። ናፖለዮን ሕጂ ፣ ዅሉ'ቲ ዝፈጸምዎ በደል ኪናስሑ ተማሕጸኖም ። እዚኦቶም ፣ እቶም ናፖለዮን ነቲ ዋዕላ ሰንበት ብዝወገዱ እተቓወሙ አርባዕተ ሓሰግታት ብቐንዶም እዮም ። ብዘይ ገለ ተወሳኺ ምድ ፍፋእ ድማ ውርጮ ኻብ ዚስጉጉ አትሒዞም ምስኡ ርክብ ከም ዝነበሮም ፣ ነታ ጠሓኒት ኪዕንዋ ኽሎ ምስኡ ኽም እተሓባበሩ ፣ ሕርሻ - እንስሳ'ውን አብ ኢድ አይተ ፍረ - ደረኞ ንኽትወድኞ ምስኡ ኽም እተሰማምዑ ተለፋለፉ ። ከምኡ'ውን ፣ ውርጮ ኻብ ነዊሕ ዓመታት ጀሚሩ ናይ ሃንስ ሰላዪ ኽም ዝነበረ አብ ብሕቶም ገይሩ ባዕሉ ኽም እተ አመነሎም ነገሩ ። ተናሲሖም ብዝወድኡ ፣ እቶም አኽላባት ብኞጽበት ጕረርኦም በቲኾም ዘጋገልዎም ። ናፖለዮን ከአ ፣ ብዚዘብሕ ደሃይ ፣ ካልእ ዚናሳሕ እንስሳ እንተሎ ሓተተ ።

እተን አብቲ ብሰረ እንቋቕሑ እተሃቀነ ዕልወት ቀንዲ መራሕቲ ኾይነን ዝነበራ ሰለስተ ደራሁ ናብ ቅድሚት ቀረበን ፣ ውርጮ አብ ሕልመን ከም እተራእየን ፣ ትእዛዝ ናፖለዮን ንኼፍርሳ ድማ ሹት ከም ዝበለን ተናዘዛ ። እዚኦተን እውን ተበዘታ ። ቀጺላ ሓንቲ ደርሆማይ ቀረባ ፣ ካብቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት እቶት ፣ ሽዱሽተ ብርዒ ሰዊት ስርናይ ብለይቲ ኽም ዝበልዐት ተኣመነት ። ብድሕሪኡ ሓንቲ በጊዕ ፣ አብቲ ጋብላ — ከምቲ ንሳ ዝበለቶ ብውርጮ ተደፋፈኣ— ኽም ዝሸነት ተለፋለፈት ። ከምኡ'ውን ከልተ ኻልኦት አባጊዕ ፣ ንሓደ ናይ ናፖለዮን አዝዩ እሙን ሰዓቢ ዝነበረ አረጊት ድዑል ፣ ሕማም ሰዓል ከም ዘለዎ እናፈለጡ ፣ አብ ዙርያ መጋርያ ሓዊ ሸንኮለል እናበሉ ብምጕያይ ፣ ትንፋሱ ኽም ዘሕለፍዎ ተናስሑ ። ዅላቶም አብኣ ኽለዉ ተቐንጸሉ ። እንሆ ኽኣ ፣ ሃንስ ካብ ዚስጉጉ አትሒዞ ፣ ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ ዅምራ ሬሳ አብ ቅድሚ ናፖለዮን ክሳዕ ዚጽናጸፍ ፣ እቲ ስፍራ ድማ ብሽታ ደም ክሳዕ ዚህድህድ ፣ እቲ ዛንታ ንስሓን ቅትለትን ቀጸለ ።

ዅሉ ብዝተፈጸመ ፣ እቶም ዝተረፉ እንስሳታት ፣ ብዘይካ ሓሰግታትን አኽላባትን ፣ ብሓባር ሰላሕ ኢሎም ወጽኡ ። ተዳሂሎምን ተመግዲሮምን'የም ዝነበሩ ። እየናይ ዝያዳ ኽም

ዚሰንብድ ክአ ጠፍኦም ፣ ማለት ፣ እቶም ምስ ውርጮ እተ መሻጠሩ እንስሳታት ዝፈጸምዎ ኽሕደትዶ ፣ ወይስ እቲ አብ ቅድሚ ዓይኖም ዝረአይዎ ጨካን መኾጻዕቲ ? ቀደም እንተ ኾነ'ውን ፣ ከምዚ ዝአመሰለ ዚስካሕክሕ ምፍሳስ ደም ዘለዎ ትርኢት ብዙሕ እዋን ነይሩ እዩ ። ግናኽ ሕጂ ፣ አብ ሓድ ሕዶም ብምኽኑ ፣ አዝዩ ዝኽፍአ ኾይኑ ተሰምዖም ። ሃንስ ካብታ ሕርሻ ኻብ ዚለቅኞ አትሒዙ ክሳዕ ሎሚ ፣ ሓደ እንስሳ ንኻልእ እንስሳ አይቀተለን ። አንጭዋ ትኹን'ውን አይተቐትለትን ። ናብታ ፍርቃ እተዛዘመት ጠሓኒት - ንፋስ እተመስረተትሉ ንእሽቶ ኹጀት አቢሎም ከዱ ። አብኡ ኹሳቶም — ራህዋ ፣ ፈገስ ፣ ጸዕዱ ፣ እተን ላሕምታት ፣ አባጊዕ ፣ ደርሆማይ ብዕስለእን ፣ ከምኡ'ውን ደራሁ — ኮታስ ፣ ብዘይካ'ታ ናፖለዮን ነቶም እንስሳታት ኪእክቡ ኞድሚ ምእዛዙ አገሪሃ እተሸርበት ድሙ ፣ ዅላቶም ኪማምቹ ደልዮም ከም ዚጸ ጋግዑ ብሓባር ተገምሰሱ ። ንገለ እዋን ሓደ'ኳ አይተዛረ በን ። መጋል ጥራይ ንበይኑ ቐይሙ ተረፈ ። በቲ ነዊሕ ጸሊም ጭራኡ ንጕኑ ጨብ እናበለ ፣ ጸጸኒሑ'ውን ብምስ ድማም ቕሩብ እናሓምሓመ ፣ ብዓኞለ ጽበት ንየው ነጀው ተመላለሰ ። አብ መወዳእታ ፣

“ ከርድኣኒ አይከአለን ። አብዚ ሕርሻና ኽምዚ ዝአመ ሰለ ገበናት ኪፍጸም ኩቶ ትጽቢት አይነበረንን ። እዚ ኻብ ገዛእ ርእስና ጕድለት ኪኽውን አለዎ ። ንዓይ ከም ዚመ ስለኒ ፣ ናይዚ ፍታሕ አበርቲዕካ ምዕያይ እዩ ። ካብ ሕጂ ንደሓር ፣ ሓደ ሰዓት ቅድሚ መጋሕታ እንጊሀ ኽበራበር'የ ፣ ” በለ ።

ደርጓዕጓዕ እናበለ ብምግላብ ከአ ናብቲ እምኒ ዚፈሓ ረሉ ቦታ አቢሉ አቐንዐ ። አብኡ ምስ በጽሐ ፣ ክልተ ጽዕ ነት እምኒ በብተራ አኪቡ ፣ ናብ ድቃሱ ቕድሚ ምኻድ ናብታ ጠሓኒት - ንፋስ ጓረተ ።

እቶም እንስሳታት ገለ ኽይበሉ ንራህዋ ተጸጋጊየም ዙር ያኦ ኽበብዋ ። እቲ ዒሞሙሉ ዝነበሩ ኹጀት ንብመላኡ እቲ ገጠር ኪማዕድዉሉ ዚኽእሉ ነበረ ። መብዛሕትኡ ሕርሻ - እንስሳ ፣ እቲ ኽሳዕ'ቲ ቐንዲ ጽርግያ እተዘርግሐ መግ ሃጫ ፣ እቲ ግራት ድርቂ ፣ እቲ ዱር ፣ እቲ ራህያ ፣ እቲ ጽውቕ ሰዊት ስርናይ ዝበቐሎ ግራውቲ ፣ እቲ ኻብ ቂንቆሩ

ትኪ እናተዓኺለለ ዚወጸሉ ዝነበረ ቐይሕ ናሕሲ አባይቲ፡ አብ ቅድሚኦም ተዘርጊሑ ተራእዮም ። ብሩህ ዝአየሩ አጋ ምሽት'ዩ ዝነበረ ። እቲ ሳዕርን ሓላፍ-ዘላፍ ደንላትን ፡ በቲ ጩራ ጸሓይ ዕራርቦ ወርቃዊ ሕብሪ ተለቢጡ ነበረ ። እታ ሕርሻ ኽም ሽዑ ገይራ አየብሃገቶምን — ብሓውሲ ምግራም ከአ ፡ ኩላ ብምልእታ ፡ ስድሪ'ውን ትኹን ከይተረፈት ጥሪ ቶም ሓላሎም ምኽና ዘከሩ ።። ራህዋ አዒንታ ቕጽርጽር እናበለ ናብቲ እግሪ ኹጀት አንቁልቁላ ጠመተት ። አብ ልባ ዝነበረ ሓሳባት ክትገልጾ ትኽእል ነይራ እንተ ትኽውን ፡ እቲ ገለ ዓመታት አቢሉ ይገብር ንደቅ-ሰብ ንምብራር ዝተበገሱሉ ዕላማ ነዚ ኢሎም ከም ዘይኮነ ምደርጉሓቶ ። ፈለማ ፡ አብቲ መፍሲሳ ዕልወት ንኽልዓዓል ዝጐስጐሰሉ ምሽት ፡ ሃረርታኦም ነዚ ናይ ራዕድን ቅትለትን ምርኢት አይነበረን ። ንሳ እትሓልሞ ዝነበረት መጸኢ እዋንስ ፡ ካብ ጥሜትን መግረፍትን ሓራ ዚወጽኡሉ ፡ ማዕርነት ዚሰፍነሉ ፡ ነፍስ-ወከፍ ከከም ዓቕሙ ዕዮ ዘበርክተሉ ፡ ከምቲ ንሳ አብቲ መፍሲሳ መደረ ዚስምዓሉ ምሽት ነቶም ጨቓዊት ደርሆማይ አብ ማእከል'ቲ ቐዳማይ መሓውራ ዝሓቖፈ ቶም ፡ እቲ ሓያል ነቲ ድኹም ዚከላኽለሉ ማሕበረ-እንስሳ እዩ ዝነበረ ። አብ ከንድኡ ግን—ኪርድኣ ዘይከአለ—ሓደ እኳ ዝተራእዮ ዘይሓረበሉ ፡ ጨካናት ፡ ሕግግ በሃልቲ አኽላባት ዚዕንድሩሉ ፡ ብጸትካ ዜሰንብድ ገበናት ተናሲሑም አብ ቅድሚ ዓይንኻ ዚዝልዘሉሉ እዋን'ዮም አርኪቦም ዝነበሩ ። አብ አእምሮአ ናይ ምዕግርጋር ሓደው ፋሉል ናይ ምኻድ አተና ነይሩ ማለት አይኮነን ። ሕጂ'ውን እንተኾነ ፡ ናብራ ኻብቲ ናይ ዘበነ-ሃንስ ከም ዚሓይሽ ፡ ልዕል-ዥሉ ድማ ደቅ-ሰብ መታን ከይምለሱ ቅድም ቀዳድም ምክል ኻል አድላዩ ኽም ዝኾነ ትፈልጥ ነይራ እያ ። ዝኾነ እንተኾነ ፡ ወርትግ እምንቲ ፡ ጸዓተኛ ፡ እተዋህባ ትእዛዝ ፈጻሚት ፡ መራሕነት ናፖለዮን ድማ ተቐባሊት'ያ ዝነበረት ። የግዳስ ፡ እቲ ንሳን ካልኦት እንስሳታትን ተስፋ ዘውደቑሉን ዝደኽሙሉን ነዚ አይነበረን ። ነታ ጠሓኒት-ንፋስ ዝነደቕዋ ፡ ነቲ ኻብ ጠበንጀ ሃንስ ዝወጸ ዓረራት ጠኒናም ዝእተውዎ ነዚ አይነበረን ። ቃላት ደአ ስኢናትሉ'ምበር ሓሳባታስ እዚ'ዩ ዝነበረ ።

አብ መወዳእታ ነቲ ኽትረኽቦ ዘይከአለት ቃላት ዚት ክእ ኮይኑ ስለ ዝተሰምዓ 'እንስሳታት ዓዲንግሊዝ' ክትዝ ምር ጀመረት ። እቶም አብ ዙርያአ ዒሞም ዝነበሩ እንስሳታት ከአ ካብአ ተቐቢሎም ሰለስተ ሳዕ ደጋጊሞም ዘመ ርዋ ። ቅድሚ ሽዑ ገይሮምዎ ብዘይፈልጡ አገባብ ፡ ብጥዑም ፡ ግን ዝግ ዝበለን ጓሂ አተሓወሶን ዜማ ዘመርዋ ።

ሳልሳይ ሳዕ ዘሚሮም ኪውድኡን ነፈኽ ኽአ ብኽልተ አኽላባት ተዓጂቡ ናባታቶም አቢሉ ኺግስግስን ሓደ ኾነ ። አመጻጽእኡ'ውን ፡ ሓደ እዝዩ አድላዪ መልእኽቲ ንምንጋር ከም ዝኾነ ይፍለጥ ነበረ ። ብፍሉይ ድንጋገ ናይ ብጻይ ናፖለዮን 'እንስሳታት ዓዲንግሊዝ' ከም እተወገደት ፡ ካብ ሕጂ ንደሓር ምዝማራ ኽአ ውጉዝ ከም ዝኾነ አፍሰጦም ።

እቶም እንስሳታት አስደመሞም ።

"ስለምንታይ ?" ኢላ ፈገስ ጨርሐት ።

"ብጸይቲ ፡ ካብ ሕጂ ንንየው አይተድልን'ያ ፡" በለ ነፈኽ ብንቕጽና ፡ "'እንስሳታት ዓዲንግሊዝ' ናይቲ ዕልወት መዝሙር'ያ ። ሕጂ ግን እቲ ዕልወት አብ መደምደምታ በጺሑ'ዩ ። ሎሚ ድሕሪ ቐትሪ አብ ልዕል'ቶም ከድዓት ዝወረደ መቕጸዕቲ ናይ መወዳእታ ስጉምቲ እዩ ። አብ ውሽጥን ግዳምን ዝነበረ ጸላኢና ተሳዒሩ ። ብ'እንስሳታት ዓዲንግሊዝ' ጌርና እተመሓየሸ ማሕበራዊ ናብራ ኺመጸልና ትምኒትና ንገልጽ ኔርና ። እቲ ማሕበራዊ ናብራ'ቲ ሕጂ ተተኺሉ'ዩ ። እዛ መዝሙር'ዚአ ደጊም ትርጉም ከም ዘይብላ ብሩህ'ዩ ።"

ብፍርሂ ተዳሂሎም እንተ ነበሩ'ኳ ፡ ሓድሓደ እንስሳታ ትሲ ኽየዕዘምዘሙ አይምተረፉን ። አብዚ ግዜ'ዚ ግን እተን አባጊዕ ከም አመለን ፡ "አርባዕተ እግሪ ጽቡቕ ፡ ክልተ እግሪ ኽፉእ ፡" እናበላ ገዓረን ጀመሩ ፡ ንሓያሎ ደቓይቕ ስለ ዝቐጸላእ ኽአ እቲ ዘተ አቋረጸ ።

ካብ ሽዑ ንደሓር "እንስሳታት ዓዲንግሊዝ" አይተሰ ምዐትን ። አብ ክንድአ ፡ ሚኒኑ እቲ ገጣሚ ኻልእ መዝ ሙር ደረሰሎም ። አጀማምርአ ኽምዚ ዚስዕብ ነበረ ፡

ሕርሻ እንስሳ ፡ ሕርሻ እንስሳ ፡
አይክትጉድእን ከቶ ብናቱይ አበሳ ።

እዚአ ሰንበት ንግሆ ድሕሪ ምስታል ባንዴራ ትዝመር ነበረት ። እቶም እንስሳታት ግን ብዜማ ኾነ ብግጥሚ ን 'እንስሳታት ዓዲንግሊዝ' እትዳረጋ ኾይና አይተሰምዓቶ ምን ።

፰

ሒደት መዓልታት ጸኒሑ ፡ እቲ በቲ መኾተልቲ ዝወ ረደ ድህሰት ምስ ተረሳስዐ ፡ ገለ ኻብቶም እንስሳታት ፡ እታ ሻድሸይቲ ትእዛዝ ፡ " ዝኾነ እንስሳ ንኻልእ እንስሳ አይ ኾተል ፡ " ከም እትብል ትገ በሎም — ሓደው ከምኡ እት ብል ዝነበረት ኮይና ተሰምዓቶም ። አብ ቅድሚ እቶም ሓሰ ማታት ወይ ከአ እኽላባት ሓደ'ኳ ውራየይ ኢሉ እንተ ዘየ ልዓሎ ፡ እቲ እተፈጸመ ኾትለትሲ ምስእ ዚሳነ መሲሉ እይተራእየምን ። ራህዋ ፡ እታ ሻድሸይቲ ትእዛዝ ኪንብበላ ንጸዕዱ ሓተተቶ ። ጸዕዱ ፡ ከም ወትሩ ፡ ኢዱ አብዚ ጕዳይ'ዚ ኼእቱ ኽም ዘይደሊ ብዝነገራ ድማ ንፈገስ ጸውዓታ ። ፈገስ ነታ ትእዛዝ አንበበትላ ። ከምዚ ዚስዕብ ድማ ትብል ነበ ረት ። " ዝኾነ እንስሳ ንኻልእ እንስሳ አይኾተል ፡ ብሕ ልፊ'ኳ ብዘይ ምኽንያት ። " እቲን ናይ መጠረሽታ ሰለስተ ቓላት ነቶም እንስሳታት ኪዘክራሉም አይከአላን ። እታ ትእ ዛዝ ከም ዘይተጣሕሰት ግን አረጋገጹ ። ከመይሲ ፡ እቶም ምስ ውርጮ እተሓባበሩ ኽድዓት እተቐትሉሉ ምኽንያት ብቑዕ ምኽኑ ዚጠራጥር አይነበረን ።

ሽዓ ዓመት ብምልእታ ፡ እቶም እንስሳታት ፡ ካብታ ኾድ ሚአ ዝነበረት ዓመት ዝያዳ ዓየዩ ። ነታ ጠሓኒት - ንፋስ ካብቲ ናይ ኾድም ድርብ ጌርካ ምንዳኾ ፡ ምስቲ ልሙድ ስራሕ ናይታ ሕርሻ ደራብካ ፡ አብቲ እተመደበላ ዕለት ምዝዛማ አዝዩ ብርቱዕ ጸዕረ ዚድልዮ ነበረ ። እቶም እንስሳታት ካብቲ ብዘበን - ሃንስ ዝነበርዎ ዝወሓደ ዚምገቡ ፡ ዝነውሐ ሰዓታት ከአ ዚዓይዩ ኾይኑ ዚስምዖም እዋናት'ውን ነይሩ'ዩ ። ሰንበት - ሰንበት ንግሆ ፡ ነፈኽ ሓንቲ ሞራም ወረኾት አብ ጕምቦ መሓውሩ አንጠልጠሉ ፡ ከከም'ቲ ኹነታቱ እናገናዘበ ፡ ማእቶት ምግቢ ብ200 ፡ ብ300 ወይ ድማ ብ500 ኻብ ሚአቲ ኽም ዝበርክተ ዚረጋግጽ ዝርዝራት የንብበሎም ነበረ ። እቶም እንስሳታት ከአ ፡ ብሕልፊ ፡ እቲ ኾድሚ'ቲ ዕልወት ዝነበረ ኹነታት አዐርዮም ስለ ዘይዝክርዎ ፡ ዘይአምኑሉ ምኽ ንያት አይነበሮምን ። እዘ ኾይኑ እቲ ኾይኑ ፡ አሃዛት ነክዩ ፡ ብርክት ዝበለ ምግቢ እንተ ዚወሃቦም ዚምነዩሉ መዓልት ታት'ውን ነይሩ'ዩ ።

አብዚ ግዜ'ዚ ፡ ሁሉ ትእዛዛት ፡ ብነፈኽ ወይ ድማ ብሓደ ኻብቶም ካልኦት ሓሰማታት አቢሉ'ዩ ዚመሓላለፍ ዝነበረ ። ናፖለዮን ባዕሉ ፡ ስሕት ኢሉ አብ ክልተ ኾነ ሓንሳእ እንተ ዘይኮይኑ ፡ አብ አደባባይ አይርአን ነበረ ። ምስ ዚርአ ኽእ ፡ በቶም ወርትግ ደድሕሪኡ ለኹለኹ ዚብሉ እኽላባቱ ተዓጂቡ ጥራይ ዘይኮነስ ፡ ሓደ ቀትድሚኡ እናመረሸ ዚመርሕ ጸሊም ኩኩናይ'ውን ነበሮ ። እዚ ኩኩናይ'ዚ ፡ ናፖለዮን ዘረባ ኾድሚ ምጅማሩ ፡ ከም መጠን ነፋሕ ጡሩ ምባኡ ኾይኑ ፡ " ኪ-ኪ-ራ-ኪ " እናበለ የድሂ ነበረ ። አብቲ አዳራሽ ከይተረፈ'ውን ፡ ናፖለዮን ዚኾመጠሰን ከፍሊታት ፡ ካብቲ ናይቶም ካልኦት እተፈልየ ኽም ዝነበረ ይንገር ። ኪምገብ ከሎ ፡ ብኽልተ አኽላባት እናተሓለወ ፡ ወርትግ አብቲ አብ ቤት ኢጋይሽ ፡ አብቲ ብመስትያት እተሰርሐ ኽብሒ ዚኾመጥ ' ከራውን ዳርቢ ' እተባህለ ግርም ዝስርሓቱ መሳ ሰይ ድራር እናተቐረበሉ'ዩ ንብሕቱ ዚበልዕ ዝነበረ ። እታ ጠበንጃ ኽእ ፡ ብዘይካ አብቲን ክልተ ኻልኦት በዓላት ፡ አብ ልደት ናፖለዮን'ውን ዓመት መጸ ኽትትኩስ ትእዛዝ ተመ ሓላሊፉ ነበረ ።

ናፖለዮን አብዚ እዋን'ዚ ፡ " ናፖለዮን " ጥራይ ተባሂሉ እናተዘንጠለ ዚጽዋዕ አይነበረን ። ሽሙ ብወግዒ ምስ ዚለዓል " መራሒና ብጸይ ናፖለዮን " እናተባህለ'ዩ ወርትግ ዚጥቀስ ዝነበረ ። እቶም ሓሰማታት ክእ በብዓይነቱ ስያመ ፡ ከምኒ ፡ አቦ ኹሎም እንስሳታት ፡ መርዓድ ደቅ-ሰብ ፡ ሓላው መንሰ - አባጊዕ ፡ መሓዛ ጨቓዊት ፡ ካልእ ከምኡ ዝአመሰለን ኪውጽኡሉ ደስ ይብሎም ነበረ ። ነፈኽ ፡ ብዛዕባ ልቦና ናፖለዮንን ርሕራሕኡን ፡ ብዛዕባ አብ ሁሉም እንስሳታት ዝነበሮ ዓሚቕ ፍቕሪ ፡ ብሕልፊ ኽእ አብቶም አብ ካልኦት ሕርሻታት ኮይኖም ጌና አብ ትሕቲ ድንቑ ርናን ባርነትን ዚነብሩ ዘይቅሱናት እንስሳታት ኪዛረብ ከለ ፡ ንብዓት ብመዓጦርቱ ኼረር እናበለ ይወርድ ነበረ ። አብ ዝኾነ ተግባር አሳልጦ ምስ ዚርከብ ወይ ድማ ጽቡቕ ዕድል ምስ ዘጓንፍ ፡ ብሳላ ብጸይ ናፖለዮን እናበልካ ምም ጓስ ልሙድ ኮነ ። መብዛሕትኡ ግዜ ሓንቲ ደርሆ ንኻልኦ ብጸይታ ምስ እተዕልላ ፡ " ሳላ ምዕዶ መራሒና ብጸይ ናፖለዮን ፡ አብ ሽዱሽተ መዓልትስ ሓሙሽተ እንቋቕሑ አው

ዲቕ " እናበለት ከተውክለላ ፡ ወይ ድማ ፡ ክልተ ላሕም ታት ሓቢረን አብ ጋብላ ምስ ዚሰትያ ፡ " ክንደይ ይጥዕም'ዩ እዚ ማይ ፡ ዕድመ ንመራሕነት ብጸይ ናፖለዮን ፡ " እናበላ ብምስትምቓር ኪውድሳ ኢኻ እትሰምዕ ። አብታ ሕርሻ ዝነበረ ሓፈሻዊ ስምዒት ፡ ብሓንቲ ' ብጸይ ናፖለዮን ' ዘርእስታ ግጥሚ ግርም ገይሩ ተገሊጹ ነበረ ። እታ ግጥሚ ብምኒኑ እተደርሰት ከምዚ ዚስዕብ'ያ እትብል ፡

ንዘኽታማት ፈታዊ ፡
ታሕጓስ ንዝጸምኡ ተርፊ ፡
ጕይታ ርፍራፍ ፡ ጕይታ ተረፍ !
መጻጅ ፡ ነብሰይ ክንደይከ ዘይትበርህ ፡ ዘይትስነፍ !
ነዒንትኻ ምስ እትርእየን ፡
አየወ ፡ ሀዱእት ግርማ ዝዓሰለን ፡
ከምታ አብ ጠፈር ዘላ ጸሓይ'የን ፡
ብጸይ ናፖለዮን !

መሃብ ሁሉ ንስኻ ፡
ፍጡራትካ ዝደለዩዎ ምስ ዚልምኑኻ ፡
ክልተ - ሳዕ አብ መዓልቲ እትምግብ ፡
እንንገርግረሉ ጽሩይ ሓሰር ትህብ ፡
ነፍስ ወከፍ እንስሳ ይዕበ ይንእስ
ብሰላም አብ ደምበኡ ይግምስስ ፡
ንስኻ ንጉሱ ትእልን ትሕሉን ፡
ብጸይ ናፖለዮን !

እንተ ዚህልወኒ ዚጠቡ ሓሰማ ፡
ቅድሚ ምዕባዩ ፡ ምድንፋው ፈለማ ፡
ይግብእ ክንዲ መርፍእ ከሎ ወይ ክንዲ ብልቃጥ ፡
ኪመሃር ኪፈልጥ ፡
ኪኽውን ንዓኻ ዘልኣለም መማሰዊ ፡
እሙን'ምበር ኩቶ ዘይዓላዊ ፡
እወ ፡ ምወጨ መውጽእ አፉ ስምካ'ውን ፡
' ብጸይ ናፖለዮን ! '

እዛ ግጥሚ'ዚኣ ናፖለዮን ስለ ዝተሓጕሰላ ፡ አብቲ ወሰን መንደኞ ናይቲ ሪኞ ፡ ብመንጽር እተን ሸውዓተ ትእዛዛት ከም እትጽሓፍ ገበረ ። አብ ልዕሊእን ፡ ነፈኽ ብጸዕዳ

ቹለም ገይሩ ዘዳለዎ ብፍርቂ ጐኒ እተሳእለ ተምሳል ናፖለዮን ተነብረ ።

እዚ ኺኸውን ከሎ ፡ ናፖለዮን ንዊምፐር ወኪሉ ምስ ፍረ - ደረኞን ብኽንቱን ብዙሕ እተሓላለኸ ውዕላት ይወዓል ነበረ ። እቲ ጽፍጻፍ ሓርከም ክሳዕ ኽዑሉ ጌና አይ ሸጦን ። ካብ ክልቲኦም ፡ ፍረ - ደረኞ'ዩ ንምዕዳግ ዝያዳ ሀን ጡይ ዝነበረ ፡ እንተኾነ ግዳ ዚረብሕ ገንዘብ ኪውጽእ አይ ደለየን ። ልክዕ አብዚ እዋን'ዚ ፡ ፍረ - ደረኞ ፡ ነታ ብምን ዳቓ ብርቱዕ ቅንኢ ዘሕደረትሉ ጠሓኒት - ንፋስ መታን ኬዕኑ ፡ ንሱን ሸቃሉኡን ኮይኖም ንሕርሻ - እንስሳ ኺወሩዋ ይጸናተዉ አለዉ ዚብል ሓድሽ ወረ ኺንዛሕ ጀመረ ። ውር ጮ'ውን ጌና አብ ውሽጢ ሕርሻ " ግራት - ነጨበ " የሕ ለኽልኽ ክም ዝነበረ ኺፍለጥ ተኻእለ ። አብ ክፍላ ኽረ ምቲ ፡ ሰለስተ ደራዉ ቐሪበን ፡ ብውርጮ ተደራሪወን ንናፖ ለዮን ኪቐትልኡ ኽም ዝመኽሩ ተለፋለፉ ። እዚ ብዝሰምዑ እቶም እንስሳታት አዝዮም ሰንበዱ ። ብኡብኡ ናይ ሞት ፍርደን ተቐበላ ፡ ንድሕንነት ናፖለዮን ተባሂሉ ድማ ብር ቱዕ ጥንቃቐ ኺግበር ተመደበ ። ለይቲ ለይቲ አብ ዙርያ ዓራቱ አርባዕተ አኽላባት መመእዝናዎ ሒዞም ክም ዚሕ ልዉ ተገብረ ። መሊጠ እተባህለ ኮተት ሓሰግ ኽእ ምግቢ ናፖለዮን ምናልባት ከይምረዝ ተባሂሉ ፡ ንሱ ቕድሚ ምብ ልዑ ኺጥዕመሉ ተመዘዘ ።

አብቲ ቕንያት'ቲ አቢሉ ፡ ናፖለዮን እቲ ጽፍጻፍ ሓርከም ናብ አይተ ብኽንቱ ኺሸጦ ኽም እተወዓዓሉ ጽንጽንታ ኺስማዕ ጀመረ ። ብዘይክኡ'ውን ፡ አብ መንጎ ሕርሻ - እንስሳን መዓንደር ወኻርያን ሓድሓደ ማእቶት ንኺለዋወጡ ወዲእዎ ነበረ ። ናይ ናፖለዮንን ብኽንቱን ርክብ ፡ ብዊምፐር አቢሉ ይእ ይፈ ጸም እምበር ፡ ሕጅስ ጻርጋ ዕርክነት ዝሰፈኖ'ዩ ነይሩ ኺበ ሃል ምተኻእለ ። እቶም እንስሳታት ንብኽንቱ ኽም ሰብ መጠን አይኣመንዎን ፡ ግንከ ፡ ካብኡ ዝያዳ ንፍረ - ደረኞ ይጸልእዎን ይጥርጥርዎን ስለ ዝነበሩ ንዕኡ ፈተዉ ። አብ ኣጋ መወዳእታ ኽረምቲ ፡ እታ ጠሓኒት - ንፋስ ተነዲቓ ኽት ዛዘም ቕሩብ ብዝተረፋ ፡ ሓደ ተንኩል ዝመልእ መጥታ ዕቲ ኽም ዚፍጸም ዚእምት ወረታት በብዕለቱ እናገነነ ኽደ ። ፍረ - ደረኞ ፡ ዕስራ ሰብኣይ ዚእኽሉ ፡ ጠበንጃ ኣዕጢቑ ኪኽ

ትተሎም ከም ዝሓሰበ ፡ ነቶም ደያኑን ፖሊስን ከኣ ናይታ ሕርሻ ዋንነቱ ብዘረጋገጸ ዕላጅ መታን ከይፈጥሩሉ ፡ ዛጊት ብላዕ ከም ዝሃበ ይንገር ነበረ ። ብተወሳኺ ፍረ - ደረኞ ፡ አብ ልዕል'ቶም ዚውንኖም እንስሳታት ብዛዕባ ዜውርዶ ግፍዕ ታት ፡ ንኣብነት ፡ ንሓደ አረጊት ፈረስ ብምሕር መግረፍቲ ትንፋሱ ኣሕሊፍዎ ፡ ነተን ላሕምታቱ ብጥምየት እዕቢር ወን ፡ ንሓደ ኽልቢ አብ እቶን አእትዩ ቕቲልዎ ፡ ምሽት ምሽት ከኣ ፡ ነቶም ተባዕትዮ ደራዉ አብ አጽፋሮም ስብር ባር ላማ አሲሩ ብምክርፋስ ይዘናጋዕ'ዩ ዚብል ዜስካሕክሕ ዛንታታት ካብ ግራት - ነጨበ ይበጽሐም ነበረ ። እቶም እን ስሳታት እዚ ነገራት'ዚ አብ ልዕሊ ብጾቶም ክም ዚወርድ ብዝሰምዑ ብሕርታን ደሞም ፈልሐ ። እረ እንሓንሳእሲ ፡ ናብ ግራት - ነጨበ ብሓባር ከይዶም ኪወርሩዋ'ሞ ፡ ነቶም ደቅ - ሰብ ሰገሩንም ነቶም እንስሳታት ሓራ ንኺውጽእዎም ኪፍቀዱሎም ዘዕገርገሩሉ እዋናት ነይሩ'ዩ ። ነፈኽ ግን ፡ ካብ ህጢኽ ስጉምትታት ተቒጢቦም ፡ አብ ሜላ ብጸይ ናፖ ለዮን እምነት ኪሕድሩ መኽሮም ።

ዝኾነ ኾይኑ ፡ አብ ፍረ - ደረኞ ዝነበሮም ጽልእስ እና ነሃረ ደአ ኽደ ። ሓደ ሰንበት ንማሆ ፡ ናፖለዮን ናብቲ ሪኞ መጺኡ እቲ ሓርከም ናብ ፍረ - ደረኞ ኪሸመ አተና'ኳ ኽም ዘይነበሮ ገለጸሎም ። ምስ ከምኡ ዝአመሰለ ጕሒላ ምውዕዓል ፡ ንዕኡ ዓቢ ውርደት ኮይኑ ኽም ዚስምዖ ነገሮም ። እተን ጌና ናይ ዕልወት መልእኽቲ ኺዝርግሓ ዚለእኻ ዝነ በራ ረጋቢት ፡ ናብ ' መዓንደር ወኻርያ ' አቢለን ከየላግሳ ተኽልከላ ፡ እቲ ' ሞት ንደቅ - ሰብ ' ዚብል ናይ ቀደም ሞርሐእን ገዲፈን ድማ አብ ክንድኡ ' ሞት ንፍረ - ደረኞ ' ኪብላ ትእዛዝ ተዋህበን ። አብ ኣጋ መጠረሽታ ኽረምቲ ፡ ሕጂ'ውን ካልእ ናይ ውርጮ ውዲት ተበለለ ። ወዮ ዘራ እቲ ስርናይ ጸህያይ በቕሉዎ ተረኽበ ። ውርጮ ኽም ልማዱ ሓደ ለይቲ ሰሊኹ ብምእታው ፡ አብቲ ዘርኢ ስርናይ ፡ ዘርኢ ጸህያይ ከም ዝሓወሰሉ ኽእ ኪፍለጥ ተኻእለ ። ሓደ ደርሆማይ ፡ አብቲ ተንኩል በይኑ ኽም እተሓባበረ ገበኑ አብ ነፈኽ ተናሲሑ ፡ ብኡብኡ ፍረ ዓንዲል ውሒጡ ትን ፋሱ አሕለፈ ። ከምኡ'ውን ሕጂ ፡ ነቶም እንስሳታት — ከምቲ ኽሳዕ ኽው ንመብዛሕትኦም ዚመስሎም ዝነበረ ዘይኮነስ—

ውርጮ ፡ ‘ጅግና እንስሳ ቾዳማይ መዓርግ’ ዚበሃል ኒሻን ተሸሊሙ ኸም ዘይፈልጥ ሓድሽ ሓበሬታ ተነግሮም ። ‘እትስ ድሕሪ ውግእ ደምበ - ላም ብውርጮ እተነዝሐ ያታ ኸይ ኮነ አይተርፍን ። አንኳይዶ ኺሽለምስ ፡ አብቲ ውግእ ስለ ዝጃጀወ’ኳ ኸንደይ ተዋራዱ ፡ ’’ ተባህለ ። ሕጂ’ውን እቶም እንስሳታት እዚ ብዝሰምዎ ግር በሎም ፡ እንተኾነ ግዳ ነፈኸ ዝኸሮም ከም እተዘናበለ ብቕልጡፍ ኪእምናም ከአለ ።

ቀውዓ ፡ ድሕሪ ብዙሕ ሃለኽለኽ — ከመይሲ ፡ ልክዕ አብቲ እዋን’ቲ እኸሊ’ውን ምእታው ስለ ዝነበር — እታ ጠሓኒት - ንፋስ ተባዘመት ። መናድቓ እንተ ተወድአ’ውን ሞተረታት ጌና አይተገሞላን ፡ ዊምፐር ከኣ ኺዕድገላ አብ ምውጋይ ነበረ ። እቲ ዅሉ ጸገማት አጓኒፍዎም ክነሱ ፡ ጕድለት ተመክሮ ፡ ድሑር መሳርሒ ፡ ሕማቕ ዕድል ፡ ናይ ውርጮ ውዲት ከየተባናቐጸም ፡ እቲ ዕዮ አብታ ምድብቲ ዕለት ተሰላሰለ ! ደኺሞም ክነሶም ግን ብሓበን ፡ ነታ ድንቂ ዝኾነት ፍረ - ጻማእም ደጋጊሞም ዞርዋ ፡ ካብቲ ናይ ቀደም ስርሓታ አዝያ ዝጸበቕት ኮይና ኸአ ተራእየቶም ። አብ ልዕል’ዚ ፡ መናድቓ ካብቲ ናይ ቅድም ድርብ እዩ ዝነበረ ። ሕጅስ ተባራዒ እንተ ዘይኮይኑስ ካልእ ምንኽ ዜብሎ ነገር አይነበረን ! ክንድምንታይ ከም ዝጸዓሩን ፡ ከመይ ዝበለ ሕልና ዜዕርብ መኻልፍ ከም ዝሰገሩን ዘኪሮም ፡ ምስቲ ዳሕራይ መዓልቲ ጋንጽላታት ኪዘውር ፡ ዲናሞታት ኪሰርሕ ምስ ጀመረ አብ ናብራአም ዘምጽእሎም ዓቢ ፍልልይ አነጻጸርዎ — ነዚ ዅሉ ድሕሪ ምምዝዛን ፡ ድኻሞም ረሲያም ፍንጭራዕ እናበሉ ብዓወት ብምጭራሕ ነታ ጠሓኒት - ንፋስ ኩለልዋ ። ናፖለዮን ንገዛእ ርእሱ በቶም አኽላባቱን ኩኩናዩን ተዓጂቡ ፡ ነቲ እተሰላሰለ ዕዮ ኺዕዘብ መጸ ። ነቶም እንስሳታት ፡ ስለቲ ዝፈጸምዎ ሞያ ባዕሉ ብኣ ካል አመስገኖም ፡ እታ ጠሓኒት - ንፋስ ከአ ‘ናይ ናፖለዮን ጠሓኒት’ ተባሂላ ኸም እትስመ አፍለጠ ።

ድሕሪ ኸልተ መዓልቲ እቶም እንስሳታት ንፍሱይ ዋዕላ አብቲ ሪኾ ተጸውዑ ። ናፖለዮን ፡ ነቲ ጽፍጻፍ ሓር ከም ናብ ፍረ - ደረኾ ከም ዝሸመ ብዝነገሮም ከአ አስደሚ ሙዎም ፈዘዙ ። ካብ ንጽባሒቱ ጀሚሩ ናይ ፍረ - ደረኾ

ዓረብያታት እናተመላለሳ ጸጽዒነን ኬግዕዝእ ተመዲቡ ነበረ ። ለከስ እቲ ዅሉ እዋን ፡ ናፖለዮን ንኼምስል’ዩ ምስ ብኽ ንቱ ዕርክነት መስራቱ ኼብቅዕ ፡ ብሕቡእ ግን ምስ ፍረ - ደረኾ ዚወዓዓል ነይሩ ።

ዅሉ’ቲ ምስ መዓንደር - ወኻርያ ዝነበረ ርክብ ተኾረጸ ። ዘለፋ ዝሐዘ መልእኽትታት ናብ ብኽንቱ ተሰድደ ። እተን ረጋቢት ናብ ሕርሻ ግራት - ንጨበ አቢለን ተልከስ ከይብላ ፡ እቲ ‘ሞት ንፍረ - ደረኾ’ ዚብል ሞርሐአን ድማ ብ ‘ሞት ንብኽንቱ’ ዚብል ኪትክእአ ተነግረን ። ምስኡ አተሓሒዙ’ውን ናፖለዮን ፡እቲ አብ ልዕሊ ሕርሻ - እንስሳ ኺግበር ተሓሲቡ’ሎ እተባህለ ናይ ተንኮል መጥቃዕቲ ጠራሹ ሓቂ ኸም ዘይኮነ ፡ እቲ ፍረ - ደረኾ አብ ልዕሊ እንስሳታቱ ዘርእዮ ናይ ጭካነ ጽዋታት’ውን አዝዩ እተጋነነ ኸም ዝኾነ አረጋገጸሎም ። ዅሉ’ዚ ወረታት’ዚ ድማ ምና ልባት ብውርጮን ልኡኻቱን እተነዝሐ ኸይኮነ አይተርፍን ። አማስያኡስ እምበአር ፡ በቲ እተዋህበ ሓበሬታ መሰረት ፡ ውርጮ አብ ግራት - ንጨበ ዝተሓብአ አይመስልን ነበረ ። አረ ንዕምሩ ናብኡ ቕሪቡ’ኳ አይፈልጥን ። ንሱስ — ከምቲ ዚውረየሉ ምስ ብዙሕ ምኾት — ናይ ብኽንቱ ተጠዋሪ ኾይኑ እቲ ዅሉ ዝሓለፈ ዓመታት አብ መዓንደር - ወኻርያ እዩ ዚኾመጥ ነይሩ ።

እቶም ሓሰግታት በቲ ናይ ናፖለዮን ጕርሒ አዝዮም ተሓጉሱን ተሓበኑን ። ምስ ብኽንቱ ሓቀኛ ዕርክነት ዝመ ስረተ አምሲሉ ፡ ንፍረ - ደረኾ ነቲ ዋጋ ናብ ዓሰርተው ክልተ ጅን ኸብ ኬብሎ አገዲድዎ ። ‘’ ናፖለዮን ጸብለል ዝበለ ባህሪ ኸም ዘለዎ ዘመስከረ ፡ ’’ በለ ነፈኸ ፡ ‘’ንሓደ’ኳ ዘይምእማኑ’ዩ ፡ ንፍረ - ደረኾ እንተ ኾነ’ውን ። ፍረ ደረኾ ነቲ ዋጋ ዕን ጨይቲ ፡ ብሓደ ቐክ ዚበሃል ፡ ከም ዚኸፈለካ ዚመባጸዕ ጽሑፍ ዝሰፈሮ ሞራም ወረቐት መሳሊ ገይሩ እዩ ኪኸፍሎ ደልዩ ዝነበረ ። ናፖለዮን ግን አይተዓሸወሉን ። ቅድሚ ነቲ ዕን ጨይቲ ምግዛዙ ፡ ሐሙሽተ ጥውያት ሕታም-ጅን ዕርቡን ኪኸ ፍሎ ሓቲትዎ ’’ ። ዛጊት ፡ ፍረ - ደረኾ፡ዅሉ’ቲ ገንዘብ ከፊልዎ ነበረ ። እቲ እተኸፍለ ገንዘብ ከአ ንመዓደግ ሞቶረታት ናይታ ጠሓኒት - ንፋስ ቀጥ ኢሉ ዚአክል ነበረ ።

እዚ ኪኽውን ከሎ ፡ እቲ ሓርከም ብሀዱጽ እናተጸዕነ ይገዓዝ ነበረ ። ኮሉ ብዝገዓዘ ፡ እቶም እንስሳታት ነቲ ፍረ ደረቕ ዝኽፈሎ ሕታም ገንዘብ ንኪዕዘብዎ ካልእ ፍሉይ ዋዕላ አብቲ ሪቕ ተገብረ ። ናፖለዮን ከልቲኡ ንሻናቱ ተወ ሪው ፡ በቲ እተጐናጸፎ ዓወት እናኽመስመሰ አብቲ ሓሰር እተነጽፎ መድረኽ አራጢው ተገምሰሰ ። እቲ ሕታም ገን ዘብ ከአ አብ ሓደ ኻብቲ ኽሽነ - አዳራሽ ዝመጸ ኻይላ ሸሓኒ ተመዓራርዩ ተጸፍጺፉ አብ ጎኑ ነበረ ። እቶም እንስ ሳታት ተሰሪዖም ብዝግታ ብጥቓኡ ሓለፉ ፡ ነፍስ - ወከፎም ድማ ከሳዕ ዚጸግቡሉ ተመልከትዎ ። መጋል ነቲ ሕታም ገንዘብ ኬሸትዎ አፍንጫኡ ናብኡ አጸግዐ ፡ እቲ ረቂቕ ጸዕዳ ነገር ከአ በቲ ትንፋሱ እናንፈልፈለ ሓሸሽ ሓሸሽ በለ ።

አብ ሳልስቱ ዚሸብር ያዕያዕታ ተፈጥረ ። ዊምፐር ትርኢቱ መልኣከ - ሞት ዝረአየ ኺመስል ተዳሂሉ ፡ አብ ብሽግለታኡ ተወጢሑ በቲ ጸቢብ መገዲ እናነሃረ መጸ ፡ ነታ መጕዓዚቱ አብቲ መረባ ደርብዩ ድማ ናብቲ አዳራሽ አተወ ። ሽዑንሽዑ ፡ ካብቲ ናፖለዮን ዚነብረሉ ኽፍልታት ናይ ሕርቃን ገዓር ተሰምዐ ። ወረ ናይቲ ዝኾነ ነገር ብኾጽበት አብ መላእ እታ ሕርሻ ኽም ባርዕ ተዘርግሐ ። ወዮ ሕታም - ገንዘብሲ ናይ ሓሶት ኮይኑ ደአ ተረኽበ ! ፍረ ደረቕ ሓየት ፡ ነቲ ሓርከም ሳንቲም ከይከፈለ ብኽምኡ'ዩ ወሲድዎ !

ናፖለዮን ብኾልጡፍ ነቶም እንስሳታት ጸዊዑ አከቦም ፡ ብዜፍርሀ ድምጹ ኽአ አብ ልዕሊ ፍረ - ደረቕ ናይ ሞት ፍርዲ በየነ ። ፍረ - ደረቕ ምስ ተታሕዘ ብሀይወቱ ኺጥጠቕ አሎዎ ፡ በሉም ። ከምኡ'ውን ፡ ድሕር'ዚ ኽድዓት'ዚ ዝበ አሰ ነገር ምኽታሉ ኽም ዘይተርፍ ፡ ፍረ - ደረቕን ሸታ ሎኡን ነቲ ኻብ ነዊሕ እዋን ትጽቢት እተገብረሉ መጥ ቃዕቶም አብ ዝኾነ ሀሞት ኪፍጽምዎ ኽም ዚኽእሉ አጠ ንቀቕም ። ናብታ ሕርሻ ዚእቱ ዘበለ ኹሉ ፍቕያ ተገብረሉ ። ብተወሳኺ ፡ ምስ ብኽንቱ ኽም ብሓድሽ ጽቡቕ ዝምድና እንተ ተመስረተ ተባሂሉ ፡ ናይ ዕርቀ - ሰላም መልእኽቲ ዚብ ጽሓ አርባዕተ ረጋቢት ናብ መዓንደር ወኻርያ ተላእካ ።

ልክዕ ንጽባሒቱ እቲ ወረራ ተጀመረ ። አብቲ እዋን'ቲ ፡ እቶም እንስሳታት እናቑረሱ ኽለዉ ፡ እቶም ፋቕይቲ እናተ ዘባዘቡ መጺኦም ፡ ፍረ - ደረቕን ሰዓብቱን ነቲ ሓሙሽተ ዝመሽጉሪኡ በሪ ጥሒሶም ከም ዝአተዉ ነገርዎም ። እቶም እንስሳታት ብዘለዎም ትብዓት ኪገጥምዎም ተበገሱ ፡ እን ተኾነ ግን ሕጅስ ፡ ከምቲ ናይ ቅድሚ ሎሚ አብ ውግእ ደምበ - ላም እተጐናጸፍዎ ቐሲል ዓወት እየጓነፍምን ። ዓሰ ርተው ሓሙሽተ ሰብኣይ ፡ ካባታቶም አስታት ሽዱሽተ ጠበ ናጂ ዝዓጠቑ ነበሩ ። ሓምሳ ሜትር ዚኽውን ብዝተጸግው ዎም ድማ ተቐላጢፎም ተኹሲ ኽፈቱ ። እቶም እንስሳታት ነቲ ዚሸብር ተኹስታትን ዚዋጋእ ዓረራትን ኪጽመምዎ አይከአሉን ። ኽሕ'ኳ ናፖለዮንን መጋልን ብጥርኑፍ አገባብ ኪመርሕዎም እንተ ሃቑኑ ፡ ነዊሕ ከይጸንሑ ንድሕሪት ተደ ፍኡ ። ዛጊት ካባታቶም ብዙሓት ቁሲሎም ነበሩ ። ናብቲ ገሊውቲ ሕርሻ አትዮም ተዓኹቡ ፡ አብኡ ኾይኖም ከአ ቀስ ኢሎም በቲ ነኽዓትን ጩራታትን ተመልከቱ ። እቲ ሰፊሕ መገሃጫ ብመላኡ ምስናይ'ታ ጠሓኒት - ንፋስ አብ ኢድ ጸላኢ ወዲቑ ነበረ ። አብቲ ሀሞት'ቲ ፡ ናፖለዮን ከይ ተረፈ ተስፋ ዝቈረጸ ደአ መሰለ ። ሞራኡ ተወጥዊጣ እና ተቐጸጸየት ላዕልን ታሕትን ይስጉም ነበረ ። ብሃንቀውታ ናብ መዓንደር - ወኻርያ አቢሉ አማዕደመ ። ብኽንቱን ሸቃሎ ኡን እንተ ዚረድኡዎምሲ ምናልባት ካብ ስዕረት ምደሓኑ ። እንተኾነ ግዳ ልክዕ አብቲ እዋን'ቲ ፡ እተን ብድሮ እተላ እካ ረጋቢት ተመልሳ ። ካባታተን ሓንቲ ፡ ብኽንቱ ዝሰደዶ ሞራም ወረቐት ጸይራ መጸት ። አብቲ ወረቐት ፡ ከምዚ ዚብል ብርሳስ እተጫሕገረ ጽሕፈት ነበረ ። "ሕራይ ደአ ኾንካ !"

ከምዚ ኢሉ ኽሎ ፡ ፍረደረቕን ሰዓብቱን አብ ዙርያ'ታ ጠሓኒት - ንፋስ ከቢቦም ደው በሉ ። እቶም እንስሳታት ነዚ ብዝረአዩ ተሻቒሎም አብ ሓድሕዶም አጉረምረሙ ። ክልተ ኻብቶም ሰባት መልቀን ሞደሻን አምጽኡ ። ነታ ጠሓኒት - ንፋስ ኪፍርስዋ'ዮም ዚዳለዉ ነይሮም ።

" አዪዪ ! ዘይከውን ! " ኢሉ ጨርሐ ናፖለዮን ፡ " እቲ መንደቕ እንተ ኾነ ፡ ነዚ ኢልና ድርብ ጌርና ኢና ነዲቕ ናዮ ። ድሕሪ ሰሙን'ኳ አየፍርስዎን ። አጀኹም ብጾት ! "

ጳዕዱ ግን ዙሱ'ቲ እቶም ሰባት ዚገብርዎ ዝነበሩ ውራ የይ ኢሉ ይዕዘብ ነበረ ። እቶም መልቀን ሞደሻን ዝሓዙ ኽልተ ሰባት አብቲ መስረት ጠሓኒት - ንፋስ ሓደ ነኺል ይፍሕሩ ነበሩ ። ጳዕዱ ኽአ ሀድእ ኢሉ ብምግራም እቲ ወጥዋጥ ምንጭራኡ ነቕነቐ ።

" እነ'ውን ክምኡ'የ ገሚቱ ፡ " በለ ፡ " እንታይ ይገ ብሩ ኽም ዘለዉ አይተረድአኩምን ? ቀጺሎም አብቲ ነኺል ፡ ዚብንጭር ባሩድ ኪውትፍሉ'የም ። "

እቶም እንስሳታት ብራዕዲ ተጸበዩ ። ሕጂ ኻብቲ እተ ዓጭቡሉ ገዛውቲ ደፈርካ ምውጻእ ፈጺሙ ዘይክኣል ነበረ ። ድሕሪ ቕሩብ ደቓይቕ እቶም ሰባት ነናብ በይኑ መዳያ እናጐየዩ ኺበታተኑ ተራእዩ ። ብድሕር'ዚ እዝኒ ዘጽምም ድምጺ ነጕደ ። እተን ረጋቢት ሕምብሊል እናበላ ንላዕለ ዓረጋ ፡ ዙሉም እቶም እንስሳታት ከኣ ፡ ብዘይካ ናፖለዮን ፡ ገጾም ከዲኖም ብምውርዋር ብኽብዶም አብቲ ባይታ ተራ ዕርዑ ። ተመሊሶም ብዝተንስኡ ፡ አብቲ እታ ጠሓኒት-ንፋስ ዝነበረትሉ ፡ ዓቢ ደበና ዚመስል ጸሊም ትኪ ተንጠልጠሉ ረአዩ ። በብቕሩብ እቲ ፍሽፍሽታ ቕንጠጡ አልገሶ ። ወደ ጠሓ ኒት - ንፋስ ክም ዘይነበረት ኮይና ጸንሓቶም ።

ነዚ ብዝረአዩ እቶም እንስሳታት ትብዓቶም ተመልሰ ። በዚ እኩይን ገስረጥን ተግባር እተሳዕለ ሕርቕርቕት ፡ እቲ ቕድሚ ቕሩብ ሀሞት ዚስምዖም ዝነበረ ፍርሀን ተስፋ ምቕ ራጽን በነነሎም ። ሕነአም ንምፍዳይ ዓው ኢሎም ጨርሑ ። ትእዛዝ ክሳዕ ዚወሃቦም ከይተጸበዩ ኽአ ብሓባር ብምህን ዳድ ነቲ ጸላኢ ጠኒኖም እተጠዉ ። አብዚ ግዜ'ዚ ፡ እቲ አብ ልዕሊአም ኽም በረድ ዚዘንብ ዝነበረ ዘይምሕር ዓረ ራት አይዓጀቦምን ። ክፉእን ጭካነ ዝመልእ ግጥም'ዩ ዝነ በረ ። እቶም ሰባት ደጊሞም ደጋጊሞም ተኩሱ ። እቶም እንስሳታት አዐርዮም ብዝተጸግዑዎም ከኣ ፡ በባትርን በቲ ረዚን ጫማታቶምን ዘበጥዎም ። ሓንቲ ላሕምን ሰለስተ አባጊዕን ክልተ ደራሁን ተቕትላ ፡ ዳርጋ መብዛሕትኦም ድማ ተወጊኦም ነበሩ ። ናፖለዮን'ኳ ፡ ብድሕሪት ኮይኑ ነቲ ሚላ ታት ውግእ ዚመርሕ ዝነበረ ፡ ጫፍ ጭራኡ ብዓረር ተጨ ርመት ። እቶም ሰባት እንተ ኾነ'ውን ከይተሃስዩስ አየምለ ጡን ። ሰለስተ ኻባታቶም ፡ ካብ ሸኾና መጋል ብዝወረዶም

ርግሒት ርእሶም ተሰብሩ ። ሓደ ኻልእ ድማ ፡ ከብዱ ብቐ ርኒ ላም ተወግአ ። ሓደ ኻልእ'ውን ፡ ሓጕሳን ለገሳን ዳርጋ ጥራሑ ኽሳዕ ዚወጽእ ሰረኡ ተራብዓሉ ። እቶም ንናፖለ ዮን ዚሕልዉ ትሽዓተ አኽላባቱ ፡ ብድሕሪ ሓጹር እናተ ኽወለ ኼኳልምዎም አዚዝዎም ነበረ'ሞ ፡ ብጕኖም ሀሩግ ኢሎም ብንድሪ ብዝሓነኑሎም አዝዮም ጀጀዉ ። ኪኽበቡ ኽም ዝቐረቡ ኽአ አስተብሃሉ ። ፍረደረኞ መግዲ ኽይ ተዓጽወ ኽሎ ኼምልጡ አድሃየሎም ። ብኡንብኡ ኽአ ፡ እቶም ጀራጅት ጸላእቲ ነታ አዝዮም ዚፈትዉዋ ሩሖም ኪድ ሕኑ አብ ሀድማ ነበሩ ። እቶም እንስሳታት ክሳዕ'ቲ ጕል ጎል ሰዓብዎም ፡ በቲ አሻሹ ሓጹር ጥሒሶም ቅድሚ ምው ጻአም ድማ መምለስ እግሪ ሓደት ርግሒት አስነኞዎም ።

ኽሕ'ኳ እንተ ሰዓሩ ፡ ደኺሞምን ደምዮምን ነበሩ ። ብሰ ለይታ እናንደልፈጹ ናብቲ ሕርሻ ኺምለሱ ጀመሩ ። ገለ ገለ ኻባታቶም ፡ ነቶም አብቲ ሳዕሪ እተሰዋሑ ዝሞቱ ብጾ ቶም ብዝረአዩ ንብዓት ሰዓርም ። ንቕሩብ እዋን ከኣ ፡ ብጓሂ ገለ ኽየውስኡ ፡ አብቲ ሓደ እዋን እታ ጠሓኒት ንፋስ እተመስረተትሉ ቦታ ደው በሉ ። እወ ፡ ዘየላ ጸንሓ ቶም ፡ እታ ብዙሕ ዝጸንሩላ አስር ዘይብላ ተደምሲሳ ጸን ሓቶም ። እቲ መስረታ ኽይተረፈ ብሓደ ሸነኹስ ዓንዩ ረኽብዎ ። እቲ ዝፈራረሰ አእማን ከኣ ክም ብሓድሽ ንመ ንደኞ ኪዘውትርዎ ዚኽእሉ አይነበረን ። ሕጅስ ፡ እቲ አእ ማን'ውን አበይ ክም ዘበለ አይጸንሓምን ። በቲ ሓይሊ ነታጉ ብእማኢት እመታት ርሒቑ ተበታቲኑ ነበረ ። ጠሓኒት ንፋስ እትበሃል ዝነበረትሉ'ኳ አይመስልን ።

አብቲ ሕርሻ ብዝበጽሑ ፡ ነፈኽ ብዘይተፈልጠ ምኽ ንያት ካብቲ ውግእ ተሰዊሩ ድሕሪ ምጽናሕ ፡ ገጹ ብደ ስታ በሪዑ ፡ ጭራኡ እናንሰልሰለን እናተሰራሰረን ናባታቶም አቢሉ መጸ ። እቶም እንስሳታት ከኣ ካብቲ ሸነኽ ገዛውቲ ሕርሻ ናይ ጽምብል ዚጥዕም ተኹሲ ጠበንጃ ሰምዑ ።

" እዚ ዚትኩስ ዘሎ ጠበንጃ ናይ'ንታይ'ዩ ? " በለ መጋል ።

" ብስራት ዓወትና'ዩ ፡ " ጨርሐ ነፈኽ ።

" እንታይ ዓወቱ ? ! " በለ መጋል ። አብራኹ ይደሚ

ነበረ ። ሐደ ጫማኡ መሊቹ ጠፊእዎ ሸኾናኡ ኸእ ተጨ ንዲሑ ነበረ ። ሐደ ደርዘን ዚኸውን ዓረራት አብቲ ዳሕ ራይ መሓውሩ ተጀኾጂቹ ተሪፉ ነበረ ።

" እንታይ ዓወቱ ኸእ ትብል አንታ ብጻይ ! ንጸላእ ትና ፡ ካብ መሬትና ፡ ካብዛ ቾድስቲ መሬት ሕርሻ - እንስ ሳዶ አይሰጕጕናዮምን ኢና ! ? "

" እታ ጠሓኒት - ንፋስና ግን አዕንዮማ'ዮም ፡ ንዓእ ኸንሰርሕ ከእ ክልተ ዓመት መመላእታ ሰፊዕና ኢና ! "

" እሂ'ሞ ፡ እንታይ ዚጨንቕ አሎ ? ካልእ ጠሓኒት - ንፋስ ንሰርሕ ። ዚድሊ መሲሉ እንተ ደእ ተራእዩና ፡ ኸዱኸተ ጠሓንቲ - ንፋስ'ውን ክንሃንጽ ኢና ። እቲ ዝፈጸምናዮ ዓቢ ተግባር ባህ አይበለካን ይመስለኒ ብጻይ ። ጸላኢ ፡ ነዛ ሕጂ ደው ኢልናላ ዘሎና ባይታ ሒዝዋ'ኳ ነይሩ'ዩ ። ሕጂ ግን — ዕድመ ንመራሕነት ብጻይ ናፖለዮን — ስድሪ ኸይተረፈት መንዚዕና መሊስናያ ! "

" እሞ እቲ ቐደም አብ ኢድና ዝነበረ እንድኣልና መሊስናዮ ፡ " በለ መጋል ።

" በል ፡ ዓወትናስ'ምበእር ንሱ'ዩ ፡ " በለ ነፈኸ ።

እቶም እንስሳታት እናንደልፈዱ ናብቲ መረባ አተዉ ። እቲ አብ ቁርበት እግሩ ሰናጢቹ ዝአተወ ዓረራት ንመ ጋል ሸቐሺቹ አቐንዘዎ ። ነታ ጠሓኒት - ንፋስ ካብ መሰረታ ንምንዳኽ ከቢድ ጸዕሪ ይጽበየም ከም ዝነበረ ተራእዩ ። ዛጊት'ውን ፡ ነቲ ዕማም'ቲ ኼቕበሉ ወዲእዎ ነበረ ። ግናኸ ፡ ዕድሚኡ ዓሰርተው ሓደ ዓመት ከም ዘእከለ ፡ ጭዋዳ ታቱ'ውን ምናልባት ከም ቀደሙ ብርቱዕ ጕልበት ኪህልዎ ኸም ዘይክእል ንፈለማ እዋን ተፈለጠ ።

እንተኾነ ግዳ እቶም እንስሳታት ፡ እታ ሓምላይ ባን ዴራ ኸተንበልብል ብዝረአዩ ፡ ሂምታ ጠበንጀ ኸእ ብዝ ሰምዑ — ብድምር ሸውዓተ ሳዕ'ያ ተተኩላ — ናፖለዮን ድማ በቲ ዘርኣይዎ ስነ - ስርዓት ንኢዱ የሃና ብዝበሎም ፡ ዓቢ ዓወት እተጕናጸፉ ኾይኑ ተሰምያም ። እቶም አብቲ ዓውደ ውግእ ዝወደቹ እንስሳታት ብዓቢ ዓጀብ ተቕብሩ ። መጋ ልን ራህዋን ፡ ነታ ኸም መጕዓዝ ሳንዱኽ - ሬሳ ዘገልገለት

ዓረብያ ጓተትዋ ፡ ናፖለዮን ከእ ነቲ ዚዕጅብ ዝነበረ ቕባ ራይ ባዕሉ መርሐ ። በዓል ንኸልተ መዓልቲ ምሉእ ኪበ ዓል ተመደበ ። መዛሙራት ፡ መደረታት ፡ ተወሳኺ ተዅስ ታት ጠበንጀ ነበረ ። ንነፍስ - ወከፍ እንስሳ ሓሓንቲ ቱፋሕ ፡ ነተን አዕዋፍ ከክልተ ስልፆ ስርናይ ፡ ነቶም አኸላባት ከእ ሰሰለስተ ቢስኮቲ ኸም ፍሉይ ህያብ ተመጠዎም ። እቲ ውግእ ፡ ውግእ ጠሓኒት - ንፋስ ተባሂሉ ኼስመ ተኣወጀ ። ናፖለዮን ድማ ' ናይ ሓምላይ ባንደራ መዓርግ ' ዚበሃል ንሻን አጽዲቹ ንገዛእ ርእሱ ሸለመ ። አብ መንነ'ዚ ዅሉ ፈንጠዝያ ፡ ወዮ'ቲ ዘየቕስን ጕዳይ ናይቲ ሕታም - ገንዘብ ብኡ አቢሉ ተረስዐ ።

እዚ ነገራት'ዚ ምስ ኮነ ሒደት መዓልትታት ጽንሕ ኢሎም ከእ'የም ፡ እቶም ሓሰግታት ፡ አብቲ ትሕቲ ምድሪ ቤት ናይቲ አዳራሽ ዚርከብ ክፍልታት ሓደ ጠራሙስ ዊስኪ ዝመልአ ሳጹን ዝረኸቡ ። ፈለማ አብቲ ገዛ ዝአተዉሉ እዋን ሓደ'ኳ ዘስተብሃለሉ አይነበረን ። ሸዓእ ምሸት ፡ ካብቲ አዳ ራሽ ድሙቕ መዝሙር ተሰምዐ ። ካብ ኑሉ ዘገረመ ፡ አብ መንነ ሓልሓሊፉ ፡ ንሓውሲ ' እንስሳታት ዓዲንግሊዝ ' ዚጥ ዕም ዜማ እተደባለቐ ነበረ ። ሰዓት ተሽዓተን ፈረቓን አቢሉ ምስ ኮነ ናፖለዮን ብቐንዱ ፡ ሓንቲ ናይ አይተ ሃንስ ዝነበረት አረጊት ከባብ ባርኔጣ ወድዩ ፡ በቲ ድሕሪ ገዛ ዚርከብ ማዕጾ ተቐልቀለ ። አብቲ ዙርያ መረባ ሓንሳእ ብናህሪ ድሕሪ ምግላብ ከእ ተመሊሱ ናብ ውሽጢ ገዛ ኼድ ርገም ተራእየ ። ንጽባሒቱ ግን ፡ አብቲ አዳራሽ ፍጹም ጸጥታ ሰፈነ ። ተወር ዚብል ሓሰግ አይተራእየን ። አጋ ሰዓት ተሽዓተን ፈረቓን ናይ ንግሆ ምስ ኮነ ድግ'ዩ ፡ ነፈኸ ሰለይ እናበለ ፡ ታዚኑ ፡ አዒንቱ ፈዚዘን ጭራኡ ንድሕሪት ተንጠልጢላ ወዲቑ ፡ አዐርዩ እተጸልኡ ኼመስል እተቕል ቀለ ። ነቶም እንስሳታት ጸዊው ብምእካብ ፡ ሓደ አዝዩ ዜሰ ንብድ ዜና ኼካፍሎም ከም ዝመጸ ኸእ ነገሮም ። ብጻይ ናፖለዮን ተወጺው ይስሓግ ነይሩ !

ብርቱዕ ዋይዋይታ ኾነ ። አብቲ ልዳት አዳራሽ ሓሰር ተነስነሰ ፡ እቶም እንስሳታት ከእ ደፋእ ኢሎም ብጫፍ እግሮም እናሰጕሙ አተዉ ። አዒንቶም ቅጽርጽር እናበለ ፡ መራሒኦም ምናልባት ካባታቶም ብሞት እንተ ተፈለዮም

እንታይ ኪገብሩ ኸም ዚግብእም አብ ሓድሕዶም ተሓታ
ተቱ ። ውርጮ ብዝገበረ ገይሩ አብ ምግቢ ናፖለዮን መርዚ
ኸም ዘእተወሉ ኸኣ ትሒምታ ተነዝሐ ። ሰዓት ዓሰርተው
ሓደ ምስ ኮነ ፡ ነፈኸ ተቐልቂሉ ፡ እዚ ዚስዕብ ካልእ መግ
ለጺ ሃበ ። " ከም መጠረሽታ ለበዋኡ ፡ ብጻይ ናፖለዮን
ሓደ ጽኑዕ ድንጋገ ኣውጺኡሎ ፡ ድሕሪ ደጊም ኣልኮል
ምስታይ ብሞት ዚቕጽዕ'ዩ ። "

ንምሽቱ ግዳ ናፖለዮን ቕሩብ ዝሓሾ መሲሉ ተራ
እየ ፡ ንጽባሒቱ ንግሆ ድማ ምስእ ጥዕና ኺረክብ ከም
እተቓረበ ነፈኸ ኼበስሮም ከኣለ ። ሽው መዓልቲ ኣጋ
ምሸት ናፖለዮን ናብ ስራሑ ተመልሰ ። ንጽባሒቱ ኸኣ
ንዊምፐር ብዛዕባ ምጥጃእን ምስራብ ዊስክን ዚስተምህር
መጻሕፍቲ ኻብ ከተማ ዊልንድን ኪዕድግ መምርሒ ኸም
ዝሃቦ ተፈልጠ ። አብ ሰሙኑ ናፖለዮን ፡ እቲ ነቶም ዓዲ
ውዒል ዝኾኑ እንስሳታት ሳዕሪ ኺምእርሱ እተመደበ ፡
ክንዮ'ቲ ስፍራ ኣታኽልቲ ዚርከብ ንእሽቶ ሕዛእቲ ኺጽ
ጋእ ኣዘዘ ። እቲ ሕዛእቲ ሳዕሩ ስለ እተወድአ ፡ ከም ብሓ
ድሽ ኺዝራእ ኣድልዩ ዚብል መግለጺ ተዋህበ ። ደሓር ግን
ብኡንብኡ ፡ ናፖለዮን ስገም ኪዘርኣሉ ኸም ዝሓሰበ ተፈ
ልጠ ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣቢሉ ፡ ሓደ'ኳ ኼርድኦ ዘይከኣለ
ዜገርም ነገር ተረኽበ ። ሓደ ምሸት ፡ ፍርቅ - ለይቲ ኣቢሉ
ይኸውን ፡ ኣብቲ ውሽጢ መረባ ሓጨል ጨል ዚብል ብር
ቱዕ ድምጺ ተሰምዐ ፡ እቶም እንስሳታት ከኣ ተሃንዲዶም
ከኻብ ደምበኦም ወጹ ። ሽው ፡ ወርሒ እተብርሃሉ ለይቲ'ዩ
ዝነበረ ። ኣብቲ ወሰን ሪኾ ፡ ኣብ ትሕት'ተን ሽውዓተ ትኣ
ዛዛት እተጸሕፉሉ ፡ ሓንቲ ኣብ ክልተ እተሰብረት መሳልል
ወዲቓ ጸንሐት ። ኣብ ጕንኣ ነፈኸ ንግዚኡ ደንዚዙ ተሰ
ጢሑ ነበረ ። ኣብ ጥቓኡ ድማ ፡ ሓንቲ ፋኑስን መልከ
ዪን ፡ ሓንቲ እተደንከሰት ታኺካ ጸዕዳ ቦያን ተዛሕዚሐን
ነበራ ። እቶም ኣኽላባት ንነፈኸ ብቕጽበት ዙርያኡ ኸቢ
ቦም ጋረድዎ ፡ ሃለዋቱ ኺፈልጥ ብዝጀመረ ኸኣ ዓጂቦምዎ
ናብቲ ኣዳራሽ ኣተዉ ። እዚ ነገር'ዚ ፡ ብዘይካ ጸዕዱ ፡ ሓደ'ኳ
እንታይ ከም ዝኾነ ዘስተውዓለሉ ኣይነበረን ። ንሱ ፡ ኩሉ'ቲ

ነገር ከም እተረድኦ ኺመስል ነቲ ወጥዋጥ ምንጭራኡ ነኾነቐ ፡
ገለ ቓል ግን ኣየምለቐን ።

ሒደት መዓልትታት ጸኒሑ ግዳ ፡ ፈገስ ነቲን ሽውዓተ
ትእዛዛት ኣብ በይና ኾይና እንበበቶን'ሞ ፡ ሓንቲ ኻብኣ
ተን እቶም እንስሳታት ብስርዓት ዘይዝክርዎ ኸም ዝነበረት
ኣስተብሃለት ። እታ ሓምሽይቲ ትእዛዝ ፡ ' ዝኾነ እንስሳ
መስተ ኣይስተ ፡ ' ጥራይ እትብል'ዩ ዚመስሎም ነይሩ ።
ለከስ ዝረስዑወን ተወሳኺ ሰለስተ ቓላት'ውን ነይሩዋ እዩ ።
እታ ትእዛዝሲ ከምዚ ዚስዕብ'ያ እትብል ነይራ ። " ዝኾነ
እንስሳ መስተ ኣይስተ ፡ ብሕልፍ'ኳ ብዘይ ዓቕን ። "

፱

መጋል እታ እተጨንድሐት ሸኾናኡ ኸሳዕ እትሓዊ ሓያሉ እዋን ወሰደትሉ ። እታ ጠሓኒት - ንፋስ ፡ ጽባሕ'ቲ በዓል ዓወት ዳግም ኪነድቅዋ ጀመሩ ። መጋል ሓንቲ መዓ ልት'ኳ ትኹን ኪዕርፍ አይፈተወን ፡ ታንዛ ኸም ዝነበሮ ኸይፍለጥ'ውን ብርቱዕ ሓቦ ገበረ ። ሸኾናኡ ብዙሕ ተቐን ዝዎ ኸም ዝነበረት ንራህዋ ምሸት ምሸት አብ ብሕትታ ይእ መነላ ነበረ ። ራህዋ አቕጽልቲ ሓዲኻ ዘዳለወቶ ፈውሲ አብ ሸኾናኡ እናጠፍጠፈት ሓከመትሉ ። ንሳን ጸዕዱን ከአ ብዙሕ ከይዓዩ ጉስጉስዎ ። " ሳምቡእ ፈረስ ከምኡ ኢሉ ንሓዋሩ ዚነብር አይኮነን ፡ " በሉቶ ። መጋል ግን ዚሰ ምዕ አይነበረን ። ዘረባኡን ሕልሙን ሓንቲ ነገር ጥራይ እያ ነይራ — አራጉ ፡ ዓዲ ኾድሚ ምውዓሉ ፡ እታ ጠሓኒት ንፋስ ተወዲእስ ዕዮአ ብስርዓት ጀሚራ ምርእይ ።

ፈለማ ፡ ሕግታት ሕርሻ - እንስሳ ኺድኩን ከሎ ፡ እቲ ዓዲ ዚውዕሉሉ ዕድመ ፡ ነፍራስን ሓሰማታትን ዓሰርተው ክልተ ዓመት ፡ ንላሕምታት ዓሰርተው አርባዕተ ፡ ነኸላባት ትሽዓተ ፡ ነባጊዕ ሸውዓተ ፡ ንደራሁን ታኪናትን ሓሙሽተ ዓመት ኪኸውን'ዩ እተመደበ ። እኹል ጡሮታ ኪወሃብ'ውን ተሰማሚያም ነበሩ ። ክሳዕ ሕጂ ግዳ ዓዲ ውዒል ኮይኑ እተጠወረ ሓደ'ኳ አይነበረን ። አብዚ ቐረባ እዋን ግን ፡ ብዛዕባ'ዚ ጕዳይ'ዚ ተደጋጊሙ ተዘትይሉ እዩ ። እቲ ኸንዮ ስፍራ አታኽልቲ ዚርከብ ንእሽቶ ግራት ደጊም ስገም ይዘ ራእ ስለ እተባህለ ፡ ካብቲ ሰፈሕ መገሃጫ ሓደ ሸንኽ ተሓ ዚእ ፡ ነቶም ዕድመ ዝደፍኡ እንስሳታት ዚምእርሱሉ ቦታ ኪኸውን'ዩ ዚብል ጽንጽንታ ነበረ ። ንሓደ ፈረስ ፡ አብ መዓልቲ ኸልተ ኺሎ ዕፉን ፡ ብእዋን ሓጋይ ሸሞንተ ኺሎ ድርቂ ፡ ብግዚ በዓላት ሓንቲ ኻሮት ፡ እንተጸበቐ ድማ ሓንቲ ቱፋሕ ከም ጡሮታ መጠን ኪዕደሎ'ዩ ይበሃል ነበረ ። መጋል መበል ዓሰርተው ክልተ ዓመት ልደቱ ዚብዕለላ ንዓመታኡ አብ መጠረሽታ ኸረምቲ ነበረ ።

አብቲ እዋን'ቲ ናብራ ጽንኩር'ዩ ዝነበረ ። ሓጋይ ከምታ ዝሓለፈት ዓመት አዝዩ ቈራረ ፡ ምግቢ እንተኾነ'ውን

ካብ ሽዑ ዝመሓደ እዩ ዝነበረ ። ሕጂ'ውን ከም ብሓድሽ እቲ መቕሳናት ፡ ብዘይካ ናይቶም ሓሰማታትን አኸላባትን ፡ ኵሉ ኸም ዚንከ ተገብረ ። " አብ ምምኽራሕ መቕሳን ፡ ዘይተእደነ ማዕርነት ፡ ጸረ መትከል እንስሳነት እዩ ፡ " ኪብል ነፈኸ ገለጸሎም ። ዝኾነ ኾይኑ ፡ ዋላ'ውን ከምኡ መሲሉ እንተ ተራእየ ፡ ሓቂ ብሓቂ ዋሕዲ ምግቢ ኸም ዘይነበረ ኼረድኦምሲ ብዙሕ አይጸገሞን ። " ርግጽ'ዩ፡ ንግዚኡ መቕሳን ምድልዳል አድላዩ እዩ ፡ ግን ፡ ምስቲ ብዘበነ - ሃንስ ዝነበረ ኺመጣጠን ከሎ ሰማይን ምድርን'ዩ ፡ " በሎም (ነፈኸ ዃሉ ግዜ " ምድልዳል " ደአ'ምበር " ምጕዳል " ዚብል ቃል አይወጽን ነበረ) ። ነቲ አሃዛት ብዚው ጭጭ ደሃይ ብፍጥነት እናንበበ ፡ ካብቲ ብዘበን ሃንስ ዝነበረ ዝያዳ ሰዓዕ ፡ ዝያዳ ድርቂ ፡ ዝያዳ ቐይሕ- ሱር ከም ዚዕ ደሎም ፡ ዝመሓደ ሰዓታት ከም ዚዓዩ ፡ ዝሰትይዎ ማይ ዝጸ ረየን ዝመቀረን ከም ዝኾነ ፡ ዝነውሐ ዕድመ ኸም ዚነብሩ ፡ ካብቶም ውሉዳቶም መብዛሕትኦም ዕሽልነቶም ጸጊቦም ከም ዚዓብዩ ፡ አብ ደምበኦም ዝያዳ ሓሰር ከም ዚንጸፈሎም ፡ ቕንጪ'ውን ብዙሕ ከም ዘይበልዖም ብምዝርዛር አረጋገጸ ሎም ። እቶም እንስሳታት ኵሉ'ቲ ዝጸብጸበሎም አመንዎ ። ሓቂ ንምዝራብ ፡ ሃንስን ተግባራቱን ዘበለ ዃሉ ኻብ ኣእ ምሮኦም ዳርጋ ሃሲሱ ነበረ ። አብዚ ግዚያት'ዚ ፡ ናብራ ጸገም ዝመልኦን ትርጉም - አልቦን ከም ዝኾነ ፡ መብዛሕትኡ እዋን ይጠምዮን ይቑሩን ከም ዝነበሩ ፡ ብዘይካ ለይቲ ድማ ዕረፍቲ ዚበሃል ከም ዘይፈልጡ ይርድኦም ነይሩ'ዩ ። ከምዚ ኸነሱ ግን ፡ ቀደም ካብዚ ይገድድ ከም ዝነበረ አይሰሓ ትዎን ። ከምኡ እናበሉ ምስ ዚሓስቡ'ዮም ዚሕጉሱ ዝነ በሩ ። አብ ልዕል'ዚ ፡ ቅድም ጊልያታት'ዮም ነይሮም፡ ሕጂ ግን ሓራ ወጺኦም ። ከምቲ ነፈኸ ኸይተሓለለ ዚዘኻኸሮም ዝነበረ ኸአ ፡ እዚ'ዩ እቲ ዝዓበየ ነገር ።

ብዙሓት በላዕተኛታት'ዮም ዝነበሩ አብዚ እዋን'ዚ ። አብ ጽድያ ፡ አርባዕተ ሓሰማታት ብሓንሳእ ፡ ሰላሳን ሓደን ዕሽላት ሓሰማ ተገላገላ ። እቶም ነአሽቱ ሓሰማታት ዕሮ ርዋይ ዝሕብሮም ነበሩ ። አብቲ ሕርሻ ብዘይካ ናፖለዮን ካልእ አርሓ ስለ ዘይነበረ ኸአ ውላድ መን ምኻኖም ንም ግማት ብዙሕ አየጸገመን ። ጽንሕ ኢሉ ፡ ሕጡብን ሉሕን

ብዝተዓደገ ፡ አብቲ አጸድ አዳራሽ ፡ ቤት-ትምህርቲ ኽም ዚህንጽ ተነግረ ። ክሳዕ ሽው ግን ፡ እቶም ነአሽቱ ሓሰማታት ፡ ናፖለዮን ባዕሉ እናሓገዞም ምህሮእም አብቲ ኽሽነ አዳራሽ ይከታተሉ ነበሩ ። አብቲ አጸድ ኮይኖም ምውስዋስ አካላት ይገብሩ ፡ ምስ ካልኦት ንአሽቱ ሓሰማታት ካብ ምጽዋት ኪቕጠቡ ኽአ ይመዓዱ ነበሩ ። አብዚ ግዚያት'ዚ አቢሉ'ውን ፡ ሓደ ሓሰማን ካልእ ዝኾነ እንስሳን አብ መተ ሓላልፎ ምስ ዚጓነፉ ፡ እቲ ካልእ እንስሳ ኽእለየሉ ኽም ዚግባእ ክም ደንቢ ተወሲኑ ነበረ ። ክምኡ'ውን ፡ ዅሉም ሓሰማታት ፡ ይዕበዩ ይንእሱ ፡ ሰንበት ሰንበት አብ ቍራ እም ሓምላይ ጋማ ንኺእስሩ ፍሉይ መሰል ተዋህቦም ።

እታ ሕርሻ ደሓን አሳልጠ ዝመልእ ዓመት እሕሊፉ ኽነሳ ፡ ዋሕዲ ገንዘብ ግን ነይሩዋ ። ንህንጻታት ቤት-ትምህርቲ ዚኽውን ሕጡብ ፡ ሑጻ ፡ ንመዓደግ ኖራ ፡ ክምኡ እውን ነታ ጠሓኒት - ንፋስ ዚኽውን ሞተር ንምግዛእ ገን ዘብ ምውህላል እድላዪ ነበረ ። ቀጺሉ ፡ ንመብርህ ገዛ ዚውዕል ላምባን ሽምዓን ፡ አብ ሰደቻ ናፖለዮን ዚቕርብ ሽኮር (ንኻልኦት ሓሰማታት ግን መታን ከይክስዑ ዝኽልከሎም) ፡ ክምኡ ኽአ ሃለኽቲ አቕሑ ክምኒ ፡ መንደል ፡ መስማር ፡ ገመድ ፡ ሕመት ፡ ስልኪ ፡ ትርፍራፍ ሓጸውን ፡ ነኽላባት ዚኽውን ቢስኮትን አድለየ ። ስለዚ ፡ ሓደ ኞሚጠ ድርቂን ፡ ካብቲ እቶት ድንሽ ክአ ሓደ ኽፋልን ተሸጠ ። እቲ ናይ እንቋቕሑ ውዑል'ውን አብ ሰሙን ናብ ሽዱሽተ ሚእቲ ኽብ ኪብል ተወሰነ ። በዚ ምኽንያት'ዚ ፡ ሸዓእ ዓመት እተን ደራሁ ቕጽረን ንኽይጉድል መመላእታ ዝኾኑ ጨቓ ዊት ጥራይ እየን ኪንቕሓ ኽኢለን ። እቲ ዛጊት አብ ታሕ ሳስ ተነክዩ ዝነበረ መቕነን'ውን ክም ብሓድሽ አብ ለካ ቲት ተነክየሉ ፡ ላምባ ንምቕጣብ ተባሂሉ ኽአ ፋንስ አብ ጋጻት ከይበርህ ተኽልከለ ። እንተ'ቶም ሓሰማታት ፡ ዝጠፍ ሞም'የም ዚመስሉ ዝነበሩ ። ካልእስ ይትረፍ ክብደቶም እናወሰኽ ደኣ ኽደ ።

ሓደ መዓልቲ ድሕሪ ቕትሪ ፡ አብ ኣጋ መወዳእታ ለካ ቲት ፡ እቶም እንስሳታት ፡ ቅድሚ ሽው ኣጫንዮምም ዘይፈ ልጡ ውዑይ ፡ ምእዝ ፡ ዘጕምጅ ሽታ ካብ ሸነኽ እታ አይተ ሃንስ ቀደም ዝገደፋ ፡ ክንዮ'ቲ ኽሽነ እትርከብ ንእ

ሽቶ መጠጅኢ ኽፍሲ ወጺኡ አብቲ መረባ ሃነን በለ ። ካባታቶም ሓደ ፡ "ጥዋኞ ስገም ይሽትት አሎ ፡" በለ ። እቶም እንስሳታት እናውረረዩ ነቲ ምእዝ አየር አሸተትዎ ። ንድ ራሮም ውዑይ ቦሶ ዚዳሎ ዘሎ ኽአ መሰሎም ። ቦሶ ዚበ ሃል ግን አይመጸሎምን ። ንሰንበቱ ኽአ ፡ ካብ ሕጂ ንደሓር ፡ ዅሉ'ቲ እቶት ስገም ነቶም ሓሰማታት መታን ኪኽውን ኪዕቈር'ዩ ተባህለ ። እቲ ኽንዮ'ቲ ስፍራ አታኽልቲ ዚር ኩብ ግራት ደጊም ፡ አቑዲሙ ስገም ተዘራኡ እዩ ። ነዊሕ ከይጸንሐ ኽአ ፡ ንነፍስ ወከፍ ሓሰማ አብ መዓልቲ ሓሓ ንቲ ብርጭቆ ቢራ ፡ ንናፖለዮን ድማ ወርትማ በቲ ኽቡር ዝዋጋኡ " ከራውን ጻርቢ " ዝዓይነቱ ዓሚቕ ድስቲ - ኞርባ ፡ ክልተ ሊትሮ ዚአክል ቢራ ኽም ዚቕርበሉ ብትሒም ትሒም ተሰምዐ ።

ኽሕ'ኳ ኪጸወርዎ ዚግባእ ጸገማት እንተ ነበሮም ፡ አብዚ እዋን'ዚ ፡ ህይወት ካብ ቀደም ዚበልጽ ክብረት ዘለዎ ብም ኽኑ ጥራይ ፡ ብሓደ ወገንሲ ኪደዓዶም ክኢሉ ነበረ ። ካብ ቀደም ዝበገሐ መደረታት ፡ ዝበገሐ ሰልፍታት ነይሩ ። ናፖለዮን ፡ ቃልስታትን ዓወትን ሕርሻ - እንስሳ ንምጽን ባል ፡ ' ሃንደበታዊ ሰልፊ ' ዚበሃል አብ ሰሙን ሓን ሳእ ኪዳሎ አዚዙ ነበረ ። አብዛ እተጠቕሰት ዕለት ፡ እቶም እንስሳታት ካብ ስራሕ በኹሮም ፡ ክም ወተሃደራት እናመ ረሹ ፡ መጀመርታ ሓሰማታት ፡ ቀጺሎም አፍራስ ፡ ቀጺ ለን ላሕምታት ፡ ድሕሪኡ አባጊዕ ፡ ደድሕሪእን ድማ ደራሁ ኽይናም አብ ዙርያ'ቲ ቕጽሪ ሕርሻ ይዖዱ ። እቶም አኽ ላባት ነቲ ሰልፊ ብየማነ - ጸጋም ይዕጅብዎ ፡ እቲ ናይ ናፖ ለዮን ጸሊም ኩኩናይ ድማ አብ ቅድሚት ኮይኑ ይመርሕ ። መጋልን ራህዋን ፡ ዅሉ ግዜ ፡ ምልክት ሸኾናን ቀርንን እተሳእለላ ፡ ክምኡ'ውን ' ዕድመ ንብጻይ ናፖለዮን ፡ ' ዚብል እተጸሕፈላ ሓምላይ ባንዴራ አብ ማእከሉም ጸይ ሮም ይጕዓዙ ። ብድሕር'ዚ ንናፖለዮን ዚወድስ ግጥምታት ብዝተነብበ ማእቶት ምግቢ ኽም ዝበርከተ ዜበስር ሓድሽ ጸብጸባት ብነፈኽ መደረ ይቕርብ ። ሓልሓሊፉ ኽአ ፡ ካብታ ጠበንጃ ሓንቲ ተኹሲ ትባረኞ ነበረት ። እተን አባጊዕ ፡ ናይቲ ' ሃንደበታዊ ሰልፊ ' አዝየን እሙናት ሰዓብቲ ነበራ ። ገለ ኻብቶም እንስሳታት ፡ ማዚኦም ብኽንቱ ብምጥፋኡን ፡

ጸሊም ደበና — ንሕና ’ዞም መሳኪን እንስሳታት ፡ ካብ ጸዕ
ርና ንሓዋሩ እንዕርፈላ ፡ እታ ሕጉስቲ ሃገር ጥዑም - እምባ
አላ ፡ ” እናበለ’ዩ ዚሰብኮም ዝነበረ ። አዝዩ ኽብ ኢሉ አብ
ዚነፍረሉ እዋን ናብኡ ኸም ዘላገሰ’ሞ ፡ ነቲ ዘልአለማዊ
ለምለም ግራውትን ፡ ካብ እንጣጢዕ እተዳለወ ምቁር ሕብስ
ትታትን ፡ አበየ ደጎል ዝበቐለ ሓለዋትን ከም ዝረአየ’ውን
አዘንተወሎም ። ብዙሓት ካብቶም እንስሳታት ነዚ አመንም ።
አብዚ ፡ ጥሜትን መከራን ዝመልእ ናብራ ኢና እንሕልፍ
ዘሎና ፡ ስለዚ ፡ ካብዚ ዚሓይሽ ስፍራ አብ ገሊኡ ወገን
ኪህሉ ቅኑዕን ግቡእንዶ’ይኮነን ? እናበሉ ኸኣ ብሓሳባቶም
እመዛዘኑ ። ሓደ ኻብቲ ንምርዳኡ ዘሸገረ ግን ፡ እቲ እቶም
ሓሰማታት አብ ልዕሊ ሙሴ ዘርእይዎ ዝነበሩ ጠባያት እዩ ።
እዚ ድማ ፡ ኩሉቶም ንጽዋታት ጥዑም - እምባ ሓሶት ምኽኑ
ብምንሻው እናተዛረቡ ኼብቅው ፡ በቲ ኻልኣ ሸነኽ ግን
አብ መዓልቲ ሓንቲ ዅባያ ቢራ እናተዓደሉ ብዘይ ገለ
ዕዮ አብቲ ሕርሻ ኺነብር ምፍቃዶም እዩ ።

መጋል ሸኾናኡ ብዝሓወየትሉ ካብ ቀደም አዛዪዱ
ዓየየ ። ብሓቂ ድማ ፡ አብታ ዓመት እቲኣ ፡ ሁሉም እቶም
እንስሳታት ከም ጊልያታት ሰራሑም እዮም ። ብዘይካ’ቲ
ስሩዕ ዕዮ ሕርሻን ዳግመ - ምንዳኞ ናይታ ጠሓኒት - ንፋ
ስን ፡ ነቶም ነእሽቲ ሓሰማታት ኪኸውን ተባሂሉ አብ መጋ
ቢት እተጀመረ ቤት - ትምህርቲ ነበረ ። ሓድሓደ እዋን
ምሉእ መዓልቲ ብዘይ እኹል ምግቢ ምስራሕ ንምጻሩ ብር
ቱዕ ’ዩ ዝነበረ ። መጋል ግን ክቶ ስግኖ አይበለን ። ሓይሉ
ኸም ቀደሙ ኸም ዘይነበረ ብዘረባኡ ኾነ ብስራሑ ሓንቲ’ኳ
አየርኣየን ። ትርኢቱ ጥራይ ቀሩብ ተለዊጡ ነበረ ፡ ቁርበቱ
ኸምቲ ቐደም ዘብለጭልጭ ዘይኮነስ ፡ ሕስእ ኢሉ ፡ እቲ ገዚፍ ጉ
ልኡ ኸኣ ዝዓበረ ይመስል ነበረ ። እቶም ብጾቱ ፡ “ መጋል ሳዕ
ሪ ቐውዒ ምስ ረኸበ ነብሱ ኺምለስ’ዩ ፡ ” በሉ ። ቀውዒ
አተወ ፡ መጋል ግን ካብታ ዝነበራ ሓንት’ኳ አይወሰኸን ።
ሓድሓደ እዋን ፡ በቲ ናብቲ ጫፍ እምኒ ዚፈሓረሉ ቦታ
ዘምርሕ ዓቕብ ጭዋዳታቱ ኸሳዕ ዚግተር አዝዩ ኸበድ
ቲ ደናጉሉ ኺጓትት ከሎ ፡ ሓቦ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ደው
ንኺብል ዘኽእሉ ነገር ዘሎ አይመስልን ። ሽው ኸናፍሩ ፡
“ ዝያዳ ኸዓዪ እየ ፡ ” ዚብላ ኺመስላ ጥራይ እየን ዚነቓ

አእጋሮም ክሳዕ ዚረዝዝ አብቲ አስሓይታ ቐንፈዘው ብምባ
ሎም ዘጕረምርም ምስ ዘርከብ ከአ (ሓሰማ ሓደው አኽላ
ባት አብ ዘየለጨሱ እዋን ስሕት ኢሉ ዘጕረምርም ምስ
ዚህሉ ማለት’ዩ) እተን አባጊዕ ፡ “ ከልተ እግሪ ኸፉአ ፡
አርባዕተ እግሪ ጽቡቕ ፡ ” እናበላ ደጋጊመን ብምግባር ብዘይ
ንሕፈት አፉ የትሕዝእ ነበራ ። ብጠቕላላ ኺርአ ኸሎ ግዳ ፡
እቶም እንስሳታት ነቲ በዓላት ተደሲቶሙሉ እዮም ። ደሓር
ከአ ፡ ባዕላቶም ከም ዚመሓደሩ ፡ ዝፈጸምዎ ዕዮ ንጥቕሞም
ከም ዚውዕል ዘዘካኽሮም ብምኽኑ ፡ ዘጸናንዕ ኮይኑ ረኸ
ብዎ ። ስለዚ ድማ ፡ እቲ ዅሉ መዛሙራት ፡ ሰልፍታት ፡
ጸብጻባት ነፈኽ ፡ ሂምታ ጠበንጃ ፡ ነቐዋ ኩኩናይ ፡ ምንብ
ልባል ባንዴራ ተደማሚሩ ፡ ንእዋኑ እንተ ኾነ’ውን አብ ጥራይ
ከብዶም ከም ዝነበሩ ንኺርስዕዎ አኽኢሉዎም ነበረ ።

አብ ሚያዝያ ፡ ሕርሻ - እንስሳ ሪፓብሊክ አወጀት ።
በዚ ምኽንያት’ዚ ፡ መራሕ መንግስቲ ምምራጽ አድለየ ።
አብቲ ምርጫ ናፖለዮን ንውልቁ ሕጹይ ኮይኑ ቐረበ ።
በዓል ቄጽሊ ንሱ ኾይኑ ድማ ብምሉእ ድምጺ ተመርጸ ።
ሽው መዓልቲ ውርጮን ሃንስን ዝኣለምዎ ውዲት ዚቃልዕ
ካልኢ ሓድሽ ሰንድ ከም እተረኽበ ተነግረ ። በዚ ሕጂ እተ
ረኽበ ሓበራታ መሰረት ፡ ውርጮ አብ ውግኢ ደምበ - ላም
ኬስዕሮም ዝሃቀነ ፡ ከምቲ ቐደም እቶም እንስሳታት ዚግም
ትዎ ዝነበረ ተመሻጠሩ ዘይኮነስ ፡ ብግህዶ ምስ ሃንስ ብም
ስላፍ ዝገበሮ’ዩ ዚመስል ። አረ’ውን ፡ ንሰራዊት ደቅ - ሰብ
ዝመርሐን “ ዕድመ ንወድ - ሰብ ! ” ኢሉ እናፈከረ ዝገጠ
ሞምሲ ንሱ ብቐንዱ ’ዩ ። እቲ ገለ ኻብቶም እንስሳታት ክሳዕ
ሕጂ ዚዝክርዎ አብ እንግድዓ ውርጮ ዝነበረ በሰላ’ውን
ናፖለዮን በስናኑ ንኺሱ ዘቕሰሎ እዩ ።

አብ መፋርኞ ክረምቲ ፡ ሙሴ እቲ ኳኹ ፡ ንሓያሉ ዓመ
ታት ተሸሪቡ’ድሕሪ ምጽናሕ ፡ ብሃንደበት ከም ብሓድሽ ተራ
እየ ። ሁልንተናኡ ፈጺሙ አይለወጠን ። ሕጂ’ውን ዕዮ አይ
ዓዪ ፡ ብዛዕባ ጥዑም - እምባ ኸአ ከም ቀደሙ ጽዋታት ምን
ጋር አየቋረጸን ። አብ ሓንቲ ጕርማጽ ተኾዲሙ ፡ ነቲ
ጸሊም አኽናፉ እናንገብገበ ፡ ዚሰምዖ እንተ ረኽበ አብ ሰስ
ዓት ይልፍልፍ ነበረ ። በቲ ገዚፍ መትኮቡ ናብ ሰማይ እና
መልክተ ፡ “ ብጾት ፡ አብቲ ላዕሊ — ክንዮ’ቲ ዚረአየኩም

ነቓ ። ንኹድህስ ዓቕሚ አይነበሮን ። ራህዋን ብንያምን ጥዕ ናኡ ኺሕሱ ደጋጊሞም መዓድዎ ፣ መጋል ግን ኪሰምዖም አይደለየን ። መበል ዓሰርተው ክልተ ዓመት ልደቱ ደጊም አብ ምእታዉ እዩ ነይሩ ። ቅድሚ ዓዲ ምውዓሉ እኹል እእማን ደአ ይተኣከብ'ምበር ፣ እቲ ብድሕሪኡ ዚኸውንሲ አይዓጀቦን ።

ሓደ ምሸት ፣ አብ ክረምቲ ፣ መጋል ገለ ነገር ረኺብዎ ዚብል ሃንደበታዊ ወረ አብታ ሕርሻ ተሰምዐ ። ሽዑ እዋን ፣ ሓደ ጽዕነት እምኒ ኺጓርት ንበይኑ ናብታ ጠሓኒት - ንፋስ ወፊሩ ነበረ ። ልክዕ ድማ ፣ እቲ እተወርየ ነገር ሓቂ ኾይኑ ተረኽበ ። ሓደት ደቓይኹ ጸኒሑ ፣ ክልተ ረጋቢት ብፍጥ ነት እናዘምበያ መጺኤን ፣ " መጋል ወዲቹ ! ንጉኒ ተጉም ብዩስ ኪትንስእ አይክእለን ፣ " ዚብል መልእኽቲ ነገራ ።

ካብቶም እንስሳታት ሕርሻ ፣ ፍርቆም ዚኾኑ በተግ ኢሎም ናብታ እታ ጠሓኒት - ንፋስ ዝነበረትሉ ዅጀት ኣ ቢሎም ተሃንደዱ ። አብኡ መጋል ፣ ነታ ርእሱ'ኳ ምኾናዕ ስኢኑ ኽሳዱ ዘርጊሑ ፣ አብ መንጎ'ቲ ባላታት እታ ዓረብያ ተጋዲሙ ረኺብዎ ። አዒንቱ ፣ ቐዚዘን ጕድኑ ብታህታህታ ረሃጽ ጠልቅዩ ነበረ ። ሓደት ደም ካብ አፉ ጸረር ይብል ነበረ ። ራህዋ አብ ጥቓኡ አብሮኽት ።

" መጋል ! ከመይ'ዩ ገይሩካ ? " ኢላ ጨርሐት ።

" ሳምቡእይ'ዩ ፣ " በለ መጋል ብድኹም ድምጹ ፣ " ደሓን ። እታ ጠሓኒት - ንፋስ ብዘይ ብእይ ክትውድእዋ ትኽእሉ ኢኹም ይመስለኒ ። ዚእክል እእማን ተኣኪቡ'ሉ ። ደሓር ድማ ፣ ሓደ ወርሒ ጥራይ እንድኣሉ ተራፉኒ ። ሓቂ ይሓይሽ ፣ ዓዲ ዝውዕለሉ እዋን ሃረር እብሉ ነይረ'የ ። ጸዕዱ እውን ይሽምግል ስለ ዘሎስ ፣ መተዓልቲ መታን ኪኾ ነኒ ምሳይ ኪዕርፍ ይሓድግዎ ይኾኑ ግዲ " ።

" ቀልጢፍና ሓደ ነገር ንግበር ፣ " በለት ራህዋ ፣ " ሃየ እስከ ሓደኹም ናብ ነፈኽ ይኺድ'ሞ እቲ ዝኾነ ንገርዎ " ።

እቶም እንስሳታት እቲ ወረ ናብ ነፈኽ ንኹብጽሑ ብሓባር ናብቲ አዳራሽ ገጾም ጕየዩ ። ራህዋን ጸዕዱን ጥራይ በይኖም ተረፉ ። ጸዕዱ አብ ጥቓ መጋል ዒሙ ፣ ገለ ኽይ በለ ፣ በቲ ነዊሕ ጭራኡ ጽንጽያ ይኣልየሉ ነበረ ። ርብዒ

ሰዓት ኣቢሉ ምስ ሓለፈ ፣ ነፈኽ ድንጋጸን ሻቕሎትን ብዝ መልእ ስምዒት ተቐልቀለ ። ብጸይ ናፖለዮን ፣ ከምዚ ዝኣመ ሰለ ሕማኽ ዕድል ፣ አብ ልዕሊ ሓደ አገዩ እሙን ሰራሕ ተኛ ናይቲ ሕርሻ ምውራዱ ብዝሰምዐ ብዙሕ ከም እተጨ ነቕን ፣ ዛጊት ድማ መጋል ናብ ከተማ ዊልንድን ዚርከብ ሆስፒታል ተወሲዱ ንኺሕከም ላዕልን ታሕትን ይብለሉ ኽም ዝነበረን ነገሮም ። እቶም እንስሳታት በዚ ቕሩብ ቅር በሎም ። ቅድሚ ሕጂ ፣ ብዘይካ ሙሉን ውርጮን ካብቲ ሕርሻ ወጺኡ ዝኽደ እንስሳ ሓደ'ኳ አይነበረን ። ሓደ ዝሓመመ ብጸዮም አብ ኢድ ደቅ - ሰብ ወዲቹ ኺርእይዎ ኽእ አይፈተዉን ። ዝኾነ ኾይኑ ፣ ሕማም መጋል ፣ በቲ አብ ዊልንድን ዚርከብ ሓኪም - እንስሳ እንተ ደአ ተፈዊሱ ፣ ካብቲ አብቲ ሕርሻ ኺግበረሉ ዚከአል ዝያዳ ኽም ዘዕግብ ነፈኽ ብቕሊሉ ኣእመኖም ። አስታት ፍርቂ ሰዓት ጸኒሑ ኽእ ፣ መጋል ቕሩብ ሓኾ'ሞ ፣ ብብዙሕ ጸገም ብመሓውሩ ደው ከም ዚብል ተገብረ ፣ እናተሳለየ ድማ ፣ ናብቲ ራህዋን ጸዕዱን ሳዕሪ እንጂርም ዘዳለዉሉ ጋጹ ተመልሰ ።

አብተን ዝሰዓባ ኽልተ መዓልቲ ፣ መጋል አብ ጋጹ ኾይኑ አዕረፈ ። እቶም ሓሰማታት አብቲ መሕጸብ ሰብነት ፣ አብ ውሽጢ ሓደ ኽብሒ - እፋውስ ዝረኽብዎ ፣ አብ ጥር ሙስ ዝመልእ ቐይሕ ዝሕብሩ መድሃኒት ለእኹሉ ፣ ራህዋ ኽእ አብ መዓልቲ ኽልተ ሳዕ ድሕሪ ምግቢ እናስተየት ፈወሰቶ ። ምሸት ምሸት አብቲ ጋጹ እናመጸት አብ ጥቓኡ ዒማ ኽተዕልሎ ኽላ ጸዕዱ ኽእ ጽንጽያታት ይኣልየሉ ነበረ ። መጋል በቲ ዝወረዶ ናይ ጣዕሳ ስምዒት አየሕደረን ። አወርዩ እንተ ደአ ሓውዩስ ብድሕሪኡ ሰለስተ ዓመት ብህይ ወት ንምንባር ተስፋ ነይርዎ ። አብ ሓደ ሸንኽ ናይቲ ሰፊሕ መግሃጫ ሰውሒ ኾይኑ ዚሕልፈን ናይ ሰላም መዓልትታት ከአ ብዓቢ ሃረርታ'ዩ ዚጽበ ነይሩ ። ሽዑ ንመጀመርታ እዋን ፣ ንኺመሃርን አእሙሮኡ ንኹደልብን ዕድል ኪረክብ'ዩ ። ከምቲ ንሱ ዚብሎ ፣ አብተን ዝተረፋ ዕድመኡ ነተን ጌና ዘይመለኽን ፈደላት ንምጽናዕ'ዩ ዝነበረ ሓሳባቱ ።

ዝኾነ ኾይኑ ፣ ጸዕዱን ራህዋን ምስ መጋል ኪህልዉሉ ዚኽእሉ ፣ ድሕሪ ሰዓታት ስራሕ ጥራይ እዩ ዝነበረ ። እታ ንዕኡ እትወስድ ዓረብያ ግን አብ ፍርቂ መዓልቲ እያ ዝመ

ጸት ። ሽፀ አብቲ እዋን'ቲ ፣ እቶም እንስሳታት አብ ትሕቲ ቕጽጽር ሓደ ሓሰማ እናጸሀየዩ ኸለዉ ፣ ጸዕዱ ካብ ሽንሽ'ቲ አዳራሽ አምሪሩ እናሃለስን እናጋለበን ኪመጽእ ረአዩ'ሞ ገረሞም ። ጸዕዱ ኼዕለብዋ ንመጀመርታ ግዜ እዮም ርእዩዎ ። ብሓቂ ድማ ፣ ዘይሽፀ ጋሊቡ'ኳ አይፈልጥን ።

" ሃየ ! ሃየ ! " ኢሉ ጨደረ ፣ " ሃየ ንዕ ብቕልጡፍ ፣ ንመጋል ይወስድ'ለዉ ! "

እቶም እንስሳታት ነቲ ሓሰማ ኸየፍቀዱ ፣ ብቕጽበት ዕዮኦም አቋሪጾም ናብቲ ገዛውቲ ሕርሻ አቢሎም ጉየዩ ። ከምቲ ዝበሎ ፣ አብቲ መረባ ሓንቲ አብ ጐንኣ ፊደላት እተጻሕፈላ ብኸልተ አፍራስ እትሰሓብ ዓባይ ዕጽውቲ ዓረብያ ቐይማ ነበረት ። ሓደ ጸቢብ ዝጥርዙ ከቢብ ባርኔጣ ዝመለሰ ተንኮለኛ ዚመስል ሰብኣይ ኪመርሓ ተወጢሑዋ ነበረ ። መጋል ከኣ አብ ጋጹ አይጸንሐን ።

እቶም እንስሳታት አብ ዙርያ'ታ ዓረብያ ተዓጉቱ ። ኹላቶም ድማ ፣ " ደሓን ኩን መጋል ! ደሓን ኩን ! " እና በሉ ብሓባር አዘሙ ።

" አቱም ዓዋናት ! ዓዋናት'ወ ዓዋናት ! " ጨደረ ጸዕዱ አብ ዙርያኦም እናተፈራገጸን በተን ነእሽቱ ሸኾና ታቱ ነቲ ባይታ እናደግደገን ፣ " አብ ጐኒ'ካ ዓረብያ እን ታይ ተጻሒፉ ኸም ዘሎ አይረአየኩምን ? "

እዚ ነቶም እንስሳታት ሰገጥ አበሎም ፣ ሀድኣት ከኣ ኾነ ። ፈገስ ነተን ታላት ፣ ፊደላተን እናቐጸረት ከተንብበን ጀመረት ። ጸዕዱ ግን ንዕኣ ንወሰን ደፊኡ ፣ አብቲ ጸጥታ ዝሰፈኖ ኹነት ከምዚ ኢሉ አንበበሎም ፣

" አልፍረድ ሲምንድስ ፣ ሓራድ - ፈረስ ከምእ'ውን ጠጢቹ መጣበቒ ዘዳሉ ፣ ዊልንድን ፣ ቁርበትን ጥሕን አዕ ጽምትን ዚሸይጥ ፣ ምግቢ አኸላባት አዳልዩ ዘቕርብ ። እዝስ እንታይ ማለት ከም ዝኾነ አይርድኣኩምን ? ንመጋል ናብ እንዳ ሓራድ - ፈረስ'ዮም ዚወስዱዎ ዘለዉ ። "

ኩሎም እቶም እንስሳታት ሰንቢዶም ብሓባር ጨርሑ ። አብዚ ግዜ'ዚ እቲ መራሕ ዓረብያ ነቶም አፍራሱ ሽጥ አበሎም ፣ እታ ዓረብያ ኸኣ እናኳደደት ካብቲ መረባ ወጸት ።

ኩሎም እቶም እንስሳታት ዓው ኢሎም እናጨርሑ ደድሕ ሪኡ ሰዓቡ ። ራህዋ ፈንጢሳ ቐዲማቶም ጐየየት ። እታ ዓረ ብያ ፍጥነት ክትውስኽ ጀመረት ። ራህዋ እቲ ደምባው መሓውራ ኸተጋልቦ ፈተነት ፣ ጉያኣ ግን ካብ ሱምሶማ አይሓለፈን ።

" መጋል ! መጋል ! መጋል ! መጋል ! " ኢላ ጨደረት

ልክዕ አብዚ እዋን'ዚ ፣ አብ ግዳም ዝነበረ ያዕያዕታ ግዲ ሰሚዑ ኾይኑ ፣ እቲ ኸሳዕ አፍንጫኡ ዝወረደ አሸዓል ዝነበሮ ገጽ መጋል ፣ ብድሕር'ታ ዓረብያ እትርከብ ንእሽቶ መስኮት ተቐልቀለ ።

" መጋል ! መጋል ! ካብኡ ውጻእ ! " ጨደረት ራህዋ ኸበራ ብዝመልኡ ድምጺ ፣ " ቀልጢፍካ ውጻእ ! ናብ መኾ ተሊኻ'ዮም ዚወስዱኻ ዘለዉ ! "

ኩሎም እቶም እንስሳታት ፣ " ውጻእ መጋል ! ካብኡ ውጻእ ! " ዚብል ጭራሒ አቓልሑ ። እታ ዓረብያ ግን ዛጊት ፍጥነት ወሲኻስ ካባታቶም እናረሓቐት'ያ ትኸይድ ነይራ ። መጋል እቲ ራህዋ ዝበለቶ ይሰቁር አይሰቁር አይ ተፈልጠን ። ጽንሕ ኢሉ ግን ፣ ገጹ ኻብታ መስኮት ተኸ ወለት ፣ አብ ውሽጢ'ታ ዓረብያ ኸኣ ብርቱዕ ዲጉዲጉታ ሸኾናታት ተሰምዐ ። ንምውጻእ ይጋደል ከም ዝነበረ ፍሉጥ እዩ ። ሎሚ ኾነ ሓምለ ኾነ ፣ ከም ቀደም እንተ ዚኸውንሲ ፣ ሓደት ርግሒት ናይ መጋል ነታ ዓረብያ ኸም ሳጹን ክር ቢት ምሓማሸሻ ። እንታይ'ሞ ኼዓብስ ! ሓይሉ ኸዲዑዎ ። ሓደት ህሞት ጸኒሑ እቲ ዲጉዲጉታ ሸኾናታት እናደኸመ ኸደ'ሞ ስኾ በለ ። እቶም እንስሳታት ብዓኾለ ጽበት ነቶም ዓረብያ ዚስሕቡ ዝነበሩ ኸልተ አፍራስ ደው ኪብሉ ኼም ሕጸንዎም ጀመሩ ።

" ብጾት ! ብጾት ! ንገዛእ ሓውኩም ኪኾተል አይት ውሰድዎ ! " ኢሎም አድሃዩ ።

እቶም በሃማት እንስሳታት ግን ፣ ነቲ ኹነታት ከየኾ ለቡሉ አእዛኖም ንድሕሪት ዓጺፎም ደአ ሃደዱ ። መጋል ገጹ በታ መስኮት ደጊሙ አየቐልቀለን ። ደንጉዩ ደአ'ምበር ፣ ሓደ ኻብቶም እንስሳታት በቋራጭ ሓሲፉ ነቲ ሓሙሽተ ዝመሸጉሩ በሪ ኼዓጽዎ ሓሲቡ ነይሩ ። እታ ዓረብያ ግን

ብኤብኡ ንዕኡ ሓሊፉ በቲ ጽርግያ አንቂልቍላ ተጸርገፈት ። መጋል ብድሕር'ዚ መሊሱ አይተራእየን ።

አብ ሳልስቱ ፡ አብ ዊልንድን ከሎ ፡ ከም መጠን ፈረስ ዙሉ'ቲ ዜድሊ አለይመለይ ተገይሩሉ ኸነሱ አብ መጠረሽታ ግን ከም ዝዓረፈ ተነግረ ። ነፈኸ ነቶም እንስሳታት ኬርድ እም መጸ ። አብቲ መጋል ዝዓረፈሉ ሰዓታት ምስኡ ኸም ዝነበረ ነገሮም ።

" ምሉእ ህይወተይ ከምኡ ዝበለ ልቢ ዚትንክፍ አይረእኹን ፡ " በለ ነፈኸ መሓውሩ ብምልዓል ጽራር ንብዓት እናጸረገ ፡ " አብ አጋ ሞቱ አብ ጐኒ ዓራቱ'የ ነይረ ። አብ መጠረሽታ ኸአ ፡ እናተሰሓገ ፡ ዘጕሃዮ ነገር እንተሎ ፡ እታ ጠሓኒት - ንፋስ ቅድሚ ምዝዛማ ሙማቱ ጥራይ ከም ዝኾነ ነጊሩኒ " ። ' ሃየ ብጸት ፡ ሃየ ብሽም'ቲ ዕልወትና ንገስግስ ። ዕድመ ንሕርሻ - እንስሳ ! ዕድመ ንብጻይ ናፖለዮን ! ናፖለዮን ወርትግ ቅኑዕ'ዩ ! በለኒ ብድኹም ድምጺ እናተጻዕረ ። እዚእን ከአ'የን እተን ናይ መጠረሽታ ለበዋኡ ብጾት ። "

አብዚ ግዜ'ዚ ነፈኸ ዅነታቱ ብቕጽበት ተለወጠ ። ንቕሩብ ህሞት ገለ ኸየውስአ አጽቀጠ ። ዘረባ ኾድሚ ምኾጻሉ ኸአ ጥርጣረ ብዝመልኡ አገባብ ነተን ደቀኾቲ አዒንቱ የማነ ጸጋም ወርወረን ።

አብቲ መጋል እወስደሉ ዕለት ፡ ሓደ ዕሽነትን ክፍአትን ዝመልአ ሕሜት ምዝርጋሑ ኸም ዝሰምዐ ነገሮም ። " ሓድሓደ እንስሳታት ፡ አብታ ንመጋል ሒዛ ዝኸደት ዓረብያ ' ሓራድ ፈረስ ' ዚብል ምልክት ርእየም ነይሮም ፡ ካብኡ ሓሊፎም'ውን መጋል ናብ እንዳ ' ሓራድ - ፈረስ ' ኪሽየጥ ይውሰድ አሎ ኢሎም አብ መደምደምታ በጺሖም ። ሓደ እንስሳ ኸሳዕ ክንድ'ዚ ኸድንቑር ብሓቂ ዚገርም'ዩ ፡ " በለ ነፈኸ ። " እምበርከ ፡ " ኢሉ ጨደረ ብምንዳር ጭራኡ እናንሰልሰለን የማነ - ጸጋም እናተሰራሰረን ፡ " እምበርከ ፡ እቲ ፍቁር መራሒኣም ብጸይ ናፖለዮን ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገራት ከም ዘይውዕሎ ዘይፈልጡ ኾይኖም ድዮም ? እዚ ግን ንምብራው ቐሊል'ዩ ። እታ ዓረብያ ፡ ቅድሚ ሕጂ ሓደ ሓራድ - ፈረስ ዚውንና ዝነበረት ፡ ደሓር ግን እቲ ሓኪም እንስሳታት ዝዓደጋ'ያ ፡ ንሱ ድማ ፡ እቲ ናይ ቀደም ሽማ አይደምሰሶን ። ብሰንክ'ዚ ኸአ'ዩ ፡ እዚ ዅሉ ዘይክዉን ነገራት እተላዕለ ። "

እዚ ብዝሰምዐ እቶም እንስሳታት ልቦም ቀሰነ ። ብሕልፊ ኸአ ፡ እቲ መጋል አብ አጋ ሞቱ ዝነበሮ ዅነት ፡ እቲ እተገብረሉ ዚነአድ ክንክን ፡ እቲ ብጸይ ናፖለዮን ገን ዘብ ከይበቐቐ ከቡር ዝሞጋኡ አፋውስ ንምዕዳግ ዘውጽኣሉ ነፈኸ ብስእላዊ አገላልጻ ብዘዘንተወሉም ጥርጣረእም በነነ ። ካልእ እንተ ተረፈስ ፡ ብጸዮም እናተሓጐሰ ብሙማቱ ጥራይ ነቲ ብሞቱ ዚሰምያም ዝነበረ ጓሂ አፍኩሰሎም ።

ንሰንበቱ ንግሆ ፡ ናፖለዮን ባዕሉ አብቲ አኼባ መጸ ። ንኸብሪ መጋል ዘውስእ ሓጺር መደረ ኸአ አስምዐ ። እቲ ብዙሕ እተለቐሰሉ ብጸዮም ፈሳኡ ናብቲ ሕርሻ መጺኡ ኺቕበር ከም ዘይተኻእለ ነገሮም ። ግን ፡ አብቲ አጸድ አዳራሽ ካብ ዚርከብ አውሲዕ ገዚፍ ትንጎ ተዳልዩ ፡ አብ መቓብር መጋል ኪንብሩ ኸም ዝአዘዘ ገለጸሎም ። ብዘይካ'ዚ ፡ እቶም ሓሰማታት ሒደት መዓልትታት ጸኒሖም ንኸብሪ መጋል ተዝካር ንምግባር ሓሳብ ነይሩዎም ። ናፖለዮን ፡ እተን መጋል አዝዩ ዚፈትወን ' ዝያዳ ኸዓዩ እየ ' ' ብጸይ ናፖለዮን ወትሩ ቕኑዕ'ዩ ' ዚብላ ኸልተ ጥቕስታት ነፍስ ወከፍ እንስሳ ኸም ናቱ ገይሩ አጽኒው ኺሕዘን ከም ዚግባእ ብምትሕስሳብ ዘረባኡ ደምደመ ።

አብቲ መዓልቲ ተዝካር ፡ ሓንቲ ኻብ ዊልንድን ዝመጸት ዓረብያ - ግሮሰሪ ፡ ካብ ሉሕ እተሰርሐ ሓደ ገዚፍ ሳጹን አብቲ አዳራሽ አውረደት ። ንምሽቱ ፡ ዋዕዋዕታ ዝበዝሖ መዛሙራት ተሰምዐ ። ስዒቡ ፡ ብርቱዕ ቁየጅ ዚጥዕም ደሃያት መጸ ። አጋ ሰዓት ዓሰርተው ሓደ እቢሉ ኸአ ፡ ብርቱዕ ድምጺ ናይ ዚሕምሽሽ ብርጭቆታት ተሰሚው አጽቀጠ ። ንጽባሒቱ አብቲ አዳራሽ ክሳዕ ፍርቂ መዓልቲ ተወር ዚብል ፍጥረት አይተራእየን ። ብትሒም ትሒም ግዳ ፡ እቶም ሓሰማታት ካብ ገለ ገንዘብ ረኺቦምስ ፡ ንዓአቶም ዚኸውን ሳጹን ምሉእ ዊስኪ ዓዲንም ዚብል መረ ተዘርግሐ ።

I

ዓመታት ሓለፈ ። ወርሓት እናመጸን እናኸደን ተለዋ ወጠ ፡ አተን ሓጸርቲ ዕምሪ ናይቶም እንስሳታት ከይተፈለ ጣእም በራረን ከዳ ። እቲ ኾድሚ'ቲ ዕልወት ዝነበረ ግዚ ያት ብዘይካ ራህዋ ፡ ጸዕዱ ፡ ሙሴ እቲ ኳኹ ፡ ብርክት ዝበሉ ሓሰማታት እንተ ዘይኮይኖም ካልኦት ዘይዝክርዎ እዋን አርከበ ።

ፈገስ ደጊም ሞይታ'ያ ። ሓንሳን ለገሳን ጐፋርን ሞይ ቶም'ዮም ። ሃንስ'ውን ሞይቱ — አብ ካልኢ ወገን ናይቲ ዓዲ አብ እንዳ መዕቈብ - ሰኸራማት ከሎ'ዩ ዝሞተ ። ውርጮ ተረሲዑ'ዩ ። መጋል'ውን በቶም ሒያት ዘፈልጥዎ እንተ ዘይኮይኑ ድሮ ተረሲዑ'ዩ ። ራህዋ አብዚ እዋን'ዚ ፡ ፈር ዛዕ ባዝራ ኾይና ፡ አብራኻ አብዩዋ ፡ አዒንታ ድማ ምጭ ፋፍ ጀሚሩ ነበረ ። እቲ ዓዲ እትውዕሰሉ ዕድሚኣ ኻብ ዚሓ ልፍ ደጊም ካልኣይ ዓመቱ ሒዙ እዩ ፡ ግዳስ ብሓቂ'ውን ፡ ክሳዕ ሕጂ ሓደ እንስሳ'ኳ ዓዲ አይወዓለን ። እቲ ብዕድመ ንዝደፍኡ እንስሳታት ኪኸውን እተባህለ ሕባእቲ ኻብ ዚር ሳዕ ጥራይ ሓያሎ እዋን ሓሊፉ ። አብዚ ግዚ'ዚ ናፖለዮን ፡ ብዕድመ ዝጸገበ ፡ ሆንታልን ፈረጅን ዝኸብደቱ ሓሰማ ኾይኑ ነበረ ። ነፈኸ ኸእ ፡ አዒንቱ ምርአይ ክሳዕ ዚጽግሞ አዝዩ ኸሪሹ ነበረ ። አያ ጸዕዱ ጥራይ እዩ ፡ ካብቲ ቐደም ዝነ በሮ ብዙሕ ዘይለወጠ ፡ አብ ከባቢ ምንጭራኡ ግን ሓል ሓሊፉ ኸበት በቕሊዎ ነበረ ። መጋል ካብ ዚመውት እት ሒዙ ድማ ዝገደደ ኼርፋፍን ሰኞተኛን ኮነ ።

ኸሕ'ኳ ብዝሓም ከምቲ አብ ቅድም ዓመታት እተገ መተ እንተ ዘይኮነ ፡ አብዚ እዋን'ዚ አብታ ሕርሻ ብዙሓት ፍጥረታት ነበሩ ። ንመብዛሕትኦም ካብቶም ደሓር እተወልዱ እንስሳታት ፡ እቲ ዕልወት ካብ አፍ ናብ አፍ እተመሓላለፈ ያታ እዩ ዝነበረ ። እቶም ካልኦት ከኣ እተዓደጉ ኾይኖም ፡ ቅድሚ ናብኡ ምምጻኦም ከምኡ ዚበሃል ነገራት ከቶ ሰሚ ዖም አይፈልጡን ። እታ ሕርሻ ሕጂ ፡ ብዘይካ ራህዋ ሰለስተ አፍራስ ትውንን ነበረት ። ጽቡቓትን ንጉዳትን እን ስሳታት ፡ ሀርኩታትን ሕያዎትን ብጾት ክነሶም ደናቕር'የም ዝነበሩ ። ካባታቶም ፡ ሓደ'ኳ ኻብ ፈደል ለ ቐጺሉ ዘጽንዐ አይነበረን ። ዙሉ'ቲ ብዛዕባ ዕልወትን መትከል እንስሳን ትን ዝሰምዕዎ ዘበለ ፡ ብሕልፍ'ኳ ኻብታ ኸም ወላዲቶም ዚኸብርዋ ራህዋ ኪኸውን ከሎ ይእምንዎ ነበሩ ። ግዳስ ፡ ክንደየናይ ይርድኦም ነይሩ ኸይከውን ።

አብዚ እዋን'ዚ እታ ሕርሻ ዝያዳ በልጺጋን ብዝሓሸ አገባብ ድማ ተወዲባን ነበረት ። ክልተ ግራውቲ ካብ አይተ ብኸንቱ ተዓዲጉላ'ውን ሰፊሓ ነበረት ። እታ ጠሓኒት ንፋስ አማስያኡ ግርም ኮይና ተዛዘመት ፡ እታ ሕርሻ ኸአ እኸለ እትሻቕጥ ማኪናን ሓንቲ መኮነኺ ሓሰርን እጥረየት ፡ በብ ዓይነቱ ሓደስቲ ሀንጻታት'ውን ተወሲኹላ ነበረ ። ዊምፐር ንመዛወሪቱ እትኾኖ ሓንቲ ጽብቕቲ ኻሮላ ዓደገ ። እታ ጠሓኒት - ንፋስ ግዳ ፡ ከምቲ አብ ፈለማ እተባህለ ፡ አብ ምፍልፋል ሓይሊ ኤለትሪክ አይወዓለትን ። እኸለ አብ ምጥ ሓን ውዒላስ ብርኩት ናይ ገንዘብ መኽሰብ ተእትወሉም ነበረት ። እቶም እንስሳታት ፡ ካልኢ ጠሓኒት - ንፋስ ንምስ ራሕ አብ ሃለኽለኽ ነበሩ ። ንሳ ብዝተወድኦት ዲናሞ ኺግ ጠመላ'ዩ እናተባህለ ይዝረበላ ነበረ ። እቲ ውርጮ ቐደም አብ አእሙሮኦም ዘሕደረሎም ናይ ምኾት ትምኒት ፡ መብ ራህቲ ፡ ከምኡ'ውን ውዑይን ዝሑልን ማይ ዚርከቦ ደምበ ፡ አብ ሰሙን ሰለስተ መዓልቲ ዕረፍቲ ፡ ደጊም ዚለዓል ጕዳይ አይነበረን ። ከምዚ ዝአመሰለ አተሓሳስባ ፡ ንመንፈስ እን ስሳኒት ዚጸረር'ዩ ፡ ኢሉ ናፖለዮን ኩኒንም ነበረ ። " ናይ ሓቲ ታሕንስ ዚርከብ ፡ " በለ ንሱ ፡ " አበርቲዕካ ምስ እትዓይን ብ ቕጠባ ምስ እትነብርን'ዩ ። "

በዚ ኾይኑ በቲ ፡ እታ ሕርሻ ነቶም እንስሳታት ከየሀ ብተመት ፡ ንርእሳ ግን እናሃብተመት እትኸይድ ዝነበረት'ያ እትመስል — እዚ ነቶም ሓሰማታትን እኸላባትን ከይጸብጸ ብካ ከም ዝኾነ ደጊም ፍሉጥ'ዩ ። ከምዚ ዝኾነሉ ምኽን ያት ፡ ምናልባት ብሓደ ሸነኽ ፡ ብዙሓት ሓሰማታትን እኸ ላባትን ስለ ዝነበሩ ይኸውን ። እዞም ፍጥረታት እዚእቶም ፡ ከከምቲ ዚኽእልዎ አገባብ ዕዮ አየበርከቱን ማለት አይኮ ነን ። ከምቲ ነፈኽ ወግሐ ጸብሐ ኸይተሓለለ ዚገልጾ ዝነ በረ ፡ ንሳቶምሲ ነታ ሕርሻ ኺውድቡን ኪመሓድሩን ዘይ ውዳእ ዕማም'ዩ ነይሩዎም ። መብዛሕትኡ ኻብቲ ዕዮኣም ፡

እቶም ካልኦት እንስሳታት ስለ ዘይተማህሩ ኪርድእም ዘይክእሉ ነበረ ። ንኣብነት'ኳ ፡ ይብል ነፈኽ ፡ እቶም ሓሰማታት ዕለት ዕለት ፡ " ፋይል " ፡ " ጸብጻብ " ፡ " ቃለ - ጉባኤ " ፡ " መዘክር " ዚበሃል ምስጢር ዝበዝሖ ነገራት ኪዳልዉ ብዙሕ ይደኽሙ ነይሮም ። እዚ ነገራት'ዚ ብጽሕፈት ዚም ላእ ዓበይቲ ኣኞጽልቲ መረኞት እዩ ነይሩ ፡ ብጽሕፈት መሊኡ ብዝተወድአ ኽኣ አብ እቶን ይነድድ ። " ከምዚ ዝእመሰለ ተግባራት ንምዕባልና እታ ሕርሻ ኽብ ዝበለ ኣድላይነት ኣለዎ ፡ " በሎም ነፈኽ ። ከምዚ ኾይኑ ግን ፡ እቶም ሓሰማታት ኮኑ እቶም ኣኽላባት ብሃፈጸማኦም ዘፍረይዎ ምግቢ ገለ'ኳ አይነበረን ። ቊጽሮም ብርኩት ፡ አብ ምብ ላዕ ክእ ሰናፋት አይነበሩን ።

እንተ'ቶም ካልኦት'ሞ ፡ ካብቲ ቐደም ዚፈልጥዎ ናብራ ሓንት'ኳ አይለወጡን ። መብዛሕትኡ እዋን ይጠምዩ ፡ አብ ሓሰር ይድቅሱ ፡ አብቲ ጋብላ ይሰትዩ ፡ አብ ግራውቲ ኪሃ ልኩ ይውዕሉ ነበሩ ። ሓጋይ ብኞሪ ፡ ክረምቲ ብጽንጽያ ተሳቐዩ ። ሓድሓደ እዋን ፡ ካባታቶም እቶም ኽምግል ዝበሉ፡ እቲ ሃንስ እተሰንሉ ፈለማ ኞንያት ካብቲ ሕጂ ዝነበርዎ ዚሓይሽን ዘይሓይሽን ምኻኑ ንምፍላጥ ፡ እቲ ዝሃሰሰ ትዝ ታእም ንምዝካር አእሙሮእም ካብ ምብጽባጽ አይቦዘኑን ። ኪዝከሮም ግን አይከአሉን ። ምስቲ ናይ ሕጂ ህይወቶም ኪነጻጽርዎ ዚኽእሉ ዋላ ሓንቲ አይነበረን ። ብዘይካ'ቲ ነፈኽ ዚኞርበሎም ጸብጻብ ፡ ካልኣ ዚውከስዎ ነገር አይነ በረን ። ንሱ እንተኾነ'ውን ፡ መለሳ ዘይብሉ ሑሉ ነገር እናተ መሓየሸ ኽም ዝኽደ ዚመልክት ጥራይ እዩ ዝነበረ ። እዚ ነቶም እንስሳታት ፍታሕ ዘይብሉ ግድል ኮይኑ ረኽብዎ ። ዝኾነ ኾይኑ ፡ ናብ ከምዝን ወደዝን ኪቐልቡን ብዛዕብኡ ኺሓስቡን ፡ ሕጅስ ዚእክል ግዜ'ውን አይነበሮምን ። እያ ጸዕዱ ጥራይ እዩ ፡ ንሹሉ'ቲ አብቲ ነዊሕ ዕድሚኡ ዘን ነፎ ነገራት ሓደ ብሓደ እጸቢቑ ኽም ዚዝክሮ ፡ ሑነታት ክእ መለሳ ኽም ዘይብሉ ፡ ኪህልዎ'ውን ክም ዘይክእል አረ ጋጊጹ ዘፍለጠ ፡ — ጥሜት ፡ ጸዕረ ፡ ዓሂ ዘይልወጡ ናይ ህይ ወት ሕግታት እዮም ፡ በሃላይ ነበረ ።

ምስናይ'ዚ ግን ፡ እቶም እንስሳታት ጌና ተስፋ አይቈ ረጹን ። አብ ልዕል'ዚ ኽእ ፡ አባላት ሕርሻ - እንስሳ ብም

ኻኖም ዝነበሮም ክብርን መሰልን ንሓንት - ሳዕ'ኳ አይረስ ዕዎን ። አብቲ ምሉእ ሃገር — አብ መላእ ዓዲንግሊዝ ! — ብእ ንስሳታት እትመሓደርን እትንቀሳቐስን ሕርሻ ናታቶም ጥራይ እያ ዝነበረት ። ሓደ'ኳ ኻባታቶም ፡ ዋላ'ቲ ብዕድመ ዝነ አሰ እተባህለ'ውን ፡ ዋላ'ውን ካብቶም ካብ ዕስራ ወይ ሳላሳ ኪሎሜትር ዚርከባ ሕርሻታት እተዓደጉ መጻእተኛታት በዚ ዘይግረም አይነበረን ። ሂምታ ናይታ ጠበንጃ ምስ ዚሰምዑ ፡ እታ ሓምላይ ባንዴራ አብቲ ርእሲ ሰንደኞ ከተንበልብል ምስ ዚርእይዋ ፡ ሽው ልቦም ብዘይበርስ ሓበን ይመልእ ። ሽው ፡ ብዛዕባ'ቲ ጅግንነት ዝመልኡ ናይ ቀደም ግዚያት ፡ ምስንጉ ሃንስ ፡ ምጽሓፍ እተን ሽውዓተ ትእዛዛት ፡ ወረርቲ ደቅ - ሰብ እተሳዕሩሉ ዓበይቲ ውግኣት ወግዒ ይጅምር ። እቲ ቐደም ዚሓልምዎ ዝነበሩ'ውን ፈጺሞም አይረስዑዎን ። እቲ መፍሉሳ እተነበዮ ናይ እንስሳታት ሪፓብሊክ ተመስ ረቱስ ፡ ጐላጉል ዓዲንግሊዝ ብደቅ - ሰብ ዘይርገጸሉ እዋን ኪመጽእ እተባህለ ሕጂ'ውን ጌና ዝእምኑሉ ዝነበረ ነገር'ዩ ። ሓደ መዓልትስ ኪመጽእ'ዩ ፡ ቀልጢፉ አይመጽእን ይኽውን ፡ ካብዞም ሕጂ ብህይወት ዘለዉ'ውን አይርእይዎን ይኾኑ ፡ ውዒሉ ሓዲሩ ግን ምምጻኡ ዘይተርፍ'ዩ ። ዜማ ' እንስሳ ታት ዓዲንግሊዝ ' ክእ ብሕቡእሕቡእ ምናልባት ትዝመር ነይራ ትኽውን ። ዝኾነ ኾይኑ ፡ አብቲ ሕርሻ ዓው ኢሉ ይፈሩ ዚዝምራ እንተ ዘይነበረ'ኳ ፡ ሑሳቶም ይፈልጥዋ ኽም ዝነበሩስ ርጉጽ ነገር'ዩ ። ናብራ መሪሩዎም ነይሩ ይኽውን ፡ ሑሉ'ቲ ዝነበሮም ትምኒት'ውን አይሰመረሎምን ይኽውን ፡ ካብ ካልኦት እንስሳታት ክም ዚሕሹ ግን አይሰሓትዎን ። እንተ ጠመዩ ፡ ብሰንኪ ጨቂንቲ ደቅ - ሰብ አይነበረን ። ብስራሕ እንተ ሃለኹ'ውን ፡ እንተኽፍአ ፡ እቲ ዝሰርሕዎ ንርእሶም'ዩ ዝነበረ ። ካባታቶም ፡ ብኽልተ መሓውሩ ዚኽ ይድ ሓደ'ኳ አይነበረን ። ዋላ ሓደ ፍጥረት ንዝኾነ ኻልእ ፍጥረት " ጐይታይ " እናበለ ዚጽውዕ አይነበረን ። ሑሉም እንስሳታት ማዕረ እዮም ዝነበሩ ።

ሓደ መዓልቲ አብ ፈለማ ኽረምቲ ፡ ነፈኽ ነቲን አባ ጊዕ ኪስዕባእ አዘዘን'ሞ ፡ ናብ ሓደ ንጨንገር ዚኽውን ጽዑኞ ውልዲ አእዋም ዝበቑሉ ፡ ካብቲ ሕርሻ ርሕኞ ዝበለ ቓድራ ሓዙወን ኽደ ። አብኡ እተን አባጊዕ ብነፈኽ እናተ

ሐለዋ ምሉእ መዓልቲ ኻብቲ እቑጽልቲ ኺምእርራ ወዓሳ ። ንምሸቱ ፡ ንሱ ናብቲ አዳራሽ ሕርሻ ተመልሰ ፡ ነተን አባ ጊዕ ግን መታን ከይድህረን አብሉ ኺሓድራ ነገረን ። ብሉ ’ቢለን ድማ ፡ እቶም ካልእት እንስሳታት ከይረአዩወን ሰሙን ምሉእ አብሉ ተቐመጣ ። በብዕለቱ ነፈኸ ፡ ዳርጋ መብዛሕትኡ እዋን ምሳታተን የሕልፎ ነበረ ። ሓድሽ መዝ ሙር ይምህረን ነበረ ፡ ነዚ ድማ ብሑት ቦታ የድሲ እዩ ፡ በለ ።

ብኡንብኡ እተን አባጊዕ ብዝተመልሳ ፡ ሓደ ደስ ዚብል ኣጋ ምሸት ኸአ’ዩ ፡ እቶም እንስሳታት ዕዮኣም ወዲእም ናብቲ አባይቲ ሕርሻ አቢሎም እናኣተዉ ኸለዉ ፡ ካብቲ ውሽጢ መረባ ስንባደ እተሓወሶ ምሕምሓም ፈረስ ዝሰምዑ ። እቶም እንስሳታት ሰገጥ ኢሎም አብ ዘዘለዉዎ ደው በሉ ። እቲ ድምጺ ናይ ራህዋ እዩ ዝነበረ ። ደጊማ ብዝሓምሓመት ከኣ ኮሎም እቶም እንስሳታት እናጋለቡ ናብቲ ውሽጢ መረባ አተዉ ። እንሆ ድማ እቲ ራህዋ ዝረኣየቶ ነገር ረኣዩ ።

ብዳሕረዋይ መሓውሩ ዚስጉም ሓሰማ እዩ ዝነበረ ።

እወ ፡ ነፈኸ ድማ’ዩ ዝነበረ ። እቲ ደጕላጽ አካላቱ ፡ በቲ ኣቃውማ’ቲ ኼቕንያ አወርዩ ስለ ዘይተለማመደ ግዲ ኾይኑ ፡ እናተጻገመ ፡ ግን ሚዛኑ ሓልዩ አብቲ መረባ ይዛወር ነበረ ። ቕሩብ ጸኒሑ ፡ ካብቲ ማዕጾ አዳራሽ ብዙሓት ሓሰማታት ብተርታ ብዳሕራይ መሓውሮም እናሰጕሙ ወጹ ። ካባታቶም ገሊኣም ግርም ገይሮም ኪስጕሙ ኸለዉ ፡ ሓደ ኸልተ ግን ሰንከልከል ስለ ዘብዝሑ ምርኩስ ዚድልዮም እዮም ዚመ ስሉ ዝነበሩ ። ግዳ ነፍስ ወከፎም ከይተዓንቀፉ ነቲ መረባ ብዙርያ ዖዱም ። ብድሕር’ዚ ኹሉ ድማ ፡ ብርቱዕ ሕግታ አኸላባትን ፡ ካብቲ ጸሊም ኩኩናይ ከኣ ኣውያት ዚጥዕም ነቑዋን ተሰምዐ ። እንሆ ድማ ናፖለየን ብቕንዱ ፡ ግርማ ብዝመልእ ኣገባብ ቅንዕ ኢሉ ፡ የማነ - ጸጋሙ እንጕልሒጡ እናጠመተ ፡ እቶም አኸላባቱ ድማ አብ ዙርያኡ እናፋነኑ መሰስ በለ ።

አብ ሸኾናኡ ጭጕራፍ ሒዙ ነበረ ።

ሽው ኹሉ ነገር ሀዋም በለ ። እቶም እንስሳታት ብምግራምን ብራዕድን እናተጸጋግዑ ፡ ነቲ ብዝግታ አብቲ ዙርያ መረባ ዚምርሽ ዝነበረ ነዊሕ መስርዕ ሓሰማታት ተመልከትዎ ። ዓለም እተገላበጠት ኮይና ተራእየቶም ። ጸኒሑ ግን ፡ እቲ ናይ መጀመርታ ስንባደኣም ብዝተቕንጠጠ — ኸሕ’ኳ በቶም አኸላባት ምሒር እንተ ጀጀዉ ፡ ከምኡ’ውን በቲ ኻብ ነዊሕ እዋን ጀሚሮም ዘማዕበልዎ ፡ ዝኾነ እንተኾነ ዘይምጕርምራምን ዘይምውታስን ጠባይ እንተ ነበሮም — ሕጅስ ዝመጸ ይምጸእ ጥርዓን ኪቕርቡ ተደናዲኖም ነይሮም ። እን ተኾነ ግን ፡ ልክዕ አብዚ ህሞት’ዚ ፡ እተን አባጊዕ ምኽሪ ኸም ዝነበረን ብዓውታ ፡

“አርባዕተ እግሪ ጽቡቕ ፡ ክልተ እግሪ ዝሓሸ ! አር ባዕተ እግሪ ጽቡቕ ፡ ክልተ እግሪ ዝሓሸ ! አርባዕተ እግሪ ጽቡቕ ፡ ክልተ እግሪ ዝሓሸ !” እናበላ ኺግዕራ ጀመራ ። ንሓሙሽተ ደቒቕ ዚአክል ከየቋረጸ ቕጸላኡ ። ግዒረን አብ ዝወድኣሉ እዋን ፡ እቶም ሓሰማታት ዛጊት ዑደቶም ፈጺሞም ናብቲ አዳራሽ ስለ ዝኣተዉ ጥርዓን ንምቕራብ ዕድል አይተረኽበን ።

ጸዕዱ ፡ መንኩቡ አፍንጫ እንስሳ ኸደፍኡ ስለ እተ ፈለጠ ቕሊሕ በለ ። ራህዋ እያ ነይራ ። እተን ዝጨፈፋ አዒንታ ፡ ካብ ዝኾነ እዋን ዝገደደ ለቕሶን ነበራ ። ገለ ኸየ ውስእት ፡ ደፋእ አቢላ በቲ ጕንጕኖኡ ስሒባ ፡ ናብቲ እተን ሾውዓተ ትእዛዛት እተጸሕፋሉ ወሰን ናይቲ ሪኞ መራሕ ወሰደቶ ። አብኡ ፡ ንሓደ ወይ ክልተ ደቂቕ ዚኸውን ፡ ነቲ ጸዕዳ ፈደላት እተጸሕፎ ብቕጥራን እተለቕለቐ መንደቕ ብቐውታ ጠመትዎ ። አብ መወዳእታ ራህዋ ፡

“ዓይነይ ምርእይ አብዩኒ ፡” በለት ፡ “ብንእስነተይ ከለኽ እንተ ዝኾውን’ውን ፡ እቲ አብኡ ተጸሒፉ ዘሎ ኸን ብቦ አይምኽእልኩን ። እዚ መንደቕ ግን እተለወጠ ይመስ ለኒ ። እተን ሸውዓተ ትእዛዛትሲ ፡ ከም ቀደመንዶ’ለዋ ጸዕዱ?”

ንሸዓኣ እዋን ፡ ጸዕዱ እቲ ናይ ወትሩ ጠባዩ ሓዲጉ ነቲ አብ መንደቕ እተጸሕፈ ኼንብበላ ፈተወ ። አብኡ ብዘ

ይካ ሓንቲ ትእዛዝ ካልእ አይነበረን ። ከምዚ ዚስዕብ ከአ ትብል ነበረት ።

ዅሎም እንስሳታት ማዕረ እዮም
ገለ እንስሳታት ግን ካብ ካልኦት እንስሳታት
ዝያዳ ማዕረ እዮም ።

ብድሕር'ዚ ንጽባሒቱ ፡ እቶም ነቲ ዕዮ ዚቁጸጸሩ ሓሰ ማታት ጭጕራፍ ሒዞም ምስ መጹ ዋላ እየገረመን ። እቶም ሓሰማታት ረድዮ ምዕዳጎም ፡ ተሌፎን ንምእታው ውዕል ምፍርራሞም ፡ ከምኒ ፡ " ጀን ቡል " ፡ " ደይሊ ሚረር " ፡ " ቲት - ቢትስ " እተባህሉ ጋዜጣታትን መጽሒታትን መዘ ናግዒ ጽሑፋትን ንኺልእኽሉም ምምዝጋቦም ብዝተሰምዐ ' ውን ብዙሕ እየገረመን ። ናፖለዮን አብ አፉ ጆሊም ቀቺሩ አብቲ አጸድ ኪዛወን ብዝተራእየ — እዚ ጥራይ ድዩኽ ፡ እቶም ሓሰማታት ክዳን አይተ ሃንስ ዝነበረ ፡ ካብ ከብሒ አውጺኦም ለቢሶምም ብዝተራእዩ'ውን ሓደ'ኳ አይተገረመ ሎምን ። ናፖለዮን ባዕሉ ፡ ጸሊም ጃኬትን ፡ ምስ አካላት ዚጠብኞ ጸቢብ ስረን ፡ ካብ ቁርበት እተሰርሐ ነዊሕ ጋም ባለን ተኽዳዲኑ ተራእየ ። እታ አዝዩ ዚፍቅራ አሚኑ ኽአ ፡ ወይዘሮ ሃንስ ሰንበት መጸ እትኽደኖ ዝነበረት ፡ ማይ መሳሊ ዝማእለማእ ሓሪር ተወሪዓቶ ተራእየት ።

አብ ሰሙኑ ድሕሪ ቐትሪ ፡ ብዙሓት ነአሽቱ ሰረገላታት ናብቲ ሕርሻ መጹ ። ካብቶም ጐረባብቲ ሓረስቶት እተላእኩ ተወከልቲ ፡ ሓደ ብሓደ እናተዘዋወሩ ንምዕዛብ ተዓዲምም ነበሩ ። ንዅሉ'ቲ ሕርሻ ኽም ዚበጽሕዎ ተገብረ ፡ ነቲ ዅሉ ዝተመልከትዎ ነገር ፡ ብፍላይ'ኳ ነታ ጠሓኒት ንፋስ ከአ ዕዙዝ ናእዳኦም ገለጹ ። አብቲ እዋን'ቲ እቶም እንስ ሳታት ፡ አብቲ ግራት ባርባቤቶላ አብ ምጽህያይ እዮም ነይ ሮም ። ርእሶም ካብ መሬት ከየኾንኩ ሃርኮትኮት እናበሉ ይዓይዩ ነበሩ ። ንመን ዝያዳ ኽም ዚፈርሁ ኽአ ጠፍእም ፡ ነቶም ሓሰማታት'ዶ ፡ ወይስ ነቶም ኪበጽሑ ዝመጹ ደቅ ሰብ ?

ሽዑ ምሸት ፡ ካብቲ አደራሽ ብርቱዕ ሰሓኾን ጸጸኒሑ ዚድርጓሕ መዛሙርን ተሰምዐ ። ዘይተሓሰበ ኽአ ፡ እቶም እንስሳታት በቲ እተዘበራረቐ ዋዕዋዕታ ተሳሒቦም ናብኡ አቕለቡ ። እንስሳታትን ደቅ - ሰብን ንመጀመርታ ግዜ ብማ ዕርነት ተአኪቦም ደኣ እንታይ ኮን ይግበር ይህሉ ? ብሓ ባር ከም እተሰማምዑ ድማ ፡ ብዝተኻእለ መጠን ድምጺ ኽይገበሩ ናብቲ አጸድ አዳራሽ ኪጽግዑ ጀመሩ ።

አብቲ በራ ብዝበጽሑ ፡ ነግፈረግ እናበሉ ደው በሉ ፡ ራህዋ ግን መሪሓቶም አተወት ። ሰላሕ እናበሉ ናብቲ ገዛ ተጸግዑ ፡ እቶም ዘለግ ዝበሉ ኽአ በቲ መስኮት ቤት ምግቢ ተቐልቲሎም ተመልከቱ ። አብኡ ፡ አብ ዙርያ ሓደ ነዊሕ ሰደቓ ፡ ፍርቂ ደርዘን ሓረስቶትን ፍርቂ ደርዘን ድማ ኻብ ቶም ዝያዳ ፍሉጣት ዝኾኑ ሓሰማታት ኮፍ ኢሎም ነበሩ ። ናፖለዮን ባዕሉ ፡ እቲ ናይ ከብሪ መንበር ሒዙ ብወገን ርእሲ ሰደቓ ተቐሚጡ ነበረ ። እቶም ሓሰማታት አብ መመ ንበሮም ኣራጢጦም ኮፍ ዝበሉ እዮም ዚመስሉ ። እቶም ዕዱማት ፡ ጠላዕ ኪጸወቱ ምስ ጸንሑ ንገለ ህሞት አቋሪጾ ምዎ ነበሩ ፡ ንጥዕና እናበሉ ንምስታይ ከም ዝኾነ ፍሉጥ'ዩ ። ሓደ ዓቢ ብራኻ አብ ማእከሎም ይዘውር ነበረ ። ነቶም ተጸጊያም ብምግራም በቲ መስኮት ዚዕዘቡ ዝነበሩ እንስ ሳታት ሓደ'ኳ አየስተብሃለሎምን ።

አይተ ብኽንቱ ፡ ዋና ሕርሻ መዓንደር - ወኻርያ ብር ቈቆኡ ዓቲሩ ብድድ በለ ። ነቶም አብኡ ዝነበሩ ዕዱማት ንጥዕናን ዓወትን ንኺሰትዩ ኽም ዚሓትት አፍሊጡ ፡ ቅድ ሚኡ ግን ፡ ሓደ ኽልተ ጆላት ኬፍእም ግቡእ ከም ዝኾነ አውሰአ ።

ቀጺሉ ፡ እቲ ንሓያሎ እዋን ዝጸንሐ ዘይምትእምማንን ዘይምርድዳእን ብምውጋዱ — ንዕኡ ጥራይ ዘይኮነስ ፡ ነቶም አብኡ ዝነበሩ ኻልእት'ውን — ናይ ታሕጓስ ምንጪ ኽም ዝኾነ ገለጸሎም ። አስዕብ'ቢሉ ኽአ ፡ " እዞም ክቡራን ዋና ታት ሕርሻ - እንስሳ ፡ ብጐረባብቶም ደቅ - ሰብ — እዚ ኽአ ፡ እነ ወይ እዞም አብዚ ዘለዉ ዕዱማት ውዲልናዮ ማለት አይኮነን — ግን ፡ ብጐረባብቶም ደቅ - ሰብ ፡ ብጽልኢ'ኳ አይ ብሎን ፡ ምናልባት ግን ብሓውሲ ስግኣት ዚርእይዎም እዋ ናት ነይሩ እዩ ። ካብዚ እተላዕለ ፡ ሓድሓደ ዜጉሂ ኽኑታት ተፈጺሙ ፡ ግቡይ ስምዒታት ከአ ተራእዩ ። እዚ ድማ ብሓ ሰማታት ዚውነንን ዚንቀሳቐስን ሕርሻ ዘይተለምደ ብምኽኑ ፡ አብ ልዕሊ ጐረባብቲ ዘይምርግጋእ ዜስዕብ ስለ ዝመስሎም'ዩ ። ብዙሓት ሓረስቶት ፡ አዐርዮም ከየረጋገጹ ፡ አብ ከምዚ

ዝእመሰለ ሕርሻ ፡ መንፈስ ብዕልግናን ፋሉልነትን ኪሰፍን'ዩ ኢሎም ገሚቶም ። አብ እንስሳታቶም ወይ ከአ አብ ሽቃ ሎአም'ውን ከይተረፈ ኼስዕቦ ዚኽእል ሕማኽ ስምዒት አጨኒኾምም ነይሩ ። ሕጂ ግን ፡ ኮሎ'ቲ አብ መንነአም ዝነ በረ ጥርጣረ ተሰሪዙ'ዩ ። ሎም መዓልቲ አነን ብጾተይን አብ ሕርሻ - እንስሳ እናተዘዋወርና ፡ ንኹሉ ሓደ ብሓደ ብዓይንና ርኢናዮ ። እንታይከ ተዓዚብና ? አዝዩ ዘመናዊ አሰራርሓ ጥራይ ዘይኮነስ ፡ ንኹሎም ሓረስቶት አብነት ኪኸውን ዚግባእ ስነ - ስርዓትን ጽፍፈትን አስተብሂልና ። አቶም አብ ሕርሻ - እንስሳ ዚነብሩ እንስሳታት ፡ ካብቶም አብ ካልእ ወረዳታት ዚርከቡ እንስሳታት ዝያዳ ይዓይዩ ፡ ዝወሓደ ኽአ ይኾለቡ እንተ በልኩ ዘጋነንኩ አይመስለንን ። ብሓቂ ኽአ ሎም መዓልቲ ፡ አነን ዕዱማት ብጾተይን ከም እተዓዘብናዮ ፡ አብ ሕርሻና አብ መዓላ ኽነውዕሎ እንኽ እል ብዙሕ ቁም - ነገር ነይሩ ፡ ” በሎም ።

አብ መደምደምታ ርእይቶኡ ድማ ፡ አብ መንነ ሕርሻ እንስሳን ጕረባብታን ዝነበረን ፡ ኪህሉ'ውን ዚግብኦን ምሕ ዝነታዊ ስምዒት ንኽይልወጥ ደጊሙ አበርቲው ተላበዎም ። “ ዝኾነ እንተኾነ ፡ አብ መንነ ሓሰማታትን ደቅ - ሰብን ናይ ረብሓ ግርጭት ዝሃለወሉ ግዜ አይነበረን ፡ ኪህሉ'ውን አይ ግባእን ። ቃልሶምን ጭቆንምን ሓደ እዩ ። አብ ስራሕ ዘሎ ግድል ፡ አብ ኮሉ ቦታ ሓደ ዓይነትዶ ኽይኮነ ? ” በሎም ። ሕጂ አይተ ብኽንቱ ፡ ነቶም ዕዱማት መታን ኪስሕቕም ፡ ተጠንቂቑ ዘዳለዎ ጭርታን ኪምልኹ ከም ዝሓሰበ ይፍለጥ ነበረ ፡ ንግዚኡ ግን ፡ ሰሓኽ ኪስዕሮ ስለ ዝደለየ ኪተንብሀ ጸገሞ ። መንከሱን መዓጉርቱን በርበረ ኽሳዕ ዚመስል ብዙሕ ሳዕ ድሕሪ ምስርናኽ ግዳ ኪዛረብ ከአለ ። “ ንስኻትኩም እትቃለስዎም ለጠኽ ዝበሉ እንስሳታት ካብ ሃለዉኹም ፡ ” በሎም ከአ ፡ “ ንሕና'ውን ለጠኽ ዝበሉ ደርብታት አለዉና!” ። እዚ ጭርታን'ዚ ፡ ነቶም አብ ዙርያ'ቲ ጠረቢዛ ዝነበሩ ብስ ሓኽ ትዋሕ አበሎም ። አይተ ብኽንቱ ኽአ ፡ ነቶም ሓሰማ ታት ፡ በቲ አብ ሕርሻ - እንስሳ ዝረአዮ ውሑድ ቀለብን ነዊሕ ሰዓታት ዕዮን ፡ ኮታስ ብሓፈሻ ዘየድሊ ሕንቃቕ ብዘይ ምህላዉ ደጊሙ ሓጕሱ ገለጸሎም ።

አብ መጠረሽታ ፡ ነቶም ኣጋይሽ ሓፍ ኪብሉን ዋንጫ ታቶም ድማ ኪመልኡን ሓተቶም ። “ መኳንንቲ ፡ ” ኪብል አይተ ብኽንቱ ደምደመ ፡ “ እንሆ ትምኒተይ ንምግላጽ ዋን ጫይ አልዕል ፡ ንብልጽግና ሕርሻ - እንስሳ ! ”

ድሙቕ ጣቕዒትን ዲጕዲጕታ እግርን ኮነ ። ናፖለዮን ምሕር ስለ ዝተሓጕሰሉ ፡ ካብ መኻኑ ተንሲኡ ፡ በቲ ጠረ ቤዛ ዘይሩ ዋንጫኡ ምስ ናይ አይተ ብኽንቱ እንኒጹ ሰተያ ። እቲ ዋዕዋዕ ብዝዘሓለ ፡ ናፖለዮን አብኡ ብጠጠዉ ኽሎ ፡ ሓደት ቃላት ኪዛረብ ከም ዘደሊ አፍለጠ ።

ናይ ናፖለዮን መደረ ፡ ከም ወትሩ ሓጺርን ቕርጽ ዝበለን'ዩ ዝነበረ ። ንሱ'ውን ብወገኑ ፡ እቲ እዋን ዘይምር ድዳእ ብምሕላፉ ሕጉስ ምኻኑ ገለጸሎም ። አስዒቡ ኽአ ፡ “ ካብ ነዊሕ ግዜ ጀሚሩ ፡ አነን እዞም አብዚ ዘለዉ መላ ኖይን — ብገሊኣም መካፋእቲ እተነዝሐ ኽይኮነ አይተርፍን — እተሓሳስባና ናብ ናዕቢ ዜምርሕ ፡ አረ'ውን ሰውራዊ አረአ አያ ዝሰፈና'ዩ ዚብል ትሒምታ ነይሩ ። አብ ውሽጢ እንስ ሳታት ጕረባብቲ ዕልዉቲ ዚጕሳጉሱ ተባሂልና'ውን ተጠቂ ንና አና ። ካብዚ ዚገድድ ሓሶትከ እንታይ አሎ ? ንሕና ፡ ትምኒትና ሎሚ ኾነ ቐደም ፡ ምስ ጕረባብትና ሰላምን ጥው ይን ዝምድና ዘለዎ ንግድ ምክያድ እዩ ዝነበረ ። እዚ ባዕ ለይ ንኽመሓድሮ ኽብሪ ዝስምዓኒ ሕርሻ ኽአ ናይ ማሕበር ጥሪት እዩ ። እቲ አብ ኢደይ ዚርከብ ናይቲ ንብረት ደብ ተር'ውን በቶም ሓሰማታት ብሽርክነት ዚውነን'ዩ ፡ ” ኢሉ ነገሮም ።

እቲ ናይ ቐደም ጥርጣረታት አሎ ኢሉ ኽም ዘይግምት ፡ እንተኾነ ግዳ ፡ እቲ ዘሎ ምትእምማን ብዝያዳ መታን ኪድ ልድል ፡ አብዚ ቐረባ እዋን አብ ልምድታት ናይቲ ሕርሻ ሓድ ሓደ ለውጥታት ከም እተገብረ ነገሮም ። “ ክሳዕ ሕጂ ፡ አብዚ ሕርሻ ዚርከቡ እንስሳታት ኪጸዋውዑ ኽለዉ ፡ ዕሽነት ብዝ መልእ አገባብ ‘ ብጸይ ’ ይበሃሃሉ ነይሮም ። እዚ ፡ ኽውገድ' ዩ ። ከምኡ'ውን ፡ ሰንበት ሰንበት ንግሆ ፡ አብቲ አጸድ ፡ መበቁሉ ዘይተፈልጠ ባዕዳዊ ዝኾነ ፡ ንሓደ አብ ጉንዲ እተሸንከረ ቐረንቀራ ሓሰማ ተሰሪዕካ ብቕድሚኡ ምሕላፍ ባህሊ ነይሩ ። እዚ'ውን ኪውገድ'ዩ ፡ እቲ ቐረንቀራ ኽአ ዛጊት ተቐቢሩ እዩ ። እዞም ኣጋይሽና ፡ አብ ሰንደቕ አተሰ

ቹለት ሓምላይ ባንዴራ ኽተንበልብል'ውን ርእዮም ይኾኑ ። እንተደኣ ርእዮም ፡ እቲ ቐደም ኣብ ልዕሊኣ ዝነበረ ምል ክት ጸዕዳ ሸኾናን ቀርንን ሕጂ ኽም ዘልገሰ ምናልባት ኣስተብሂሎም ይኾኑ ። ካብ ሎሚ ንደሓር ፡ ገለ ዘይብላ ሓምላይ ባንዴራ ጥራይ ክትከውን'ያ ፡ '' በሎም ። ቀጺሉ ፡

'' ካብቲ ኣይተ ብኽንቱ ዘቕረቦ ግርም ዝኾነ ጕረቤታዊ መደረ ፡ ክእርሞ ዝደሊ ሓደ ነገር ጥራይ ኣሎ ። ንሱ ድማ ፡ ክሳዕ ሕጂ ኣይተ ብኽንቱ ኣብ መደረኡ ፡ ' ሕርሻ - እን ስሳ ' እናበለ ኺረቕሕ ጸኒሑ ። ዘይፈለጠ ኾይኑ'ምበር — ከመ ይሲ ፡ ኣነ'ውን ሕጂ ንመጀመርታ እዋን'የ ዘፍእሞ ዘለኹ — ሕርሻ - እንስሳ ዚብል ሽም ተሰሪዙ እዩ ። ካብ ሎሚ ንደ ሓር ፡ እታ ሕርሻ በቲ ግቡእ ናይ ቀደም ሽማ ' ሕርሻ - ርስተኛ ተባሂላ ኽትጽዋዕ ቅኑዕ ኮይኑ ይስምዓኒ ፡ '' ኪብል ኣፍሰ ጠም ።

'' መኳንንቲ ፡ '' ኢሉ ናፖለዮን ዘረባኡ ደምደመ ፡ ''እነ ' ውን ከምቲ ናይ ዓንተቦይ ትምኒተይ ክገልጽ እፈቱ ፡ ግን ፡ ፍልይ ብዝበለ ኣገባብ'ዩ ፡ ብርጭቆታትኩም ክሳዕ ዓን ቀሩ ምልእዎ ። መኳንንቲ ፡ እንሆ ትምኒተይ ንምግላጽ ዋን ጫይ ኣልዕል ፡ ንብልጽግና ሕርሻ - ርስተኛ ! ''

ከምቲ ናይ ቅድም ምዉኞ ወኻዕታ ኾነ ፡ እቲ ኣዛናት ክሳዕ ዚጽንቀኞ ተሰትዩ ። እቶም ካብ ግዳም ዚዕዘቡ ዝነበሩ እንስሳታት ግን ፡ ኣብቲ ትርኢት ሓደ ዚገርም ሱነት ዚፍጸም ዘሎ ኾይኑ ተሰምዖም ። እቲ ነቲ ገጽ ናይ ቶም ሓሰግታት ለዊጥዎ ዝነበረ ነገር እንታይ ኮን ይኸውን ? እተን ብእርጋን ዝገርሰማ ኣዒንቲ ራህዋ ፡ ካብ ሓደ ገጽ ናብቲ ኻልእ ገጽ እናተመላለሳ ጠመታ ። ገሊኣም ሓሙሽተ መንኩስ ነበሮም ፡ ገሊኣም ኣርባዕተ ፡ ገሊኣም ክኣ ሰለስተ ። እቲ ዚመክኸን ዚለዋወጥን ዚመስል ዝነበረ ግን እንታይ እዩ ? ጣኞዒት ብዝተወድአ እቶም ዕዱማት ጠላዖም ኣል ዒሎም ነቲ ተጀሪዱ ዝነበረ ጸወታኣም ቀጸልዎ ። እቶም እን ስሳታት ክኣ ሰላሕ እናበሉ ኺምለሱ ተብገሱ ።

እንተኾነ ግን ዕስራ ሜትሮ ዚኸውን ከይከዱ ብሃን ደበት ደው ኪብሉ ተገደዱ ። ካብቲ ኣዳራሽ ያዕያዕታ ዘለዎ ደሃያት ይመጽእ ነበረ ። ብቕጽበት ተመሊሶም ክኣ በቲ

መስኮት ተመልከቱ ። እወ ብርቱዕ ቁየጃ ኣብ ምርስሳን ዝነ በረ'ዩ ዚመስል ። ታዕታዕን ፡ ጠረቤዛ ምድሳኽን ፡ ምፍጣ ጥን ብነድሪ ምንጽጻግን ነበረ ። ናይቲ ቁየጃ መበገሲ ፡ ናይ ለዮንን ኣይተ ብኽንቱን ብሓደ እዋን ፉንቲ ኹናት ሒዞም ስለ እተረኽቡ ኽይኮነ ኣይተርፍን ።

ዓሰርተው ክልተ ደሃያት ብሕርቃን ይጭርሑ ነበሩ ፡ ሱላቶም'ውን ተመሳሰልቲ ነበሩ ። ሕጂ እቲ ገጽ ናይቶም ሓሰግታት እንታይ ከም ዝወረዶ ንምፍላጡ ኣየጸገመን ። እቶም ብግዳም ዝነበሩ ፍጥረታት ካብ ሓሰግ ናብ ሰብ ጠመቱ ፡ ካብ ሰብ ክኣ ናብ ሓሰግ ጠመቱ ፡ ከም ብሓድሽ ካብ ሓሰግ ናብ ሰብ ጠመቱ ። እንተኾነ ግን ፡ ዛጊት መን መን ምኻኑ ንምፍላይ ዘይክኣል ነበረ ።

ተፈጸመ

ቤት ማኅተም ፍራንቸስካና - አስመራ 1993